# ፍረ ጻዕሪ

ቊ. ሕታም 05 ጥሪ 2025

ብሚኒስትሪ ሕርሻ እትዳሎ መጽሔት

ንኡስን ርቡሕን ቃጽያ ሕርሻ (ንርቃሕ) መሰረት 'ውሑስን መኣዛውን መግቢ ንኹሉ፣ ኣብ ኵሉ!'

ዛንታታት ዓወት ኣብነታውያን መንእሰያት ሓረስቶት
- ዓብደላ ዑስማን
- ተስፋልደት ገብሩ












ሃገረ ኤርትራ - ሚኒስትሪ ሕርሻ
ብጨንፈር ህዝባዊ ርክባት እትዳሎ ሽዱሽተ ወርሓዊት መጽሔት
ፍረ-ጻዕሪ ቊ. 5
ጥሪ 2025

# ትሕዝቶ

**ቃል ኣሰናዳኢ** ........................................................ 2

**ዓበይቲ ፍጻመታት**

- ዓለምለኻዊ መዓልቲ መግብን ኣህጉራዊ መዓልቲ ምውጋድ ድኽነትን ................................................ 3
- ሃገራዊ ዋዕላ ምስ ሃ.ማ.መ.ተ.ኤ.................................................. 9
- ሃገራዊ ዋዕላ ምስ ሃ.ማ.ደ.ኤ.................................................. 11
- ሃገራዊ ዋዕላ ድሕነት መግቢ ................................................ 13
- ዓለምለኻዊ መዓልቲ ምቍጽጻር ሕማም ዕቡድ ከልቢ........... 15
- ዓለምለኻዊ መዓልቲ ፍርያምነት ሓመድ........................... 17

**ኣተኵሮ**

- ንኡሰን ርቡሕን ቃጽየ ሕርሻ (ንርቃሕ) ................................ 19

**ኣርካናት ሕርሻ**

- ወግዒ ምስ ኣቶ ተስፋይ ኣብርሃ ..................................... 24
- ወግዒ ምስ ኣርካን መንእሰይ ሃብቶም ገብረሚካኤል........... 31

**ኣስተብህሎ**

- ውሁድ ምሕደራ ማይ-ኩየ እግሪ መኸል ......................... 37

**መንእሰያትን ሕርሻን**

- ሃብሮም ኣፍራዪ ንህቢ ዓብደላ ዑስማን ......................... 42
- ዛንታ ዓወት መንእሰይ ተስፋልደት ገብሩ ......................... 44

**ሕርሻን ደቀንስትዮን**

- ኣብነታዊት ሓረስታይ መርየም ኢብራሂም ...................... 48

**ሕቶታት ፍረ-ጻዕሪ**

- ጾባ፡ ፈሊሑ ብግቡእ ክረግእ ይኽእልዶ .......................... 50
- ጥዑይን ሓደገኛን ቃንጥሻ ብኸመይ ንፈልዮ? .................. 52
- ሕማም ብሩሰላ (ምቍላፅ) ኣብ ሰብን እንስሳን .................. 53
- ጥቕምን ሳዕቤናትን ኣንቀራ .......................................... 55

**ቴክኖሎጂ ሕርሻ** ........................................................ 56

**ቀመም ፍረ-ጻዕሪ**

- ብኻዶ......................................................................... 57

**መኣዛ ፍረ-ጻዕሪ** ........................................................ **60**

ዋና ኣሰናዳኢ

ኤርምያስ ሰሎሞን

ኣሰናዳኢ ቦርድ

ዓንደመስቀል በርሀ
ፊልሞዊት መዓሾ
መስፍን ገብረሂወት
ተስፋኣለም ገብረስላሴ
ብርሃነ ዓንደመስቀል

ለይ-ኣውት
ፊልሞዊት መዓሾ
MG

ዲዛይን ገበር
ዮሴፍ ኣረገሀኝ (JOሲ)

ካርቱኒስት
ሳማንዳሪ ዮሴፍ

ስእሊ
ኣብርሃም ብርሃነ
ኣርዓዶም በረኸት
ሃብትኣብ ዓንደማርያም
ቶማስ መሓሪ
ኣዜብ ክብሮም
ኣርካይቭ ሚኒስትሪ ሕርሻ

ኣድራሻ መጽሔት
ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ጨንፈር ህዝባዊ ርክባት
ቊ. ስልኪ 291-1-182225
ቊ.ሳ.ፖ 1048
ኢ-መይል፡ fretsaeri@gmail.com

# ቃል ዋና ኣሰናዳኢ

ዓመት 2024፡ ሚኒስትሪ ሕርሻ እተፈላለየ ዓበይቲ መደባት ዝነደፈላን ዝተግበረላን ዕውትቲ ዓመት ኰይና'ያ ሓሊፉ። እቲ "ውሑስን መኣዛውን መግቢ ንኹሉ፣ ኣብ ኩሉ!" ብዝብል መርሓ ጐደና ዘበገሶ ሳልሳይ እብረ ናይ ሓሙሽተ ዓመታት ስትራተጅያዊ ውጥን ኣብ ቅድሚት ዝሰራዕ ኰይኑ፡ ነዚ ሸቶ ናብ ግብሪ ንምትርጓም ድማ ነቶም ዝጸንሑ ስትራተጂታት ልምዓት ዝያዳ ኲሊዑን ሓድሽ 'ንኡሰን ርቡሕን ቃጽያ ሕርሻ' (ንርቃሕ) ዝብል መደብ ድማ ኣበጊሱን። ብፍላይ መደብ 'ንርቃሕ' ኪንዮ ምብጋስ ኣብ ክራማት ናይዚ ዓመት ብንጥፈት ተሰሪሕሉን ጭቡጥ ገስጋስን ተሰፋ ዝህብ ውጽኢት ተረኺብሉን።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ዓመት 2024 ነቶም ዓንዲ ልምዓት ሃገር ዝኾኑ መንእሰያትን ደቀንስትዮን ኣብ ሕርሻዊ ልምዓት ብሓፈሻ፡ ኣብ ሕርሻዊ ዋኒን ድማ ብፍላይ ብንጥፈት ንምውሳኦም፡ ምስ ወግዓውያን ወከልቶም ዝኾኑ ማሕበራት፡ ሃገራዊ ማሕበር መንእሰያትን ተመሃሮን ኤርትራ (ሃ.ማ.መ.ተ.ኤ.) ከምኡ'ውን ሃገራዊ ማሕበር ደቀንስትዮ ኤርትራ (ሃ.ማ.ደ.ኤ) ዓበይቲ ሃገራውን ዞባውን ዋዕላታት ብምውዳብ፡ ሚኒስትሪ ሕርሻ ብንጥፈት ክዋሳእን ጀሚሩ። እዚ ተበግሶታት ናብ ደረጃ ምምሕዳር ከባብን ዓድን ብምውራድ ኣብ ግብሪ ንኽሰርሓሉ ድማ ሓባራዊ መደብ 2025 ብምውጻእ ግብራዊ ተበግሶታት ይውሰደሉ ኣሎ።

ብተወሳኺ ሎሚ ዓመት፡ ሚኒስትሪ ሕርሻ እተፈላለያ ምስ ሕርሻ ቀጥታዊ ምትእስሳር ዘሎወን ዓለምለኻውያን መዓልትታት ምስ ኩሎም መሻርኽቲ ልምዓት ሓቢሩ ጸንቢልወንን፣ ከም ንጥፈታት መዕበዪ ንቕሓት ተጠቒሙለንን። ኣህጉራዊ ዋዕላ ልምዓት ጸባን ውጽኢቱን ከምኡ'ውን ሃገራዊ ዋዕላ ድሕነት መግቢ እውን ኣብዚ ዓመት ካብ እተወደባ ዓበይቲ ንጥፈታት ናይዚ ሚኒስትሪ ኾይነን ተመዝጊበን ኣሎዋ። ከም ኣካል ናይቲ 'ውሑስ መኣዛዊ መግቢ ንኹሉ፣ ኣብ ኩሉ!" ዝብል መርሓ ጐደናኡ ድማ ኣብ ቴሌቪዥንን ጋዜጣን ዝቐርብ ንኡስ መደብ/ ዓምዲ 'መኣዛ ፍረ-ጻዕሪ' ብምብጋስ፡ ህዝቢ ኣብ ትሕዝቶን ውሕስነትን ናይቲ ዝምገቦ ንኽግደስ ሓያል ድርኺት ንምፍጣር እተበገሰላ ዓመት'ውን እያ ነይራ - ዓመት 2024.

እዚ እተጠቕሰ ገለ ኻብቲ ግሉሕ ንጥፈታት ናይ ዓመት 2024 ኰይኑ፡ መብዛሕትኡ ድማ ንዝያዳ ድርኺት ኣብ ዓመት 2025 እውን ብንጥፈት ክሰርሓሉ ምኽኑ ዓመታዊ ውጥን ናይዚ ሚኒስትሪ ኣነጺርዎ ይርከብ። እዚ ሕታም መጽሔት ፍረ-ጻዕሪ ድማ ንመብዛሕትኡ ካብዚ እተጠቕሰ ትሕዝቶታት ጸሚቑ ኣቕሪቡዎ ኣሎ።

ብዘይካ'ዚ እዚ መጽሔት፡ ከም ወትሩ ኣብ ዓምዲ 'ኣርካናት ሕርሻ'፡ 'ምኩራትን መንእሰያትን ኣርካናት' ኣለልዩ ዛንታ ዓወቶም ንኻልኦት መምሃርን ደራኺን ንክኸውን ሰፊሕ ሽፈነ ሂቡዎ ኣሎ። ብፍሉይ ኣብነታውያን መንእሰያትን ደቀንስትዮን ሓረስቶት ንምልላይ እውን እዚ መጽሔት ትሕዝቶ ቀሪቡ ኣሎ። ህዝቢ ብሓፈሻ፡ ኣንበብቲ ድማ ብፍሉይ ዝግደሱሉ ዓምዲ 'ሕቶታት ፍረ-ጻዕሪ' ካብ ናይ ዝሓለፈ ሕታም ብዝሰፍሐ መገዲ ዝምልከቶም ክኢላታት ዝሃቡዎ መልሲ ሒዙ ቀሪቡ ኣሎ።

ምዕቃብ ሓመድን ማይን - መሰረት ኩሉ ዓይነት ሕርሻዊ ልምዓት ስለ ዝኾነ፡ ዛንታ ዓወት 'ውሁድ ምሕደራ ማይ-ኩዖ እግሪ-መኸል/ ዓዲ ዓጓ' ምስ ሰፊሕ ትሕዝቶኡ ኣብዚ ሕታም ተኻቲቱ ኣሎ። ብዘይካ'ዚ፡ ዓምዲ 'መኣዛ ፍረ-ጻዕሪ' ኪንዮ መደባት ቴሌቪዥንን ጋዜጣን፡ ከም ቀዋሚ ዓምዲ ናይዚ መጽሔት ኰይኑ ኣሃዱ ኢሉ ጀሚሩ ኣሎ። ከም ወትሩ ዓምድታት 'ቴክኖሎጂ ሕርሻ'ን 'ቀመም ፍረ-ጻዕሪ'ን መሃርን ኣዛናዩን ትሕዝቶታት ሒዘን ኣለዋ።

ሰናይ ንባብን ርሑስ ሓድሽ ዓመትን!

ብርሃነ ዓንደመስቀል

# ዝኽሪ ዓለምለኻዊ መዓልቲ መግብን ኣህጉራዊ መዓልቲ ምውጋድ ድኽነትን

*መሰል ንመግቢ፡ ንዝሓሸ ህይወትን መጻእን*

*ብቑዕ ሸቕለት፡ ሓቓፊ ዕብየትን ምውጋድ ድኽነትን*



ኣቶ ኣረፋይነ በርሀ

16 ጥቅምቲ፡ ዓለምለኻዊ መዓልቲ መግቢ፡ 'መሰል ንመግቢ፡ ንዝሓሸ ህይወትን መጻእን' ከምኡ'ውን 17 ጥቅምቲ ኣህጉራዊ መዓልቲ ምውጋድ ድኽነት፡ 'ብቑዕ ሸቕለት፡ ሓቓፊ ዕብየትን ምውጋድ ድኽነትን' ኣብ ትሕቲ ዝብላ ቴማታት፡ ብምትሕብባር ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ውድብ መግብን ሕርሻን ፕሮግራም ልምዓት ውድብ ሕቡራት ሃገራትን፡ ብ16 ጥቅምቲ ኣብ ሆቴል ማይ ነፍሒ ተዘኪረን ውዕለን።

ኣብቲ እተኻየደ ዝኽርታት፡ ሚኒስተራት፡ ላዕለዎት ኣዘዝቲ ሰራዊት፡ ሰበ-ስልጣን መንግስትን ግንባርን፡ ሓለፍቲ ትካላት ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ ኣብ ኤርትራ ዝመደበሮም ዲፕሎማሰኛታት፡ መራሕቲ ሃይማኖት፡ ብርክት ዝበሉ ዕዱማት ኣጋይሽን ኣብነታውያን ሓረስቶትን ተረኺቦም ነይሮም።

ኣብቲ ኣጋጣሚ፡ ሚኒስተር ሕርሻ ኣቶ ኣረፋይነ በርሀ ኣብ ዘስምዖ ወግዓዊ ቓል፡  ምርግጋጽ ውሑስን መኣዛውን መግቢ፡ ዝኣክል መግቢ ንምርካብ ጥራይ ዘይኮነ እትበልዖ መግቢ ሃስያ  ከውርድ ከም ዘይግብኦ ዘመልክት ምዃኑ ገሊጹ። ንሱ ኣስዒቡ ውሑስ ዘይኮነ መግቢ፡ መግቢ ከም ዘይኮነ ብምዝኽኻር፡ ዝተበከለ መግቢ ምምጋብ ጥዕናዊ ጸገም ዘስዕብ ስለ ዝኾነ፡ ካብ ጎዳእቲ ታህዋስያንን ኬሚካላትን ናጻ ዝኾነ መግቢ ምምጋብ ብቑዕ መቈጻጸሪ ስርዓት ክህልዎ ኣዝዩ ኣገዳሲ ምዃኑ ሓቢሩ። ሚኒስትሪ ሕርሻ ድማ ነዚ ሓቂ'ዚ ኣብ ግብሪ ንምትርጓም ምስ መሻርኽቱ ተወሃሂዱ ብንጥፈት ይሰርሕ ምህላዉ ሓቢሩ። (ምሉእ ትሕዝቶ ቃል ክቡር ሚኒስተር ኣረፋይነ በርሀ ኣብ ገጽ 8 ከም ዘለዎ ሰፊሩ ኣሎ።)

ድኽነት፡ ካብ ድኻታትን ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራትን ሓሊፉ ኣብተን ዝምዕብላ ዘለዋ ሃገራት እውን እንተኾነ ኣቓልቦ ዘድልዮ ክስተት ኩይኑ ከም ዘሎ ዝገለጹ፡ ንኣወሃሃዲት ትካላት ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ኤርትራ ወኪሉ ቃል ዘስምዐ ሚስተር ኬይታ ኦሃሺ፡ መንግስቲ ኤርትራ እቶትን እቶታውነትን ንምዕባይ፡ ምትእትታው ዘመናዊ ሜላታትን ኣገባባትን ማሕረስ ምትብባዕ፡ ተጠቃምነት መስኖ ከምኡ'ውን ምድጋፍ ሓረስቶት ዘጠቓለለ ዝምስገን ዕዮ ይዓምም ከም ዘሎ ገሊጹ።

ሚስተር ከይታ ቀጺሉ፡ እዚ ኹሉ ጻዕሪ ኣብ ምሕያል ሓረስቶት፡ ምምሕያሽ መኣዛዊ መግቢ ከምኡ'ውን ቁጠባዊ ዕብየት ንዝሓሸን ዘላቕን መጻኢ ናይዛ ሃገር ዝጻወቶ ተራ ዓቢ ምዃኑ ኣገንዚቡ። ምውጋድ ድኽነት ናይ ኲሉ ሓላፍነት ምዃኑ ብምዝኽኻር፡ ዝበለጸ ህይወት ንምፍጣር ኲለን መሻርኽቲ ተራአን ክጻወታ ብምጽዋዕ፡



ሚስተር ኬይታ ኦሃሺ

ውድብ ሕቡራት ሃገራት ድማ ሸቶታት ዘላቒ ምዕባለ 2030 ንምውቃዕ ምስ መንግስቲ ኤርትራ ኣብ ቴክኒካዊ፡ ንዋታውን ምምዕባል ዓቕምን ክተሓባበር ድሉው ምዃኑ ብምርግጋጽ መደርኡ ዛዚሙ።

ቀጺሉ ግዝያዊ ወኪል ውድብ መግብን ሕርሻን ኣብ ኤርትራ ሚስተር መሓመድ ኣውዳሂር ኣብ ዘስምዖ መደረ፡ ኣብ መላእ ዓለም ዘለዉ ሓረስቶት፡ ንመላእ ዓለም ኣኺሉ ዝተርፍ መጠን መግቢ ናይ ምፍራይ ዓቕሚ እናሃለዎም፡ ኣስታት 733 ሚልዮን ህዝቢ ዓለም፡ ብጥምየት ከም ዝሳቐ ብምሕባር፡ ነዚ ዘይምዕሩይነት ንምብዳህ፡ ኣብ ጉዳይ ምውጋድ ጥምየት ውሳነ ዘሕልፉ ኣካላት ተራኦም ከም ዘዕዝዙ ብምግባር፡ ብኽነት መግቢ ብምንካይን ጥዕና ዝህብ ኣማራጺታት መግቢ ብምውሳድን መሰል መግቢ ክረጋገጽ ከም ዝኽእልን ኣረዲኡ።

ንሱ ኣስዒቡ፡ መንግስቲ ኤርትራ ብምሉእ ዓቕሙ ንምርግጋጽ ዘላቒ ውሕስነት መግቢ ከም ቀዳምነት ሰሪዑ ክሰርሓሉ ከም ዝጸንሐ፡ ሒዙዎ ዘሎ ንጹር ዕላማታት ምርግጋጽ፡ ‘ውሑስን መኣዛውን መግቢ ንኹሉ ኣብ ኩሉ’ ዝብል ስትራተጂ ድማ መርኣያ ናይዚ ከም ዝኾነ ጠቒሱ። ምርግጋጽ ውሕስነት መግቢ፡ ኪንዮ ሕቶ ውሕስነትን መኣዛን መግቢ ክምለስ ዘለዎ ሕቶ ዘነጽር ብምዃኑ፡ ‘ንኹሉ ኣብ ኩሉ’ ዝብል ሓረግ፡ ጉዳይ መሰል መግቢ ብዓይኒ ሰብኣውነትን ምዕሩይ ዕድላትን ክምለስ ከም ዘግባእ ዘመልክት ምዃኑ ገሊጹ።

መኣዛዊ መግቢ፡ ሓደ ኻብቶም ኣገደስቲ ባእታታት ምርግጋጽ ውሑስ ጥዕና እዩ። ኣካላት ንኽሰርሕ ዘድልዮ መኣዛታት ምምጋብ ድማ ኣገዳሲ እዩ። ጉድለት ብቑዕ መኣዛ ግን ከም ዓጸቦ ክረሻን ሕዱር ሕማማትን ዝኣመሰሉ ማእለያ ዘይብሎም ሕማማት ዘስዕብ ምዃኑ ኣይሰሓትን።

ኣብዚ እዋን፡ ኣብ መላእ ዓለም ዝርከቡ ሓረስቶት ከርሲ ናይ መላእ ህዝቢ ዓለም ንምምላእ ኣኺሉ ዝተርፍ መጠን መግቢ ከፍርዩ ዓቕሚ ኣለዎም። እንተኾነ ኣስታት 733 ሚልዮን ካብ ህዝቢ ዓለምና ብሰንኪ ግጭታት፡ ክሊማዊ ነውጽን ዘይምዕሩይነት ቁጠባን፡ ብጥሜት ተሳቒዩ ይርከብ። ልዕሊ 2.8 ቢልዮን ህዝቢ ኸኣ ብሰንኪ ትሑት ገንዘባዊ ዓቕሚ፡ ጥዕና ዝህብ ኣመጋግባ ከዘውትር ኣይክእልን ዘሎ።


ሚስተር መሓመድ ኣውዳሂር

ዘላቕነት ዘይብሉ ሕርሻዊ ኣካይዳ ጠንቂ ምንቍልቃል ህይወታዊ ብዙሕነት ኣብ ልዕሊ ምዃኑ ኣማራጺታት ከይህሉ ዝገብር’ዩ። ኣብዚ እዋን፡ እዚ ቍጽሪ ናይቶም ንመግቢ ዘገልግሉ ኣትክልትን እንስሳታትን ብተዓጻጻፊ ኣንቀልቒሉ ይርከብ። ህይወታዊ ብዙሕነት ብመንጽር ውጽኢታውነት መግብን ሕርሻን ኣዝዩ ኣገዳሲ ምዃኑ፡ ኣብቲ ኣጋጣሚ ቃል ዘስምዐ ግዝያዊ ወኪል ውዱብ መግብን ሕርሻን ኣብ ኤርትራ ሚስተር መሓመድ ኣውዳሂር፡ ህይወታዊ ብዙሕነት ንኣመጋግባ ስለ ዘህብትሞ፡ ከምኡ’ውን ቀጻልነት ሕርሻን



መግብን ስለ ዘተባብዕ፡ ክሊማዊ ምቅይያር ኣብ ቦታኡ እንከሎ፡ ህዝቢ መኣዛዊ መግቢ ንኽረክብ ኣዝዩ ሓጋዚ ምዃኑ ኣመልኪቱ።

ጉድለት ኣመጋግባ ብእተፈላለየ መልክዓቱ ኣብ ኩላተን ሃገራትን ማሕበረ ቁጠባዊ ጉጅለታትን ይርአ ኣሎ። ዓለም ብሰንኪ ዝርአ ዘሎ ናህሪ ዋጋታት መግቢ፡ ሰባት መኣዛ ዝወሓዶምን ሕሱራትን መግብታት ክመርጹ ይግደዱ ኣለዉ። ብዘይካ'ዚ ተጠቀምቲ እቶም ንኽትምገቦም ብዙሕ ሃልኪ ዘይሓቱ ግን ከኣ ጥዕና ዘይህቡ ዓይነት መግቢ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናወሰኸ ይመጽእ ኣሎ። ጠንቂ ናይዚ ድማ ዘላቕነት ዘይብሎም ከምኡ'ውን እኹል መኣዛውን ብዙሕነታውን መግቢ ኣውሒሶም ጥዕና ከረጋግጹ ዘይክእሉ ስርዓታት ሕርሻን መግብን ከም ዝኾኑ ሚስተር መሓመድ ኣብሪሁ።

ውሕስነት መግብን ኣመጋግባን፡ ምስ ጉዳይ ምርግጋጽ መሰል መግቢ ተቓሪኖም ዝኸዱ ኣገደስቲ ኣምራት ምዃኖም ዝጠቐሰ ሚስተር መሓመድ፡ ጉዳይ ጥሚት ከይፈታሕካ ዘላቕነት ሰላም ምርግጋጽ ዝከኣል ከም ዘይኮነ ኣረዲኡ። ንሱ ወሲኹ፡ መንግስቲ ኤርትራ፡ ዘላቒ ውሕስነት መግቢ ንምርግጋጽ ከም ቀዳምነት ሒዙ ብምሉእ ዓቕሙ ክሰርሕ ከም ዝጸንሐ ብምግላጽ፡ ነዚ ሚኒስትሪ ሕርሻ ኣቐሚጥዎ ዘሎ ንጹር ዕላማ ምርግጋጽ 'ውሑስን መኣዛውን መግቢ፡ ንኹሉ ኣብ ኩሉ' ኣገናዕ ብምባል ውድብ መግብን ሕርሻን ድማ ነዚ ተበግሶ ኣብ ምትግባር ብምሉእ ዓቕሙ ከም ዝሰርሕ ኣረጋጊጹ።

ወኪል ትካል ፕሮግራም ልምዓት ሕቡራት ሃገራት ኣብ ኤርትራ ሚስተር ፖ ላሚን በያይ ብወገኑ፡ ድምር ጂኦ-ፖለቲካዊ ወጥርታትን ክሊማዊ ቅልውላዋትን ሕልፊ ኻልእ እዋን ኣብዚ ግዜ ንሕርሻ ዛዕባ ገይሮሞ ከም ዘለዉ፡ ኣብ ድኻታትን ምምዕባል ዝርከባ ሃገራትን ድማ ብድሆታት ጥሚትን ድኽነትን ከም ዘኽብዶ ብምጥቃስ፡ መንግስቲ ኤርትራ ድኽነት ንምውጋድ፡ ዘላቒ ምዕባለን ማሕበራዊ ፍትሕን ድማ ንምንስ ካብ ቀንዲ ዓንድታት ሃገራዊ ፖሊሲ ብምግባር ንዘሰላስሎ ዘሎ ውርጹጽ ስራሕ ሞጒሱ።

እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ፡ ብምኽንያት ዓለምለኻዊ መዓልቲ መግቢ እተዳለወ ቃል ዋና ዳይረክተር ውድብ መግብን ሕርሻን፡ ሚስተር ቹ ዶንግ ዩ ብመልክዕ ቪድዮ ቀሪቡ ነይሩ።

ብመሰረት ጸብጻባት ሕቡራት ሃገራት ፕሮግራም ልምዓት፡ ልዕሊ 648 ሚልዮን ህዝቢ ኣብ ትሕት ናብራ ድኽነት ከም ዝነብሩ፡ ዝበዝሕ ካብዚ ድማ ኣብ ምምዕባል ኣብ ዝርከባ ሃገራት ዝነብሩ ኾይኖም፡ ብፍላይ ከኣ ኣብ ገጠራት ዝቕመጡ ደቀንስትዮን ህጻናትን ግዳያት ከም ዝኾኑ ይፍለጥ።

ነቲ ኣጋጣሚ ዝገልጽ 'መገዲ ምርግጋጽ ውሑስን መኣዛውን መግቢ' ብሚኒስትሪ ሕርሻ፡ 'ሓፈሻዊ ንጥፈታት ውድብ መግብን ሕርሻን' ብውድብ መግብን ሕርሻን ከምኡ'ውን ኣብ ምዕቃብ ኣከባብን ኣግራብን ዝተገብረ ስራሕ ዝገልጽ ብፕሮግራም ልምዓት ውድብ ሕቡራት ሃገራት እተዳለዉ ቪድዮታት ቀሪቦም ነይሮም።



ሚስተር ፖ ላሚን በያይ

ብተወሳኺ፡ ምህዞን ሰንዓን መሳርሒታት ሕርሻ፡ ብሓረስቶት፡ ወከልቲ ሚኒስትሪታት ሕርሻ፡ ምክልኻል፡ ትምህርቲ፡ ሃብቲ ባሕርን ጥዕናን፡ ማሕበር ሕርሻዊ-ንግዲ ደቀንስትዮ ኤርትራ፡ ኮሌጅ ሕርሻ ሓመልማሎን ውልቀ-መሃዝትን እተዳለወ ምርኢት ቀሪቡ።

ከም ኣካል ንጥፈታት ዝኽሪ ዓለምለኻዊ መዓልቲ መግብን ኣህጉራዊ መዓልቲ ምውጋድ ድኽነትን፡ ኣብ ትሕቲ 'ውሑስን መኣዛውን መግቢ ንኹሉ፣ ኣብ ኩሉ' ዝብል ቴማ፡ ካብ 20 መስከረም ክሳዕ 11 ጥቅምቲ 2024፡ ኣብ መንን ሸውዓተ እተፈላለያ ትካላት መንግስቲ ክካየድ ዝጸንሐ ውድድራት ኩዕሶ እግሪ፡ ዕውትቲ ጋንታ ኩባንያ ሓፈሻዊ ህንጻት ሳዋ፡ ካብ ኢድ ክቡር ሚኒስተር ሕርሻ ኣቶ ኣረፋይነ በርሀ ዓባይ ዋንጫ ተሸሊሙ።

ብተወሳኺ፡ ብኣጋጣሚ እቲ ዝኽርን ኣካል ናይቲ ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ 'ንኹሎም ሓረስቶት፡ ናብ ኣብነታውያን ሓረስቶት ንቕይሮም' ዝብል ጭርሖን ኣብ ምዕቃብ ሓመድን ማይን፡ ልምዓት ዘራእቲ፡ ልምዓት ኣሕምልትን ፍረታትን፡ ልምዓት ጸባ፡ መፍረ ደርሁን ንህብን፡ ከምኡ'ውን ምምስራሕ ሕርሻዊ ፍርያት ብኣብነት ዝጥቀስ ስራሕ ንዝሰርሑ ሓረስቶትን መስራሕቲ ፍርያት ሕርሻን ንምትብባዕ ንሸሞንተ ኣብነታውያን ሓረስቶት ፍሉይ ሽልማት ተዋሂቡ።

እዚ ሽልማት፡ በብዓውዱ መገምገሚ ቅጥዒ ተዳልዩ ንሽዱሽተኣን ዞባታት ተላኢኹ። ኩለን ዞባታት ድማ ብቑዓት ዝበላኦም ዝርዝር ኣስማት ናይ 31 ሕጹያትን ዝነጥፉሉ ዓውድን ልኢኸን። በዚ መሰረት ካብኣቶም፡ ነቲ ዝወጸ መምዘኒ ቅጥዒ ዝማልኡ 8 ኣብነታውያን ሓረስቶት ብቴክኒካዊት ኮሚቴ ዓለምለኻዊ መዓልቲ መግብን ኣህጉራዊ መዓልቲ ምውጋድ ድኽነትን ንሽልማት ተመሪጾም። ኣብቲ መዓልቲ ድማ ነፍሲ-ወከፎም ሓሓሙሽተ ሽሕ ናቕፋን ናይ ኣፍልጦ ምስክር ወረቐትን ካብ ኢድ ክቡር ሚኒስተር ሕርሻ ኣቶ ኣረፋይነ በርሀን ወኪል ቤት ጽሕፈት ኣወሃሃዲ ውድብ

ሕቡራት ሃገራት  ኣብ ኤርትራ ሚስተር ኬይታ ኦሃሺ ተቐቢሎም።

ምስ ገለ ኻብቶም ዝተሸለሙ ኣብነታውያን ሓረስቶት ዘካየድና ቃለ መሕትት ቀጺሉ ይስዕብ፦



ወ/ሮ ኣብርሀት ሃብተጊዮርጊስ

ካብ 1996 ጀሚራ፡ ኣብ ምርባሕ ናይ ጸባ ኸብቲ፡ ካብ 2008 ድማ ኣብ ምምስራሕ ጸባ እትነጥፍ ዘላ፡ ኣብ ዞባ ደቡብ ንኡስ ዞባ ደቀምሓረ እትነብር፡ ወ/ሮ ኣብርሀት ሃብተጊዮርጊስ እያ። ንሳ በቲ ብብእዋኑ ብሚኒስትሪ ሕርሻ ዝወሃብ ስልጠናታትን ሞያዊ ምኽርን እናተደገፈት፡ ኣብዚ እዋን መዓልታዊ ክሳዕ ሓደ ሽሕ ሊትሮ ጸባ ናይ ምምስራሕ ዓቕሚ ከም ዘለዋ፣ ኣብዚ እዋን ድማ መዓልታዊ 250 ሊትሮ ጸባ ብምምስራሕ፡ ኣብ ቀረብ ጸባ እጃማ ተበርክት ከም ዘላ ትገልጽ። ብተወሳኺ ኪንዮ ምፍራይ ጸባ፡ ካብ ውጽኢት ጸባ ብዝርከብ ፍርያት ርግኦ፡ ፎርማጆ፡ ሞዛሬላ፡ ብራሕ፡ ጠስሚ ዝኣመሰሉ ፍርያት ብምፍራይ'ውን ኣብ ምርግጋእ ቀረብ ጠለባት ተራኣ ትጻወት ኣላ።

ወ/ሮ ኣብርሀት ናብዚ ሽልማት ከብቅዓ ዝኸኣለ ምኽንያት ክትገልጽ ከላ፡ “ሳላ ሚኒስትሪ ሕርሻ በብእዋኑ ዝህበና ምኽርን ስልጠናን ካብኡ ሓሊፉ'ውን ንዝገበረልና ምትብባዕ ተሓጊዝና ንዝተሓንጸጸ ስትራተጂ ምርግጋጽ ‘ውሑስ መኣዛዊ መግቢ ንኹሉ፣ ኣብ ኹሉ!’ ተግባራዊ ንምግባር ክንጽዕት ኢና’’ ኢላ።

***

ካልእ ካብ ዞባ ዓንሰባ ንኡስ ዞባ ዒላበርዕድ፡ ብጥሪት እትመሓደር ወ/ሮ ማዕርግ ዓሚድ ጅምዕ ብወገና፡ ኣብ 2019 ብሓንቲ ላም



ተበጊሳ ኣብ ቀረባኣ ብዝርከብ ዲጋ ብመስኖ ቀጠልያ መግቢ ብምልማዕ ብዝገበረቶ ጻዕሪ፡ ኣብዚ እዋን ወናኒት ኣርባዕተ (4) ዝሕለባ ናይ ጸባ ከብቲ ብምኳን፡ ካብ ሓንቲ ላም መዓልታዊ 24 ሊትሮ ጸባ ብምሕላብ ንርእሳን ስድራቤታን ኰይና ንተቐማጦ እቲ ኸባቢ ጸባ ኣብ ምቕራብ ተራኣ ትጻወት ከም ዘላ፣ ብተወሳኺ ዘመናዊ መሕቑኒ ብምጥቃም፡ ክሳብ ደረጃ ምፍራይ ፎርማጆን ብራሕን ብምብጻሓ ንሽልማት ከም ዝበቕዐት ተሓቢሩ። (ኣብቲ ዕለት ክትርከብ ስለ ዘይከኣለት፡ ብመገዲ ወኪላ ሽልማት ተቐቢላ)

***

ካልእ ተሸላሚ ኣቶ ክብሮም ገርግሽ ኣብ ልምዓት ዘራእቲ ተዋፊሩ ዝሰርሕ ሓረስታይ እዩ። ንሱ ካብ 2010 ጀሚሩ ኣብ ልምዓት ዘራእቲ ከም ዝነጥፍ፡ ማይን ሓመድን ብምዕቃብ፡ ምሩጽ ዘርኢ ብምጥቃም፡ ባህርያዊ ድኹዕን ጸረ-ባልዕን ብምጥቃም፡ ዘልምዖ ልምዓታዊ ስርሓት፡ ካብ ሓደ ሄክታር መሬት ኣስታት 90 ኲንታል ስርናይ ክሓፍስ ዝበቐዐ ሓረስታይ እዩ።



ኣቶ ክብሮም ገርግሽ

ኣቶ ክብሮም፡ ናብዚ ዓወት ክብጽሖ ዝኸኣለ ቀንዲ ረቛሒ ክገልጽ እንከሎ፡ “ነቲ በብእዋኑ ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ እቶታውነትና ንምኽዕባት ዝህበና ዘይተሓለለ ቴክኒካዊ ሓገዛትን ብመጽናዕቲ ዝተረኽበ ምሩጽ ዘርኢ ብምሃብን ምትብባዕን ናብዚ ዓወት ክበቅዕ ክኢለ” ይብል።

***



ኣቶ ኤርምያስ ገብረመስቀል

ካልእ ተሸላሚ፡ ኣብ ልምዓት ዘራእቲ፡ ኣሕምልትን ፍረታትን ዝነጥፍ ኣቶ ኤርምያስ ገብረመስቀል፡ ካብ ዞባ ማእከል ንኡስ ዞባ ጋላ ነፍሒ እዩ። ኣቶ ኤርምያስ፡ ካብ 2011 ጀሚሩ፡ ኣብ ልምዓት ኣሕምልትን ፍረታትን ክነጥፍ ዝጸንሐ ኹይኑ፡ ማይን ሓመድን ብምዕቃብ፡ ኣብ 2.5 ሄክታር መሬት፡ ምሩጽ ዘርኢ ድንሽ፡ ባህርያዊ ድኹዕን ጸረ ባልዕን ተጠቒሙ፡ ብዘልምዖ ድንሽ፡ ካብ ሄክታር ልዕሊ 300 ኲንታል ክሓፍስ ዝኸኣለ ሓረስታይ እዩ። ንሱ፡ ነቲ በብእዋኑ ብኸኢላታት ሚኒስትሪ ሕርሻ ዝወሃቦ ሞያዊ ምኽሪ ብምትግባር፡ ናብዚ ዓወት ክበጽሕ ከም ዝበቐዐ ገሊጹ።

***

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ልምዓት ተምሪ ዝነጥፍ፡ ኣብ ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ ምምሕዳር ከባቢ ኣቦ ዝነብር ኣቶ ዮሱፍ ዑመር፡ ካብ 2009 ጀሚሩ ኣብ ልምዓት ተምሪ ብምንጣፍ፡ ባህርያዊ ድኹዕን ጸረ ባልዕን ብምጥቃም፡ ኣብ 1.5 ሄክታር 350 ኣግራብ ብምትክል፡ ካብ ሓደ ገረብ 20 ኪሎ ግራም ምህርቲ ክሓፍስ ዝበቕዐ ሓረስታይ እዩ።

***

ኣቶ ሓሰን ሑሰን፡ ካብ ንኡስ ዞባ ዓዲ-ኳላ እውን፡ ሓደ ካብቶም ንሽልማት ዝበቕዑ ሓረስቶት እዩ። ንሱ፡ ኣብ 2023 ካብ ሚኒስትሪ ሕርሻ ዝወሰደንን ኣብ ትካሉ ዘጫጭሖንን ወናኒ ልዕሊ 14 ሽሕ ወላዳትን ጨቓዊትን ደርሁ እዩ። መዓልታዊ፡ ልዕሊ 3 ሽሕ እንቋቑሖ ናብ ዕዳጋ የውርድ፣ ኣብ ትካሉ ኢንኩቤተር



ኣቶ ሓሰን ሑሰን

ብምትእትታው ድማ ባዕሉ ጨቓዊት የጫጭሕ።

***

ካብ ንኡስ ዞባ ዓዲ-ኳላ፡ ኣብ ምርባሕ ንህቢ ዝነጥፍ ኣቶ ሃይለ ክፍለ'ውን ካልእ ተሸላሚ ናይቲ መዓልቲ ነይሩ። ኣቶ ሃይለ፡



ኣቶ ሃይለ ክፍለ

ካብ ክልተ ቖፎ ንህቢ ተበጊሱ፡ ኣብዚ እዋን፡ ወናኒ 52 ቆፎታት ንህቢ ዝኾነ ሓረስታይ እዩ። ንሱ፡ ክልተ ጋብላዊ፡ ክልተ ባህላዊ፡ 42 ድማ ዘመናዊ ቆፎታት ይውንን። ብተወሳኺ፡ ንቐለብ ኣናህቡ ዝኸውን ልዕሊ 5 ሽሕ እተፈላለየ ኣግራብ ብምትካል፡ ንኸባቢኡ ኣብነታዊ ዝኾነ ሓረስታይ እዩ። በዚ መሰረት፡ ካብ ሓደ ዘመናዊ ቖፎ፡ ኣብ ዓመት 35 ኪሎ ግራም መዓር ክረክብ እንከሎ፡ ካብ ሓደ ጋብላዊ ቖፎ ድማ፡ ኣብ ዓመት ልዕሊ 25 ኪሎ ግራም መዓር ክሓፍስ በቒዑ።

***

ኣብ ዞባ ጋሽ ባርካ ንኡስ ዞባ ሞጎሎ ኣብ ምዕቃብ ሓመድን ማይን ልምዓት ዘራእትን ዝነጥፍ ሓረስታይ ሃንስ ሃብተ እውን ሓደ ካብኦም እዩ።

ኣቶ ሃንስ፡ ብሜትሮታት ዝልካዕ ዛላታትን ከትርታትን ብምስራሕ፡ መበቈላውያን ኣግራብ ከም ዑበል፡ ዓላን ጋባን፡ ከፍሪ እንከሎ፡ ብተወሳኺ ብጉልበቱ፡ ኣፍራዛን፡ ባዴላን ተጠቒሙ፡ ሓሙሽተ ሜትሮ ቁመቱ 23 ሜትሮ ዝንውሓቱ ሽሞንተ ሽሕ ትርብዒት ሜተር ዝሕዝ ራህያ ሰሪሑ። ንሓደ ሄክታር ግራቱ፡ ኣግራብ ብምትካል፡ ሓጺሩ፡ መሬቱ ኣደላዲሉ ደኩዑ ፍርያምነት ሓመድ ኣመሓዩሹ፣ ኣብ ሓደ ሄክታር ክልተ ኩንታል ጥራይ ዝረክብ ዝነበረ፡ ናብ 16 ኩንታል ካብ ሄክታር ክብ ኩብሎ ብምኽኣሉ፡ ሓደ ካብ ብሉጻት ሓረስቶት ኰይኑ ንሽልማት በቒዑ።

***



ኣቶ ሃንስ ሃብተ



# ወግዓዊ ቃል ክቡር ሚኒስተር ሕርሻ ኣብ ዓለምለኻዊ መዓልቲ መግብን ኣህጉራዊ መዓልቲ ምውጋድ ድኽነትን

ዝኸበርኩም ተሳተፍቲ!

ብመጀመርታ ናብዚ ናይ ሎሚ ዓመት ድርብ ዝኽሪ "ዓለምለኻዊ መዓልቲ መግብ"ን "ኣህጉራዊ መዓልቲ ምውጋድ ድኽነትን" ኣብዚ ብምርካብኩም፡ ብስም ኣሰናዳኢት ሽማግለን ብስመይን እንቋዕ ብደሓን መጻእኩም ክብል ሓበን ይስመዓኒ።

ናይ ሎሚ ዓመት ቴማታት ብተኸታታሊ፡ "መሰል ንመግቢ፡ ንዝሓሸ ህይወትን መጻእን" ከምኡ'ውን "ብቑዕ ሸቕለት፡ ሓቐፊ ዕብየትን ምውጋድ ድኽነትን"ዝብል'ዩ። ኩልና ከም እንፈልጦ፡ መግቢ ብድሕሪ ኣየርን ማይን ብሳልሳይ ደረጃ ዝሰርዕ ንወዲ ሰብ ዘድሊ ኣዝዩ ኣገዳሲ ባእታ እዩ። ኣብቲ ብዳይረክተር ጀነራል ውድብ መግብን ሕርሻን፡ ነዚ ዕለት'ዚ ኣመልኪቱ ዝተሰደደ መልእኽቲ፡ መኣዛዊ፡ ምጡን ዋጋ፡ ተበጻሒ፡ ውሑስ፡ ቀጻልነት ዘሎዎ ዝብሉ ቓላት ይርከብዎ።

ዝኸበርክንን ዝኸበርኩምን!

'ምርግጋጽ ውሑስን መኣዛውን መግቢ' ክብሃል እንከሎ፡ ዝኣክል መግቢ ምርካብ ጥራይ ኣይኮነን። እንታይ ደኣ እቲ እንበልዖ መግቢ ሃሰያ ከውርደልና ከም ዘይብሉ ዘመልክት እዩ። 'ውሑስ መግቢ' ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ምኽንያቱ፡ ዝተበከለ መግቢ ምብላዕ፡ ዓቢ ጥዕናዊ ጸገም ከምጽእ ስለ ዝኽእል። ካብ ጉዳእቲ ታህዋሳትን ከሚካላትን ናጻ ዝኾነ መግቢ ንኽንምገብ፡ ብቑዕ መቈጻጸሪ ስርዓት ክህልወና ኣዝዩ ኣገዳሲ'ዩ። ምኽንያቱ፡ ከምቲ ዝብሃል፡ "ውሑስ ዘይኮነ መግቢ፡ መግቢ ኣይኮነን!"

ዝኸበርክንን ዝኸበርኩምን!

መኣዛ፡ ሓደ ኻብቶም ኣገደስቲ ባእታታት ምርግጋጽ ውሑስ መኣዛዊ መግቢ እዩ። ብዛዕባ ምምላእ ከብድና ጥራይ ዘይኮንና ክንሓስብ ዘሎና፡ ብዛዕባ ኣካላትና ብግቡእ ምእንቲ ክሰርሕ ዘድልዩና መኣዛታት ምምጋብ'ውን ክንገደስ ይግባእ። ምኽንያቱ፡ ጉድለት ብቑዕ መኣዛ፡ ማእለያ ዘይብሎም ሕማማት ከም፦ ዓጸቦ፡ ክረሻ፡ ከምኡ'ውን ሕዱር ሕማማት ከስዕበልና ይኽእል'ዩ።

ዝኸበርክንን ዝኸበርኩምን!

ነቲ ኣዝዩ ዝተሓላለኸን ዝተኣሳሰረን ዓለማዊ ስርዓት መግቢ ኣብ ግምት ምስ እነእቱ፡ ነቶም ውሑስን መኣዛውን መግቢ ንኸሎ ንኽይነረጋግጽ ዝሕንኽሉና ዘለዉ ነገራት ብዝተሓባበረ ቀልጽም ክንምክቶም ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ነዚ ንምትግባር፡ ምትሕብባር ናይ መንግስቲ፡ ሓረስቶት፡ ስነ-ፍልጠታውያንን ተጠቀምትን የድሊ።

ብተወሳኺ፡ ቀጻልነት፡ ብዙሕነት፡ ምዕቃብ ባህርያዊ ጸጋታትን ምጉዳል ብኽነት መግብን ንዘዘውትሩ ሕርሻዊ ኣገባባት ቀዳምነት ክንህብ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ነቶም ዝተፈላለዩ ተጻዋርነት ዘሎዎም ሕርሻዊ ምህርቲ ዘፍርዩን ንነውጽን ቀልውላውን ብዘተኣማምን ዝብድህ ስርዓት መግቢ ዘማዕብሉን ሓረስቶትን ኣዳለውቲ እተፈላለየ ዓይነት መግብን ብቑዕ ሓገዝ ክንገብረሎም ይግብኣና።

ዝኸበርክንን ዝኸበርኩምን!

ውድብ መግብን ሕርሻን፡ ካብ 2022 ክሳዕ 2031 ዝዝርጋሕ ናይ 10 ዓመት ኣርባዕተ ብሉጻት ዝብል ስትራተጂ ሓንጺጹ ይሰርሕ ኣሎ። እዞም ኣርባዕተ ብሉጻት፡ ብሉጽ ምህርቲ፡ ብሉጽ መኣዛ፡ ብሉጽ ኣከባቢ፡ ብሉጽ ህይወት የጠቓልሉ። ስለዚ እምበኣር፡ ሚኒስትሪ ሕርሻ ኣብዚ ካብ 2024-2028 ዝዝርጋሕ ናይ ልምዓት ስትራተጂያዊ ውጥኑ፡ ቀንዲ ሸቶ፡ "ውሑስን መኣዛውን መግቢ፡ ንኹሉ፣ ኣብ ኩሉ" እንተኾነ ዘገርም ኣይኮነን። እዚ ውጥን'ዚ ንዓለማውን ሃገራውን ተመክሮታት መሰረት ገይሩ ብግቡእ ተነፍዩ ዝተዳለወ እዩ። ልክዕ'ዩ፡ ኣዝዩ ገዚፍ ዕላማ'ዩ። እንተኾነ ግና ኩልና ዝምልከተና ኣካላት ማለት፦ መንግስቲ፡ ማሕበራት፡ ናይ ልምዓት መሻርኽትና ብስጦመት እንተደኣ ሰሪሕና ተተግባሪ እዩ።

ዝኸበርክንን ዝኸበርኩምን!

ኣብዚ ኣጋጣሚ'ዚ ንኹሎም ናይ ልምዓት መሻርኽትና፡ ስለቲ ዝገበርዎ ጭቡጥ ኣበርክቶ ብልቢ ከመስግኖም እፍቅዱለይ። ሓንጺጽናዮ ዘሎና ትልሚ፡ ብምልኣት ምእንቲ ክነተግብር ከኣ ኣበርክቶኦም ዝያዳ ከዕዝዙ እላቦ።

ምስ'ዚ ናይ ሎሚ ዓመት ቴማታት ዝተኣሳሰር ብስራት'ውን ኣሎኒ። ብሳላ'ቲ ዘይሕለል ጻዕሪ ሓረስታይ ህዝብናን መንግስትን ርቡሕን ጽቡቕ ዝርጋሐ ዘሎዎን ዝናብ ተወሲኹዎ፡ ማዕጺድ ዝሰብር ቀውዒ ከም ዝህልወና ሰብ ምሉእ ተስፋ ኢና።

ኣብ መደምደምታ፡ ምርግጋጽ ውሑስን መኣዛውን መግቢ መሰረታዊ ሰብኣዊ መሰል ስለዝኾነ፡ ኩልና ኣህዛብ ዓለም ብውልቂ ይኹን ብጉጅለ፡ ቀልጽምና ኣተሓባቢርና ክነተግብሮ ዘሎና ቅዱስ ዕላማ እዩ። ቅድሚ ምዝዛመይ፡ ነታ ነዚ ውቁብን ሃብታም ትሕዝቶ ዘሎዎን መኣዲ ዘዳለወት ኣሰናዳኢት ሽማግለ ብስምኩምን ብስመይን ኣገናዕ እብላ።

ዓወት ንሓፋሽ!
16/10/24

# ሃገራዊ ዋዕላ

## ‘ውሁድ ተሳትፎ መንእሰያት ኣብ ሕርሻዊ ልምዓት’

ብምትሕብባር ሚኒስትሪ ሕርሻን ሃገራዊ ማሕበር መንእሰያትን ተመሃሮን ኤርትራን ነቲ “ውሑስን መኣዛውን መግቢ ንኹሉ፣ ኣብ ኵሉ” ንምርግጋጽ ተሓንጺጹ ዘሎ ስትራተጂ ንምዕዋትን ተሳትፎ መንእሰያት ኣብ ሕርሻዊ ዋኒን ንምትብባዕን ዝዓለመ ሃገራዊ ዓውደ ዘተ፡ ብ19 መስከረም 2024 ኣብ ትሕቲ “ውሁድ ተሳትፎ መንእሰያት፡ ኣብ ሕርሻዊ ልምዓት” ዝብል ቴማ፡ ኣብ ኣስመራ ኣዳራሽ ሃ.ኮ.ሰ.ኤ. ተቓኒዑ። እቲ፡ ካብ ኩለን ዞባታት ዝተዋጽኡ ልዕሊ 140 ሓለፍቲ ክልቲኡ ወገናትን ክኢላታትን ዝተሳተፍዎ ሃገራዊ ዋዕላ፡ ቀንዲ ዕላማኡ፡ ነቲ ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ‘ውሑስን መኣዛውን መግቢ ንኹሉ፣ ኣብ ኵሉ!” ንምርግጋጽ፡ ሓንጺጹ ዘሰርሓሉ ዘሎ ስትራተጂ ንምዕዋት፡ ምስ መሻርኽቲ ብምውህሃድ ተራን ተሳትፎን መንእሰያት ንምዕዛዝ እዩ ነይሩ።


ኣቶ ኣረፋይነ በርሀ

ኣብ መኽፈቲ ናይ’ቲ ሃገራዊ ዋዕላ፡ ሚኒስተር ሕርሻ ኣቶ ኣረፋይነ በርሀ ኣብ ዘስምዖ መኽፈቲ ቃል፡ እቲ ሚኒስትሪ በብእዋኑ ንዝሕንጽጾም ስትራተጂታት ንምዕዋት ብዕቱብ ክሰርሓሉ ከም ዝጸንሐ፡ ከም ውጽኢቱ ድማ በብመድረኹ ካብ ምርግጋጽ ውሕስነት መግቢ ናብ ምርግጋጽ ውሑስ መኣዛዊ መግቢ ተሰጋጊሩ ብንጥፈት ይሰርሓሉ ከም ዘሎ ንተጋባእቲ ገሊጹ። ሚኒስተር ኣረፋይነ ኣስዒቡ፡ ሚኒስትሪ ሕርሻ ካብ 2024 ክሳዕ 2028 ዝኸይድ ሳልሳይ እብረ ስትራተጂ ናይ ሓሙሽተ ዓመታት ብምሕንጻጽ፡ ጥዕና ዜጋታት ንምሕላው፡ ውሑስን መኣዛውን መግቢ ንኹሉ፣ ኣብ ኵሉ ድማ ንምርግጋጽ ይሰርሕ ከም ዘሎ፡ ሓረስቶት ኣብ ክንዲ ዓመታዊ ዝናብ ተጸብዮም ሕርሻ ዘካይዱ፡ ማይ ኵዖታት ብምፍዋስ፡ ኣብ ከከባቢኦም ንእተሃንጹ ዲጋታትን ራህያታትን ኣብ ጥቕሚ ብምውዓል፡ ኣብ ዓመት ሰለስተ ግዜ ምህርቲ ንኽሓፍሱ፡ ጥሙር ሕርሻዊ ንጥፈታት ብምኽያድ፡ ደርሁ፡ ናይ ጸባ ከብቲ፡ ጤለ በጊዕ፡ መዓርን ካልእ መኣዛዊ መግብታትን ክረኽብሉ ዝኽእሉ ንጥፈታት ንኽሰጋገሩ ይሰራሕ ምህላዉ ገሊጹ።

ዝተሓንጸጹ መደባት ልምዓት ንምዕዋት ቀንዲ ተዋሳእቲ ዘመናዊ ሕርሻ፡ መንእሰያት ደቂ ተባዕትዮን ደቀ’ንስትዮን ከም ዝኾኑ ዝጠቐሰ ሚኒስተር ኣረፋይነ፡ ኣፍልጦ መንእሰያት ንምዕባይ ኀሰጓሳት ብምኽያድ፡ ኣብቲ መደብ ተሳትፎኦም ዘዕዝዝሉ ባይታ ንምጥጣሕ ብዕቱብ ይስርሓሉ ከም ዘሎ’ውን ኣረዲኡ።

ኣብቲ ሃገራዊ ዋዕላ፡ ስትራተጂታትን ውጥናትን ምርግጋጽ ውሑስ መኣዛዊ መግቢ፣ ተራ ወሰኽ-ክብሪ ኣብ ሕርሻ፣ ምስራሕ ጋብላዊ ቆፎ ከም ዋኒን፣ ምድላው ባህርያዊ ድኹዒ ካብ ዘቤታዊ ጐሓፍ፣ ተሳትፎ መንእሰያት ደቀ’ንስትዮ ኣብ ምፍራይ መኣዛዊ መግቢ፣ ሕርሻዊ ምህዞን ሰንዓን፣ ኣገዳስነት ድሕነት ኣብ ሕርሻዊ ፍርያት ብወገን ሚኒስትሪ ሕርሻ ዝቐረቡ መግለጺታት ክኾኑ



ኸለዉ፣ ብወገን ሃማመተኤ ድማ ሓፈሻዊ ሌላን መደባት ስራሕን ናይ’ቲ ማሕበር፣ ሞያዊ ስልጠናታት፣ መደብ ንኡስ ልቓሕ ከምኡ’ውን ኣብ ምህዞን ሰንዓን ዘተኰሩ ኣገደስቲ መግለጺታት ድሕሪ ምቕራብ፡ ሰፊሕ ናይ ሕቶን ርእይቶን መደብ ከምኡ’ውን ካብ ክልቲኡ ወገን እተዋጽኡ ሓለፍትን ኣብነታውያን ሓረስቶትን እተኻፈሉዎ ሓባራዊ ዘተ ተኻዪዱ።


ኣቶ ሳልሕ ኣሕመዲን

ንሳልሳይ ስትራጅያዊ ውጥን ሚኒስትሪ ሕርሻ (2024-2028) ኣመልኪቶም ካብ ዝቐረቡ መብርሂታት፡ ኤርትራ ኣብ ሳሕለ ሰሃራ እትርከብ ሃገር ብምዃና፡ ዘላቒ ሕርሻዊ ልምዓት ንምትግባር፡ ንከባብያዊ፡ ቁጠባውን ማሕበራውን ረቛሒታት ኣብ ግምት ዘእተወ እተፈላለየ ስትራተጂታት ከም እተሳእለ ተገሊጹ። እቲ እተወጠነ ናይ ሓሙሽተ ዓመታት መደባት ስራሕ ድማ ንብድሆታትን ክሊማዊ ለውጥን ዘሎና ብዙሕነት ኣዝርእትን ስርዓተ-ማሕረስን ኣብ ግምት ዘእተወ ምዃኑ፡ ነቶም መሰረት ህይወትን ሕርሻዊ ልምዓትን ዝኾኑ መሬትን ማይን ብኣድማዕነትን ውሑስን ኣገባብ ብምጥቃም፡ ንናይ ሎምን መጻእን ወለዶታት ኣብ ግምት ዘእተወ ኣገባባት ልምዓት ሕርሻ ንምስሳን ዝዓለመ ምዃኑ ተገሊጹ።

ንኣገዳስነት ወሰኽ ክብሪ ፍርያት ዝምልከት ካብ ዝቐረበ ወረቐት፡ ሕርሻዊ ኣፍራይነት ከም ዘተባብዕ፡ ዓይነትን ብቕዓትን ሕርሻዊ ፍርያት ንኽመሓየሽ ከም ዝድርኽ፡ ቁጠባዊ ረብሓታት ከም ዘሎዎ፡ ዕድላት ስራሕ ብምፍጣር ዕዳጋ ከም ዘስፍሕ፡ ተጠቃምነት እተፈላለየ ዓይነትን ዓቐንን ሕርሻዊ ፍርያት ከም ዘዕብይ፡ ሕርሻዊ ዋኒን ድማ ከም ዘሰስን ይገልጽ።

ተሳተፍቲ ናይቲ ሃገራዊ ዋዕላ፡ ኣብ ዘመናዊ ሕርሻ ዝዋፈሩ ቁጽሪ መንእሰያት ሓረስቶት ዘሰስነሉ መገዲ ክናደ፣ ኣብ ሕርሻዊ ዋኒን ዘተኰሩ ስልጠናታትን መደባት ንቕሓትን ክድፍኣሎም፣ ውህደት ክልቲኡ ኣካላት ኣብ ምድንፋዕን ተሳትፎን ሕርሻዊ ዋኒን ክሕይል፣ ብዛዕባ ህሉው ተሳትፎ መንእሰያት ኣብ ሕርሻዊ ንጥፈታት መጽናዕቲ ክካየድ፣ ንቕሓት ሕርሻዊ ዋኒን መንእሰያት ንምብራኽ ኣበርቲዕካ ክስራሕ፣ መሃዝትን ሰናዕትን መንእሰያት ምትብባዕ ዝብሉን ካልኦትን ርእይቶታትን ለበዋታትን ቀሪቦም።

ተራ መንእሰያት ኣብ ወሰኽ ክብሪን ሕርሻዊ ፍርያትን ወሳኒ ብምዃኑ፡ ኣብ ቀዋምን ተንቀሳቓስን መፍረ ንህቢ፡ ምምስራሕ ስምስም፡ ፉል፡ ጸባን ውጽኢት ጸባን፡ ምምስራሕ ፍረታትን ኣሕምልትን፡ ምስናዕ ሕርሻዊ መሳርሒታት፡ ልምዓት ኣእካልን ጥረታትን፡ ሕርሻዊ ኣገልግሎት ወዘተ. ዝኣመሰሉ ዕድላት ከም ዘሎዎም ተሓቢሩ።

ኣብ መዛዘሚ ናይቲ ሃገራዊ ዋዕላ፡ ኣቦ መንበር ሃ.ማ.መ.ተ.ኤ ኣቶ ሳልሕ ኣሕመዲን ኣብ ዘስምዖ መደረ፡ እዚ ዋዕላ ኣብ እዋኑ ከም እተኻየደ ብምጥቃስ፡ መንእሰያት ኣብ ዘመናዊ ዋኒን ሕርሻ ንኽሳተፉ ርሒብ ባብ ዝኸፍት፣ ንተሳትፎ መንእሰያት ኣብ ሕርሻዊ ልምዓት ድማ ባይታ ኣንጺፉ ከም ዘሎ ብምጥቃስ፡ መንእሰያት ኣብ ሕርሻዊ ዋኒን ንምውፋር ኣብ ዝካየድ ዘሎ ጻዕሪ፡ ሃማመተኤ ኣበርክቶኡ ከም ዘዕዝዝን ሓንጺጽዎ ኣብ ዘሎ ናይ 5 ዓመታት ስትራተጅያዊ መደብ ድማ ከስፍሮ ምዃኑን ገሊጹ። ኣብ መዳይ ሕርሻ ዝግበር ጕስጓሳት፡ ኣካል ሃገራዊ ምንቕቓሕ መንእሰያት ምዃኑ ድማ ኣስሚርሉ።

ብወገን ሃ.ማ.መ.ተ.ኤ ድማ ሓፈሻዊ ሌላን መደባት ስራሕን ናይቲ ማሕበር፣ ሞያዊ ስልጠናታት፣ መደብ ንኡስ ልቓሕ ከምኡ’ውን ኣብ ምህዞን ሰንዓን ዘተኰሩ ኣገደስቲ መግለጺታት ቀሪቦም። ሃማመተኤ ምስ ሚኒስትሪ ሕርሻ ብምውህሃድ፡ ነቲ ኣብዚ ዓውዲ ዝነጥፍ ዘሎ መንእሰይ፡ ወናኒ ምዕቡል ሓሳብ፡ ፍልጠትን ክእለትን ሕርሻ ከም ዝኸውን ምግባር፡ ሓደ ካብ ቀዳምነታቱ ከም ዝኾነ፡ ማሕበር ምስ ዘሎዎ ዝርጋሐን ናይ ምውዳብን ምንቃሕን ተመኩሮ፡ ኣብ ኵሉ ከባቢታት ንዘሎ መንእሰይ ኣብ ኵሉ ሕርሻዊ ንጥፈታት ንምጽላው ከም ዝከኣል ተሓቢሩ።

ብተወሳኺ ኣብነታውያን ዝኾኑ ኣብ ምህዞን ሰንዓን ሕርሻዊ ናውትን መሳለጥያታትን ዝነጥፉ ገለ መንእሰያት፡ ፍርያቶም ኣብቲ ኣጋጣሚ ንተጋባእቲ ኣቕሪቦም ነይሮም።



ኣቕረብቲ ወረቓቕቲ ሚኒስትሪ ሕርሻ


ኣቕረብቲ ወረቓቕቲ ሃ.ማ.መ.ተ.ኤ

# ሃገራዊ ዓውደ ዘተ

## ‘ውሁድ ተሳትፎ ደቀ’ንስትዮ፡ ኣብ ምዕዋት ሕርሻዊ ልምዓት’

ብምትሕብባር ሚኒስትሪ ሕርሻን ሃገራዊ ማሕበር ደቀንስትዮ ኤርትራን እተወደበ፡ ነቲ ‘ውሑስን መኣዛዊ መግቢ ንኹሉ፡ ኣብ ኵሉ!’ ንምርግጋጽ ተሓንጺጹ ዝስርሓሉ ዘሎ ሃገራዊ ሽቶ ንምዕዋትን ተሳትፎ ደቀንስትዮ ኣብ ሕርሻዊ ልምዓትን ዋኒንን ንምዕዛዝን ዝዓለመ ሃገራዊ ዋዕላ ብ7 ሕዳር 2024 ተኻዪዱ። እቲ፡ ዋዕላ ኣብ ትሕቲ “ውሁድ ተሳትፎ ደቀንስትዮ፡ ኣብ ምዕዋት ሕርሻዊ ልምዓት” ዝብል ቴማ፡ ኣብ ኣስመራ ኣዳራሽ ሃገራዊ ኮንፌደረሽን ሰራሕተኛታት ኤርትራ (ሃ.ኮ.ሰ.ኤ) እዩ ተቓኒዑ።



ኣቶ ኣረፋይነ በርሀ

ንጨንፈር ውጥንን ስታቲስቲክስን ሚኒስትሪ ሕርሻ ከምኡ’ውን ኣወሃሃዲ ሽማግለ ቴክኒክ ናይ’ቲ ዋዕላን ብምውካል፡ መኽፈቲ ዘስምዐ መንእሰይ ዮኤል ዮናስ፡ እዚ ዋዕላ፡ መቐጸልታ ናይቲ ብ19 መስከረም 2024 ምስ ሃማመተኤ እተኻየደ ሃገራዊ ዋዕላ ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ንልዕሊ ክልተ ኣዋርሕ ምድላዋት ክግበረሉም ዝጸንሐ 11 መግለጺታት ብወገን ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ሃማደኤን ማሕበር ሕርሻዊ ንግዲ ደቀንስትዮ ኤርትራን ክቐርቡ ምዃኖም ሓቢሩ። በዚ መሰረት፡ ኣብቲ ሃገራዊ ዋዕላ፡ ‘ስትራተጂታትን ውጥናትን ምርግጋጽ ውሑስ መኣዛዊ መግቢ’ ዝብል፡ ሚኒስትሪ ሕርሻ ካብ 2024 ክሳዕ 2028 ዝቕጽል ኣብ ሓሙሽተ ፕሮግራማት እተኸፍለ ልምዓታዊ መደባት ዘጠቓለለ፡ ኣብ ንኡስ ውሁድ ስድራቤታዊ መደብ ሕርሻ፣ ስትራተጂ ንኡስን ማእከላይን ንግዳዊ ሕርሻታት፡ ኣብ ‘ንኡስን ርቡሕን ቃጽያ ሕርሻ (ንርቃሕ)’ ድማ ዝያዳ ዘተኰረ፡



ኣቶ ዮኤል ዮናስ

ብኽቡር ሚኒስተር ሕርሻ ኣቶ ኣረፋይነ በርሀ ዝቐረበ መግለጺ ሓዊስካ፡ ተራ ወሰኽ-ክብሪ ኣብ ሕርሻዊ ዋኒን (ብሳምራዊት ኪዳነ)፣ ሕርሻዊ ምህዞን ሰንዓን ምስራሕ ጋብላዊ ቆፎን ከም ዋኒን (ብኢንጂነር ሄራን ዮሴፍ)፣ ምድላው ባህርያዊ ድኹዒ ካብ ዘቤታዊ ጐሓፍ (ብኣድያም ረዘነ)፣ ተሳትፎ ደቀንስትዮ ኣብ ወሰኽ-ክብርን ምፍራይ መኣዛዊ መግብን (ብጽንዓት ብርሃነ)፣ ኣገዳስነት ድሕነት ኣብ ሕርሻዊ ፍርያት (ብሰዒድ ኑረዲን) መግለጺታትን ወረቓቕትን ብወገን ሚኒስትሪ ሕርሻ ቀሪቦም። ማሕበር ሕርሻዊ ንግዲ ደቀንስትዮ ኤርትራ (ማ.ሕ.ደ.ኤ.) ድማ፡ ንተመኲሮ፡ ዓወታትን ብድሆታትን ናይ’ቲ ማሕበር ዝገልጽ መግለጺ ብመገዲ ሰናይት ተስፋልደት ቀሪቡ።

ብወገን ሃገራዊ ማሕበር ደቀንስትዮ ኤርትራ ድማ “ተራ ሃማደኤ ኣብ ምምዕባል ደቀንስትዮ” ዘርእስቱ ኣብ ድሕረ-ባይታ፡ ዕላማታትን መደባት ስራሕን ናይ’ቲ ማሕበር ዘተኰረ መግለጺ



ብፕረዚደንት ሃ.ማ.ደ.ኤ. ወ/ሮ ተኽኣ ተሰፋሚካኤል ምስ ቀረበ፡ ስትራተጂታት ምምዕባል ደቀንስትዮ (ብሰናይት መሓሪ)፡ ተበግሶ ምፍራይ ባህርያዊ ድኹዒ ካብ ዘቤታዊ ጒሓፍ (ብኤልሳ ገብረሃንስ)፣ ምሕደራ ጸረ-ባልዕን መርዛማት ጒሓፋትን ኣብ ዞባ ዓንሰባ (ብትርሓስ ንርኣዮ)፣ ሞያዊ ስልጠናታት ደቀንስትዮ (ብሰናይት መሓሪ)፣ ንጥፈታት መደብ ንኡስ ምወላ (ብኣስመሮም ጕይትኦም) ዘርእስቶም ሰፋሕቲ መግለጺታት ቀሪቦም።

ተሳተፍቲ ናይቲ ዋዕላ፡ ብኽልቲኡ ወገናት ዝቐረበ መግለጺታት ድሕሪ ምክትታል ከምኡ'ውን ወከልቲ ክልቲኡ ኣካላትን ኣብነታዊት ሓረስታይ ዮርዳኖስ ሃብታይን እተኻፈሉዎ መድረኽ ሓባራዊ ዘተ ድሕሪ ምክያዱ፦ ኣብ ዘመናዊ ሕርሻዊ ዋኒን ብሓፈሻ፡ ኣብ ወሰኽ-ክብሪ ፍርያት ሕርሻ ድማ ብፍላይ ዝዋፈራ ደቀንስትዮ ሓረስቶት ዝሰስናሉ መገዲ ክናደ፣ ኣብ ተጠቃምነት መሬትን ሕቶ ዕዳጋ ፍርያት ሕርሻን ዘሎ ማሕንቖታት ክፍታሕ፣ ኣብ ሕርሻዊ ዋኒን ዘተኰሩ ስልጠናታትን መደባት ንቕሓትን ክድፍኣሎም፣ ውህደት ክልቲኡ ኣካላት ኣብ ምድንፋዕን ተሳትፎን ሕርሻዊ ዋኒን ክሕይል፣ ብዛዕባ ህሉው ተሳትፎ ደቀንስትዮ ኣብ ሕርሻዊ ንጥፈታት መጽናዕቲ ክካየድ፣ ንቕሓት ሕርሻዊ ዋኒን ኣብ ደቀንስትዮ ንምብራኽ ኣበርቲዕካ ክሰርሓሉ ከምኡ'ውን ምሉእ ውህደት ክልቲኡ ኣካላት ካብ ደረጃ ፖሊሲ ክሳዕ ትግባረ ክረጋገጽ ዝብሉን ካልኦትን ርእይቶታትን ለበዋታትን ቀሪቦም።

ፕረዚደንት ሃ.ማ.ደ.ኤ. ወ/ሮ ተኽኣ ተሰፋሚካኤል ኣብ ምዝዛም ናይ'ቲ ሃገራዊ ዋዕላ ዘስምዓቶ ቓል፡ ሓደ ካብ ዓበይቲ ዕላማታት ሃማደኤ፡ ተራ ናይ'ተን ዓብይን ወሳንን ክፋል ሕብረተሰብና ዝሕዛ ደቀንስትዮ ኣብ ጥሙር ልምዓታዊ መኸተ ምሕያል ምዃኑ ብምጥቃስ፡ እቲ ማሕበር ምስ ሚኒስትሪ ሕርሻ ዝጸንሖ ዝምድና ዝያዳ ብምሕያል፡ ትግባረ ዝወጹ መደባት ድማ ብቐጻሊ እናተገምገመ፡ ደቀንስትዮ ኣብ ሕርሻን ኩለንተናዊ ልምዓትን ግቡእ ተራኦን ከም ዝጻወታ ንምግባር፡ ብዕቱብ ክቕጽሎ ምዃኑ ኣስሚራትሉ። ወይዘሮ ተኽኣ ወሲኻ፡ ጉዳይ ምሕያል ደቀንስትዮን ምዕዛዝ ተሳትፎአን ኣብ ልምዓት ሃገርን ንሃማደኤ ጥራይ ዝግደፍ ዘይኰነስ፡ እቶም ዘለዉ ብድሆታት ደቀንስትዮ ምትሕብባርን ውህደትን ኩለን ኣካላት መንግስቲ ከምኡ'ውን ንቕሓት መላእ ህዝቢ ዝጠልቡ ምዃኖም ጠቒሳ። ኣብ መወዳእታ ወ/ሮ ተኽኣ፡ ብፍላይ እተን ኣብዚ እዋን ብትምህርትን ሞያን ዝዓጥቃ ዘለዋ መንእሰያት ደቀንስትዮ፡ ኣብ መጻኢ ዓንዲ ዘመናዊ ሕርሻዊ ልምዓትን ዋኒንን ከም ዝኾና ገሊጻ።

ሚኒስተር ሕርሻ ኣቶ ኣረፋይነ በርሀ ብወገኑ ኣብ ዘስምዖ መዛዘሚ ቓል፡ እዚ ምስ ሃማደኤ እተገብረ ዋዕላ፡ ነቲ ምስ'ቲ ማሕበር ክካየድ ዘጸንሐ ሓባራዊ መደባት ክሳዕ ደረጃ ዓዲ ብምውራድ ዝያዳ ዘሐይል ምዃኑ፡ ሓባራዊ ሸማግለ ብምቛም ድማ ትግባረ ዝወጹ መደባት ዕቱብ ክትትልን ግምገማን ክካየደሎም ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ተራ ደቀንስትዮ ኣብ ምርግጋጽ፡ ሽቶ 'ውሑስን መኣዛውን መግቢ ንኹሉ፡ ኣብ ኵሉ!' ልዑል ምዃኑ ኣስሚሩሉ። ሚኒስተር ኣረፋይነ ኣስዒቡ፡ ኣብ ሕርሻዊ መዳይ በብእዋኑ ዝርአ ዘሎ ምዕባለታት ኣተባባዒ ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ብፍላይ እቶም ዝድለዩ መኣዛታት መግቢ ብመንገዲ ንኡስን ርቡሕን ቃጽያ ሕርሻ (ንርቃሕ) ከምኡ'ውን ብኻልኦት ስትራተጂታት ንምፍራይ ኣብ ዝካየድ ዘሎ ጻዕርታት፡ ተራን ኣበርክቶን ደቀንስትዮ ወሳኒ ምዃኑ ኣዘኻኺሩ። ኣብ መወዳእታ፡ ሓረስቶት እንተላይ ደቀንስትዮ፡ በዚ መደባት ኣብ ዓመት ኣብ ክንዲ ሓደ ምህርቲ ጥራይ ዝጽበዩ፡ ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ዲጋታትን ራህያታትን ኣብ ጥቕሚ ብምውዓል፡ ኣብ ዓመት ክሳዕ ሰለስተ ግዜ ንምሕፋስ ግቡእ ተራኦም ከዕዝዙ ጸዊዑ።


ወ/ሮ ተኽኣ ተሰፋሚካኤል

ኣብቲ ኣጋጣሚ፡ ብደቀንስትዮ ዝቐረበ፡ ኣብ ወሰኽ-ክብሪ ሕርሻዊ ፍርያት ከምኡ'ውን ብሚኒስትሪ ምክልኻል ዝቐረበት ሓዳስ እተመሓየሸት እቶንን ንምርኢት ቀሪቦም። ኣብቲ ንፈለማ እዋን እተኻየደ ሃገራዊ ዋዕላ፡ ካብ ኩለን ዞባታት እተዋጽኡ ላዕለዎት ሓለፍትን ኣባላትን ሚኒስትሪ ሕርሻን ሃማደኤን፣ ወከልቲ ማሕበር ሕርሻዊ ንግዲ ደቀንስትዮ ኤርትራ፡ መሻርኽቲ፡ ወከልቲ ኣብነታውያን ሓረስቶትን ዕዱማት ኣጋይሽን ዝርከቡዎም ልዕሊ 180 ሰባት ተሳቲፎም።

***



# ሃገራዊ ዋዕላ ድሕነት መግቢ

## ‘ብሓባራዊ ስራሕ፡ ድሕነት መግቢ ነረጋግጽ!’

ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ብ24 ታሕሳስ 2024፡ ኣብ ትሕቲ “ብሓባራዊ ስራሕ፡ ድሕነት መግቢ ነረጋግጽ!” ዝብል ቴማ፡ ኩሎም ኣብ ድሕነት መግቢ ኣበርክቶ ዘሎዎም፡ ልዕሊ 160 ወከልቲ ዝምልከተን ኣካላት ዝተሳተፉዎ ሃገራዊ ዋዕላ፡ ኣብ ሓድሽ ኣዳራሽ ሃገራዊ ኮንፈደረሽን ሰራሕተኛታት ኤርትራ ኣቃኒዑ። ኣብቲ፡ ሚኒስተር ሕርሻ ኣቶ ኣረፋይነ በርሀ፡ ላዕለዎት ሓለፍትን ወከልትን ዝምልከተን ሚኒስትሪታት፡ መንግስታውያን ትካላት፡ ሃገራውያን ማሕበራት፡ ወከልቲ ውድብ መግብን ሕርሻን፡ ውድብ ጥዕና ዓለም፡ ናይ ልምዓት መሻርኽቲ፡ ክኢላታት ሕርሻ፡ ወከልቲ ኣመስራሕቲ መግብን ካልኦት ዝምልከቶም ኣካላትን ውልቀ ሰባትን እተረኽብሉ ኣጋጣሚ፡ ብሰም ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ኣገልግሎት ሕጋጋትን ቊጽጽርን ኣቶ ተኽለኣብ ምስግና ወግዓዊ መልእኽቲ ናይቲ መዓልቲ ኣስሚዑ።

ኣቶ ተኽለኣብ ኣብ መልእኽቱ፡ ‘ድሕነቱ ዘይሓለወ መግቢ፡ መግቢ ኣይኩነን’ ዝብል ብሂል፡ ብፍሉይ ኣድህቦ ክስርሓሉ ዝግባእ ዛዕባ ምዃኑ ድሕሪ ምዝኽኻር፡ ኣብ ሃገርና ወግዓዊ ቊጽጽር ድሕነት መግብን ንዕኡ ዘድሊ መሳለጥያን ኣብ መንጎ እተፈላለያ መንግስታውያን ትካላት ተዘርጊሑ ከም ዘሎ ጠቒሱ። ሰንሰለት ድሕነት መግቢ ግና ኣዝዩ እተሓላለኸ ስለ ዝኾነ፡ ኩሉ’ቲ ዝግበር ሃገራዊ ተበግሶታት ብሓደ ውሁድ ሃገራዊ ፖሊሲ ዘይተደገፈ ብምዃኑ፡ ከም ማሕንቖ ከም ዝጥቀስ ገሊጹ። ኣብ ከምዚ ኩነታት፡ ንጥፈታት ኮዴክስ ኣሊመንታርዩስ (Codex Alimentarius) ኣብ ኤርትራ፡ ኣብ ቊጽጽር መግቢ ንዝነጥፋ ትካላት መንግስቲ ኣብ ሓደ መኣዲ ንምምጻእን ተሞክሮታተን ንምልውዋጥን ሓጋዚ ተራ ክጻወት ከም ዝጸንሐ ገሊጹ። ሚ/ሕርሻ፡ ወኪል ኤርትራ ንኮዴክስ ምዃኑ ዘሎዎ ዕድል ተጠቂሙ፡



ኣቶ ተኽለኣብ ምስግና

ነዚ ዋዕላ’ዚ ክውድብ ከም ዝኸኣለ’ውን ኣቶ ተኽለኣብ ምስግና ወሲኹ ይገልጽ። ኣቶ ተኽለኣብ ኣብ መወዳእታ፡ ቀንዲ ዕላማ ናይዚ ዋዕላ ህልዊ ንጥፈታት፡ ተመኩሮታትን ብድሆታትን ዝምልከተን ኣካላት ብምፍታሽ፡ ውሁድ ዝኾነ መፍትሒታት ምንዳይን ምዃኑ ኣብሪሁ።

ኣብቲ ሃገራዊ ዋዕላ፡ ምስ ድሕነት መግቢ ዝተኣሳሰር ቴማ ዘሎዎም፡ ብወከልቲ ሚኒስትሪታት ሕርሻ፡ ጥዕና፡ ሃብቲ ባሕሪ፡ መሬት፡ ማይን ኣከባብን፣ ትካል ደረጃታት ኤርትራ፣ ኮሌጅ ሕክምናን ስነ-ፍልጠት ጥዕናን ከምኡ’ውን ኮሌጅ ሕርሻ ሓመልማሎ 13 ወረቓቕቲ ቀሪቦም። እቶም ዝቐረቡ ወረቓቕቲ፡ ብዛዕባ ዓለምለኻዊ






ሕጋጋት ቍጽጽር ድሕነት መግብን ተሳትፎ ኤርትራ ኣብቲ ውድብን፡ ተመክሮታት ድሕነት ውጽኢት ሕርሻዊ ፍርያት፡ መጽናዕቲ ብዛዕባ ንጽህና ኣብ ገለ ትካላት ወሃብቲ ኣገልግሎት ዞባ ማእከል፡ ገምጋም ብዛዕባ ኣብ ገለ ዲጋታት ዝርከቡ ትሕዝቶ ማዕድናትን ጽልዋኦምን፡ ተራ ምድራጅን ምርመራን ኣብ ድሕነት መግቢ፡ ስርዓት ቍጽጽር ውሕስነት ማያዊ መግቢ፣ ተራ ላቦራቶሪ ዓሳ ኣብ ምቍጽጻር ድሕነት ማያዊ ምህርቲ፡ ኣከባብን ድሕነት መግብን ካልእን ዝምልከቱ ነይሮም።

ድሕነት መግቢ፡ ኣብ ኩሉ ሰንሰለታት መግቢ ብዙሕ ነገራት ስለ ዘሎዎ፡ እተሓላለኸ ጉዳይ'ዩ። ሰንሰለታት መግቢ፡ ከም ምፍራይ መግቢ፡ ምኽዛን፡ ምጉዕዓዝ፡ ምምስራሕ፡ ምዝርጋሕ ኣብ መወዳእታ ድማ ምህላኽ ዝኣመሰሉ ጉዳያት የጠቓልል። ድሕነት መግቢ ንምርግጋጽ፡ ኣብ ኩሉ ዝተጠቕሰ ሰንሰለታት መግቢ፡ ኣብ መንጎ ዝምልከቶም ወገናት፡ ጥቡቕ ምክትታልን ምውህሃድን የድሊ። ኣብ መንጎ ዝኾነ ሃንፍ ምስ ዝፍጠር ድማ፡ ድሕነት መግቢ ኣብ ሓደጋ ይኣቱ ማለት'ዩ። በዚ'ዩ ድማ፡ "ሓደ ሰንሰለት፡ ድልዳለኡ በቲ ዝደኸመ መላግቦኡ'ዩ ዝውሰን" (A Chain is as Strong as its Weakest Link") ዝብል ኣበሃህላ፡ ብልክዕ ነቲ ኣብ ሰንሰለት መግቢ ዘሎ መላግቦታት ዝገልጽ'ዩ ክብል ኣቶ ተኽለኣብ ምስግና ዝገለጸ።

ድሕሪ ዝቐረበ ወረቓቕቲ፡ ተሳተፍቲ ናይቲ ዋዕላ፡ ኣብ ድሕነት መግቢ ዝካየድ ዘሎ ንጥፈታት ዝወሃሃደሉ መገድን ተራ ኩለን ኣካላት ዝንጽረሉን ሜላ ክፍጠር፣ ኣብ ድሕነት መግቢ ዘተኩሩ መጽናዕትታት ክስስኑ፣ ብልምዳዊ ኣገባብ ዝካየድ ዘሎ ኣገባብ ቍጽጽር ድሕነት መግቢ ብስነ-ፍልጠታዊ ኣገባብ ዝሕይለሉ ኣማራጺታት ክናደ፣ እተኻየደ ምርምራዊ ስራሓትን ውጽኢቱን





ንዝምልከቶም ወሰንቲ ኣካላት ኣብ እዋኑ ክቐርብ ዝብሉን ካልኦትን ርእይቶታት ኣቕሪቦም። ብተወሳኺ፡ ኣብ ወሃብቲ ኣገልግሎታት ዝቐርብ መግቢ፡ ካብ ኣሰራርሓኡ ክሳብ ናብ ተጠቃማይ ዝበጽሕ ዕቱብ ክትትል ክግበረሉ፣ ንኣካየድቲ ስራሕን ኣሳሰይትን እኹል ስልጠናን ጎስጓሳትን ክወሃቦም፣ ድሕነት መግቢ ንምርግጋጽ ዝምልከተን ኣካላት ክሳብ ደረጃ ምምሕዳር ከባቢታት መሓውራት ክዝርግሓ ዝብሉን ካልኦት ለበዋታትን ኣቕሪቦም።

ውሕስነት መግቢ ዓለማዊ ኣገዳስነት መንግስታት፡ ኣፍረይቲ መግቢ፡ መስራሕትን ተጠቀምትን እናኾነ ይመጽእ ኣሎ። ብመሰረት ጸብጻባት ውድብ ጥዕና ዓለም፡ ዓመታዊ ብሰንኪ መግቢ-ጸወር ሕማማት (food-borne diseases) 600 ሚልዮን ሰባት ክሓሙ ኸለዉ፡ 420 ሽሕ ሰባት ድማ ብሰንኪ ዘይውሑስ መግቢ ይሞቱ። ትሕቲ ሓሙሽተ ዓመት ዝዕድሚኦም ቈልዑ ዝለዓለ ነዚ ሕማም ዝተቓልዑ ክኾኑ ከለዉ፡ ዓመታዊ ድማ 125 ሽሕ ቈልዑ ይሞቱ። ብመንጽር'ዚ፡ ንምፍዋሱ ዝወጽእ ገንዘብ ድማ ዓመታዊ ልዕሊ 110 ቢልዮን ዶላር ከም ዝኾነ ኣብ 2018 ዝወጸ ጸብጻብ ዓለማዊ ባንክ ይሕብር።

ብሰንኪ ጉድለት ንጽህና ዝስዕብ ሕማም ውጽኣት፡ ብደረጃ ዓለም እቲ ሳልሳይ ንሞት ዘቃልዕ ሕማም እዩ - ብፍላይ ድማ ኣብ ምምዕባል ኣብ ዝርከባ ሃገራት። ጸብጻባት ውድብ ጥዕና ዓለም ከም ዝሕብሮ፣ ብሰንኪ ሕማም ውጽኣት ዓመታዊ ኣስታት 1.7 ቢልዮን ክስተት ተርእዮ እዚ ሕማም ኣብ ህጻናት የጋጥም። ካብዚኣቶም፡ ልዕሊ 440 ሽሕ ትሕቲ ሓሙሽተ ዓመት ክሞቱ እንከለዉ፡ ካልኦት ልዕሊ 50 ሽሕ ድማ ኣብ ክሊ ዕድመ ሓሙሽተ ክሳዕ ትሽዓተ ዝርከቡ ቈልዑ ህይወቶም ይስእኑ።

***

# ዓለምለኻዊ መዓልቲ ምቊጽጻር ሕማም ዕቡድ ከልቢ

## ‘ደረት ሕማም ዕቡድ ከልቢ ንምብታኽ፡ ኣኻልብና ነኽትብ’

28 መስከረም፡ ዓመታዊ ዓለምለኻዊ መዓልቲ ምቊጽጻር ሕማም ዕቡድ ከልቢ ኰይና ብደረጃ ዓለም ትዝከር። ኣብ ሃገርና’ውን ሎሚ ዓመት ንሻቡዓይ ግዜኣ ኣብ ትሕቲ ‘ደረት ሕማም ዕቡድ ከልቢ ንምብታኽ፡ ኣኻልብና ነኽትብ’ ዝብል ቴማ፡ ብ26 መስከረም 2024 ኣብ ኣዳራሽ ሃገራዊ ኮንፈደረሽን ሰራሕተኛታት ኤርትራ ተዘኪራ ውዒላ። ኣብቲ ኣጋጣሚ፡ ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ሕርሻዊ ኤክስቴንሽን ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ወኪላት ዓለምለኻዊ ጥዕና ዓለምን ውድብ መግብን ሕርሻን፡ ካብ ኩለን ዞባታት ሃገርና ዝመጹ ክኢላታት ሕርሻ፡ ጥዕና እንስሳ፡ ሕጋጋትን ቊጽጽርን፣ ወከልቲ ሚኒስትሪ ጥዕና፡ ምምሕዳር፡ ማሕበራዊ ኣገልግሎት፡ ላዕለዋይ ትካላት ትምህርትን ማሕበራትን፡ መሻርኽቲ ኣካላትን ተረኺቦም ነይሮም።

ኣብ ሚኒስትሪ ሕርሻ ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ሕርሻዊ ኤክስተንሽን ኣቶ ሰመረ ኣምለሶም ኣብ ዘስምዖ ወግዓዊ ቓል ናይቲ መዓልቲ፡ እዛ ዓመታዊ እትዝከር ዓለምለኻዊ መዓልቲ ምቊጽጻር ሕማም ዕቡድ ከልቢ፡ ንስለ ዝኽሪ ጥራይ ዘይኰነት፡ ሕብረተሰብ እኹል ኣፍልጦ ከም ዝህልዎ ብምግባር፡ ነቲ ሕማም ንምግታእ ድማ ብሓባር ንምቅላስ ዝተኣትወ መብጽዓታት ብሓባር ንምትግባር እተዘኻኽር ዕለት


ኣቶ ሰመረ ኣምለሶም

ምዃና ሓቢሩ። ኣስዒቡ፡ ኣብ ዝሓለፉ ሸውዓተ ዓመታት ብደረጃ ሃገር ሕማም ዕቡድ ከልቢ ንምቊጽጻር ብዝተኻየደ ጻዕርታት፡ ኣተባባዒ ገስጋስ ከም እተራእዮ፡ ኪንዮ ጥዕና ኣኻልብ ምሕላው፡ ድሕነትን ኣፍልጦን ሕብረተሰብና ንምውሓስ ምስ መሻርኽቲ ኣካላት ሰፊሕ ስራሓት ከም እተዓመ ሓቢሩ።

ኣቶ ሰመረ ቀጺሉ፡ እዚ ኣተባባዒ ገስጋስ ክሳዕ ሕማም ዕቡድ ከልቢ ኣብ ሃገርና ታሪኽ ዝኸውን፡ ኩሎም መሻርኽቲ ኣካላት ኣበርክቶኦም ክቕጽሉን ከዕዝዙን፡ ሕብረተሰባት ድማ ዋንነት ከልቢ እንታይ ምዃኑ ብግቡእ ክርድኡን፡ እኹል ዝኾነ ክታበት ስለ ዘሎ’ውን ኣኻልቦም ተኸታቲሎም ከኽትቡን ጸዊዑ።

ወኪል ዓለማዊ ውድብ ጥዕና ኣብ ኤርትራ ዶክተር ኖንሶ ኤጂዎፎር ብወገኑ ኣብ ዘስምዖ መደረ፡ ዓመታዊ ሕማም ዕቡድ ከልቢ ጠንቂ ናይ ኣስታት 59 ሽሕ ሰባት ሞት ከም ዝኾነ ጠቒሱ፡ 95 ሚእታዊት ናይ’ዞም ተርእዮታት ኣብ እስያን ኣፍሪቃን ከም ዘጋጥም ሓቢሩ። እዚ ሕማም ግና ማዕረ’ቲ ሓደገኛነቱ ኣኻልብ ብምኽታብ ጥራይ ንምቊጽጻሩ ስለ ዝከኣል፡ ኣብዚ መዳይ ብዕቱብን ብውህደትን ዝምልከተን ኣካላት ክሰርሓ ኣዘኻኺሩ።


ዶክተር ኖንሶ ኤጂዎፎር

ንውድብ መግብን ሕርሻን ኣብ ኤርትራ ብምውካል ቃል ዘስምዐ ኣቶ ቴድሮስ ሰሎሞን ብወገኑ፡ ሕማም ዕቡድ ከልቢ ንምውጋድ ኣብ ዝካየድ ዘሎ ጻዕሪ፡ እቲ ውድብ ምስ ኤርትራ ኣብ ቀጻሊ





ኣቶ ቴድሮስ ሰሎሞን

ሽርክነታዊ ጽምዶ ከም ዝርከብ ብምሕባር፡ ኣብ ምሕያል ኣገልግሎት ጥዕና እንስሳ፡ ኣብ ምድንፋዕ ሓባራዊ ኣተሓሕዛ ሓለዋ ጥዕና፡ ከምኡ'ውን ኣብ ምስሳን ዘለቕተ ወፍርታት ክታበት ዘድሃበ ብዕቱብ ከም ዝሰርሑ ሓቢሩ።

ቀጺሉም፡ ብዛዕባ ህሉው ኵነታት ምቍጽጻር ሕማም ዕቡድ ከልቢ ኣብ ኤርትራን ዝካየድ ዘሎ ንጥፈታትን፡ ምልላይ ቅምሶን ምምርማርን እቲ ሕማም፡ ቍጽጽራውን ውሸባውን ንጥፈታት ሕማም ዕቡድ ከልቢ፡ ምውሻብን ሃድንን ፋሉላት ኣኻልብ ከምኡ'ውን ጽልዋ ሕማም ዕቡድ ከልቢ ኣብ ህዝባዊ ጥዕናን ኣገባብ ምክልኻሉን ዝምልከቱ መግለጺታት ብመገዲ ሚኒስትሪታት ሕርሻን ጥዕናን ከምኡ'ውን ምምሕዳር ዞባ ማእከል ንተጋባእቲ ቀሪቦም።

ብመሰረት እቶም ዝቐረቡ ወረቓቕቲ፡ ኣብ ዝሓለፉ ሽውዓተ ዓመታት፡ ኣብ ሃገርና ልዕሊ 15 ሽሕ ዝነበረ መጠን ሽፈነ ክታበት ኣኻልብ፡ ኣብዚ እዋን ብልዕሊ ሰለስተ ዕጽፊ ብምውሳኹ፡ ኣብ ምጕዳል ለበዳ እቲ ሕማም ዓቢ ዓወት ከም እተመዝገበ ተገሊጹ። ካብ 2018 ክሳዕ 2024 ኣብ ዝነበረ እዋን፡ ኣብ ሃገርና ካብ እተመዝገቡ ኣኻልብ፡ ነቶም 70 ሚእታዊት ንምኽታብ ብወፈራ ብምስራሕ፡ ኣብ ቀዋሚ ስፍራ ኣብ ማእከላይ ክሊኒክ ሓለዋ ጥዕና እንስሳ ከምኡ'ውን ብፍሉይ ጓሶት-ኣኻልብ ማዕረ ማዕረ ክታበት ጥራት ንኣሰጋእቲ ሕማማት እንስሳ ንምክልኻል ክታበት ከም እተዋህበ ተሓቢሩ። ነቲ ብደረጃ ዓለም ሕማም ዕቡድ ከልቢ ክሳዕ 2030 ንምውጋድ ዝወጸ መደብ ንምዕዋት፡ ሚኒስትሪ ሕርሻ ምስ መሻርኽቱ ብምውህሃድ ብዕቱብ ይሰርሕ ምህላዉ'ውን ተገሊጹ።

ተሳተፍቲ ናይ'ቲ ዋዕላ ዝቐረበ መግለጺታትን ሓባራዊ ዘተን ድሕሪ ምክትታል፡ ብዝሕን ኣተሓሕዛን ኣኻልብ ክጽናዕ፣ ጠንቂ ምብዛሕ ፋሉላት ኣኻልብ ዝኾኑ ዘለዉ ጕሓፋት ኣብ እዋናዊ ክውገኑ፣ ፋሉላት ኣኻልብ ንምውጋድ ዝኸእል ውጽኢታዊ ሜላን ኣማራጽን ክናደ፣ ኩሎም እተኸተቡ ኣኻልብ ወረቐት ምስክር ክሕዙ፣ ኣብ መላእ ሃገር ብቑዕ መወሸቢ ቦታታት ክዳለዉ፣ ኣኻልብ ንዘጥርዩ ውልቀሰባት ንኣተሓሕዛኦም ዝምልከት መምርሒታት ክወሃብ ዝብሉን ካልኦትን ርእይቶታትን ለበዋታትን ኣቕሪቦም።

ሕማም ዕቡድ ከልቢ ንእንስሳ ዘቤትን ንእንስሳ ዘገዳምን ከምኡ'ውን ሰባት ዘጥቅዕን ቀታሊ ሕማም እዩ። ተርእዮ እዚ ሕማም ኣብ ሰባት መብዛሕትኡ ግዜ ብመንከስቲ ዝሓመመ ኸልቢ ይኽሰት። ስለዚ እቲ ዝበለጸ ኣማራጺ ኣኽላባት ምኽታብ ምዃኑ ይፍለጥ።



# ዓለምለኻዊ መዓልቲ ፍርያምነት ሓመድ

## ‘ሓመድ ንምክንኻን ነመርምር፣ ንከታተል፣ ነመሓድር’

ዓለምለኻዊ መዓልቲ ፍርያምነት ሓመድ፣ ‘ሓመድ ንምክንኻን - ነመርምር፣ ንከታተል፣ ነመሓድር!’ ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ፣ ብደረጃ ሃገር ንፈለማ እዋን ብ5 ታሕሳስ 2024 ተዘኪራ ውዒላ።

ኣብ መኽፈቲ ናይ’ቲ ኣብ ኣዳራሽ ሆቴል ማይ ነፍሒ ዝተኻየደ ጽምብል፣ ሓላፊ ሃገራዊ ትካል ሕርሻዊ ምርምር፣ ኣቶ ጸጋይ ብርሃነ ኣብ ዘስምዖ መደረ፣ 95 ሚእታዊት መግብና ኣብ ሓመድ’ኳ ዝፈሪ እንተኾነ፣ ሰኣን ግቡእ ዕቀባን ክንክንን እልቢ ዘይብሉ ዓቐን ሓመድ ዕለታዊ ከም ዝብሕጐግ ጠቒሱ። ብኣንጻሩ 3 ሰንቲ ሜተር ቀጸላ ሓመድ ንኽቐውም ኣስታት ሓደ ሽሕ ዓመት ከም ዝወስደሉ ጠቒሱ።

ኣቶ ጸጋይ ኣስዒቡ፣ ኣብዘን ዝሓለፋ 32 ዓመታት፣ ሃገራዊ ትካል ሕርሻዊ ምርምር ኤርትራ፣ ካብ ዘሰላሰሎም ንጥፈታት ኣብ ቅምሶታት ሓመድን ማይን ከምኡ’ውን ድሩቕን ፈሳስን ድኹዒ ምርምራዊ ስርሓት ክካየድ እንከሎ፣ ካብ ዓመተ 1999 ክሳዕ 2024 ኣብ ዝዘርጋሕ ግዜ ካርታ ዓይነት ሓመድ ናይ 50 ሽሕ ሄክታር ከም ዝቐረበ ገሊጹ።

ንቤት ጽሕፈት ውድብ መግብን ሕርሻን ኣብ ኤርትራ ወኪሉ መደረ ዘስምዐ ኣቶ ቴድሮስ ሰለሞን ብወገኑ፣ ጥዕናኡ ዝተዓቀበ ሓመድ መሰረት ውጽኢታውን ዘላቕን ሕርሻ ከም ዝኾነ ብምጥቃስ፣ ኣብ ምርግጋጽ ጥዕና ሓመድ ዘነጻጸረ



ኣቶ ጸጋይ ብርሃነ

ሜላ ምሕደራ ጸጋታት ሓመድ፣ ሓረስቶት ምስ መሬቶም ተሰማሚዖም ደኣ እምበር፣ ድሕነትን ዘላቕነትን መሬቶም ኣብ ሓደጋ ንኸየእትዉ ከም ዘኽእል ሓቢሩ።

ኣቶ ተድሮስ ኣስዒቡ፣ ሓመድ እቲ ዝለዓለ ደረጃ ብዙሕነት ህይወታውያን ዘውንን ኩይኑ፣ ኣዝዩ ምስጢራዊ ስርዓተ ማሕድሮ ብምዃኑ ድማ ሓደ ነጥቢ ሰብዓን ሓሙሽተን (1.75) ሚልዮን ታህዋስያን ሓመድ ጥራይ ተጸኒዖም ከም ዘለዉ ብምጥቃስ፣ ቀጻልነት ዓለምና ኣብ ምስጢራት ሓመድ ከም ዝምርኰሰ ገሊጹ።



ኣቶ ተድሮስ ሰለሞን

ኣብቲ ዝተኻየደ ናይ ዝኽሪ መዓልቲ፣ ብዛዕባ ክንክን ሓመድ፣ ገምጋም ምሕደራን ክትትልን ጥዕና ሓመድ፣ ጽልዋ ንጥፈታት ምዕቃብ ሓመድን ማይን ኣብ ምድንፋዕ ፍርያምነት ሓመድ፣ ምቍጽጻር ብጨዋምነት ዝተጠቕዐ ሓመድ፣ ኣገዳስነት ላቦራቶሪ ኣብ ምውሓስ ጥዕና ሓመድ፣ ጽልዋ ባህርያዊ ድኹዒ ኣብ ምድንፋዕ ኣፍራዪ ሑጻዊ ሓመድ ንምውሓስ ዝጻወቶ ተራ ዝብሉን ካልኦትን ወረቓቕቲ ቀሪቦም።

ኣብ መወዳእታ፣ ተሳተፍቲ ካብ ዝቐረብዎ ለበዋታት፣ ሓመድና ብግቡእ ንምዕቃብ ጨናፍር ላቦራቶሪታት ኣብ ዞባታት ክኽፈታ፣ ኣየናይ ሓመድ ነየናይ ዘርኢ ከም ዝሰማማዕ ብንጹር ክፍለጥ፣ ካብ ገረብ ዝረግፍ ኣቍጽልቲ ኣብ ምዕቃብ ሓመድ ተራ ስለ ዘሎዎ ፍሉይ ኣድህቦ ክግበረሉ ዝብሉን ካልኦትን ይርከብዎም።

እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ፣ ወከልቲ እተፈላለያ ኣብ ምሕደራ ሓመድ ተራ ዘሎወን ኣካላት መንግስቲ እተሳተፋዎ ሓባራዊ ዘተ ተኻዪዱ፣ ብርክት ዝበሉ ምስ ዕላማ ናይቲ መዓልቲ ዝኸዱ ጉዳያት ድማ ብዕምቈት ተዳህሲሶም።





ኣቶ ሳሙኤል በረኸት

ኣብ መዛዘሚ እቲ ዝኽሪ፡ ኣብ ሃገራዊ ትካል ሕርሻዊ ምርምር፡ ዳይረክተር ጨንፈር ምርምር ምሕደራ ባህርያዊ ጸጋታትን ኣቦ መንበር ቴክኒካዊ ሽማግለ ናይቲ መዓልትን ኣቶ ሳሙኤል በረኸት ኣብ ዘስምዖ ደምዳሚ ቓል፡ መሬት መሰረት ህይወት ወዲ ሰብ ብምዃኑ፡ ብውሕልነትን ውሕስነትን ብምጥቃም፡ ቀጻልነት ዘሎዎ እቶታውነትን ኵነታት ሓመድ ምፍላጥን ምርምር ምሕደራኡን ተግባራዊ ንምግባር ቀጻሊ ምክትታል ክግበር ከም ዘግባእ ኣዘኻኺሩ።

ኣብቲ ዝኽሪ፡ ሓለፍቲ ሚኒስትሪ ሕርሻን መሬትን ማይን ኣከባብን፡ በዓል ስልጣን ኣግራብን እንስሳ ዘገዳምን፡ ካብ ዞባታት ዝመጹ ኣባላት ሚኒስትሪ ሕርሻን እተፈላለዩ ክኢላታትን ዕዱማት ኣጋይሽን ተሳቲፎም።

መሰረታዊ ድሌታትና ንመግብን ማይን ካብ ሓመድ ከም ዝጅምር፡ ኵሉና እንፈልጦ ሓቂ እዩ። ስለዚ፡ ኵሉና ሓመድና ንከናኽኖ፣ ነመርምሮ፣ ንከታተሎ፣ ከምኡ'ውን ነመሓድሮ። ጥዑይ ሓመድ እንተፈጢርና፡ ጥዑይን ዘላቕን ጸጋታት መግብን ማይን ክንረክብ፡ ውሑስን ጥዑይን ሃዋህው ክንፈጥር፡ ኣብ ቍጽጽርን ምጉዳል ሙቐት ዓለም ኣበርክቶ ክንገብር ከምኡ'ውን ሳዕቤናት ለውጢ ክሊማ ክነቃልልን ንኽእል።






# ኣብነታዊ ሓረስታይ በረኸት ተኸስተ

## ‘ደራኺ ስትራተጅያዊ ውጥን ‘ንርቃሕ’

ተስፋኣለም ገብረስላሴ (ጫረ)



ኣቶ በረኸት ተኸስተ

“መሬት፡ ግቡእ ምሕደራ፡ ክንክንን ናብዮትን ይደሊ፣ ብቑዕ ምሕደራ ሕርሻ፡ ርቡሕ ምህርቲ ይህበካ። ጽበትን ስፍሓትን መሬት ንበይኑ ንእቶታውነት ኣይውስኖን’ዩ፣ እንታይ ድኣ ስራሕን ጻዕርን ከምኡ’ውን ክንክን ደኣ’ምበር። ኣብ ንእሸቶ ቃጽያ (1000 ትርብዒት ሜትሮ ስፍሓት መሬት)፡ ካብ ሸሞንተ ክሳዕ ትሽዓተ ኩንታል ምህርቲ ክትሓፍስ ይክኣል እዩ፣ ብግብሪ’ውን ርኢናዮ ኢና። ስለዚ፡ ኵሉ ሓረስታይ ንተበግሶ ‘ንኡስን ርቡሕን ቃጽያ ሕርሻ’ (ንርቃሕ) ክሰርሓሉ እንተ ኽኢሉ፡ ናብ’ቲ ዝድለ ዕላማ ክንበጽሕ ኣይክንሸገርን ኢና።” ይብል ኣብነታዊ ሓረስታይ በረኸት ተኸስተ።

ኣቶ በረኸት ተኸስተ፡ ሓደ ኻብ ኣብነታውያንን ደረኽቲ ሓሳባት መደብ ‘ንርቃሕ’ን እዩ። ነዚ ሎሚ ሚኒስትሪ ሕርሻ ከም ኣካል ስትራተጅያዊ ውጥን ሓሙሽተ ዓመት ናብ መላእ ሃገር ዝሰርሓሉ ዘሎ መደብ ‘ንኡስን ርቡሕን ቃጽያ ሕርሻ’ (ንርቃሕ) ኣብ ምብጋስ ኣነቓቒሑ።

ኣቶ በረኸት፡ ካብ ኣስመራ ንሰሜን ዓሰርተ ኪሎ ሜትር ርሒቓ ኣብ እትርከብ ዓዲ በለዛ ብ1967 ተወሊዱ። ውሉድ ሓረስታይ ኩይኑ፡ ግዜ ቍልዕነቱ ብመጓሰን ማሕረስን ኣሕሊፉዎ። ትምህርቲ ኣብ በለዛ፡ ዓዲ ንፋስ፡ እምባደርሆን ቤት ትምህርቲ ኣስመራ ሓፊሻውን ክሳዕ 10ይ ክፍሊ ድሕሪ ምምሃር፣ ጠቕሊሉ ናብ ማሕረስ ተመሊሱ። ልምዳዊ ኣገባብ ማሕረስን ውጽኢቱን ኣዕጋቢ ዘይምኳኑ፡ ገና ኣብ ዓሰርተ ኣርባዕተ ዕድመኡ ከስተብህል ከም ዝጀመረ ይሕብር።

“ኣብዚ ማዕጾና ግራት ኔራትና። ዋሕዲ ማይ የጋጥማ ነይሩ። ሓደ ግዜ ንኣቦይ፡ ነዛ ግራት ዘይንሸርዓ (ዘይንዛልያ) ኢለዮ። ምሽራዕ ልሙድ ኣይነበረን። ድሕሪ ግዜ ሰሚዑኒ፣ ሸሪዕናያ። ብኽልተ ሰለስተ ዝናብ ኣኸዛ እኹል ማይ ሒዛ። ኣብ ግንቦት-ሰነ ካብ ኵለን ኣብ ጥቓኣ ዝነበራ ግራውቲ ርኡይ ለውጥን ዘዕግብ ምህርትን ሂባትና፣ ብድሕሪ’ዚ ቀጺልናዮ። እዚ ኣተሓሳስባ’ዚ ምሳይ ዓብዩ። ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ቀጻሊ ብመስመር ክንዘርእ፡ ግቡእ ምሕደራ መሬት ክንገብር፡ ባህርያዊ ድኹዒ ክንጥቀም፡ ኮምፖስት ከነዘውትር ይድረኸና’ኳ እንተ ነበረ፡ ካብ ልምዳዊ ኣገባብ ክንወጽእ ኣይከኣልናን። ‘ክሳዕ መኣስ ኢና ብኸምዚ ክንቅጽል?’ ዝብል ሕቶታት ኣልዒለ። መንግስቲ፡ ምሩጽ ዘርኢ ይህበና ኣሎ። ብዓቕምና’ውን መሬት ኣሎና። ስለዚ፡ ንምንታይ ዘይፍትን ኢለ ኣብ 2020 ኣብዛ ንእሸቶ ቦታ ጀሚረ።” ይዝክር ብኸመይ ናብ መደብ ንርቃሕ ከም ዝኣተወ ንምግላጽ።

ፋልመይቲ ናይ ፈተነ መደብ፡ ሰለስተ ብኽልተ ሜትሮ ኣብ ዝስፍሓታ መሬት ሚእቲ ግራም ዘሪኡ። ኣብ ሽዱሽተ ትርብዒት ሜትሮ፡ 9.1 ኪሎ ግራም ምህርቲ ሓፊሱ። ብዝረኸቦ ውጽኢት ተተባቢዑ። ብመስመር ምዝራእ ኣዝዩ ኣኽሳቢ ምዃኑ ኣረጋጊጹ። “ክገርመካ እታ ብመስመር ዝዘራእኩዋ ንእሽቶ ቦታ እያ። ምህርታ ዓቢ ምዃኑ ክኢላታት ኣረጋጊጾምለይ። ዝያዳ ኹሉ ዘተባብዓኒ ግን ክቡር ሚኒስተር ሕርሻ ኣቶ ኣረፋይነ በርሀ እዩ፣ ሞራል ሂቡኒ። ካብዛ ንእሽቶ ቦታ እየ ተበጊሰ። ካብ ብሻሕ ብመስመር ክዘርእ ከም ዝኽእል’ውን ተኣማሚነ። ትርጉም መስርዕ ዓሚቑ እዩ” ብምባል ናብ ሰፊሕ መግለጽን ኣብነትን እዩ ሰጊሩ።

“መስመር ትሰርዕ እያ። ቅኑዕ መስርዕ ጽቡቕ መልክዕ እዩ ዝፈጥር። እዚ ኣብ ሳዋ ኣረጋጊጽናዮ ኢና። ኣሽሓት ተዓለምቲ ከም ፈትሊ ኣብ መስርዕ እዩ ዝስምር። ንምንቅስቓስ ጽቡቕ፡ ቍመና ኣብ ምትዕርራይ ጽቡቕ፡ ንትርኢትን ከተማሓድሮን ሸግር የብሉን። ስለዚ፡ ኣብ ግራት’ውን ብመስመር ምዝራእ፡ ንምቁጽጻር ጽቡቕ፣ ክትጽህዮ ቀሊል፣ ግቡእ ብርሃን ጸሓይ ክረክብ፣ ማይ ክተስትዮ ዘየሸግርን ስለ ዝኾነ፡ መተካእታ ዘይብሉ ምርጫ ምዃኑ ፈሊጠ” ይብል፡ ምስ ኣባላት ካልኣይ ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት ተዓሊሙ፡ ዝተረፈ ግዜ ኣገልግሎቱ ኣብ ሞጎሎ ፈጺሙ ዝተጣየሰ ኣብነታዊ ሓረስታይ በረኸት ተኸስተ።

ኣብነታዊ ሓረስታይ በረኸት፡ ኣብ ንኡስን ርቡሕን ቃጽያ ሕርሻ ምንጣፉ፡ ብእተፈላለየ ንጥፈታት ሕርሻ እዩ ሓሊፉ። ኣብ 1997 ድሕሪ ናይ ኣገልግሎት ግዜኡ ፈጺሙ ምጥያሱ፡ ናብ ሲቪላዊ ህይወት ተመሊሱ

ኣብ ንግዲ'ዩ ተዋፊሩ ነይሩ። ከባቢኡ ናይ ምዕዛብ ልዑል ዝንባለ ስለ ዝነበሮ፡ ነቲ ኣብ ሞንጎ ዝፈሪ ላኻን ውጽኢት ላኻን ናብ ረብሓኡ ንምቅያር፡ ካብኡ ሓሊፉ ካብን ናብን ኢትዮጵያ እኽሊ ክነግድ ጀሚሩ። ምስቲ ዝነበረ ምትኹታኹ ቅድመ ኩናት ከምቲ ዝድለ ስለ ዘይተዓወተ፡ ናብ መፍረ ደርሁ ሰገረ። ናብቲ ዓውዲ'ውን ብግቡእ መጽናዕትን ግብራዊ ትምህርትን እዩ ተጸንቢሩ።

“ካልኣይ ደረጃ እናተማሃርኩ ናይ መፍረ ደርሆን እንቋቑሖን ዝንባለ ሓዲሩኒ። ከፍሪ ግን ዕድል ኣይረኸብኩን። ኣብ 1998 ግን ‘ደርሁ ከፍሪ ኣሎኒ’ ዝብል ሓሳብ ሰዲሩኒ። ናብ ሚኒስትሪ ሕርሻ ብምኻድ ንኽኢላ ኣልማዝ ተወኪሰያ፣ ሰራሕ ተቑጸር ኢላትኒ። ኣነ ግን ብናጻ ክሰርሕን 10 መዓልቲ ክምሃርን ጥራይ'ዩ ነይሩ መደበይ። ካብኡ ናብ ቀሓውታ ሰዲዳትኒ። ኣብኡ እናሰራሕኩ ክመሃር ጀሚረ። ጉኒ ጉኑ ናብ ሰምበል ብምኻድ'ውን ግብራዊ ትምህርቲ ካብ እንዳቦይ ብርሃነ ቀሲመ። ጃህራ ከይመሰልኩ፡ እታ ኣነ ዝከታተላ ዝነበርኩ ብምህርቲ እንቋቑሖን ውጽኢትን ዝሓሸት ኩይና። ብድሕሪኡ 300 ጨቓዊት ወሲደ፣ ጸኒሐ ናብ 1000 ኣብጺሐየን። ካብኡ ወራር ወያነ መጺኡ፣ ካብ መርዓይ እየ ከቲተ። ክሳዕ 2004 ኣብ ሰራዊት ጸኒሐ ተጣዩሰ”።

ኣብነታዊ ሓረስታይ በረኸት፡ ኣብ 1979 እዩ ናይ መንጋጋ ማህረምቲ ኣጋጢምዎ። ኣብ እዋን ከበባ ኣስመራ፡ ሰራዊት ኢትዮጵያ ኣብ ከባቢ በለዛ ነታጉ ኣጻዊዶም ነበሩ። ድሕሪ ምዝላቕ፡ መንእሰያት በለዛ፡ ነቲ ነታጉ ኣውጺኦም ናብ ተጋደልቲ ከብጽሕዎ መደቡ። ካብ ዕለታት ሓደ መዓልቲ፡ ወዲ 12 ዓመት በረኸት ምስ ካልኣዩ ነታጉ እናውጽኡ ተባሪዕዎም። ክልተኦም'ውን ተሃሪሞም፣ ካብ ሞት ንስክላ ድሒኖም። በረኸት ግን ኣብ መንጋጋ ማህረምቲ ኣጋጢምዎ። በዚ ካብ ሰራዊት ተጣዩሱ፡ ድሕሪ 2005 ናብ ሕርሻ፡ ናይ ጸባ ከብትን ጀርዲንን ተመሊሱ ንጥፈታት ቀጺሉ። ናይ ጸባ ከብቲ ብሰንኪ ሕማም ከምቲ ዝድለ ክቕጽል ኣይከኣለን። ነቲ ናይ ጀራዲን ልምዓት ግን ብዝለዓለ ጻዕሪ ኣማዕቢሉ።



“ብሚኒስትሪ ሕርሻ እተፈላለየ ስልጠናታት ይወሃብ እዩ። ኣብ ኩሉ ኽእ እሳተፍ ነይረ፣ ጉስጓስ የማዕበለካ እዩ፣ ንዘሎካ ፍልጠት ይውስኸልካ፣ ብኣገባብ ይሰርዓካ። ዕድለኛ ኹይነ ብዙሕ እዋን ምሩጽ ዘርእታት እንተመጺኡ'ውን ንፈተነ ይወሃብ እዩ። ኣብ ኩሉ እቲ ትምህርቲ ኽእ ይሳተፍ ነይረ። ኮምፖስት ክጥቀም ግዜ ኣይወሰድኩን፣ እታ ብመስመር ምዝራእ እትብል ምህሮ'ውን ክትግበራ ተበጊሰ። ዋላኻ ኣብ እትበሃል ቦታ ክፍትና ወሲነ። እታ ቦታ ኹሉ እዩ ፈንፊንዋ ነይሩ።” ሓረስታይ በረኸት ግን ናብ ቦታ ፍርያት ቀዪሩዋ። ብኸመይ?

“ዝግባእ ምድልዳል መሬት ምስ ገበርኩላ ዝኣክል ምህርቲ ክሓፍሰላ ኽኢለ። ኣብ ሕርሻ ካብ ከባቢኻ ብዝርከብ ጸጋ ኢኻ እትሰርሕ። ጉድጓድ ኩዒተ ኣብዚኣ ኮምፖስት ጌረ፣ ተጠቒመሉ። ምህርተይ ሰሲኑ። ካብኡ ናብዛ ሕጂ ‘ንርቃሕ’ ተባሂላ ዘላ መደብ ኣትየ። ብመስመር ክዝራእ ከም ዝኽእል ንኽበሰይ ኣእሚነዮ። ካብ ዘርኢ ናብ ዘርኢ፡ ካብ ነግሒ ናብ ነግሒ ካብ መስመር ናብ መስመር ኩሉ ርሕቀት እናዓቀንኩ ሰሪሐ። ካብ ሰራሕ ስለ እትመሃር እናማዕበልክዎ መጺአ።” ይብል'ሞ እቲ ብኻሕ ምዝራእ ዝለመደ ሓረስታይ ብእኡ ይግረምን ዘይከውን ሰራሕ ይፍጽም ከም ዝነበረን ሰብ ይገልጾ ከም ዝነበረ ይሕብር።

“ምርኣይ ምእማን እዩ። ውጽኢት ከኣ ደራኺ ሰራሕ እዩ። ንኣይ ንኽሰርሕን ናብ ዝሰፍሐ መደብ ክቕጽልን ዝደረኸኒ፡ ክቡር ሚኒስተር ኣረፋይነ በርሀ እዩ። ምኽንያቱ፡ ኣተባቢዑኒ። ነታ ንእሽቶ ተበግሶይ ኣፍልጦ ሂቡ ሞራል ኣቕሲሙኒ፣ ተመላሊሱኒ። ምህርቲ ምስ ተረኽበ'ውን ክኢላታት ልኢኹ፣ ኣብ ሓደ ሄክታር ካብ 60 ክሳዕ 80 ኩንታል ሰርናይ ክርከብ ከም ዝኽእል ተገሚቱ። እዚ ዓቢ ዓወት እዩ ነይሩ። ኣብ ኣህጉራዊ ዋዕላ ሰርናይን ዕፉንን ንሽልማት ምስ በቓዕኩ ድማ ሓበን ተሰሚዑኒ።” ይብል።

እዚ መደብ ንርቃሕ ናብ ምሉእ ሃገር ክበጽሕን ኩሉ ሓረስታይ ኣብነታዊ ሓረስታይ ኩይኑ ብሕርሻ ናብቲ ዝድለ ዕላማ ክወቅዕን ልዑል ምንዮት ኣለዎ። ፍልጠቱን ናይ ሰራሕ ጉዕዞኡን ክካፈል፡ ብዓቢኡ ነቲ ኣብቲ ከባቢ ፈጢሩዎ ዘሎ ዓቢ ናይ ልምዓት ቦታ መጺኦም ሓድሕድ ተመክሮ ክለዋወጡን ብምዕዳም፡ “ካብ ልምዳዊ ኣገባብ ወጺእና፡ ናብ ዘመናዊ ማሕረስ ክንሰግር ብኣካልን ብኣእምሮን ክንዳሎ ይግባእ። እንተሰሪሕና ብመግቢ ንገዛእ ርእስና ኴንና ንወጻኢ ዘይንስደደሉ ምኽንያት የብልናን” ይብል፡ ብሕርሻ ጽቡቕ ናብራን ሓዳርን ዝመርሐ ዘሎ ኣብነታዊ ሓረስታይ በረኸት ተኸስተ።

***

# ስትራቴጂ ንኡስን ርቡሕን ቃጽያ ሕርሻ (ንርቃሕ)

## መሰረት 'ውሑስን መኣዛውን መግቢ ንኹሉ፡ ኣብ ኩሉ!'

ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ኣብ ትሕቲ "ውሑስን መኣዛውን መግቢ ንኹሉ፣ ኣብ ኩሉ!" ዝብል መርሓ ጉደና፡ ካብ 2024-2028 ዝዝርጋሕ ሓድሽ ስትራተጅያዊ ውጥን ኣዳልዩ ኣብ ምትግባሩ ይርከብ።

- **ውሑስ፦** ድሕነት ሰብን ኣከባብን ኣብ ግምት ዘእተወ ኣገባብ ምፍራይ፡ ምኽዛን፡ ምግዕዓዝን ምህላኽን ሕርሻዊ ፍርያት
- **መኣዛዊ መግቢ፦** ብብዝሕን ዓይነትን ብቑዕን እኹልን መኣዛዊ ትሕዝቶ (ፕሮቲን፡ ካርቦሃይድሬት፡ ቪታሚናትን ማዕድናትን) ኣብ ግምት ዘእተወ ኣገባብ ምፍራይ ሕርሻ
- **ንኹሉ፦** ኣብ ኩሉ ኽሊ ዕድመ ንዝርከብ ኤርትራዊ ዜጋ ብሓፈሻ፡ ንኹሎም ህጻናትን ቈልዑን ድማ ብፍላይ ይውክል
- **ኣብ ኩሉ፦** ኣብ መላእ ክፋል ኤርትራ ማለት ንኹሉ ኣግሮ-ኢኮሎጂያዊ ከባቢታት ሃገርና ይውክል

መትከል፡ "ውሑስን መኣዛውን መግቢ ንኹሉ፣ ኣብ ኩሉ!" ብእተፈላለዩ ተበግሶታት ማለት ብመገዲ ኣብነታውያን ሓረስቶት፡ ብደረጃ ዓዲ ብግጡም ልምዓት ብቑሊ፣ ብመገዲ ንኡስ፡ ውሁድ ስድራቤታዊ መደብ ሕርሻ፣ ብንኡስን ማእከላይ ንግዳዊ ሕርሻታት ከምኡ'ውን ብመደብ 'ንኡስን ርቡሕን ቃጽያ ሕርሻ' ንኽትግበር እዩ ተሓንጺጹ ዘሎ። እዚ ሓጺር መወከሲ እምበኣር ንዕላማን ኣተገባብራን ስትራተጂ 'ንኡስን ርቡሕን ቃጽያ ሕርሻ' ኣተኩሩ ተዳልዩ ኣሎ።

### 2. ዕላማ ስትራተጂ 'ንኡስን ርቡሕን ቃጽያ ሕርሻ'

- እዚ ስትራተጂ፡ ኣብ መላእ እቲ ብዝናብ ዝለምዕ ክፋል ሃገርና ብሓፈሻ፡ ኣብ ሓውሲ ኣጻምእ ቦታታት ዝርከባ ብዕንጋሎኣዊ ሕርሻ ዝናበራ ስድራቤታት ድማ ብፍላይ፡ ካብ ዘለወን መሬት ሕርሻ፡ ሓደ ሽሕ (1000) ትርብዒት ሜትሮ ብምፍልይ፡ ንኡስን ርቡሕን ዝኾነ ምህርቲ ዘራእትን ኣሕምልትን ንኽፍርያ ዓሊሙ ይሰርሕ።

### 3. ኣገባብ ትግባረ፦

እዚ ተበግሶ፡ ኣብ እዋን ክራማት ብምሉኡ እቲ 1000 ት.ሜ ኣብ ልምዓት ብሱል ዘራእቲ ጥራይ ዘተኩር ኲይኑ፡ ኣብቲ ዝተረፈ ክልተ ወቕትታት ግና ከከም ኣከባቢኡ፡ እቲ 800 ት.ሜ ዑደት ዘራእቲ ኣብ ግምት ዘእተወ ልምዓት ጥረታትን ናይ ቅብኢ ኣእካልን (ከከም ኲነታት ኣየሩ)፣ እቲ ዝተረፈ 200 ት.ሜ ድማ ኣብ ኣርባዕተ ክፋላት ተመቒሉ፡ ምቁር ድንሽ ከም ቀዋሚ ተኽሊ ተቘጺሩ፡ እቲ ዝተረፈ ክፋሉ ድማ መምስ ከባቢኡን ኩነታት ኣየርን ዝሸይድ ንኡስ ልምዓት ኣሕምልቲ ከም ጉዕ፡ ሰላጣ፡ ኮመደረ፡ ባምያ ወዘተ. ይካየደሉ። ንዝያዳ መብርሂ ብስእላዊ መግለጺ ኣብ ገጽ 22 ቀሪቡ ኣሎ።

<u>ሀ. ኣብ ከበሳታት (ማእከላይን ሰሜናውን ከበሳ)</u>

**ዞባ ማእከል፡ ዞባ ደቡብ፡ ዝበዝሑ ክፋል ዞባ ዓንሰባ፡ ገለ ክፋል ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ከምኡ'ውን ንኡስ ዞባ ሎጎ ዓንሰባ ናይ ዞባ ጋሽ-ባርካ**

ኣብ ከበሳታት ዝርከቡ ሓረስቶት፡ ኣብ እዋን ክራማት መምስ ከባቢኦም ዝሰማማዕ ዓይነት ዘርእቲ ከም ዘፍርዩ ዝፍለጥ ኲይኑ፡ ብፍሉይ ግና ነፍሲ-ወከፍ ሓረስታይ፡ ካብቲ ዘሎዎ መሬት ሕርሻ፡ ሓደ ሽሕ (1000) ትርብዒት ሜትሮ፡ ነዚ 'ንኡስን ርቡሕን ቃጽያ ሕርሻ' ብዝብል ተበጊሱ ዘሎ መደብ ክፈሊ ይግባእ። እዛ ተፈልያ ዘላ ቃጽያ ድማ ኣብ በበይኑ ወቕትታት ብኸምዚ ዝስዕብ ኣገባብ ትለምዕ።

**ልምዓት ቀዳማይ እብረ፦** ኣብ ከበሳታት፡ ካብ ፈለማ ወርሒ ሓምለ ክሳዕ መወዳእታ ጥቅምቲ ብምሉኣ ጻዕዳ እኽሊ (ብፍላይ ድማ ስርናይ) ይዘርእዋ።

**ልምዓት ካልኣይ እብረ፦** ካብ ፈለማ ሕዳር ክሳዕ ምዝዛም ወርሒ ለካቲት ኣብ ዘሎ ወቕቲ፡ ነታ ቃጽያ ኣብ ሰለስተ ክፋል ይመቕልዋ። እቲ ዝበዝሐ ክፋል ማለት 800 ትርብዒት ሜትሮ ጥረታት (ዓተር፡ ዓይኒ ዓተር፡ ባልደንጓ ወዘተ.) ይዘርእዎ። ካብቲ ዝተረፈ 200 ትርብዒት ሜትሮ ድማ ብውሑዱ ርብዑ ማለት 50 ትርብዒት ሜትሮ ምቁር-ድንሽ ከም ቀዋሚ ተኽሊ ተወሲዱ ኣብቲ ቦታ ዑደት እናገበረ ይለምዕ። እቲ ዝተረፈ 150 ትርብዒት ሜትሮ ድማ ከከም ከባቢኡ ከም ጉዕ፡ ኮመደረ፡ ሰላጣ፡ ቁስጣ ወዘተ. ይለምዕ። ኣብዚ ወቕቲ፡ ዝናብ ስለ ዘየሎ፡ ሓረስቶት ብጉልበት እዮም ነታ ቓጽያ ማይ ክስትዩዋ ዝግባእ።

**ልምዓት ሳልሳይ እብረ፦** ካብ ፈለማ ወርሒ መጋቢት - ክሳዕ መወዳእታ ሰነ፡ ነታ ቓጽያ ሕጂ'ውን ኣብ ሰለስተ ክፋል ይመቕልዋ። እቲ ዝበዝሐ ክፋል ማለት 800 ትርብዒት ሜትሮ ናይ ቅብኢ ኣእካል (ኒሁግ፡ እንጣጢዕ ወዘተ.) ይዘርእዎ። ካብቲ ዝተረፈ 200 ትርብዒት ሜትሮ ድማ ብውሑዱ ርብዑ ማለት 50 ትርብዒት ሜትሮ ምቁር-ድንሽ ከም ቀዋሚ ተኽሊ ተወሲዱ ልምዓት ይቕጽል። እቲ ዝተረፈ 150 ትርብዒት ሜትሮ ድማ ከከም ከባቢኡ እተፈላለዩ ኣሕምልቲ ከም ጉዕ፡ ኮመደረ፡ ሰላጣ፡ ቁስጣ ወዘተ. ይለምዕ።

## ለ. ኣብ ምብራቓዊ ቆላታት
## (ሰሜናውን ደቡባውን ቀይሕ ባሕሪ)

መብዛሕትኡ ክፋል ምብራቓዊ ቆላታት፡ ክረምቱ ካብ ናይ ከበሳ ዝፍለ ምኳኑ ይፍለጥ። ገሊኡ ክፋል ናይዚ ከባቢ ግና ምስ ከበሳ'ውን ካልኣይ ክረምቲ ኣሎዎ። ስለዚ፡ ምስቲ ናይ ከበሳ ተመሳሳሊ ልምዓት ቀዳማይ እብረ ክኽተሉ ይኽእሉ።

**ልምዓት ቀዳማይ እብረ፦** ኣብ ክራማት ባሕሪ ማለት ካብ ፈለማ ወርሒ መስከረም ክሳዕ ምዝዛም ወርሒ ታሕሳስ ግና ብምሉኣ እታ ዝተፈልየት ቃጽያ ዕፉን ጥራይ ይዘርእዋ።

**ልምዓት ካልኣይ እብረ፦** ካብ ፈለማ ወርሒ ጥሪ ክሳዕ ምዝዛም ወርሒ ሚያዝያ ኣብ ዘሎ ወቕቲ ድማ፡ ነታ ቃጽያ ኣብ ሰለስተ ክፋል ይመቕሉዋ። እቲ ዝበዝሐ ክፋል ማለት 800 ትርብዒት ሜትሮ ነቲ ከባቢ ዝሰማማዕ ጥረታት ይዘርእዎ። ካብቲ ዝተረፈ 200 ትርብዒት ሜትሮ ድማ ብውሑዱ ርብዑ ማለት 50 ትርብዒት ሜትሮ ምቁር-ድንሽ ከም ቀዋሚ ተኽሊ ተወሲዱ ይለምዕ። እቲ ዝተረፈ 150 ትርብዒት ሜትሮ ድማ ከከም ከባቢኡ ብኣሕምልቲ ይለምዕ።

## ሐ. ኣብ ምዕራባዊ ቆላታት
## (ዞባ ጋሽ-ባርካን ገለ ክፋል ዞባ ዓንሰባን)

**ልምዓት ቀዳማይ እብረ** - ኣብ ቀንዲ ክራማት ማለት ካብ ወርሒ ሓምለ ክሳዕ ወርሒ ጥቅምቲ እታ ዝተፈልየት ቃጽያ (1000 ት.ሜ) ብዝተኻእለ መጠን ብምልእታ ዕፉን ጥራይ ይዘርእዋ።

**ልምዓት ካልኣይ እብረ፦** ካብ ወርሒ ሕዳር ክሳዕ ለካቲት ኣብ ዘሎ ወቕቲ ድማ፡ ነታ ቃጽያ ኣብ ሰለስተ ክፋል ይመቕሉዋ። ነቲ ዝበዝሐ ክፋል ማለት 800 ትርብዒት ሜትሮ ጥረታት (ዓተር፡ ባልደንጓ ወዘተ.) ይዘርእዎ። ካብቲ ዝተረፈ 200 ትርብዒት ሜትሮ ድማ ብውሑዱ ርብዑ ማለት 50 ትርብዒት ሜትሮ ምቁር-ድንሽ ከም ቀዋሚ ተኽሊ ተወሲዱ ይለምዕ። እቲ ዝተረፈ 150 ትርብዒት ሜትሮ ድማ ከከም ከባቢኡ ከም ጉዕ፡ ኮመደረ፡ ባምያ ወዘተ. ይለምዕ።

- ካብ ወርሒ መጋቢት ክሳዕ ሰነ ግና ዝበዝሐ ክፋል ምዕራባዊ ቆላ፡ ልዑል መጠን ሙቐት ዝረኣየሉ እዋን ስለ ዝኾነ፡ ንልምዓት ምቹእ ዘይምኳኑ ይፍለጥ። እዚ ተጠቒሱ ዘሎ መምርሒ ሓፈሻዊ ኾይኑ፡ ምስ ኩነታት ኣየርን ዓይነት ዘርእን ዝተሓሓዝ ለውጥታት ምግባር ይከኣል እዩ።

**ኣገባብ ምድላው መሬት፦** እዛ 1000 ት.ሜ ዝዓቀና መሬት፡ ከከም ኩነታት ኣቃውማኣ ናይ ግድን ብግቡእ ክትምድመድ ወይ ድማ ብመደባዊ ዛላ ክትደላደል ይግባእ። ብድሕሪ'ዚ ብባህርያዊ ድኹዒ ወይ ኮምፖስት ክትድኳዕ ይግባእ።

**ዓቐን ድኹዒ፦** ነዛ ናይ 1000 ት.ሜ ቃጽያ ካብ 20-25 ኩንታል ባህርያዊ ድኹዒ ወይ ኮምፖስት የድልያ። እዚ ኣብ ፈለማ ብዙሕ ክመስል ዝኽእል'ኳ እንተኾነ፡ ንሓደ መሬት ሰለስተ ዓመታት ከገልግል ዝኽእል ምኳኑ ምግንዛብ ኣገዳሲ እዩ። ናይ ዓሳ ይኹን ጻህያይ ፈሳሲ ድኹዒ እውን ብምኽሪ ክኢላታት ምጥቃም ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ።

**ዓይነት ዘርእን ኣዘራርኣን፦** ብሓፈሻ ኣብቲ 1000 ት.ሜ እንጥቀመሉ ዓይነት ዘርኢ፡ ዕላማኡ ብግቡእ ክወቅዕ እንተኾይኑ፡ ሓረስቶት ብዝተኻእለ መጠን ካብ ሚኒስትሪ ሕርሻ ምሩጽ ዘርኢ ክረኽቡ ይግባእ። ኣገባብ ኣዘራርኣ ብዝምልከት ድማ ስርናይ ይኹን ዕፉን ብመስመር ዝዝራእ ኩይኑ፡ እዚ ዝስዕብ ርሕቀት ይህሉዎ።

- ኣብ ስርናይ ኣብ ሞንጎ ክልተ ነግሒ፡ ካብ 20 - 30 ሰ.ሜ ርሕቀት ይዝራእ።

- ኣብ ዕፉን፡ ብመስመር ኩይኑ፡ ኣብ ሞንጎ ክልተ ነግሒ ብ 75 ሰ.ሜ ርሕቀት፡ ኣብ ሞንጎ ክልተ ተኽሊ ድማ ብ 25 ሰ.ሜ ርሕቀት ይዝራእ።

- ምቁር ድንሽ ድማ ብሰረተ-ጉንዲ ዝትከል ኩይኑ፡ ንኣገባብ ኣተኻኽላኡን ክንክኑን ብዝምልከት፡ ክኢላታት ሕርሻ ኣድላዩ



ደገፍ ክገብሩ ትጽቢት ይግበር። ካልኦት ኣሕምልቲ'ውን ከከም ዓይነቶም ብምኽሪ ክኢላታት ወይ ብተመኩሮ ሓረስቶት ይትከሉ ወይ ይዝርኡ።

**ዓቐን ዘርኢ ንጻዕዳ እኽሊ፦** ስርናይ ን1000 ት.ሜ ካብ 5-6 ኪሎ ግራም ዘርኢ የድሊ። ን800 ት.ሜ ዘድሊ ዓቐን ድማ ብመንጽሩ ይትመን።

ዕፉን ን1000 ት.ሜ ካብ 2 - 2.5 ኪሎ ግራም ዘርኢ የድሊ። ን800 ት.ሜ ዘድሊ ዓቐን ድማ ብመንጽሩ ይትመን

**ክንክን ምህርቲ፦** እዚ ኣብ 1000 ት.ሜ ዝካየድ ልምዓት፡ ኣብ ንእሽቶ ቃጽያ ዝካየድ ከም ምዃኑ መጠን፡ ክንክን ዘራእቲ (ምስታይ ማይ፡ ጻህያይ፡ ጉስያ ወዘተ.) ብኢድ ወይ ብጉልበት ሰብ እዩ ዝካየድ። እንተኾነ፡ ብፍላይ እቶም ኣብ ደረጃ ዓዲ ወይ ምምሕዳር ከባቢ ዝምደቡ ክኢላታት ሕርሻ፡ ኣብዘን ቃጽያታት ፍሉይ ኣተኩሮ ብምግባር ጽዑቕ ክትትል ክገብሩ ይግባእ። ብሓጺሩ እቲ ቐንዲ መምዘኒ ብቕዓቶም እዘን ንኣሽቱ ግን ከኣ ርቡሕ ምህርቲ ክህባ ትጽቢት ዝግበረለን ቃጽያታት እየን።

ቀንዲ ሕመረት ናይዚ ተበግሶ፡ ሓረስቶት ወይ ስድራቤታት ገጠር፡ ነዚ ንእሽቶ ቃጽያ ኣብ ክራማት ብዝናብ፡ ኣብ ካልእ ወቕቲ ድማ ካብ ዘሎዎም ምንጪ ባዕሎም (ብጉልበት) ማይ ብምስታይ ዘልምዕዎ ምዃኑ እዩ። ኣብ ክራማት'ውን እንተኾነ፡ ዋሕዲ ዝናብ ከጋጥም ስለ ዝኽእል፡ ማይ ኣብ ዘወቕዓሉ እዋን፡ እኹል ማይ ኣብ መትሓዚታት ብምውህላል፡ ነዛ ናይ ሽሕ ትርብዒት ሜትሮ ቃጽያ ብጉልበት፡ ማይ ከስትዩዋ ይግባእ።

**ምእካብ ምህርት፦** እቲ ካብዛ ንእሽቶ ቃጽያ ዝርከብ ምህርቲ ብንጹር ክግምገም ስለ ዝግባእ፡ ሓደ ኻብ ቀንዲ ዕማም ናይቶም ኣብ ደረጃ ዓዲ ዝምደቡ ክኢላታት፡ ምዕቃን ወይ ምምዛን ምህርቲ እዩ። ኣብታ ንሳቶም ዝከታተሉዋ ዓዲ ካብ ሓረስታይ ናብ ሓረስታይ ወይ ድማ ካብ ስድራቤት ናብ ስድራቤት ኣብ ፈለማ ናይ ምህርቲ ጋግ ክህሉ ትጽቢት ይግበር'ዩ። እንተኾነ፡ እቲ ቐንዲ ጠንቂ ናይዚ ፍልልይ ወይ ድማ እቲ ቐንዲ ብልጫ ናይቶም ዝያዳ ርቡሕ ምህርቲ ዝረኸቡ ሓረስቶት ብንጹር ክስነድን ክምዝገብን ይግባእ። ናይቶም ዝበዝሑ ምህርቲ ዝረኸቡ ሓረስቶት ድማ ኣብ ግራቱ ኹሎን ድሕሪ ምእካብ ምህርትን ንኻልኦት ከም ግብራዊ መምሃሪ ወይ መርኣያ ኹይኑ፡ ኣብ ሞንጎ ሓረስቶት ከም መለዋወጢ ተመኩሮ ክውሰድ ይግባእ።

**ስነዳን ስርዓተ ሓበሬታን፦** እቶም ኣብ ደረጃ ዓዲ ወይ ምምሕዳር ከባቢ ተመዲቦም ዘለዉ ሞያውያን፡ ነዚ ናይ 1000 ት.ሜ ልምዓት፡ ዋላ ብተንቀሳቓሲ ቴሌፎናቶም ብደረቕን ተንቀሳቓስን ስእሊ፡ ቅድሚ ምልምዑ፡ ኣብ ሞንጎ ልምዓት፡ ከምኡ'ውን ቅድምን ድሕርን ምእካብ ምህርቲ ክስእልዎ ይግባእ። ብተወሳኺ፡ ኣብታ ዓዲ ወይ ምምሕዳር ከባቢ በዛ መደብ ዝለምዐ ስፍሓት ምስ ጂኦግራፍያዊ መኣዝኑ (coordinate) ብምስናድ፡ ዓይነት ዘራእቲ፡ እተረኽበ እቶት በብዘራእቱ ከምኡ'ውን ኣብ እዋን ልምዓት ዘጋጠመ ብድሆታት ወዘተ. ብግቡእ መዝጊቦም ናብ ቤ/ጽ ንኡስ ዞባ ሕርሻ ከመሓላልፉ ይግባእ።

**ሓፈሻዊ ምኽሪ፦** ነዚ ናይ 1000 ት.ሜ ዘተግብሩ ሓረስቶት፡ ጻህያይ፡ ባልዓትን ሕማማትን ብኣጋ ንምክልኻል ምእንቲ ክጥዕም፡ ኣብ ክንዲ ብተናጸል ዘዝጥዕሞም ዓይነት ዘራእቲ ዘልምዑ፡ ብምርድዳእ ተመሳሳሊ ዘራእቲ ከልምዑን ብሓባር ድማ ምቅይያይ ዘራእቲ ክገብሩን ይምከሩ።



ውግዒ ምስ ኣርካን ሓረስታይ

# ኣቶ ተስፋይ ኣብርሃ

## ‘ኣብ ሕርሻ ምውፋረይ፡ ተዓዊተ’ምበር ዘጣዕስ ኣይገደፍኩን!’

መስፍን ገብረሂወት





**መጽሔት ፍረ ጻዕሪ ብጻዕሮምን ሓርኮትኮቶምን ኣብ ሕርሻን ውጽኢት ሕርሻን ኣድማዒ ግደን ኣበርክቶን ንዝገበሩ ኣብነታውያን ሓረስቶት፡ ንኻልኦት ኣርኣያ ምእንቲ ክኾኑ፡ ኣብ ዓምዲ ኣርካናት ሕርሻ ክተኣንግድ ጸኒሓ’ላ። ጣሻን ኰርባን ንዝበዝሖ ደረቕን ብሕጉግን መሬት ብጻዕሮምን ተበላሕነቶምን ኣደላዲሎም፡ ኣብ ምዕቃብ ሓመድን ማይን ዘየባትኽ ስራሕ ብምዕማም፡ ብኣግራብን ኣትክልትን ናብ ዜገጽ ቦታ ልምዓት ቀዪሮም ንዝተዓወቱ ኣርካን ሓረስታይ ኣቶ ተስፋይ ኣብርሃ፡ ናይ ሎሚ ዕዱም ጋሻኣ ገይራቶም ኣላ።**

**ሓረስታይ ተስፋይ፡ ብ ‘ተስፋይ ማእዶ’ ዝፍለጡ፡ ግራውቶም ድማ ካብ ቅድሚ ርብዒ ዘመን ኣትሒዙ፡ ከም መደበር ፈተነን መርኣያ ሓረስቶትን ንእተፈላለዩ ምሩጻት ኣዝርእትን ሜላታት ሕርሻን ዘገልገለን ገና ዘገልግል ዘሎን እዩ። ንዝያዳ ሓበሬታን ምቁር ዕላሎምን፡ ሰናይ ንባብ፦**

- **ካብ መሰረት ክንጅምር። ኣበይን ብኸመይን ከም ዝዓበኹምን ሽዑ ዝነበረ ኩነታትን ክተዘንትዉልና**

ብ1944 ካብ ከተማ መንደፈራ ንደቡባዊ ምብራቕ ሸሞንተ ኪሎ ሜትር ርሒቑ ኣብ ዝርከብ፡ ኣብ ዓዲ ማእዶ እየ ተወሊደ። ሕጂ ወዲ 80 ዓመት ኰይነ ኣለኹ። ገለ ሰባት ዕድመ ቁጽሪ’ዩ ክብሉ ሰሚዐ’ለኹ፣ ሓቀም’ዮም፣ ዕድመይ ኣይዝክሮን’የ፣ ገና ጉበዝ ዘለኹ ኾይኑ’ዩ ዝስመዓኒ። ብሕልፊ ኣብ ጉዳይ ማሕረስ መጺእካ፡ ኵሉ’ቲ ጎበዝ ዝገብሮ እገብሮ’የ እንተ በልኩ፡ ኣየጋንንኩን። ብዝኾነ ናብቲ ዘልዓልካዮ ኣርእስቲ ክኣቱ። ወለደይ ከም ኵሉ ገባር ደቂ ዓዲ ማእዶ፡ ሓረስቶት እዮም ነይሮም።



ብድምር ሸሞንተ ወሊዶም፤ ኣርባዕተ ኣወዳት፡ ኣርባዕተ ኣዋልድ። ኣነ ሓሙሻይ መትሎ’የ። ምንኣሰይ ኮማንድስ ነይሩ፣ ድሕሪኡ ንሜዳ ወጺኡ፣ ብ1977 ኣብ ሜዳ ተሰዊኡ። ሓደ ምዕባይ ምዕባየይ ድማ ኣብ መገዲ ኣየር ይሰርሕ ነይሩ፣ ሞይትና። እቶም ካልኦት ኣለና።

- **ናብ ቍልዕነት ክመልሰኩም**

ቈልዓ ከለኹ ተመሃራይን ጓሳን’የ ነይረ። ፍርቂ መዓልቲ ትምህርቲ፡ ፍርቂ መዓልቲ ኸኣ ከብትን ጤል-በጊዕን እጓሲ ነይረ። ከምዚ ናይ ሎሚ ኣይኰነን ነይሩ ሽዑ። ቈልዓ ኼንካ ንኹሉ ናይ ማሕረስ ነገር እናረኣኻ፡ እናተመኰርካ፡ ዓቕምኻ እናገበርካ ኢኻ ትዓቢ። ሽዑ ትምህርቲ ምሉእ ብምሉእ ብትግርኛ’ዩ ነይሩ። ሳልሳይ ክፍሊ ምስ ተመሃርኩ፡ ትምህርቲ ካብ ትግርኛ ናብ ኣምሓርኛ ተቐዪሩ፣ ኣቋሪጸዮ።

- **ስለምንታይ?**

ስምዒት’ዩ። ናብ ኣምሓርኛ ምቕያሩ ኣይተበርሃንን። ድሕሪኡ ኣብ 15 ዓመተይ፡ ናብ ኣስመራ መጺአ። ኣብ እንዳ ጫማ ቺፖሊኒ፡ ኣብ እንዳ ፕላስቲክ እንዳ ካንዘን ሰሪሐ። ደሞዝ ሓምሳ ሳንቲም ንመዓልቲ’ዩ ነይሩ ሽዑ።



• **ጉዳይ ምህሮኸ?**

ኣማራጺ ስለ ዘይነበረ፡ ናብ ኣስመራ ምስ መጻእኩ ብምሸታዊ ቀጺለየ። ክሳዕ ሻብዓይ ክፍሊ በጺሐ። ድሕሪኡ “ቦኖ” ዝበሃል፡ ብልምዓት ኣፍሪቃ ዝምወል ዝነበረ ፕሮጀክት ስለ ዝጀመረ፡ ናብ ዓዲ፡ ናብ ሕርሻ ተመሊሰ። ክልተ ሞተር ገዚእና፡ በቲ ብፕሮጀክት ቦኖ ዝወሃበና ዝነበረ ናፍታ፡ ጽቡቕ ክንሰርሕ ጀሚርና። ቦኖ ምስ ተቛረጸ፡ ደቂ ሓወቦይ ኣብ ኢሊባቡር ሕርሻ ስለ ዝነበሮም፡ ናብኡ ኸይደ፡ ምስኣታቶም ክሰርሕ ጀሚረ ነይረ። ኣብ 1974፡ ዕግርግር ምስ ኰነ፡ ተቐላጢፈ ናብ ዓዲ ተመሊሰ፣ ተመርዕየ፣ ሓዳር ገይረ።

• **ካብ ሓረስታይ ስድራ ምውላድኩም እንታይ ረቢሕኩም?**

ወዲ ሓረስታይ እንተ ዀንካ፡ ናይ ማሕረስ ኣምር ክህልወካ ግድን'ዩ። ስድራይ ካብ'ቶም ተጠመትቲ ሓረስቶት እዮም ነይሮም። ሽዑ ሓረስታይ ምኻን ከምዚ ናይ ሎሚ ኣይኰነን፣ ማሺነሪ ኣይነበረን፣ ኵሉ ሓያል ጻዕሪ ዝሓትት፡ ብጉልበት ዝዕመም'ዩ ነይሩ። ንሱ ኣዝዩ ጠቒሙና'ዩ። እዚ ናይ ሕጂ ኣገባብ ማሕረስ ምስ'ቲ ናይ ሽዑ ክተረኣእዮ ከለኻ፡ ሰማይን ምድርን እዩ። ሕጂ ደኣ ትሰርሕ ዘሎኻ ኰይኑ'ኳ ዘይስመዓካ።

• **ሓሪስኩምዶ? ነዊት ምስ ኣርዑት ኣሲርኩምዶ? ዕርፊ ሒዝኩምዶ?**

ኣይተሐሰወኒ። እዋን ቍልዕነት ብትምህርትን ጕስነትን እየ ሓሊፈዮ። ኣብቲ ዕርፊ ክሕዝሉ ዝነበረኒ ዕድመ ኸኣ ናብ ኣስመራ መጺአ፡ ኣብ ፋብሪካታት'የ ሰሪሐ። ዕርፊ ዘይምሓዘይን ኣብ ማሕረስ ከምቲ ዝድለ ንጡፍ ዘይምንባረይን ብዙሓት ይጨርቁለይ'ዮም። ማሕረስ ብያታዊ ዘይኰነ ኣብ ጽቡቕ ግዜ ብዘመናዊ፡ ብስነ-ፍልጠት እየ ኣትየዮ። እቲ ኣገባብ፡ እቲ ጻዕሪ ናይ ሓረስቶት ወለድና ግና ወሪሰዮ እየ ብዘይ ቀለዓለም። ተስተብህል፡ ትርኢ እንተ ዄንካ ዘኸኣነ ነገር ኣይጠፍኣካን'ዩ። እታ ሓጻር ኣብ ኢሊባቡር ዝነበርክዋ'ውን ጠቒማትኒ ትኸውን'ያ።

• **ጉዳይ መርዓን ሓዳርን**

ብ1976 እየ ተመርዕየ። ብድምር 10 ቈልዑ ወሊደ። ቦኽሪይ ኣብ ሳልሳይ ወራር ወያነ ተሰዊኡ። ኩሎም ናይ ማሕረስ ተመኩሮ ዘሎዎም'ዮም። እቶም ዓበይቲ ብቐለም ተመሪቖም'ዮም። መብዛሕትኦም ሃገራዊ ግቡኦም ኣብ ምፍጻም ኣለዉ። ገለ ናብ ወጻኢ ዝኸዱ ኸኣ ኣለዉ። እቲ ሕሳሰልደ ወደይ፡ ወዲ 14 ዓመት ኰይኑ'ሎ። ኵሉ ኣገባብ ማሕረስ መሊኹዎ'ዩ።

• **ግርም። ንቐጽል ...**

እንዳ ሓሞይ እንዳ መጥሓን ስለ ዝነበሮም፡ ኣብኡ ክሰርሕ ጀሚረ። ማዕረ ማዕረኡ ምስ ተጋድሎ ሓርነት፡ ክሳዕ 1979 ከም ኣቦ መንበር ሸማግለ መሬት ኰይነ ሰሪሐ። ጽልሚ ኣብ ምጥፋእ ናተይ ግደ ተጻዊተ። ካብ ትሕቲ ጽርግያ ኣብ ትሽዓተ ዓድታት ዝነበረ ጽልሚ ከም ዝደዓስ ገይረ። ጽልሚ ንፈለማ እዋን፡ ሽዑ'ዩ ተዳዒሱ፡ ጠፊኡ። ኣብ 1980 ኵናት ሓድሕድ ምስ ተዛዘመ፡ ተጋድሎ ሓርነት ካብ ጸሊም ጽርግያ መስመር ኣስመራ-ዓዲ ኳላ ሰጊሩ። ኣብ 1981 ድማ ፋሕ ፋሕ ኢሉ። ደርጊ ኣብቲ እዋን ነቶም ምሳይ ዝሰርሑ ዝነበሩ፡ ከየውዓለ ከየሕደረ ረሺንዎም። ኣቦ መንበር ሸማግለ መሬት ስለ ዝነበርኩ፡ ቀንዲ ተደላዪ፡ ኣነ'የ ነይረ። ውጻእ ክብለኒ፡ ኣይረኸበንን። ሸዱሽተ ኢና ኔርና። ነቶም ሓሙሽተ ረሺኖዎም። ካልኦት ብዙሓት ዝተረሸኑ'ውን ነይሮም። ደርጊ ንሕሰያ ኣይነበሮን። ንዝጠርጠሮን ዝጠመቶን ምቕታል'ዩ ነይሩ ስርሑ፣ ድሕሪኡ ናጽነት ኰይኑ። ኣነ ኸኣ ናብ ዓዲ ኣትየ።

• **ንዑ ደኣ፡ ክመልሰኩም'የ። ካብ 1981-ክሳዕ ናጽነት ኣበይ ኔርኩም?**



ኣብ ሜዳ ነይረ፡ ምስ ህዝባዊ ግንባር። እናኸድካ እናመጻእካ'ዩ ነይሩ ስራሕና። ሓዳር'ውን ምሉእ ብምሉእ ኣይገደፍኩን። ምስ'ቶም ናይ ከተማ ስርሒታት'ዩ፡ ሓበሬታ ምእካብ፡ መጽናዕቲ ምግባር'ዩ ነይሩ ቀንዲ ስርሐይ። ካልእ በቲ ውድብ ዝተዋህበኒ ስራሕ'ውን እዓምም ነይረ። ምስ 06 እዩ ነይሩ ርክበይ።










• **ሕጂ ንቐጽል። ናጽነት ኩይኑ ...**

ክሳዕ 1993 ዝጥቀስ ስራሕ ኣይነበረንን። ስድራ'ውን ዝኸትምትም ኢሎም'ዮም ጸኒሖምኒ። ኣብ ኮሚሽን ረፈረንደም ሓላፊ ናይ ደቂ ቦኾሩን ምድሪፈላስን ኩይነ ሰሪሐ። ድሕሪኡ ካብ 1993 ክሳዕ 1996 ሓላፊ ህግደፍ ንኡስ ዞባ እምኒ ሓይሊ ኹይነ እናሰራሕኩ፡ ናብራ ልዕሊ ዓቕመይ ስለ ዝኾነኒ፡ ኵነታተይ ተራእዩ ተፋንየ፣ ድሕሪኡ ናብ ሕርሻ ተመሊሰ። ከም ሰበይ ኣብ ማእከል ዓድን ጀርዲንን እሰርሕ ነይረ።

• **ትረኽብሉዶ ኔርኩም?**

ቅሩብ ቁራቦ'ዩ። ብሓንቲ ሞተረ ሰለስተ ኣርባዕተ ሰባት ኢና ንሰርሕ ኔርና። ንዕዳጋ ዝወርድ ኣይነበሮን። ካብ ንገዛ ዘይሓልፍ እዩ ነይሩ። ሓረስታይ ሓሪሱ ንቤቱ ጥራይ ዘይኩነ፡ ሸይጡ ንቤት ዘድሊ ነገራት ከማልእ ኢኻ ትጽቢት ትገብር። ከምኡ ኣይነበረን።

• **ናብ ድሕረባይታ ናብዚ ሕጂ ዘለኹሞ ሓውሲ ዘመናዊ ሕርሻዊ ንጥፈት ንምጻእ። ከመይ እዩ ነይሩ እቲ ኵነታት፡ ክተዕልሉና ...**

ንሕርሻ ብዕብይ ዝበለ መልክዑ ክኣትዎ ሓሲበ። ሰፍሕ ዝበለ ቦታ ክወሃበኒ ንዓዲ ሓቲተ። ዓዲ ናብ ምምሕዳር ከባቢ፡ ምምሕዳር ከባቢ ናብ ንኡስ ዞባ፡ ንኡስ ዞባ ድማ ናብ ዞባ ኣሰጊሩኒ። ብ1999 ብምምሕዳር ዞባ ተፈቒዱለይ። ክፍቀደኒ ዳርጋ ክልተ ዓመት ኣቢሉ ወሲዱለይ።

• **መሬት ተፈቒድልኩም። ቀጽሉ . . .**

ሓንጎለይ ተኸፊቱ። ሞራለይ፡ ናይ ስራሕ መንፈሰይ ሰማይ ዓሪጉ፣ ፍናን ረኺበ። ብዓቢኡ መንግስቲ ስለ ዘፍቀደለይ፡ የማነ ጸጋም ከይጠመትኩ፡ ናብ ስራሕ'የ ተጓይየ።

• **ጉዳይ መበገሲ ርእሰ-ማል፡ ጉዳይ ዓቕሚ ሰብ፡ ጉዳይ ጉልበት ከመይ እዩ ነይሩ?**

መበገሲ ርእሰ-ማልና ካብ 30 ሽሕ ዝሓልፍ ኣይነበረን። ንሱ'ውን ኣሪና ኣራሪና ዘዋህለልናዮ ኹይኑ፡ ንመንግስቲ ዝኸፈልናዮ'ዩ። ንኻልእ እናተለቃሕኩ'የ ቀጺለዮ። ዓቕሚ ሰብ መበገሲ ናይ ስድራ-ቤት'ዩ ነይሩ። ናይ ኩባንያ ብድሆ ማሺነሪታት ስለ ዝነበራ፡ ኣዝየን ሓጊዘናና እየን። ናይ ልዕሊ ሚእቲ ክልተ ሚእቲ ሰባት ብሓንሳብ ይዓማእ ስለ ዝነበራ ኣይተሸገርናን። ሸዑ ክራይ ማሺነሪታት ከም ጠለብካ'ዩ ነይሩ። ስለዚ እቲ ግዜ'ውን ንባዕሉ ሓጋዚ'ዩ ነይሩ። ኵሉ ስልጥ-ስልጥ እዩ ዝብለካ ነይሩ።

• **ኣብ ምድልዳል መሬት ዝገበርኩሞ ጻዕሪ ከመይ ነይሩ?**

ክርከቦ ከለኹ፡ ዳርጋ ምድረ በዳ'ዩ ነይሩ እንተ በልኩ፡ ምግናን ኣይኩነን። ምኽንያቱ፡ እቲ መሬት ብውሕጅ ተባሕጕጉን ተበሲዑን ሕማቕ'ዩ ነይሩ። ሓያል ጻዕሪ'ዩ ሓቲቱና። ብዶዞራት ጌርና እናደላደልና፡ ከትሪ እናገበርና፡ ካብ ሽዱሽተ ሄክታር ናብ 13.5 ሄክታር ኣብጺሕናዮ። ኣግራብ እናተኸልና ነቲ ኸባቢ ናብ'ዚ ትርእዩዎ ዘለኹም ልሙዕ ቦታ ቀዩርናዮ። ዛጊት ልዕሊ 13 ሽሕ ዝኸውን ኣግራብ ተኺልና፣ ብግቡእ ንክናኸናዮም ኣሎና። ሕጂ'ውን ንቕጽሎ ኣሎና። ከይጸዓርካ ገነት ኣይርከብን'ዩ። እቲ ጻዕሪ ብዙሕ እንድዩ፡ እተን ማሽሪታት ከኣ ሓጊዘናና እየን። ኵሉ'ቲ ኣእማን፡ ኵርባን ጣሻን ሩባን ዝነበረ፡ በተን ማሺነሪታት ተሓጊዝና ከምቲ ዝደለናዮ ጌርና ከነደላድሎ ኣይተጸገምናን።

ኣብቲ ፈለማ ኣብ ሰለስተ ከትርታት ጌርና። እቲ ኽልተ ብጋብዮን ዝኸተርናዮ ፈሪሱ፣ እቲ ብኮንክሪት ዝኸተርናዮ ግና ተዓዊትናሉ። ኣብ ከትሪ ማይ ተመኩሮን ጥበብን ይሓተካ'ዩ። ማይ ናበይ ትኣልዮ እንተ ፈሊጥካ፡ ኣብ ምድልዳል መሬት ልዕሊ ዶዘር'ዩ እንተ በልኩ ኣየጋንነኩን። ነቲ ውሕጅ ሎሚ ዓመት ንምብራቕ እንተ መሪሕካዮ፡ ዝቕጽል ዓመት ከኣ ኵነታት ርኢኻ ንሰሜን ወይ ንደቡብ ገጽካ ትመርሖ። እቲ ውሕጅ ባዕሉ ይድህስሶን የደላድሎን'ዩ። ኣብዚ መዳይ ፍሉይ ተመኵሮን ጥበብን ኣጥርየ እየ።

• **ማይ ብውልቀ-ጻዕሪ ከተውሕስ ይከኣልዶ? ካብ ተመኵሮኹም ክተዕልሉና**

እንተ ጽዒርካ ዘይከኣል የለን። ኣነ ኣመና ስለ ዝጸዓርኩሉ ብማይ ተጨኒቐ ኣይፈልጥን'የ። ኣብ ልዕለይ ኣብ ትሕተይ ከምዚ ናተይ ሕርሻ ዘሎዎም ኣለዉ እንድዮም፣ ጻዕሪ ስለ ዘውሓዱ ግና ትጽቢቶም ካብ ዝናብ ጥራይ እዩ። ድሕሪ መስከረም ዘይሕሰብ'ዩ። ናተይ ግን እቲ መሬት ብውሽጢ'ውን ከዚኑ ስለ ዝጸንሕ፡ ክሳዕ ጥሪ ለካቲት ብማይ ቅሱን'የ። ማዩን ሓመዱን

ብግቡእ ተ�METAጻጺረዮ እየ። ኣብ ጥቓ ሕርሻኦም ራህያ ሰሪሖም ዒላኦም ዘሀብትሙ ሓያለ ሓረስቶት'ውን ኣለዉ።

**• ፍልልይ እትዋት ኣብ ሞንጎ ያታውን ዘመናውን ማሕረስ ከመይ ትገልጽዎ?**

ያታዊ ኣገባብ ማሕረስ ዘጥቀም ሓረስታይ ነፊዑ እንተ ተባህለ ንኽልተ ሰለስተ ስድራ-ቤት'ዩ ዝኽእል። ዘበናዊ ኣገባብ ማሕረስ ዘጥቀም ሓረስታይ ግና ንሚእቲ ክልተ ሚእቲ ስድራ-ቤት ክቕልብ ይኽእል'ዩ። ስለዚ ብደረጃ ሃገር ይኹን ብደረጃ ውልቀ-ሰብ እንተ ርኢኻዮ ኣብቲ ዘመናዊ ኢና ክንጸቅጥ ዘሎንና።

**•ኣብ ማሕረስ ዘዕግብ ምህርቲ ኣብ ምሕፋስ ቀንዲ ረጃሒ ኣየናይ እዩ?**

ቅድም ቀዳድም ሓመድን ማይን ብግቡእ ክትዕቅብ ኣለካ። ምሩጽ ዘርኢ የድሊ፣ ምቅይያር ዘርኢ የድሊ፣ ምድኳዕ የድሊ፣ ምኽሪ ክኢላታት ምኽታል ኣገዳሲ'ዩ፣ ጻዕሪ፡ ትግሃት፡ ተገዳስነት፡ ተጻዋርነት ድማ ወሰንቲ'ዮም። ኣብ ኩሉ'ቲ መስርሕ ዘበናዊ መሳርሒታት እንተ ተሓዊስዎ ድማ እቲ ፍርያት ኣዝዩ ዝተዓጻጸፈ ይኸውን። ካብዚ ፈሊኻ ዘይረአ ድማ ዘበን እዩ።

**• ዘበን?**

እወ። ዘበን ወሳናይ እዩ ኣብ ሂወት ሓረስታይ። ኣቦታት ብዛዕባ'ዚ ብምስላ ክገልጽዎ ኸለዉ፡ "ዘመን እምበር፡ ዘመድ ኣይህበካን'ዩ" ይብሉ። ሓቆም'ዮም። ሓረስታይ ብዙሓት ተጻብኦታት ይገጥምዎ'ዮም። ንዕኦም ሰጊሩ እንተ ኸይዱ'ዩ ዝዕወት። በረድ፡ ውሕጅ፡ ቀዝሒ፡ ሕመድያ ወዘተ. ኣሎ። ከምቲ ዝዘራእካዮ ትረክብ ማለት ኣይኮነን። ዓሰርተ ዓይነት ዘሪእካ፡ እታ ሓንቲ ታሽዐይቲ እንተ ተዓዊትካላ ጽቡቕ ትረክብ ኢኻ። መኽሰብን ክሳራን ከም ዘሎ ኣሚንካ ኢኻ ትኸይድ። ተስፋ ክትቈርጽ፡ ክትደሃል የብልካን። ንዝመጸካ ነገር ተቐቢልካ ብዛዕባ መጻኢ ክትሓስብ ኣሎካ። እንተ ተዳሂልካ ኣይሰልጠካን'ዩ።

ኵሉ ዝዘራእክዎ ክኣትወለይ'ዩ ኢልካ ክትብገስ የብልካን። ዘሪእካ ንዘበን ኢኻ ትህቦ። ሎሚ ዘበን እንተ ዘይኮይኑልካ፡ ካልእ ዝሓሸ ዘበን ክመጸካ ምኳኑ ኣሚንካ ኢኻ ትሰርሕ።

**• ፈታኒ እዋን ገጢምኩም ይፈልጥዶ? ከመይ ሰጊርኩሞ?**

መሊኡ። ግዳ ኣብ ሓንጎለይ ኣየእትዎን እየ። ናይ ዘበን ፈተነ ነይሩ'ዩ። ናይ ፈጣሪ ስለ ዝኾነ፡ ትብሎ የብልካን፣ ምቕባል ጥራይ እዩ፣ ናይ ሰብ'ውን ነይሩ'ዩ። ንዕኡ'ውን ከከም ኣመጻጽኣኡ እሰግሮ ነይረ። ሓረስታይ ኬንካ ክትደሃል የብልካን። ኩሉ ዓይነት ብድሆታት ክገጥመካ ዝኽእል ምኳኑ፤ ንዕኡ ሰጊርካ ክትዕወት ምኳንካ ኣሚንካ ኢኻ እትኣትዎ። ሓረስታይ ትስፉው'ዩ፤ ኣማኒ'ዩ፣ ንሱ'ዩ ኸኣ ዝኸይዶ።

**• ቀንዲ ጠንቂ ናይ ዘይኣዕጋቢ ፍርያት እንታይ ኰይኑ ይስመዐኩም? ዘበን ሓዲግኩም...**

ምዕቃብ ሓመድን ማይን ዘይተካይድ እንተ'ኼንካ ከንቱ እዩ። ኣብ ርእሲኡ ድማ መሬት ክኣርግ ወይ ክበላሾ የብሉን። ኣብ ዝተበላሸወ መሬት ዘሪእካ ዘዕግብ ውጽኢት ክትሓፍስ ዘይሕሰብ'ዩ። መሬት በብእዋኑ ክትዛልየ፡ ክትድኵያን ክትግልብጦን ይግባእ። ኣብ መሬት ክትገብሮ ዝግብኣካ ክንክን፡ ጻዕርን ወጻኢታትን እንተ ኣጕዲልካ፡ እቶትካ'ውን ብኡ መጠን ዘይዕጋቢ'ዩ ዝኸውን።

**• ብሓፈሻ እንታይ ኢኹም እተፍርዩ?**

ዳርጋ ኹሉ። ኣሕምልትን ኣእካልን ነፍሪ። ፍሩታታት'ውን ጀማሚርናዮ ኣሎና። ክሊማናን ሓመድናን ብዘይካ ንባናና ንኹሉ ይሰማማዕ'ዩ። ኣብ ፓፓዮ፡ ዘይቱንን ማንጉስን ጽቡቕ ኬድና ኢና። ብሕልፊ ኣብ ፓፓዮ፡ ናይ ህንዲ ዘርኢ ኢና ተጠቒምና፡ ኣብ ጽቡቕ ገስጋስ ኣሎና። ኣብ ኣራንሺ ግና ኣይተዓወትናን።

**• ኢሂ?**

ብዘይ ስነ-ፍልጠትን መጽናዕትን ብሃውሪ ስለ ዘኣተናዮ እዩ። ጽቡቕ ፈርዩ ክንሱ፡ ኣብ መቐረት ጸገም ገይሩ። እቲ ሓመድ ክምርመር፡ ምስ ክኢላታት ሕርሻ ክንመክር ነይሩና። ሕጂ ግና ዳግማይ ብመጽናዕቲ ንጀማምሮ ኣሎና።

**• እቲ ናይ ህንዲ ዘርኢ ፓፓዮኸ ውጽኢቱ ከመይ ረኺብኩሞ? ምስቲ ንቡር ናይ ዓድናኸ ተወዳዳሪ ድዩ ወይስ?**

ናይ ህንዲ ተኽሊ ፓፓዮ ሓጺር'ዩ። ኣብ ዝደለኻዮ ቦታ፡ ዋላ ኣብ ካንሸሎ ብቐሊሉ ክበቊል ዝኽእል'ዩ። ክሊማና'ውን



ይሰማምዖ'ዩ። ፍረኡ ኣብ ታሕቲ'ዩ። ክትበልዖ ምቁር'ዩ፤ ንጽማቑ ሽኮር ኣየድልዮን እዩ። ናይ ባዕሉ መቐረት ሽኮር ኣሎዎ። ናይ ሑጻ ብሉጽ ስለ ዝኾነ፡ ምስ ናይ ዓድና፡ ናይ ቈላ ክተወዳድሮ ቁሩብ ክብድ ይብል'ዩ።

- **ኣግራብ ዘይቱን ብብዝሒ ርኢናልኩም።**

ሓቅኻ ኢኻ። ረብሓና ከምቲ ትርኢቱ ኣይኰነን። ምስ ጨራሩ እናተቐዳደምካ'ዩ። ብሰንኪ ዓቕሚ ሰብ ካብ ብዙሕ ረብሓታት ንጕናደብ ኢና።

- **ካብ ፍርያት ሕርሻኹም ዝያዳ ውጽኢታዊ ኣየናይ'ዩ?**

እቲ ቐንዲ ድንሽ'ዩ። ኮመደረ፡ ጉዕ በርበረ፡ ሽጉርቲ ወዘተ. ንዘርእ እንዲና፡ ዘየጠራጥረና ግና ድንሽ'ዩ። ሽጉርቲ'ውን ብኻልኣይ ደረጃ ዝሰራዕ ውጽኢታዊ'ዩ። ኮመደረ ኣብ ሓደ ወቕቲ'ዩ ዝኸውን። ሓንሳእ ይህበካ፡ ሓንሳእ ከኣ ይጠልመካ። ኣተኣማማኒ ኣይኰነን። ኣብ ዕዳጋ'ውን ክብን ለጠቕን'ዩ። ኣመና እንተ ሓሲሩ፡ ንመጓዓዝያ'ውን ዘይሸፍነሉ እዋን የጋጥም'ዩ።

- **ካብ ኣእካልከ?**

ስርናይ፡ ጣፍ፡ ዕፉን፡ ኣጃ ንዘርእ ኢና። ዝያዳ ውጽኢታዊ ግና ስርናይ እዩ። ናይ ጣፍ ፍርያትና፡ ዋላ'ውን ውሑድ ይኹን፡ ዝርካቡ ኣብ ክብሪ ይሕግዘና'ዩ። ስርናይ ኣብ ብዝሒ፡ ጣፍ ኣብ ክብሪ ክልቲኦም ንፍርያትና ሚዛን የትሕዝዎ'ዮም።

- **ስገም፡ ኣጃኸ?**

ክልቲኡ ንዘርኦ ኢና። ኣጃ ዘመስርሖ ይደሊ ኹይኑ'ምበር፡ ክሊማና ይሰማምዖ ስለዝኾነ፡ ብብዝሒ ክነፍሪ ምኸኣልና። ቅድሚ ሕጂ ኣብ ድባርዋ ዝተጀማመረ መመስርሒ ትካል ቈይሙ ነይሩ። ከምቲ ዝድለ ግና ኣይቀጸለን። ቈላሕታ ዘድልዮ እዩ።

- **ዝተዳቐለ ዘርኢ ሕርሻ ትጥቀሙዶ? ውጽኢቱኸ?**

ኣብ ዕፉን'ዩ ዘሎ። ብወገንና ጽቡቕ ኢና ንብሎ። ኣብ ስርናይ ግና ኣብ ዓይነት'ዩ ዝፍለ'ምበር፡ ምድቓል ኣይኰነን።

- **ዘርኢ፡ መድሃኒት ካበይ ኢኹም ትረኽብዎ?**

ኵሉ ካብ ሚኒስትሪ ሕርሻ'ዩ። ሚኒስትሪ ሕርሻ ብቐጻሊ'ዩ ምሩጽ ዘርኢ ዝህበና። ከምኡ'ውን ምኽሪ፡ ጸረ-ባልዕ፡ ድኹዕን ካልእን እናሃበ ይከታተለና'ዩ። በቲ ዝወሃበና ምኽሪ ኸኣ ንዕወት ኣለና። በዚ ኣጋጣሚ ነቲ ሚኒስትርን ንኽቡር ሚኒስተር ኣቶ ኣረፋይነ በርሀን ልባዊ ምስናይ ኣቕርብ።





- **ብዛዕባ እትጥቀምሉ ድኹዒ ገለ ክትብሉና።**

ድኹዒ ቀለብ መሬት'ዩ። ብድኹዒ ዝጸገበ መሬት ዝበለጸ ምህርቲ'ዩ ዝሕፈሶ። ንሕና ናትና ባህርያዊ ድኹዒ ኢና እንጥቀም። ኣኽል-ታርፍ ጎዱፍ ስለዘሎና፡ ኣብ ክልተ ጕዳጕዲ እናእተና ኢና ንምስርሖ። ነቲ ሓደ ጕድጓድ ካብቲ ጕዱፍ መሊናእና ማይ ነእትወሉ፡ ምስ መሸመሽ ናብቲ ሓደ ኣግዒዝና ንጥቀመሉ። ናተይ ተመኩሮ'ዩ። ካልእ ብልሓታት'ውን ክህሉ ይኽእል'ዩ።

- **ኣብ መሬት ክግበር ዝግባእ ክንክን**

ቅድም ቀዳድም ሓመድ ክትዕቅቦ ኣለካ። ኣብ ርእሲኡ ዝግባእ ክንክን እንተ ዘይጌርካሉ ይኣርግ እዩ። መሬት ክትግልብጦ፡ ክትሓርሶ፡ ክትድኵዖ፡ ልዕሊ ኹሉ ድማ ሓሪስካ ጸሓይ ክትጸልዎ ይደሊ። ካብ ጻህያይ'ውን ሓራ ክኸውን ኣለዎ። ንሱ'ዩ ፈውሲ መሬት። እዚ እንተ ጌርካ ኣይኣርግን'ዩ። መሬት ክንክን እንተ ኣጕዲልካሉ'ዩ ዝኣርግ። ወለድና "ሕማቕ ሰብ'ምበር፡ ሕማቕ መሬት የለን" እናበሉ'ዮም ኣዕብዮምና።

- **ዓይነትን ትሕዝቶን መሬትኩም ከመይ ትምርምርዎ?**

ናብ ሚኒስትሪ ሕርሻ ወሲድና ነመርምሮ ኢና። ብሰንኪ ሕመቕና ምልስ ምልስ ደኣ ዘይንብል ኴንና'ምበር።

- **ብመገድኹም ትምርምርሉ ኣገባብከ ኣሎዶ?**

ብርግጽ እምበር። ግና ደረጃኡ ከምቲ ናይ ሚኒስትሪ ሕርሻ ዘይምዃኑ'ዩ ስክፍታና።

- **ኣፍራይነት ኣብ ስፍሓት መሬት ኣይኮነን ይብሃል'ዩ። እንታይ እዩ ርእይቶኹም?**

ብትኽክል። ኣብ ምስፋሕ ዘይኮነ፡ ኣብ ምጽፋፍ'ዩ። ኣተሓሕዛኻ ጽፉፍ እንተ ኾይኑ፡ ምግፋሕ ኣየድልየካን'ዩ።

- **ዝናባዊ ሕርሻ፡ ዘመናዊ ሕርሻ ዝበሃል ኣሎ። ናበየናይ ኢኹም ትዛዘዉ?**

ካብ ክልቲኡ ኢና ንጥቀም። ከዘንቲ ማያት ስለ ዘማዕበልና፡ ኣመና ተጸበይቲ ናይ ዝናብ ኣይኰንናን።

**• ብፍሉይ ኣብ ዘመናዊ ሕርሻ ዘጋጥሙ ብድሆታት እንተ ሃልዮም**

ዘበናዊ ሕርሻ፡ ካብ ብዕራይ ናብ ሰብ-ሰርሖ ማሽን ተሰጋጊርካ ስለ ዘሎኻ፡ ብዝሰፍሐ ክትሰርሕን ክተፍርይን የኽእለካ። ማዕረ-ማዕሪኡ ድማ ጠለብ የድልየካ። ቀረብን ጠለብን እንተ ዘይተመዓራርዩ ጸገም'ዩ፣ ኣፍራኻዮ ዓዳጊ እንተ ስኢኑ እንታይ ትገብሮ?

**• ኣብ ዕዳጋ ትሸገሩ ዲኹም?**

ክሳዕ ሕጂስ ደሓን ኣሎና። ባዕላቶም እቶም ነጋደ'ዮም ካብ ኣስመራ መጺኦም ዝወስድዎ። ንሱ እንተ'ቋሪጹ ወይ ባዕላቶም ምምጻእ እንተ ኣብዮም'ዩ ጸገም። ንኹሉ ክትዓምም ጸጋ ሰብ የድልየካ። እንተ እቲ ምኽባር ምሕሳር ግና ኣይጸልወናን'ዩ። ንዘበን፡ ንግዜ ኢኻ ትሓድግ። ዘዘበኑ፡ ግዝኢኡ ስለ ዘሎዎ።

**• ኣብ ቀጽሪ ገዛኻ ዝግበር ሕርሻዊ ንጥፈት ከመይ ትርእዮ?**

ጽቡቕ'ዩ። ብተገዳስነት እንተሰሪሕካሉ ንገዛኻ ትኸትት ኢኻ። ከምኒ ቁስጣ፡ ሰላጣ፡ ጉዕ በርበረ፡ ኮመደረ፡ ባምያ ወዘተ. ዘሪእካ ጽቡቕ መኣዛዊ መግቢ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ። ምስኡ ገለ ዓሰርተ ደርሁ እንተ ወሲኻሉ ኸኣ እቲ ናይ ጸብሒ ነገር ወዲእካ'ለኻ።

**• ኣብ ልምዓት ጥሪት ዝገበርኩሞ ፈተነ እንተ ሃልዩ?**

ጥሪት፡ ዘርካበን ብጽቡቕ'የ ዝሕዘን። 10 ኣሓ ናይ ሆላንድን ሓደ ኣርሓን ገይረ እየ ጀሚረ። ጽቡቕ ኣንፈት ሒዘ ነይረ፤ ብሰንኪ ዓቕሚ ሰብ ግና ክስፍሖ ኣይከኣልኩን። እቲ ተመኩሮ ኣጥርየዮ ስለ ዝኾንኩ፡ ኣብ ዝኾነ እዋን ከበራብሮ ዝኽእል ምኽንያ ግና ብግብሪ ኣረጋጊጸ'የ። ምኽንያቱ እኹል ደምበ ኣሎኒ፣ ሰፊሕ ሕርሻ ኣሎኒ፣ ቀለብ'ውን ሕቶ ኣይኮነን። እኹል ማይ ከኣ ኣሎኒ፤ ኣብ ጥሪት ማይ ወሳኒ'ዩ።

**• ኣብ መፍረ ደርሁኸ?**

ኣየስፋሕናዮን እምበር ዓቕሚ ነብስና ኣሎና። ክሰርሓሉ ዝኽኣል ምኽኑ እናተረድኣኒ፡ ኣወንዚፈዮ እየ ዘለኹ።

**• ጎነ መዓር'ውን ቀሪብኩምልና ጸኒሕኩም። ኣብ ልምዓት ንህቢኸ ከመይ ኢኹም ትነጥፉ?**

ንመዓር ዝኸውን ብቑዕ ቦታን ልምዓትን ኣሎና። ተመኩሮ'ውን ኣይምተሳእነን። ቡቱ ደኣ እናሸገረና'ምበር፡ መዓር'ውን ብብዝሒ ክነፍሪ ንኽእል ኢና። እቲ ዝቐረብናልኩም ግና በቲ ኣቦታትና ዘንጽሑልና፡ ኣብ ዓዲ፡ ኣብ ገዛና ዝፈረየ'ዩ።

**• ቡቱ?**

ቡቱ ተጻራሪ ኣራዊት'ዩ። ነቲ ቀፎ ገምጢሉ፣ ነቲ መዓር ይበልዖ።

**• ናይ ኣራዊት ካብ ኣልዓልኩም፣ ካልኦት እንስሳታት መሮርከ?**

ኣዛብእን ገባብልን'ውን ብብዝሒ ኣለዉ።

**• ገባብል ከኣ?**

እወ። ገባብል፡ ኣትማን'ውን ኣለዉ። ኣብዚ ዝጸናሕናዮ ጣቓታት ገባብል ብብዝሒ ኣለዉ። ከም ድላዮም ይወጹ፣ ይገሹ፣



ተመሊሶም ይኣትዉ። መን ኢኻ ዝብሎም የለን። ሰብ እንተ ርእዮም፡ ርእሶም ኣቕኒዖም ደው'ዮም ዝብሉ፣ ኣይሃድሙን'ዮም፣ ርእዮምኻ'ውን ኣይሰዕቡኻን'ዮም። ናይ ማይ ስለዝኾኑ ሰላማውያን'ዮም፣ ኣይጸብኡን'ዮም። ናይ ኣጻማእ ገባብል'ዮም ሓደገኛታት። ገባብል ብባህርይኦም ገየሸቲ'ኳ እንተኾኑ፡ ንዓና ግና ኣይሓድጉናን'ዮም። እንሓንሳእ ኣብ ውሽጢ ግራት ስለ ዝጸንሑ፡ ትራክተራት ይቑራርጸኦም'የን።

**• ክንሰግር። ዕዉት ሓረስታይ ኣብ ምንታይ'ዩ ዕግበቱ?**

ዝጸዓረሉ፡ ዝሓረሶ፡ ዝዘርኦ፡ ዝኾስኮሶ፡ ዝጸሃዮ ኮታስ ንኹሉ ብድሆታት ሰጊሩ፡ ብሰላም እንተ ኣትዩሉ።

**• ሓረስታይ ካብቲ ኻልእ ሸቃላይ ብምንታይ ይፍለ?**

ጻዕራም ሓረስታይ ወትሩ ትስፉውን ሕጉስን'ዩ። ምኽንያቱ ኣየጋፍሕን'ዩ፤ ማሕረሱ'ዩ ዓለሙ። ሓረስታይ ቀለቡ እንተ ኸቲቱ ከምቲ ሸቃላይ ኣይጭነቕን'ዩ። ተረፍ ጥሪቱን ዘራእቱን ሸይጡ'ውን ነቲ ኻልእ ዘድልዮ ከማልእ ኣይጽገምን'ዩ።

**• ክልቲኦም እቲ ሸቃላይ ዝበልኩሞን ሓረስታይን ተመላሊኦም ቀሲኖም ክነብሩ እንታይ ክግበር ኣለዎ ትብሉ?**

ኣብ ኢድ መንግስቲ'ዩ። መንግስቲ ዘበናዊ ማሺነሪታት ካብዚ ዘሎዎ ኣዝዩ ብዝሰፍሐ ከተኣታቱ ኣለዎ። ሓረስታይ እንተ ርህዩዎ፡ ሸቃላይ'ውን ክርህዎ'ዩ። ሓረስታይ ዘፍረዮ፡ ሸቃላይ ይጥቀመሉ። ሓረስታይ እንተ ጸጊቡ፡ ሸቃላይ ክርህዎ ምኻኑ ፍሉጥ ነገር'ዩ።

**• ኣብ ሕርሻ ተራ ትምህርትን ተመኩሮን ከመይ ትገልጽዎ?**

ነዚኣ ተመኩሮ ሓዊስ ብዘይ ቀለዓለም'የ መልሲ ክህበላ። ስራሕ ማሕረስ ከምቲ ኻልእ ሞያታት ኣይኮነን። ዝበዝሐ ብጻዕርን ጉልበትን'ዩ ዝዕመም። ትምህርቲ ክውሰኾ፡ ስነ-ፍልጠት ክውሰኾ ኣዝዩ ዝተባባዕን ዝሓሸ ውጽኢት ዘርክቦን'ኳ እንተ ኾነ፡ ወረቓት ብግብሪ እንተ ዘይሰሪሕካሉን እንተ ዘይጽዒርካሉን ብላሽ'ዩ፤ ወረቓት ኩይኑ'ዩ ዝተርፍ።

**• ሚኒስትሪ ሕርሻ "ውሑስን መኣዛውን መግቢ ንኹሉ፣ ኣብ ኩሉ!" ኣብ ትሕቲ ዝብል መርሓ ጉደና ይሰርሕ ኣሎ። ግደ ሓረስቶት ኣብ ትግባረ እዚ ራእዩ ከመይ ክኸውን ይግባእ?**

መንግስቲ ክነግር፡ ከንቅሕ፡ ክምህር'ዩ ዘለዎ። ሓረስታይ፡ መንግስቱ ዝበሎ'ዩ ዝገብር። ኣበየናይን ብኸመይን ኢና ክንሰርሕ ዘሎንና እንተ ነጊሩና፡ ትግባረ ግደ ሓረስታይ ስለ ዝኾነ፡ ክቐስን'ዩ ዘለዎ።

- **ምስጢር ፍሉይነትኩም፡ ዓወትኩም ካብ ካልኦት ሓረስቶት እንታይ እዩ ትብሉ?**

ነቲ ማሕረስ ብርድየትን ወንን እየ ኣትየዮ። ኩሉ ሃመይን ቀልበይን ምስ ሕርሻ'ዩ። ዝረኣኹዎ ምዕባለ ይኹን ፍሉይ ዲዛይን ምስ ሕርሻ እየ ዘተኣሳስሮ። መንበርየይ፡ መደቀስየይ ኣብ ቦታ ስርሐይ እዩ። ወጊሑ እሰርሕ፡ መሰዩ እድቅስ። ኣእምሮይ ኣይከፋፍሎን'የ። ብዛዕባ ምዕባለ ክሓስብ እንተ ኾይነ ምስ ማሕረስ እየ ዘተኣሳስሮ። ሰብ ኣብ ዘድምዓሉ ክሰርሕ ኣለዎ። ኣእምሮኡ ክከፋፈል የብሉን። ኣእምሮ እንተ ተኸፋፊሉ ኣየድምዕን እዩ።



ካልእ ክብሎ ዝደሊ፡ ካብ 'ግዜ ዘባኽን ባህሊ' ክወጽእ ኣለዎ። ማሕረስካ ሓዲግካ፡ ግዜኻ ናብ ፈቖዶ ውራያት ተሕልፎ እንተ ኼንካ፡ ምዕባለ ክመጽእ ኣይክእልን'ዩ።

- **እንታይ ኢኹም ትምገቡ?**

ብዘይ ቀለዓለም ኩሉ ምሳና ኣሎ። ግና ሰኣን ኣራኽቦ መሪጽና ኣይንምገብን ኢና። ሽሮ፡ በርበረ፡ ቅጫ፡ መዓር፡ ጸባ ዝጸንሓና፡ ዝረኸብና ኢና እንበልዕ። ስጋ ድማ ኣብ ዝተረኽበሉ። ኣይነማርጽን ኢና። ጌጋ ምኳኑ ይርደኣና'ዩ፡ ክንእርሞ ኢና።

- **ጥዕና ከመይ ኣለኹም?**

ግርም። ደመይ እመርመር'የ፣ ኖርማል'ዩ። ኣብ ንቡር ኩነታት'የ ዘለኹ።

- **ሓረስታይ ናይ ምኳን ባህጊ ንዘሎዎ ሰብ እንታይ ምበልኩሞ?**

ብልቢ ተበገስ፤ ኣብ ሕርሻ ምስ ዝተዓወተ ሓረስታይ ተጸጊዕካ ግብራዊ ተመኩሮ ቅሰም፤ ትኩርን መስተውዓል ኩን፤ ንሕርሻ ዝምልከት ጽሑፋት ኣንብብ፤ ነቲ ብኽልሰ-ሓሳብ እትፈልጦ ናብ ተግባር ክትቅይሮ ፈትን፣ ጸዓር፣ ተበላሓት ምበልኩዎ። ሕርሻ ከምቲ ኻልእ ኣይኮነን፤ ብግብርን ብጻዕርን ኢኻ እትመሃሮን እትምኩሮን።

- **መንግስቲ ኣብ ኮለጃት ብዓውዲ ሕርሻ ከምህርን ከመርቕን ጸኒሑ ኣሎ። እቶም ዝምረቑ ዘለዉ፡ ብቑጽሪ'ውን ውሑዳት ኣይኮኑን። በቲ ዝተማህርዎ ዓውዲ ዝያዳ ኣድማዕቲ ንክኾኑ እንታይ ክግበር ኣለዎ ትብሉ?**

ምስ'ዛ ኽብላ ዝጸናሕኩ ትመሳሰል'ያ። ቅድም ቀዳድም ተበግሶ ክወስዱ ኣሎዎም። ፍቕሪ ሕርሻን ማሕረስን፡ ፍቕሪ ጥሪትን ዘራእትን ከም ዘሎዎም ከረጋግጹ ኣለዎም፣ ተታዕኒንካ ኣይከውንን'ዩ። መንግስቲ'ውን ዝተማህርዎ ሞያ ብግብሪ ዝሰርሕሉ ባይታ ከጣጥሓሎም ይግባእ። ነቶም ጥሙሕ ማሕረስ ዘሎዎም ኣለልዩ፣ ቦታ ሕርሻ ሂቡ እንተ ዘተባብዖም ዝያዳ ውጽኢት ምሃለዎ ዝብል እምነት ኣለኒ።

- **ኣብ ሃገራዊ ዋዕላ ስርናይን ዕፉንን ተሸሊምኩም ኔርኩም። መን'ዩ ሸሊምኩም? ብምንታይ ምኽንያት እዩ'ኸ?**

- ብሓፈሻ ኣብ ምብዛሕ ምሩጽ ዘርኢ ስርናይ ብዝገበርኩዎ ናይ ነዊሕ ዓመታት ኣበርክቶ እዩ ሚኒስትሪ ሕርሻ ሸሊሙኒ። ብፍሉይ ድማ እቶም ሽዑ እተሸለምና ሓረስቶት ግቡእ ምዕቃብ ሓመድን ማይን እናገበረና፡ ብመስመር እናዘራእና፡ ባህርያዊ ድኹዒ እናተጠቐምና፡ ብሓፈሻ ኩሉ ዘድሊ እትዋት እናገበርና እቶት ስርናይ ልዕሊ 40-50 ኩንታል ካብ ሄክታር ዘእተና ኢና። ገለ ውሑዳት ድማ ክሳዕ 90 ኩንታል ካብ ሄክታር ዘእተዉ ኔሮም። ኣነ ድማ ብፍሉይ ኣብ ምብዛሕ ድቓላ ዕፉን ተሳቲፈ እየ። ተሳተፍቲ ናይቲ ዋዕላ ዝኾኑ ወጻእተኛታት'ውን ንሕርሻይ ከም ዝበጽሑዎ ተገይሩ እዩ።

- **ኣብ ሂወትኩም ብኻ ገይረዮ ኢልኩም እትጠዓሰሉ ጉዳይ ኣለኩም ድዩ?**

ብሕርሻ፡ ደቀይ ኣዕብየ፡ ኣምሂረን ኣብ ዝብጻሕ ኣብጺሐን፤ ንመጓዓዝያ እተገልግለኒ መኪና ገዚአ፣ ንስራሕ እትኸውን ትራክተር ወኒነ፤ ኣብ ዓድን ኣብ ትካለይን ጽቡቕ መንበሪ ቤት ሰሪሐ፣ ኣብቲ መሬት'ውን ሚልዮናት ገንዘብ ወጻኢ ዝተገብሮ ናይ ርብዒ ዘበን ምድልዳል ገይረ፣ ወዘተ. ኣብ ሕርሻ ምውፋረይ ተዓዊተ'ምበር ዘጣዕስ ነገር ኣይገደፍኩን።

- **ኣርካን ሕርሻ ኣቶ ተስፋይ። ዝተረፈ፡ ዝተረስዐ እንተ ሃልዩ ናባኹም ...**

ዝተረፈ የለን። እኳ ደኣ ብዙሕ ዘየስተብህለሉ ዝነበርኩ ነገራት ኢኻ ኣዘኻኺርካኒ። የቐንየለይ ግዳ።

***

ኣርካን መንእሰይ ሓረስታይ

# ሃብቶም ገብረሚካኤል

## “ባናና ብዝሓሰረ ዋጋ ናብ ነፍሲ-ወከፍ ስድራቤት ከም ዝበጽሕ ምግባር’ዩ ሕልመይ

ፍናን ተኽለ



ትስፋውን ኣርሒቑ ዘማዕዱን ኣብነታዊ ሓረስታይ እዩ። ገና መንእሰይ ምህላዉ ኸኣ ተወሳኺ ብልጫኡ’ዩ። እቲ ብንእሽቶ ዝፈለሞ ዕዮ፡ ሎሚ ኣብ ደሓን ደረጃ በጺሑ፡ ናብ’ቲ ዝምነዮ ዓቕምን ብቕዓትን ንኽሰጋገር፡ ለይትን መዓልትን ኣብ ስራሕ ተጸሚዱ ይጉዓዝ ኣሎ። ምስጢር ዓወቱ፡ ጻዕሩን ምስ መሳርሕቱ ዘለዎ ሓያል ዝምድናን ምኻኑ’ዩ ዝገልጽ። ምስ ከምኡ ኣልማዕቲ ጀራዲን ብምኻን ክንየ ኤርትራ ዘኸይድ ጸላዊ ፍርያት ከፍሪ፡ ሓደ ካብ’ቲ ወትሩ ዝሓልሞን ኣብ ኣእምሮኡ ዘስተንትኖን እዩ። መንግስቲ’ውን ዓቕሙን ብቕዓቱን ተገንዚቡ፡ ከልምዖን ኣብ ምርግጋጽ ውሕስነት መግቢ እጃሙ ከበርክተሉ ዝኽእልን ዓቢ ዕድል ስለ ዝፈጠረሉ፡ ሎሚ ኣብ’ቲ ሞሶብ ኤርትራ ዝኾነ ጋሽ ባርካ፡ ሰፊሕ ዝሕረስ መሬት ሕርሻ ተዋሂቡ ኣብ ምልማዕ ይርከብ።

መጽሔት ፍረ ጻዕሪ ምስ’ዚ ንብዙሓት መንእሰያት ቅዱስ ቅንኢ ኣሰሪጹ ዘርከብ ኣርካን መንእሰይ ሓረስታይ ንጉዕዞ ዓወቱ ኣመልኪታ ኣዕሊላቶ ኣላ።

- **ብድሕሪ ባይታኻ ክንጅምር**

ሃብቶም ገብረሚካኤል ገብረእየሱስ እብሃል። ኣብ ዞባ ደቡብ፡ ንኡስ ዞባ ድባርዋ፡ ኣብ ተራ-እምኒ ካብ ሓረስቶት ስድራቤት ተወሊደ፣ ኣብኡ ዓብየ። መባእታን ማእከላይን ደረጃ ኣብ ቤት ትምህርቲ ተራ-እምኒ፣ ካልኣይ ደረጃ ኣብ ቤት ትምህርቲ ድባርዋ ተማሂረ። ኣብ ሳዋ ምስ መበል 21 ዙርያ ተዓሊመ። ብድሕር’ዚ ብጥዕናዊ ጸገም ኣብ 2010 ተጣዩሰ።

- **ኵነታት መርዓን ሓዳርን**

በዓል ሓዳርን ኣቦ ኣርባዕተ ቈልዑን’የ።

- **ንቑጽል**

ከም ወዲ ሓረስታይ፡ ኣብ ግዜ ንእስነተይ፡ ጎድኒ ጎድኒ ትምህርተይ ምስ ኣቦይ ኰይነ ኣብ ሕርሻዊ ንጥፈታት እናተዋሳእኩ ልምዲ ሕርሻ ኣጥርየ። ግዜ ንእስነተይ ብኽልተ ሞያ’የ ሓሊፈዮ። በቲ ሓደ ኣብ ንጥፈታት ሕርሻ ዝዋሳእ፡ በቲ ኻልእ ድማ ተቐዳዳማይ ብሽክለታይ’የ ነይረ። ተቐዳዳማይ ብሽክለታ ዞባ ደቡብ ኰይነ ክሳዕ ሰነ 2005 ምስ ተወዳደርኩ፡ ብዘጋጠመኒ ጥዕናዊ ጸገም፡ ምቅድዳም ብሽክለታ ኣቋሪጸ፡ ናብ ሕርሻ ከተኵር ተገዲደ።

ርእሰይ ክኢለ ናተይ ንጥፈታት ዝገብረሉን ዝሓሸ ህይወት ዝመርሓሉን ዕድል ንምፍታሽ ከኣ፡ ካብ’ቲ ኣብ ተራእምኒ ዝነበረ ናይ ስድራቤተይ ንእሽቶ ጀርዲን ወጺአ፣ ኣብ 2012 ናብ ጋሽ ባርካ ወሪደ፣ ሰፊሕ ናይ ሕርሻ ቦታ ከልምዕ ወሲነ። ጋሽ ባርካ ምስ ከድኩ፡ ሰፊሕ ናይ



ሕርሻ መሬት ረኺበ፡ ነቲ ኣብ ሕልመይ ዝነበረ ኣብ ከበሳ ዘይትከል ተኽሊ ባናና ከፍሪ ተበጊሰ።

- **እንታይ ሒዝካ ጀሚርካዮ?**

ኣብ ትሕቲ ኣቦይ ኰይነ ይሰርሕ ስለ ዝነበርኩ፡ ክሰመ ዝኽእል ኣታዊ ኣይነበረንን። እተን ዝነበራና ሓቢርና ኢና ነረማስሰን ዝነበርና። ስለዚ፡ ሕልምን ናይ ስራሕ ልምድን ሒዘ'የ ጀሚረዮ። ባጀት ዝበሃል ኣይነበረንን። ዝነበራና ገንዘብ ናይ መስቀሊ ኣውቶቡስ ጥራይ'የን ነይረን። ካብ ሰባት ተለቂሐ፡ ቶርባል ኰይነ (ናይ ፍርቂ ተኻርየ) ነቲ ጀርዲን ጀሚረዮ። ካብ 2012-16 ማለት ንኣርባዕተ ዓመታት ድማ ብኸምኡ ቀጺለ። ብድሕርዚ፡ ተሞኩሮን ቁሩብ ከስርሓኒ ዝኽእል ገንዘብን ምስ ረኸብኩ፡ ኣብ 2016 ናብ'ቲ ዝዓበየ ርእሰይ ዝኽእለሉ ናተይ ናይ ምልማዕ መደብ ተሰጋጊረ። ምስኡ'ውን እሙናት መሓዙት ስለ ዘጥረኹ፡ ንሳቶም እናደገፉኒ፡ ናተይ ሕርሻ ተኻርየ ኣልምዕ ኣለኹ።

- **ኣብ ሞያ ሕርሻ እቲ ቐንዲ ዝጸለወካ መን'ዩ?**



መሰረት ናይ ሞያይ፡ ኣቦይ'ዩ። ኣቦይ ህርኩትን ጻዕራምን ሓረስታይ ስለ ዝነበረ፡ ንኹሉ ናይ ሕርሻ ሞያ ንሱ'ዩ ኣላልዩኒ። ካብኡ ዝወረስኩዎን ኣብ መስርሕ ዘማዕበልኩዎን ፍልጠት ሒዘ'የ ድማ ዝሰርሕ ዘለኹ። ከም ዝፍለጥ፡ ሕርሻ ብባህሪኡ፡ ኣድካሚ'ዩ። ኵሉ ግዜ እትዕወተሉ ስለ ዘይኮነ፡ ልዑል ተወፋይነትን ቃልስን ዝሓትት ዓውዲ'ዩ። ስለዚ፡ ተስፋ ከይቈረጽካ ምስራሕ ካብ ኣቦይ'የ ተማሂረዮ። ብተወሳኺ፡ ንሕርሻ ምሉእ ግዜኻን ኣተሓሳስባኻን ምሃብ ካብ ኣቦይ እየ ወሪሰዮ።

- **ኣብ ሕርሻ ክትዕወት ወሳኒ ነገር እንታይ እዩ ትብል?**

ኣተሓሕዛን ክንክንን ተኽሊ'ዩ ንዓወት ዝውስኖ። ሓደ ሰብ ዓቢ መሬት ከልምዕ ክብገስ ከሎ፡ ምስኡ ሰፊሕ ዝበለ ኣተሓሳስባ ክህልዎ ይግባእ። ካብ ተሞኩሮይ ዝተመሃርኩዎ'ውን እዚ'ዩ።

- **ሕርሻ ንዓኻ እንታይ'ዩ?**

ሕርሻ ንዓይ ኣካል ህይወተይ'ዩ። እዚ ኸኣ ፍቕሪ ስለ ዘሎኒ'ዩ። ዘሎኒ ፍቕሪ ሕርሻ፡ ካብቲ ክረብሓሉ ኢለ ዝሰርሖ ይልዕል። ኣብ ሕርሻ ኣጸቢቐ ክሰርሕ ዝገበረኒ ድማ፡ ካልእ ክሰርሓሉ ዝኽእል ኣማራጺታት ናይ ህይወት ስለ ዘይብለይ ዘይኮነ፡ ፍቕሪ ስለ ዘሎኒ'ዩ። ምስ'ቲ ተኽሊ ኹይነ ክመራመር፡ ከዕልልን ክውዕልን ክሓድርን ከለኹ፡ ባህታ'ዩ ዝፈጥረለይ። ምኽንያቱ፡ ተኽልን ሕርሻን እናረኣኹን እናሰራሕኩን ስለ ዝዓበኹ፡ ምስ ሕርሻ መተዓብይቲ ኢና። ብተወሳኺ፡ ተኽሊ ህይወታዊ ስለ ዝኾነ ምክትታል የድልዮ። ኣብ ዓውዲ ሕርሻ እቲ ቓልሲ ምስ ህይወታዊ ስለ ዝኾነ፡ ከይሓምመካ፡ ከይጸምኣካ፡ ከይሞተካ ኢኻ ብልዑል ኣተኵሮ እትከናኸኖ። እንተ ሞይቱካን ሓሚሙካን ግን፡ ሳዕቤኑ ቀሊል ኣይኰነን። ስለዚ፡ ኣብ ዕላማኻ ንኽትበጽሕ፡ ወቕቲ ምጽናዕ የድሊ። ካልእ፡ ሓረስታይ ኵሉ ግዜ ብዛዕባ ከመይ ገይሩ ፍረ የፍሪ ስለ ዝሓስብ፡ ዕዳጋን ኣታውን መወዳእታ'ዩ ዝሰርሖ። ድሕሪ ፍሉይ ስራሕ ምስራሕ፡ ጽቡቕ ኣታዊ ክርከብ ግድን'ዩ።

- **ኣብ'ዚ እዋን ክንደይ ዝኸውን ሰፍሓት ሕርሻ ኣሎካ?**

ብሓደ ሄክታር ኮመደረ'የ ከልምዕ ጀሚረ። ኣብ'ዚ እዋን ግና፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ድገ - ሓሻኺቶ ኣብ ዝበሃል ቦታ - ከባቢ ሞጎራይብ 90 ሄክታር መሬት ከልምዕ ክኢለ ኣለኹ። እዚ ኸኣ፡ ኣስታት 30 ሄክታር ባናና ክኸውን ከሎ፡ 25 ሄክታር ኮሚደረ፣ 20 ሄክታር ከኣ ሽጉርቲ ዝለምዕ ዘሎ'ዩ። ዝተረፈ ኸኣ ዱባ፡ ባሚያን ካልእን የጠቓልል። ነዚ ኹሉ ከልምዕ፡ እኹልን ኣዕጋብን ትሕተ ባይታዊ ማይ'ዩ ዘሎኒ። እቶም ጸቒጠ ዘፍርዮም ዘለኹ ድማ፡ ኣሕምልትን ፍረታትን እዮም። ካብ ፍረታት ባናና ኹይኑ፡ ዛጊት 34 ሽሕ ገረብ ባናና ተኺለ ኣለኹ። ብጽቡቕ እናፍረኹ ኸኣ ኣብ ምሻጥ እርከብ ኣለኹ። ብተወሳኺ፡ እቶም ኣብ ከበሳ ጥራይ'ዮም ዝፈርዩ ተባሂሉ ዝእመነሎም ከም ካሮት፡ ድንሽ፡ ጣፍ'ውን ወቕቲ ሓልየ እዘርኦም'የ። ንኣብነት፡ ድንሽ ክልተ ግዜ ካብ እንዳ ምርምር ወሲደ ምስ ዘራእኩዎ፡ ጽቡቕ ምህርቲ ረኺበሉ።

- **ብወገንካ እትገብሮ ምርምር እንተሃልዩ? ውጽኢቱኸ?**

ንሱ ደኣ ኣበይ ክተርፍ። ሓንቲ ሄክታር- እትኸውን ናተይ ናይ ምርምር ቦታ ኣላትኒ። ኣብ'ዛ ቦታ'ዚኣ፡ ዘድልየኒ እናፈተንኩ ከልምዕ ጀሚረ ኣለኹ። ንኣብነት፡ ኣብ 2022 ጅንጅብል ፈቲነ ጽቡቕ ምህርቲ ረኺበሉ፣ ይቕጽሎ ኣለኹ። ኣብ ፍሩታ፡ ክሳዕ ሕጂ ኣብ ባናና'የ ጸቒጠ ዘፍሪ ዘለኹ። ኣብ መጻኢ ግን፡ ዘለኹዎ ቦታ ብዘሎዎ ኣቀማምጣ ብራኸ፡ ተምሪ ከፍሪ ስለ ዝኽእል፡ ተምሪ ንኽዘርእ እበጋገስ ኣለኹ። ለሚንን ማንጉስን'ውን ኣብ መጻኢ ከፍርዮ ከም መደብ ሒዘዮ ዘለኹ'ዩ።

- **ብገምጋም ክንደይ ኩንታል ትሓፍስ ኣለኻ?**

ባናና ምስ ተኸልካዮ፡ ካብ ትሽዓተ ወርሒ ክሳዕ ሓደ ዓመት ኣብ ዘሎ ግዜ ምህርቲ ክህበካ ይጅምር። ምስ ጀመረ፡ ወርሓዊ ምህርቲ ስለዝህበካ፡ ዓመት ምሉእ ምህርቲ ዝሓፍሶ'ዩ። ኣብ'ቲ ፈለማ፡ ንዝተወሰነ ግዜ ወርሓዊ ክሳዕ 1200 ኲንታል ባናና እረክብ ነይረ። ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ግን፡ ብሓድሓደ ጸገማት ወርሓዊ 700 ኲንታል ባናና ጥራይ እሓፍስ ኣለኹ። ጸገማተይ ፈቲሐ፡ ክንዮ'ቲ በጺሐዮ ዝነበርኩ ክበጽሕ ድማ እሰርሕ ኣለኹ። ኣብ ኮመደረን ሽጉርትን'ውን ዝምስገን ምህርቲ'የ ዝረክብ። ንኣብነት ኮመደረ ዓመታዊ ሓደ ግዜ ጥራይ ስለ ዝፈሪ፡ ኣብ ዓመት ልዕሊ 4 ሽሕ ኲንታል እሓፍስ። ሽጉርቲ ድማ፡ ኣብ ዓመት ልዕሊ 3 ሽሕ ኲንታል እረክብ። ብዛዕባ ምህርቲ ኮመደረን ሽጉርቲን ግን ክብርሆ ዝደሊ ሓሳብ ኣለኒ።

- **ሕራይ፡ ቀጽል**

ኣብ ጋሽ ባርካ ኮመደረ ዝትክለሉ ምቹእ ግዜ፡ ካብ ሕዳር ክሳብ ጥሪ እዩ። ዝሕፈሰሉ ምቹእ ግዜ ድማ፡ ካብ መፋርቕ ጥሪ ክሳብ ሚያዝያ እዩ። ኣብ ሽጉርቲ ድማ፡ ብዘይካ ካብ መጋቢት ክሳዕ ግንቦት፡ ካልእ ወርሓት ሽጉርቲ ዝትከለሉ ምቹእ ግዜ ክኸውን ከሎ፡ ዝሕፈሰሉ ምቹእ ግዜ ድማ፡ ካብ ሕዳር ክሳዕ ሰነ ምዃኑ እዩ። ካብ መፋርቕ ሓምለ ክሳዕ ጥቅምቲ ግን፡ ክራማት ዝዓብለሎ ስለ ዝኾነ፡ ዋላ'ውን ብደረጃ ሃገር ምህርቲ ሽጉርቲ ዝሕፈሶ ወቕቲ ኣይኮነን። ስለዚ፡ ኣብ'ዘን ናይ ክራማት ግዜ፡ ዋጋ ሽጉርቲ ክኸብር ንቡር ተርእዮ እዩ። ጣፍ ድማ፡ ኣብ ዓመት ሓደ ግዜ ዝፈሪ ኹይኑ፡ ዓመታዊ ካብ 30-40 ኲንታል እረክብ። ስርናይ'ውን ፈቲነዮ ደሓን ውጽኢት ሂቡኒ ስለ ዘሎ፡ ኣብ ቀጻሊ ከተኣታትዎ'የ።

- **ብዛዕባ ኣጠቃቕማ ድኹዒ ገለ በለና?**

ኣጠቓቕማ ድኹዒ፡ ሓያል ግንዛበን ንቕሓትን ዝሓትት'ዩ። ምኽንያቱ፡ ኣብ ምስሳን ምህርትን ምህብታም ትሕዝቶ ሓመድን ልዑል ኣበርክቶ ኣሎዎ። ንኣብነት፡ ባህርያዊ ድኹዒ ምግባር፡ ካብ ኣቦይ ተማሂረዮ ዝዓበኹ'ዩ። ምስ ኣቦይ ግን ነቲ ድኹዒ ብቐጥታ ኣምጺእና ኢና፡ ንድኮያን ንሰርሓሉ ነይርና። ሕጂ ግን ዚያዳ ውጽኢት መታን ክርክቦ፡ ኮምፖስት ክንሰርሖ ብኣባላት ሚኒስትሪ ሕርሻ ይሕበረና ስለ ዘሎ፡ ኮምፖስት ሰሪሐ'የ ዝጥቀመሉ ዘለኹ። ኮምፖስት፡ ካብ ምድላው ባህርያዊ ድኹዒ ምዕብል ዝበለ ኹይኑ፡ ነቲ ዘሎካ ጉሓፍ፡ ጻህያይ፡ ቆጽለ-መጽልን ቃንጫን ምስ ናይ እንስሳታት ድኹዒ እናወሃሃድካ፡ ኣብ'ቲ ዝኹዓትካዮ ጉድጓድ ቀቢርካ ዝግበር መስርሕ ምድላው ድኹዒ'ዩ። ኮምፖስት ድኹዒ ምጥቃም ከኣ፡ ኣዝዩ ኣገዳስን ዝሓሸ ውጽኢት ዝርከቦን ኰይኑ ረኺበዮ ኣለኹ። መሬተይ መታን ክህብምን ፍርያተይ ክስስንን ከኣ፡ ብቐጻሊ ዝሰርሓሉ ዘለኹ'ዩ።

- **ኣብ ንጥፈታትካ ንዝገጥም ብድሆ ብኸመይ ትፈትሖ?**

ኣብ ስራሕ እንተሃሊኻ፡ ብድሆ ክገጥመካ ንቡር'ዩ። ብፍላይ ኣብ'ዚ ተኣፋፊ ዝኾነን ብብዙሕ ጉዳያት ዝጽሎን ዓውዲ ሕርሻ፡ ብዙሕ ብድሆታት'ዩ ዝገጥመካ። ሓደ ካብኡ ሕጽረት ባጀት'ዩ። ተኽሊ ስለ ዝኾነ ግን፡ ባጀት ውሒዱኒ ኢልካ ክትቋርጾ ዝከኣል ኣይኮነን - ዝገበርካ ገይርካ ክትፈትሖ'ዩ ዘለካ። ብወገነይ፡ ነቲ ሕጽረት ባጀት፡ ብሓገዝ ፈተውተይን ዝኣምኖም ሰባትን እሰግሮ ኣለኹ። ብባህሪ ዝመጽእ ናይ ውሕጅን ክሊማን ብድሆ'ውን ኣሎ። ከምዚ ዓይነት ባህርያዊ መጥቃዕቲ ምስ ዝገጥመካ፡ ዝገበርካ ገይርካ ነቲ መፍትሒ ዝኾነ ስጉምቲ ክትወስድ ኢኻ እትግደድ። ምስ ግዜን ተሞኩሮን ከኣ ነቲ ብድሆ ትስዕሮ።

- **ነዚ ብድሆታ ንምስጋር እትጥቀመሉ ተመኩሮኻ ክተዕልለና ...**

ውሕጅ ከይመጽእ ትሕተ ቅርጺ እናዋደድኩ፡ ነቲ ብድሆ እሰግሮ ኣለኹ። ኣብ ሕርሻ ዝግበር ቃልሲ፡ ምስ ህይወት ዘሎዎ ተኽሊ ስለ ዝኾነ፡ ብሰንኪ ብድሆ ዝቋረጽ ኣይኮነን። እተፈላለየ ሜላ ተጠቒምካ ነቲ ብድሆ ክትስዕር ይግባእ። ነቲ ኣብ ተኽልኻ ዝርአ ሕማም ይኹን ሃንደበታዊ ለውጢ'ውን፡ ብሓገዝ ምኽርን ማዕዳን ኣባላት ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ጠባይን ድሌትን ተኽልኻ እናፈለጥካን እናመርመርካን ብእተጥርዮ ተሞኩሮን ፍልጠትን፡ እቲ ብድሆ እናተቓለለ'ዩ ዝመጽእ።

- **ተራ ሚኒስትሪ ሕርሻ ኣብ ንጥፈታትካ?**

ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ብመገዲ ኣባላቱ ጽቡቕ ደገፍን ምትብባዕን'ዩ ዝገብረለይ። ብደረጃ ዞባ ይኹን ንኡስ ዞባ ዝተመደቡ ሓለፍትን ኣባላትን ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ኣፍልጦና ኣብ ምዕባይ ብኣካል እናመጽኡ ዓቢ ኣስተዋጽኦ ይገብሩልና ኣለዉ። ኣብ ምቕራብ ወሰንቲ መድሃኒት ባልዓት፡ ክስተት ምስ ዘጋጥም ዝወሃብ ምኽርን ሓበሬታን'ውን ልዑል ተራ'ዩ ዘለዎም። ክኢላታት ካብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት እናመጽኡ ዘተባብዑንን ሓጋዚ ሓበሬታ ዝህቡንን ሓለፍትን ክኢላታትን ሚኒስትሪ ሕርሻ'ውን ኣለዉ። ካልእ፡ ኣብ ግራተይ እናመጽኡ ናይ ድንሽን ካልእን መጽናዕትን ፈተነን ስለ ዝገብሩ፡ ብዙሕ ተሞኩሮ'የ ዘትርፍ። ስለዚ፡ ኣብ'ዚ ደረጃ'ዚ ንኽበጽሕ ተራ ሚኒስትሪ ሕርሻ ዕዙዝን የማናይ ኢደይን'ዩ። ምስኦም እናተመኻኸርኩን እናተደጋገፍኩን ድማ ብጽቡቕ እቅጽል ኣለኹ።



- **ባናና ንዓኻ እንታይ'ዩ? ኣብ ተመገብቲ ዘለዎ ጥቕሚኸ?**

ባናና ንዓይ፡ ሓደ ካብ መሓዙተይ ተኽሊ'ዩ። ኣዝየ ድማ እፈትዎ። ባናና፡ ብትሕዝቶ ጽሕጊ፡ ፖታሽዩም፡ ካልስዩምን ካልእን ባእታታት ሃብታም ስለ ዝኾነ ልዑል ጥዕናዊ ረብሓ ኣሎዎ። ብዝቐለለ ከም መግቢ ክጥቀመሉን ከብድኻ ክትዕንግለሉ ዘኽእለካን ተኽሊ ብምዃኑ ድማ ተጠላቢ'ዩ። ስለዚ፡ ባናና ነፍሲ-ወከፍ ኤርትራዊ ክምገቦ ዝኽእል ፍሩታ'ዩ። ካልእ ባናና ተወሳኺ ረብሓታት ኣለዎ። እቲ ምህርቲ ኣኺሉ ዝተቖርጸ ገረብ፡ ከም መግቢ እንስሳ የገልግል'ዩ። ስለዚ፡ ቀጠልያ መግቢ እንስሳ ገይርና መግቢ ንጠለ-በጊዕን ከብትን ክኾነካ ይኽእል። ከምኡ'ውን፡ ኮምፖስት ድኹዒ ንምድላው፡ ቈጽሊ ባናና ምስ ቀልቀል ጠለ-በጊዕን ከብትን ሓዋዊስካ፡ ኮምፖስት ድኹዒ ክትሰርሖ ትኽእል።

- **ዋጋ ባናና ንምንታይ'ዩ ዘይጉድል?**

እዚ ጉዳይ፡ ኵሉ ግዜ እንዛረበሉ እዩ። እቲ ጸገም ድማ፡ ሓረስታይን ህዝብን ብቐጥታ ይራኸቡ ስለ ዘየለዉ'ዩ። ብሰሪ ኣብ ሞንጎ ዘለዉ ሸቃጦ ማለት፡ ኣብ መኽዘን ዘብስሉ፡ ብጅምላ ዝወስዱ፡ ብችርቻሮ ዝሸጡ ወዘተ፡ ወሰኽ ናይ ዋጋ የጋጥም ኣሎ። ሓረስታይን ኣህላኽን እንተ ዝራኸብ ግን፡ እቲ እነፍርዮ ዘለና ባናና ይኹን ካልእ ምህርቲ፡ ብርትዓዊ ዋጋ ምተጠቐምናሉ ኔርና። ስለዚ፡ ዋጋ ባናና ክጉድል እንተ ኾይኑ፡ ሓረስታይን ህዝብን ዘራኽብ መስመር'ዩ ክፍጠር ዘለዎ። ነዚ ኸኣ፡ ብወገነይ፡ ኣብ ማእከላይ ቦታ ምህርተይ ዘብሰለሉ ቦታ ረኺበ፡ ነቲ ጸገም ከቃልል ኣብ ጻዕሪ ኣለኹ።

- **ብዛዕባ ባህርያት ባናና እስከ ኣዕልለና?**

ኣብ ሃገርና ሰለስተ ዓሌታት ባናና እዮም ዘለዉ። እብ ከባቢና ልሙዳት ዝኾኑ ዘርኢ ባናና በለዲንን ዊልያምን ይብሃሉ። ነናቶም ጠባይን ብልጫታትን ከኣ ኣለዎም። ንኣብነት በለዲን እቲ ገዲም ዓይነት ባናና ሃገርና ኰይኑ፡ ቁመቱ ቁንጹብ፡ ርጉድ ዝበለ ዘለላ ዘለዎ'ዩ። በለዲን ቁመቱ ካብ 1.5 ሜትሮ ክሳብ







2 ሜትሮ እዩ። ነዊሕ ስለዘይኰነ ኸኣ፡ ብንፋስ ናይ ዘይምውዳቕ ብልጫ ኣለዎ። ዝሓሸ ተጻዋርነት ማይ'ውን ስለ ዘሎዎ፡ ኣብ ኣርባዕተ መዓልቲ'ዩ ዝሰቲ። እቲ ናቱ ኣሉታዊ ጎድኑ ግን፡ ሓጺር ስለ ዝኾነ፡ ብመፋልስ ክብላዕ ይኽእል።

እቲ ዊልያም እንብሎ ዓይነት ባናና ድማ ኣዝዩ ነዊሕ ኰይኑ፡ ክሳብ 4 ሜትሮ ቁመት ኣለዎ፣ ዘለላኡ'ውን ነዊሕ'ዩ። ቁመቱ ነዊሕ ብምዃኑ፡ ካብ መፋልስን በላዕተኛታትን ይድሕን'ዩ። ብሰሪ ንውሓቱ ግን፡ ብንፋስ ክጥቃዕ ይኽእል። ጽምኢ ማይ ስለ ዘይጻወር ከኣ፡ ዝያዳ ክንክንን ማይን የድልዮ። ኣብ ዕዳጋ ክልቲኦም ዓይነት ባናና'ዮም ዘለዉ። ጣዕሞም'ውን ኣይሰናነፉን'ዮም። ነናቶም ብልጫ ስለ ዘለዎም ከኣ ዓሚል ዝመረጾ ገዚኡ ይጥቀም። ባናና ከም ካልእ ተኽሊ ስለ ዘይኮነ፡ እንትርፎ ጽሩይ ማይ ጨዋም ማይ ኣይጻወርን'ዩ። እንተ ተኻኢሉ፡ ኣብ ላቦራቶሪ ተመርሚሩ ጽሩይ ምዃኑ ዝተረጋገጸ ማይ ከተሰትዮ ኣለካ። ምስ ባናና ዝሰማማዕ መሬት ምምራጽ'ውን ካብኡ ዘይፍለ ኣገዳስነት ኣለዎ። ባናና፡ ብቐሊሉ ሰራውሩ ክዝርግሓሉን ማዕድናት መሬት ክስሕበሉ ዝኽእልን ፍኹስ ዝበለ፡ ለሰ ቦታ'ዩ ዝፈቱ፣ ተሪር ቦታ ኣይፈቱን'ዩ። ምስኡ'ውን ዝያዳ ምህርቲ ንምርካብ ኮምፖስት ኣዳሊኻ ምትካል፡ ኣብ ምህርቲ ባናና ኣርባሒ'ዩ። ኣብ ኣተኻኽላ'ውን፡ ካብኡ ናብኡ ማለት ካብ'ቲ ዝኣረገ ባናና'ዩ ዝድቀል። ኣብ ባናና ኣደ፡ ጓላን ጓል-ጓላን ዝበሃል ስለዘሎ፡ እታ ዓባይ ባናና ከም ቃንጫ ሻምብቆ ምንኣሳ እናወለደት'ያ ትኸይድ። ስለዚ፡ ኣብ ባናና ናይ ዘርኢ ሽግር የብልካን። ካልእ፡ ባናና ከም ኣራንሺ፡ ማንጉስን ካልእን፡ ክሳብ ሓሙሽተ ዓመት ተጸበየኒ ኣይብለካን'ዩ። እንተ ነፊዕካ ኣብ ውሽጢ ትሽዓተ ወርሒ፡ እንተ ዘይኮነ ኣብ ዓመት ምህርትኻ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ። ወርሓዊ ምህርቲ ዝህብ ስለ ዝኾነ ድማ፡ ምሉእ ዓመት ፍረ ኣሎዎ። ስለዚ፡ ባናና ንሓረስታይ ክሕግዝ ዝኽእል ዝሓሸ ተኽሊ እዩ።

- **በል ናብ ምህርቲ ባናና ንኺድ?**

ኣብቲ ንስኻ እትገብረሉ ክንክን እዩ ዝምርኰስ። እኹል ማይን መግብን እንተ ቐሪብካሉ ጽቡቕ ምህርቲ ይህበካ። ስለዚ፡ ጽቡቕ ምስ እትሰርሖ፡ ካብ ሓደ ሄክታር ወርሓዊ 50 ኲንታል ባናና ክትረክብ ትኽእል። ሓንቲ ዘለላ ባናና እንተ ጸቢቓ ድማ ክሳዕ 70 ኺሎ ክትህበካ ትኽእል። ተኽሊ ባናና ቆላ'ዩ ዝሰማምዖ። ካብ 22 ክሳዕ 30 ዲግሪ ሰንቲ ግሬድ ኣብ ዘሎ ሙቐት'ዩ ዝሰማምዖ። ኣብ ብራኸ ድማ፡ ካብ ጽፍሒ ባሕሪ ካብ 600 ክሳዕ 1300 ሜትሮ ይፈቱ። ባናና ከም'ቲ ዓቢ ተኽሊ ምዃኑ፡ ዓቢ ሰራውር የብሉን። ሰራውሩ ካብ 70 ሰ.ሜ ክሳዕ ሓደ ሜትሮ ንታሕቲ ይኣቱ። ንጎድኒ ድማ ካብ 1.5 ሜትሮ ክሳብ 2 ሜትሮ ይኸይድ። ካልእ፡ ባናና ጽሬት ይፈቱ። ዝኣረገ ቈጽሉ ጸልጺልካ ብግቡእ ኣርሒቕካ ክትኣልየሉ ኣለካ። ዝበሰለ ባናና፡ ኣብ'ቲ ተኽሊ ካልእ ጥዕናዊ ሳዕቤን ከየምጽእ፡ ቀልጢፍካ ክትቆርጾ ይግባእ። እንተ ዘይኮይኑ፡ ብፋንጋስ፡ ባክተርያ፡ ጽንጽያ፡ ባልዓትን ጽግዕተኛታትን ይጥቃዕ።

- **መስርሕ ምህርቲ ባናና ምእካብን ናብ ህዝቢ ምዝርጋሕን እንታይ ይመስል?**

ባናና በሲሉ ክትቁርጾ ምስ ወሰንካ፡ ፈለማ ንዕኡ እትሰማማዕ፡ ንፋስ ዘይኣትዋ መሸፈኒ ዘለዋ ማኪና ኢኻ እትቕርብ። ምስ ቈረጽካዮ ድማ ከም ዘይጸቓቐዋ ጌርካ፡ በብዘለላ ወይ ካስኮ እናጸፍጸፍካ ተጠንቂቕካ ትጽዕኖ። ባናና ካብ ተኽሉ ምስ ተቘርጸ፡ መታን ከይሃፍፍን ትሕዝቶ ማየ ከይከይድን፡ ኣብ ውሽጢ 24 ሰዓታት ናብ'ቲ ዝተዳለወ ናይ መብሰሊ ቦታ ክበጽሕ ኣለዎ። ብዙሕ ንፋስን ሙቐትን ስለ ዘይፈቱ ኸኣ፡ ክሳዕ ናብ'ቲ ማእከላይ ዕዳጋ ማለት ኣስመራ ዝበጽሕ ብጥንቃቐ ተጐዓዕዞ። ኣስመራ ምስ መጽአ፡ ኣራጊፍካ፡ ኣብ'ቲ ዝተዳለወ ናይ መብሰሊ ቦታ ማለት ኣብ ፎርኖ ንኽልተ መዓልቲ ይዕሸግ። ክበስል ከሎ ብኽልተ ኣገባብ'ዩ ዝበስል። እቲ ሓደ፡ ኣብ'ቲ መብሰሊ ገዛ ፔርሙስ ወሊዕካ፡ ካብኡ ብዝትፋእ ጋዝ ንኽልተ መዓልቲ ኣየር ከም ዘይኣትዎ ብምዕጻው ዝካየድ መስርሕ ምብሳል'ዩ። ኣብ ሳልሳይ መዓልቲ ከፊትካ ንፋስ ትህቦ'ሞ፡ ኣብ መበል ራብዓይ መዓልቲ ድማ ናብ ህዝቢ ንዕዳጋ ተውርዶ። እቲ ካልኣይ መስርሕ ኣበሳስላ፡ ኣብ ክንዲ ካብ ፔርሙስ ዝትፋእ ጋዝ ጌርካ ተብስሎ፡ ብዘመናዊ ማለት ብኤለክትሪክ ተጠቒምካ ዝካየድ መስርሕ ምብሳል'ዩ። ክንደይ ናይ ዛሕልን ሙቐትን ዓቐን ከም ዘድልዮ ፈሊጥካ ድማ፡ በቲ ዝግባእ ዓቐን ተብስሎ። ኣብ ሃገርና፡ ክልቲኡ ሜላ ኣበሳስላ ተኣታቲዩ ይሰርሓሉ ኣሎ።

**• ናትካ መኽዘኒ ባናና ኣለካዶ?**

ዛጊት የብለይን። ኣብ'ቲ መኽዘንን መብሰልንን ባናና ዘሎዎም ዓማዊለይ'የ ዝጥቀም ዘለኹ። ይኹን'ምበር ብዛዕባ ባናና ብዙሕ ስለ ዝሓስብ፡ ናተይ ናይ መብሰሊ ቦታ ገይረ ምስ ህዝቢ ብቐጥታ ዝራኸበሉ መድረኽ ክፈጥር ናይ ወትሩ ሕልመይን ጻዕረይን'ዩ። ምኽንያቱ፡ እቲ ኣነ ዘፍርዮ ባናና ብዙሕ ስለ ዝኾነ፡ ናተይ እንተ ገይረ፡ ነቲ ዘሎ ክብሪ ዋጋ ባናና መጒደልኩዎ በሃላይ'የ። ስለዚ፡ ኣብ ማእከላይ ቦታ ወይ ኣስመራ፡ ባናናይ ኣብሲለ ዝሸጠሉ ቦታ እንተ ዝረክብ፡ ኣብ ዞባታት'ውን ንኣሽቱ መከፋፋሊ ነቑጣታት ወይ ሳተላይታት ገይረ፡ ንመላእ ህዝቢ ኤርትራ በቲ ዝሓሰረ ዋጋ ባናና ክቕርበሉ እዩ ሕልመይ። ነዚ ሕልመይ ንምትግባር ድማ ኣበርቲዐ ክጽዕር'የ።

**• ንኻልኦት ኣብኡት ዝኾኑ ፍልጠትን ተመኩሮን ኣጥርየዶ ትብል?**

ፍልጠትን ተመኩሮን ዝበጻሕን ዘውዳእን ኣይኮነን። ኣበይ ነይረ፡ ሕጂኸ እንታይ ወሲኸ ብምባል ግን ንደረጃ ፍልጠትካን ተመኩሮኻን ክትዕቅኖ ትኽእል ኢኻ። ኣነ ኸኣ ክሳዕ ሕጂ ንዓይን ንኻልኦት ግዱሳትን ክምህረሉ ዘኽእለኒ ደሓን ፍልጠትን ተመኩሮን ኣጥሪየ ኣለኹ በሃላይ'የ። ነቲ ዘይበጻሕኩዎ ንምብጻሕ ግን ብሕጂ'ውን ፍልጠተይን ተመኩሮይን ዘዕብየሉ ባይታ ክረኽብ እጽዕር'የ።

**• ዛጊት ኣብ ከባቢኻ እንታይ ጽልዋ ኣሕዲርካ ኣለኻ?**

ኣብ'ቲ ኸባቢ ሕርሻ ምግባረይ፡ ነቲ ከባቢ መጠናዊ ናይ ስራሕ ዕድል ፈጢረሉ ኣለኹ በሃላይ'የ። ንኣብነት፡ ኣብ ጥቓ ጀርዲነይ ሓያሎ ዓድታት ኣለዋ። ተቐማጦ ናይ'ዘን ዓድታት፡ ክሳዕ ሓሙሽተ ኪሎ ሜትር ብእግሮም እናተመላለሱ ኣብ ጀርዲነይ እናሰርሑ ድራሮም ሒዞም ዝኣትዉሉ ዕድል ተፈጢሩሎም ኣሎ። ብዘይካ'ቲ ዝወሃቦም ናይ ገንዘብ ደሞዝ፡ ካብ'ቲ ፍርያት'ውን ተጠቒምቲ ብምዃኖም፡ ተወሳኺ ረብሓ ይረኽብሉ ኣለዉ። ካልእ ዝበዝሑ ካብ ሰራሕተኛታተይ ተመላሊሶም ዝሰርሑ'ዮም። በዚ መሰረት፡ እናተመላለሱ ዝሰርሑ ከባቢ 100 ደቂ ተባዕትዮን ደቂ ኣንስትዮን ሰራሕተኛታት ኣለዉኒ፣ ቀወምቲ ድማ ካብ 30 ዘይውሕዱ ኣለዉ።

**• ብዛዕባ ምቅይያር ዘራእቲ ዘሎካ መረዳእታ?**

ምቅይያር ዓይነት ዘራእቲ፡ ሓደ ካብ ኣገደስቲ ሜላታት ዘመናዊ ሕርሻ'ዩ። ትሕዝቶ ምህርትን ሓመድን ስለ ዘሀብትም፡ ሓረስታይ ክጥቀመሎም ዘሎዎ ኣገዳሲ ነገር'ዩ። ነፍሲ-ወከፍ ተኽሊ ዝደልዮ ትሕዝቶ ክፈላለ ይኽእል'ዩ። እዚ ኸኣ እቲ ሓደ ተኽሊ ብዙሕ ናይትሮጅን ክደሊ ኸሎ፡ እቲ ኻልእ ተኽሊ ድማ ብዙሕ ፖታሽዮም ስለ ዝደሊ'ዩ። ካልእ ተኽሊ'ውን ብዙሕ ኣሞኒያ ክደሊ ይኽእል'ዩ። እዚ ዘረድኣና፡ ምቅይያር ዘራእቲ ምግባር፡ ኣብ ምኽዕባት እቶት ቀንድን መሰረታውን ምዃኑ'ዩ። ስለዚ፡ ሸኾርቲ ዝዘራእካዮ ግራት፡ ምህርትኻ ምስ ኣልዓልካ፡ ብግቡእ ሓሪስካን ጸሓይ ኣህሪምካን ካልእ ክትቅይሮ ኣለካ። ኮመደረ ዝነበረ ግራት ድማ ብተመሳሳሊ ኣገባብ ካልእ ዓይነት ተኽሊ ክትዝርኦ ኣለካ። እንታይ ዓይነት ተኽሊ ድሕሪ ምንታይ ትዝርኦ ድማ ምኽሪ ክኢላታት ሕርሻ ክትሓትት ኣገዳሲ እዩ። ብሓፈሻ ግና ምቅይያር ዘራእቲ፡ ትሕዝቶ መሬት ንኽይደክይን ዝያዳ ምህርቲ ንምርካብን ይሕግዝ። ብዘይካ'ዚ ኣብ ምቍጽጻር ባልዓት፡ ልዑል ተራ ስለ ዝጻወት፡ ዘይተርፍ ዕዮ ሓረስታይ ክኸውን'ዩ ዝግባእ። ብወገነይ፡ ንምቅይያር ዘራእቲ ልዑል ጥንቃቐ እናገበርኩ እሰርሓሉ ስለ ዘለኹ፡ ጽቡቕ ኣታዊ እረኽበሉ ኣለኹ።

**• ሕርሻኻ፡ ኣብ መነባብሮኻ እንታይ ለውጢ ኣምጺኡልካ?**

እቲ ዝዓበየ ዓወተይ ዝብሎ፡ እቲ ቕድሚ 12 ዓመት ዝጀመርኩዎ ሕርሻ፡ ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ናብ ሓውሲ ዘመናዊ እናቐየርኩዎ እመጽእ ምህላወይ'ዩ። እዚ ኸኣ፡ እቲ ኣብ ዓዲ ከለኹ ኣብ ሓንቲ ንእሽቶ መሬት ብብዕራይ ዝሓርሶ ዝነበርኩ ኣገባብ፡ ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ኣብ ሓደ ሰፊሕ ናይ ሕርሻ መሬት ኰይነ፡ ብትራክተር ክሓርስ በቒዐ ኣለኹ። ቀደም ብብሽክለታ ገይረ ናብ ጀርዲን ናይ ኣቦይ ዝወፍር ዝነበርኩ፡ ኣብ'ዚ እዋን፡ መንቀሳቐሲት እትኾነኒ መኪና ኣጥሪየ ኣለኹ። ኣብ ምርግጋእ ዕዳጋ ድማ ምስ ከማይ ዝኣመሰሉ ሓረስቶት እናተደጋገፍኩ ቀሊል ዘይኮነ ኣበርክቶ እገብር ኣለኹ በሃላይ'የ። ኣብ መነባብሮይ'ውን፡ ንዓይን ንደቀይን ስድራቤተይን ዘድልየና ቀረባት ኣብ ምምላእ ተዓዊተ ኣለኹ። እቲ ራእይ ግን፡ ክንየው ንዓይ ዝህበኒ ማሕበራዊ ዕጋበት፡ ብደረጃ ሃገር ዕዳጋ ኣብ ምርግጋእ እጃም ዘሎዎ ፍርያት ከቕርብ'ዩ ጽኑዕ እምነተይ።

**• ምያኻ ንምዕባይ ዘወሰድካዮም ስልጠናታት እንተ ሃልዮም**

ብዘይካ'ቲ ካብ ክኢላታት ሕርሻ ዝረኽቦን ኣዝዩ ዝጠቐመንን ምኽርታት፡ ዛጊት ዘወሰድኩዎ ፍሉይን ዓብይን



ስልጠና የልቦን። እቲ ዘሎኒ ፍልጠት፡ ካብ ዘንበብኩዎን ካብ ካልኦት ብጾተይን ዝረኸብኩዎን'ዩ። ይኹን'ምበር፡ ሕርሻ ብስነ-ፍልጠት ተመሪሑ ምስ ዝሰላሰል ጥራይ ዕዉት ስለ ዝኸውን፡ ኣብ ንጥፈታት ጀርዲን ዘሎ ምዕባለታትን ዝተኣታቶ ዘሎ ቴክኖሎጂን እንታይ ይመስል እናተኸታተልኩ እኸይድ ኣለኹ። ኣብ'ዚ መዳይ፡ ንኹልና ሓረስቶት ተራን ምትብባዕን ሚኒስትሪ ሕርሻ ከይፍለየና ኣዘኻኽር። ኣብ ሕርሻ ምስ እተፈላለዩ ሓረስቶት ምርኻብ ስለ ዘድሊ፣ ብወገነይ፡ ነቲ ዘካይዶ ዘለኹ ንጥፈታት ጀርዲን ተወሳኺ ሓይልን ፍልጠትን ዝህበኒ ፍልይ ዝበለ ናይ ውሽጢ ሃገር ድዩ ናይ ደገ ስልጠና ይኹን ምልውዋጥ ተመኩሮ ከም ዘድልየኒ እኣምን።

- **ጉድኒ-ጉድኒ ጀርዲንካ እተካይዶ ንጥፈት ኣሎዶ?**

ነቲ ካብ ግራተይ ዝረኸቦ ቀጠልያ ሳዕሪ ክበልዓለይ ብምባል፡ ከብቲን ጠለ-በጊዕን ኣፍሪ'የ። ብፍላይ ጤለ-በጊዕ ጽቡቕ ኣፍሪ ኣለኹ። ንዐኣን መግቢ ዝኸውን ከም ኣልፋ-ኣልፋን ሳዕሪ ሓርማዝን ዝኣመሰለ ቀጠልያ መግቢ'ውን እዘርእለን'የ። ካብኣን ዝረኽቦ ጸባ ድማ ንስድራቤተይን ንሰራሕተኛታትን ይጠቕመና ኣሎ። ካልእ ኣብ ንጥፈታት ምግራብ እነጥፍ'የ። እዚ ኸኣ፡ ኣብ ምክልኻል ፍግረ-መሬት፡ ኣብ ምህዳእ ህቦብላን ንፋስን ውዒሉ፡ ሕርሻዊ ምህርቲ ኣብ ምስሳን'ውን ዓቢ ኣስተዋጽኦ ኣሎዎ። ዝበዝሕ ግዜ፡ ግራት ንምሕጻር ብዙሕ ገረብ ምቍራጽ ይርአ'ዩ። ብወገነይ፡ ነቲ ኣሪት እናበልካ ኣብ ዝተወሰነ ዝቍረጽ ገረብ ንምድሓን፡ ልዕሊ 5 ሽሕ ቀንጠብ ተኺሊ ተኺለ ግራተይ ሓጺረ ኣለኹ። ኣብ ቀጻሊ'ውን ልዕሊ 15 ሽሕ ገረብ ዝኸውን ንምትካል ቦታ ኣዳልየ ኣለኹ። ብተወሳኺ፡ ዓንቋ እናጸነተ ዝኸይድ ዘሎ ገረብ ኩይኑ፡ ኣነ ግን ከም መፈተኒ 120 ገረብ ዓንቋ ኣብ ጀርዲነይ ተኺለ ከዕብዮ ጀሚረ ኣለኹ። ካልእ፡ ናይ ሕርሻ ምህርትና ክብርክት እንተ ኾይኑ፡ ምዕቃብ ማይን ሓመድን ብዘይ ምቍራጽ ክንሰርሓሉ ኣለና ኢለ'የ ዝኣምን። ሓመድ እንተ ዘይተዓቂቡ፡ ሳዕቤኑ ከቢድ'ዩ። ምኽንያቱ እቲ እንበልዖን እነፍርዮን፡ ውጽኢት ሓመድ ስለ ዝኾነ። ብወገነይ፡ ከባቢ ሓደ ሽሕ ሜትሮ መሬት ብዶዘር ገይረ ብምድልዳል፡ ጀሪፈዮ ኣለኹ፣ ብሕጂ'ውን ክደፍኣሉ'የ።

- **ኣይተጠቕስን ትብሎ እንተሎ?**

ኣብ ጋሽ ባርካ፡ ፍርያት ኮመደረ ዝኣትወሉ ካብ ለካቲት ክሳዕ ሚያዝያ ኣብ ዘሎ ግዜ ብምዃኑ፡ ኩሉ ሓረስታይ ኣብ'ዘን ዝተጠቕሳ ሰለስተ ወርሒ ጥራይ'ዩ ልዑል ምህርቱ ዘፍሪ። ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ፡ ዋጋ ኮመደረ ኣዝዩ ስለ ዝሓስር፡ ገሊኡ ንመግቢ እንስሳታት'ዩ ዝኸውን። ንኣብነት፡ ኣብ ወርሒ ለካቲት ዋጋ ሓደ ኪሎ ኮሚደረ ክሳዕ ብሓደ ናቕፋ ትሽየጥ'ሞ፡ እቲ ሓረስታይ ናብ ክሳራ ይወርድ። ኣብ ወርሒ ሓምለ ድማ ንኺሎ ኮመደረ ብልዕሊ 30 ናቕፋ ስለ እትሽየጥ፡ ህዝቢ ኣብ ጸገም ይኣቱ። ስለዚ፡ ኣብ'ዘን ልዑል ምህርቲ ዝሕፈሰለን ኣዋርሕ፡ ነቲ ዝፈረየ ኮመደረ ዝዕሽገሉ ዕድል እንተ ዝፍጠር'ሞ፡ ኮመደረ ኣብ ዝኸበረሉ ወይ ውሑድ ፍርያት ኣብ ዝኣትወሉ ወቕቲ፡ ተሸይጡ ንህዝብን ሓረስታይን ዘርብሕ እንተ ዝኸውን ጽቡቕ ነይሩ እብል።

- **መጻኢ መደብካ እንታይ'ዩ?**

ኣብ ባናና፡ ብዓይነትን ብብዝሕን ኣዕብየ፡ ዝበለጸ ምህርቲ ክቐርብ መደብ ኣለኒ። ነዚ ኸኣ፡ ኣብ ማእከላይ ቦታ ናተይ መብሰልን መኽዘንን ቦታ ረኺበ፡ ንነፍሲ-ወከፍ ኤርትራዊ ባናና ክብጽሓሉ ሕልሚ ኣሎኒ። ነቶም ካልኦት ፍርያተይ ማለት፡ ኮመደረ፡ ሸጉርቲ፡ ዱባ፡ ባምያ፡ ጣፍ፡ ጅንጅብልን ካልኦትን ብዝለዓለ ክቕጽሎም'የ። ነቶም ከተኣታትዎም መዲበ ዘለኹ በዓል ለሚን፡ ማንጉስን ካልኦትን ድማ ከፍርዮም'የ። ካልእ፡ ንሕርሻይ ብናፍታ ዝሰርሓ ሞተረታት ተጠቒመ ማይ ስለ ዘስትዮ፡ ነዚ ናብ ጸሓያዊ ጸዓት ናይ ምቕያር መደብ ኣሎኒ። ስለዚ፡ ነዚ ሕልመይ ንምትግባር ኣነ ዘኽኣለኒ እገብር ኣለኹ'ሞ፡ መንግስተይ ድማ ዝኸኣሎ ደገፍ ክገብረለይ ኣዘኻኽር።

- **ኣብ መወዳእታ ንምስጋና ዕድል ክህበካ?**

ኣብ'ዚ በጺሐዮ ዘለኹ ደረጃ ንኽበጽሕ ዝሓገዙኒ መጀመርታ ስድራቤተይ'ዮም - ልዑል ምስጋና ኣቕርበሎም። ኣቦይን ኣደይ ወ/ሮ ወግኸሽ በርሀን ብፍላይ ከኣ፡ ኣሕዋተይ፡ ኣብ'ዚ ንኽበጽሕ፡ ፍቕሮም፡ ሓልዮቶምን ምትብባዖምን ስለዘይተፈልየኒ ከመስግኖም እደሊ። በዓልቲ ቤተይ ሸዊት ኣፍወርቂ ከምኡ'ውን ሰይቲ ሓወይ ወ/ሮ ሰላም ክፍለ ኣመስግነን። ቀጺለ፡ ካብ ጎድነይ ከይተፈልየ ምኽርን ማዕዳን ንዝህበኒ ዘሎ ሚኒስትሪ ሕርሻ ኣመስግን። ኣካል ዓወተይ ብምዃኖም ክሳዕ ሕጂ ዘተባብዑንን ሞራል ዘሰንቑንን ዘለዉ ኣመሓዳሪ ዞባ ጋሽ ባርካ ኣምባሳደር ማሕሙድ ዓሊ ሕሩይ፡ ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ድገ ኣቶ ሁመድ ዋኤላ፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ድገ ሓላፊ ቤ/ጽ ሕርሻ ኣቶ ቴድሮስ ገብረማርያም፡ ሓላፊ ኣሃዱ ኣሕምልትን ፍረታትን ኣቶ ተኽለኣብ ገብረገርግሽ፡ ኣቐዲሙ ኣብ'ዚ ንኡስ ዞባ ሓላፊ ሚኒስትሪ ሕርሻ ዝነበረ ኣቶ ሃብቶም ሓድሽ፡ ከምኡ'ውን ብሞራልን ባጀትን ካብ ጉድነይ ንዘይተፈልየ ኣቶ ሃብቶም ገረዝግሄር፡ ፈለማ ጋሻ ኾይነ ባርካ ካብ ዝወረድኩላ ክሳዕ ሕጂ፡ ከም ኣቦይን ዓርከይን ኩይኑ፡ ኣብ'ዚ ደረጃ ንኽበጽሕ ዝሓገዘንን ዘተባብዓንን ዘሎ ኣቶ ማእከለ ወልደሚካኤልን ካልኦት ስሞም ዘይጠቐስኩዎምን ኣመስግን።

***

ዓንደመስቀል በርሀ

# ኣብነታዊ ዕዮ “ውሁድ ምሕደራ ማይ-ኵዖ እግሪ መኸል”

## “ማይናን ሓመድናን ዓቂብና፡ ባህርያዊ ጽባቐ ከባቢና ናብ ንቡር ዝምለሰሉ ባይታ ምፍጣር’ዩ ሸቶና” ኣወሃሃዲ ፕሮጀክት ዓዲ-ዓጓ

ብቐጥታ ይኹን ብተዘዋዋሪ፡ ኵሉ ንጥፈታት ህይወታውያንን ዘይህይወታውያንን ኣብ ሓመድ ዝተመርኰሰ እዩ። ሓመድ፡ ምንጪ ማይ፡ መዕቈቢ እተፈላለዩ ደቀቕቲ ታህዋስያን ብዓቢኡ ድማ ምንጪ መኣዛዊ መግቢ ኣትክልትን እንስሳታትን ወዲ ሰብን እዩ። ብሓጺሩ ሓመድ ህይወት’ዩ እንተ ተባህለ ካብ ሓቂ ዝረሓቐ ኣይኮነን። ብተወሳኺ ሓመድ ሰፈር እተፈላለዩ ባህርያዊ ጸጋታትን ማዕድናትን እውን እዩ። ክንዲ ዝኾነ ድማ ሓመድ ክዕቀብን ብግቡእ ክንክን ክትሓዝን ይግብኦ።

ተራ ምዕቃብ ሓመድ ኣብ ልምዓት ሕርሻ ከመይ ይመስል? መብርሂ ክህበና ዝተወከስናዮ ኣብ ሚኒስትሪ ሕርሻ ክኢላ ምዕቃብ ሓመድን ማይን ኣቶ ዳዊት መብራህቱ እዩ። “ምዕቃብ ሓመድ ምስ ምዕቃብ ህይወት ከነወዳድሮ ንኽእል” ይብል ኣቶ ዳዊት። ብፍላይ ኣብ ከም ሃገርና ኤርትራ፡ ዝበዝሐ ክፋል ሕብረተሰብ ኣብ ሕርሻዊ ልምዓት ዝነጥፍ፡ ጸዳፍ ቅርጺ መሬት ዘውንን፡ ብዓቢኡ ድማ ኣብ



ኣቶ ዳዊት መብራህቱ

ኣጻምእን ሓውሲ ኣጻምእን ማሕረስ-ከባቢ እንርከብ፡ ምዕቃብ ሓመድን ማይን ናይ ቀዳምነታት ቀዳምነት ክኸውን ዘካትዕ ከም ዘይኮነ ኣቶ ዳዊት ይውስኽ።

ሃገርና ኤርትራ፡ ኣብ ዞባ ሳህለ-ሳህራ፡ ምድረ-በዳነት ብናህሪ ዘስፋሕፍሓሉ፡ ጽልዋ ክሊማዊ ለውጢ ዝጠንቁ ዘይስሩዕ ወቕትታት ዝናብ ዝኽሰተሉን ቀጻሊ ብደርቂ ዝጥቃዓሉን ኣከባቢ ምስ ምህላውና ከምኡ’ውን ዘሎና ጆኦግራፍያዊ ቅርጺ መሬት ተወሲኽዎ፡ ቀጻሊ መሬትና ብብርቱዕ ፍግረ-መሬት ይጥቃዕ። ስለ ዝኾነ ድማ ምዕቃብ ሓመድን ማይን ንዓና ዘያዳ ካልኦት ሕብረተሰባት ሓላፍነት ወሲድና ክንሰርሓሉ ከም እንግደድ ኣቶ ዳዊት መብራህቱ የብርህ።

ስለዚ’ዩ ድማ መንግስቲ ኤርትራ፡ ካብ ጽባሕ ናጽነት ጀሚሩ፡ ስትራተጂያውያን ዲጋታትን ከዘንቲ ማያትን ኣብ ምህናጽ ዓቢ ወፍሪ ዘካይድ፤ ካብዚ ብዘይፍለ ሚኒስትሪ ሕርሻ ድማ ብቐጻሊ ኣብ ምህናጽ መጠነ ንኡሳን ዲጋታት፡ ከዘንቲ ማያትን ራህያታትን ዝርከብ፣ ብተወሳኺ ድማ ክኢላታቱ ኣኽቲቱ፡ ሕብረተሰብ ዝሰረቱ ሰፊሕ መደባት ምዕቃብ ሓመድን ማይን፡ ኣብ መሬት ሕርሻን መጋሃጫታትን ዘሰላስል።

ኣብ ዞባ ደቡብ፡ ንኡስ ዞባ እምኒ ሓይሊ ምምሕዳር ከባቢ እግሪ መኸል ተሰላሲሉ ዘሎ፡ ሕብረተሰብ ዝሰረቱ ናይ ምዕቃብ ሓመድን ማይን ከምኡ’ውን ምፍዋስ ማይ-



ኮሶታትን እምበኣር ነዚ ሓቂ ዘጸባርቕ እዩ።

እግሪ መኽል፡ ሓንቲ ካብ ምምሕዳር ከባቢታት ንኡስ ዞባ እምኒ ሓይሊ ኾይና፡ ኣብ ቀንዲ መስመር መንደፈራ - ዓዲ ኳላ ትርከብ። ኣብ ደረት ጸርግያ'ዚ ዝተጠቕሰ መስመር ንኽትርእዮ ባህ ዘብል፡ ብግቡእ ዝተዛለየ፡ ማይ ኮሶታቱ ዝተፈወሰ፡ ባህርያዊ ጽባቐኡ ኣብ ምምላስ ዝርከብ ጎቦታትን ኰረቢትን ትዕዘብ።

እዚ ቦታ፡ ካብ ከተማ መንደፈራ ንደቡብ ሸውዓተ ኪሎ ሜተር ርሒቑ ይርከብ፡ ብፍሉይ መጸውዒ "መዓል ኣርሓ" ድማ ይበሃል። እዚ ኸባቢ ንትሽዓተ ዓድታት ዘዳወበ ቦታ ኾይኑ፡ ሸሞንተ ዓድታት ንኡስ ዞባ እምኒ ሓይሊ፣ እግሪ መኽል፡ ዓዲ-ዓጓ፡ መኽረም ጥረ፡ መፋሎስ፡ ቅነ ሓያላ፡ ጽግርዳለ፡ ደበብቲ፡ መኽረም፣ ካብ ንኡስ ዞባ መንደፈራ ድማ ዓደ-ውሓዛ ዝሓቑፈ'ዩ።

ኣቶ ሚኪኤል ገብረዮሃንስ፡ ኣብ ክፍሊ ሕርሻን መሬትን ዞባ ደቡብ፡ ከም ኣወሃሃዲ ፕሮጀክት ውሁድ ሕርሻዊ ልምዓት (Integrated Agricultural Development Project - IADP/ IFAD) ኰይኑ ይሰርሕ። ብተወሳኺ፡ ኣብ ውሁድ ምሕደራ ማይ-ኮሶ እግሪ መኽል/ ዓዲ-ዓጓ (ፕሮጀክት ዓዲ-ዓጓ)'ውን ከም ኣወሃሃዲ ኾይኑ ዝነጥፍ ዘሎ ክኢላ ሕርሻ እዩ።

ኣቶ ሚኪኤል ብዛዕባ'ዚ ፕሮጀክት ክገልጽ ከሎ፣ ኣብዚ ቦታ፡ ብሓፈሻ ኣብ ምዕቃብ ሓምድን ማይን ብፍላይ ድማ ኣብ ምፍዋስ ማይ-ኮሶ ዘተኰረ ስራሕ እዩ ተዓሚሙን ዝዕመምን ዘሎ። እዚ ፕሮጀክት፡ ውሁድ ምሕደራ ማይ-ኮሶ ዓዲ-ዓጓ ተባሂሉ ይጽዋዕ። ኣብ ፈለማ፡ እዚ ፕሮጀክት ክብገስ ከሎ፡ ንምምሕዳር ከባቢ እግሪ መኽል ዝሓቑፍ ብምንባሩ፡ ውሁድ ምሕደራ ማይ-ኮሶ እግሪ መኽል ተባሂሉ ይጽዋዕ ነይሩ። ድሒሩ ግን እቲ መደብ ኣገዳስነቱን ውጽኢቱን ተራእዩ ክሰፍሕ ኣለዎ ስለ ዝተባህለ፡ ነዘን ኣብ ላዕሊ ዝጠቐስናየን ትሽዓተ ምምሕዳር ከባቢታት ኣካቲቱ፡ ብዝሰፍሐ ይቕጽል ኣሎ፣ ስሙ



ኣቶ ሚኪኤል ገብረዮሃንስ

ድማ ናብ 'ውሁድ ምሕደራ ማይ-ኮሶ ዓዲ-ዓጓ' ቀዩሩ ይርከብ።

ኣቶ ሚኪኤል ብዛዕባ ኣበጋግሳ እዚ መደብ ስራሕ ክገልጽ ከሎ፡ "እዚ ፕሮጀክት ቅድሚ ምብጋሱ፡ ኩሉም ኣብቲ መደብ ስራሕ ዝሳተፉ መሃንድሳት ተኣኪቦም ንፍወሳ ማይ-ኮሶ ዝምልከት ሰፊሕ ዘተ ከም ዘካይዱ ተገይሩ። ኣብ ውሽጢ ሃገር ካብ ዘለዉ ብኣብነት ዝጥቀሱ ማይ-ኮሶታት ንመርኣያ ከም ዝድህሰሱ'ውን ተገይሩ። ድሕሪ ዝተገብረ ሰፊሕ መጽናዕቲ፡ ኣብ ዓመተ 2021 ኣብ ግዜ ኮቪድ-19 እቲ ስራሕ ኣሃዱ ኢሉ ፈሊሙ። ብተወሳኺ ቀጻልነትን ውጽኢታውነትን'ዚ ፕሮጀክት ንምውሓስ፡ ኩሉ ናይ ቀየሳ ንድፊን ጆኦግራፍያዊ ንባብ (GIS) ከም ዝወጽእ ተገይሩ። ኣብ መወዳእታ ድማ 'ክሰርሕ ይኽእል'ዩ' ዝተባህለ ስትራተጂ ተሓንጺጹ።" ይብል።

እቲ ቀዳማይ ስትራተጂ፡ ኣብዚ ኸባቢ ዘለዉ ጎቦታትን በረኽቲ ቦታታትን ክዕቀቡ ክኽእሉ ኣለዎ ዝብል'ዩ ዝነበረ። ከም ውጽኢቱ ድማ ሰፊሕ ናይ ምዕቃብ ሓመድን ማይን ንጥፈታት፡ ከትርታትን ዛላታትን ካልኦት እተፈላለዩ ቅርጽታት ብምስራሕ፡ ንኹሉ ተፋሰስ ናይ'ዚ ከባቢ ከም ዝፍወስ ምግባር'ዩ። ካልኣይ፡ ኣብ መሬት ሕርሻ ዝግበር ስርሓት'ዩ። እዚ ተፋሰስ ብግቡእ ምስ ተፈወሰ፡ ኣብ መሬት ሕርሻ ግቡእ ምድልዳል ተገይሩ፡ ዝሒሉ ዝመጸ ውሕጅ፡ ብግቡእ ትሕተ-ባይታዊ ማይ ዘሀብትመሉ ኩነት ምፍጣር እዩ። ከም ሳልሳይ ስትራተጂ ዝተቐመጠ ኸኣ ኣብ ጎቦታት ዘሎ ማይ-ኮሶታት ግቡእ ናይ ዳግመ-ግረባ ንጥፈታት ክካየደሉ ዝብል'ዩ።

ካልእ ፍሉይነት እዚ ፕሮጀክት፡ ብቐጻሊ ንፍወሳ ማይ-ኮሶ ተባሂሎም ብዙሓት ስርሓት'ኳ እንተ ተሰርሑ፡ ድሕሪ ዝተወሰነ ዓመት ግን ዳግማይ ጽገና ዝጠልቡ እዮም ኰይኖም ጸኒሖም። ኣብዚ ፕሮጀክት ዝተሃንጹ ከትርታትን ዛላታትን፡ ድልዳለ ንኽህልዎም፡ ብግቡእ ዝተጸርበ እምኒ ብምጥቃም፡ እምነ-መሰረት (Foundation) ብግቡእ ተፋሒሮም ንኽሰረቱ ተገይሩ፡ ካልእ ብግቡእ ዝተሃንጸ መፍሰሲ ማይን ውሕጅን'ውን ከም ዝህልዎም ኰይኖም እዮም ተሃኒጾም። እዚ ተሃኒጹ ዘሎ ማይ-ኮሶ፡ ኣብዘን ዝሓለፋ ክልተ-ሰለስተ ናይ ዝናብ ወቕትታት ክግምገም ከሎ፡ ውጽኢታዊ ኾይኑ ተረኺቡ ኣሎ። ስለዚ እዚ ዓይነት ኣገባብ ወይ ቅርጺ ኣተሃናንጻ፡ ሓደ ካብቲ ኣድማዕን ውሕስነት ዘሎዎን ምኻኑ ከም እተገምገመ ኣቶ ሚኪኤል የረጋግጽ።





ብኣጠቓላሊ፡ እዚ ፕሮጀክት ብኽምቲ ዝወጽኣሉ መደብ፡ ማይን ሓመድን ናይቲ ከባቢ ዓቂቡ፣ ድሕሪ ምዕቃብ ሓመድን ማይን፡ እዚ ቦታ ሕሩም ሕዛእቲ ከም ዝኸውን ስለ እተገብረ፡ መበቈላውያን ኣግራብ ክሰሱኑ ተራእዮም። ብተወሳኺ፡ ዘርኢ ናይ'ቶም ዝጠፍኡ ኣግራብን ቀጥቋጥን ኣብ መደበር ፈልሲ ፈሊሶም ኣብዚ ቦታ ከም ዝትከሉ ኰይኖም።

ብመሰረት ሓበሬታ ኣቶ ሚኪኤል፡ እዚ ኣብ ጎቦታትን በረኽቲ ቦታታትን እተኻየደ ምፍዋስ ማይ-ኩዖ፡ ኣብ ምህብታም ትሕተ-ባይታዊ ማይ፡ መሬት ሕርሻ ርኡይ ለውጢ እዩ ኣምጺኡ። ከም ውጽኢቱ ድማ ምህርቲ ዘራእትን ኣሕምልትን ክሰስን እዩ ተራእዩ።

ንተራን ኣበርክቶን ሕብረተ-ሰብ ናይ'ዚ ከባቢ ክገልጽ ከሎ ኣቶ ሚኪኤል፡ ጉኒ-ጉኒ እቲ ቀጻልነት እዚ ፕሮጀክት ንምውሓስ እተወሰደ ሰፊሕ መጽናዕትን ዳህሳስን፡ ህዝቢ እዚ ከባቢ ኣብቲ መደብ ንምውሳእ ጽዑቕ ጉስጓስ ተኻዩዱ። ፈለማ ኣመሓዳሪ ዞባ፡ ንኡስ ዞባን ኣመሓደርቲ ምምሕዳር ከባቢታትን ዝርከብዎ፡ ሰፊሕ ኣኼባ ብምግባር፡ ዕላማን ራእይን ናይቲ ዝሕንጸጽ ዝነበረ ፕሮጀክት መብርሂ ተዋሂብዎምን ተዘትዩሉን። ቀጺሉ ምስ ኣነባበርትን ኣካላት መንግስቲ ኣብ ደረጃ ንኡስ ዞባን ህዝቢ እቲ ከባብን ርክብ ምግባር፡ ኲሉ እቲ መደባት ብዝርዝር ተሓቢርዎም። ዋንነት ተሰሚዕዎም ኣብ ምስርሑ ግዲኦም ከበርክቱን ድማ ኣብ ስምምዕ ተበጺሑ። ኣብቲ ምስ ህዝቢ እተገብረ ርክብ፡ ጉዳይ መገሃጫ ከም ስክፍታ ተላዒሉ ነይሩ። እንተኹነ ረብሓታት እዚ ፕሮጀክት ኣብ ቀረብ መግቢ እንስሳ ብኽኢላታት ምስ ተዋህቦም ብምሉእ ድምጺ ደገፎም ኣስሚዖም።

ካልእ እዚ ፕሮጀክት ምስ ተዛዘመ፡ ኣብ መፍረ ንህቢ ክህልዎ ዝኽእል ኣገዳስነት እዩ። ድሮ ገለ ኣፍረይቲ ንህቢ፡ ኣብ ዙርያ እዚ ዘለናዮ ከባቢ ንህቢ ክራብሑን ከፋርዩን ጀሚሮም ኣለዉ። እዚ ዘርእየና ሰሓብቲ ዝኾኑ ዕምባባታት ዘሎዎም ኣግራብ ይሰስኑ ስለዘለዉ እዩ። ስለዚ ኣብ ቀጻሊ፡ እዚ ፕሮጀክት ምስ ተዛዘመ፡ ዓቢ ስሕበት መፍረ ኣናህብ ክኸውን ምዃኑ ርጉጽ ኰይኑ ኣሎ ክንብል ንኽእል።

ተራ ናይዚ ፕሮጀክት ኣብ ምስሳን ሃብቲ ገረብን እንስሳ ዘገዳምን ክገልጽ ከሎ ኣቶ ሚኪኤል፡ "ዓበይቲ ዓዲ'ቲ ናይዚ ከባቢ ከም ዝሕብርዎን ኣሰራት ከም ዝተዓዘብናዮን፡ እዚ ኸባቢ ብጽዑቕ ኣግራብ ዝተሸፈነ ከም ዝነበረ ኢና ተገንዚብና። እቶም ዝነበሩ መበቈላውያን ኣግራብ ተቘጺሮም፡ ክሳዕ 15 ዝበጽሑ መበቈላውያን ኣግራብ ድማ ተለልዮም ኣለዉ። ዘርኢ ተኣኪቡ ኣብ መደበር ፈልሲ ከም ዝፈልስ ተገይሩ። ብኽምዚ ኣገባብ ኣብዚ ተፈዊሱ ዘሎ ማይ-ኩዖ፡ ብጠቕላላ ክሳዕ 40 ሽሕ ዝበጽሑ ኣግራብ ተተኺሎም ኣብ ጽቡቕ ኩነታት ይርከቡ። እዚ ኹሉ ድማ ኣብ ምስሳን እንስሳ ዘገዳም'ውን ርኡይ ለውጢ ኣምጺኡ። ጠፊኦን ዝነበራ ኣዕዋፍን እንስሳታት ዘገዳምን ክርኣዩ ጀሚሮም ኣለዉ። ኣብ ቀጻሊ ድማ እቶም ዝጠፍኡ እንስሳታት ክምለሱ ምዃኖም ዘኣንፍት ኣጋጣሚ ምዃኑ ክንርዳእ ንኽእል።"

ኣብ ርእሲ'ዚ ክጥቀስ ዝጸንሐ ብልጫታት፡ እዚ ኸባቢ ድሕሪ ዝተወሰነ ዓመታት፡ ማእከል ስሕበት ከባብያዊ መጽናዕቲ ክኸውን ከም ዝኽእል'ውን ኣቶ ሚኪኤል ወሲኹ ይገልጽ። "እዚ ቦታ ምስ ግዜ ከም መወከሲ መጽናዕታዊ ጽሑፋት ኰይኑ ከገልግል'ውን ተኽእሎ ኣለዎ። ንኣብነት ተመሃሮ፡ ካብ ኮለጃት ብምምጻእ መጽናዕታዊ ወረቓቕቶም ክሰርሑ ጀሚሮም ኣለዉ። እዚ ሓደ ካብቲ ማእከል መጽናዕታዊ ስርሓት ከም ዝኸውን ዝገብሮ ሓደ ምስክር እዩ።"

ኣብ መደምደምታ እዚ ፕሮጀክት፡ ከም ሞዴል ተወሲዱ፡ ናብ ዝተረፉ ንኡሳን

ዞባታትን ከባቢታትን ንምድጋሙ ብሰፊሕ ይሰርሓሉ ከም ዘሎ ተፈሊጡ ኣሎ። ንኣብነት፡ ኣብ ዓመተ-2024፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ማይ-ምነ፡ ሓንቲ ካብ ንኡሳን ዞባታት ዞባ ደቡብ፡ ተመሳሳሊ ፕሮጀክት ተበጊሱ ጸኒሑ። በዚ ከይተሓጽረ ድማ ኣብ መላእ ሃገር ንኽሰርሓሉ ዕድላት ክፍጠር ምኻኑ ዘጠራጥር የልቦን።

ኣብ መወዳእታ፡ ኣቶ ሚኪኤል፡ “እዚ ኣብነታዊ ስራሕ'ዚ፡ ኣብዚ ንኡስ ዞባ ከይተሓጽረ ኣብ ምሉእ ዞባና ዝሰፍሓሉ፡ ኣብ ዞባና ከይተሓጽረ ድማ ናብ ሃገርና ሰፊሑ፡ ማይናን ሓመድናን ዓቂብና ባህርያዊ ጽባቐ ሃገርና ናብ ንቡር ዝምለሰሉ ባይታ ክፈጥር እምንቶ ኣለኒ” ብምባል መግለጺኡ ይድምድም።

ኢንጂነር ካሕሳይ ጠዓመ፡ ሓደ ኻብቶም ነዚ ዕማም መሪሖም ዝኸዱ ዘለዉ



ኢንጂነር ካሕሳይ ጠዓመ

ክኢላታት እዮም። ብመሰረት ሓበሬታኡ፡ ካብ ትሽዓተ ዓድታት ዝተዋጽአ፡ ካብ 370 ክሳዕ 380 ዝበጽሕ ዓቕሚ ሰብ መዓልታዊ ናብዚ ስራሕ ይወፍር። ክሳዕ 600 ንመዓልቲ ዝወፍርሉ እዋን ከምዝነበረ'ውን ይሕብር። ኣብ ገለ እዋን ድማ ስራሕ ዝያዳ ንምስላጥ፡ ህዝቢ ኣብ ክልተ እብረ ከም ዝወፍር ዝግበረሉ እዋናት ምንባሩ ይሕብር።

ነባሪ ምምሕዳር ከባቢ ዓዲ መፋልሶ፡ ኣቶ ዑቕባሚካኤል ገብሩ ብወገኑ፡ “እዚ ኸባቢ፡ ሳላ ብግቡእ ዝተዛለየን ማይ ኰያኡ ዝተፈወሰን፡ ትርኢቱ ጠቕላላ ተቐዪሩ እዩ። ቀጥቃጥ ጥራይ በቚሉ ዝነበረ፡ ኣብዚ እዋን ናብ ዓበይቲ ኣግራብ ተቐዪሮም



ኣቶ ዑቕባሚካኤል ገብሩ

ኣለዉ። ጠፊኦም ዝነበሩ ኣግራብ ዳግማይ ንኽበቚሉ ዕድል ረኺቦም ይርከቡ። ኣብ እንስሳታት ዘገዳም'ውን እንተ ኹኑ ቦታ ተሓዚኡ ኣግራብ ክሽፈን ስለ ዝጀመረ ዘይነበራ ዝተፈላለያ ኣዕዋፍን ካልኦት እንስሳታትን ይረኣዩ ኣለዉ” ክብል ትዕዝብቱ ገሊጹ።

ኣቶ ዑቕባሚካኤል ወሲኹ፡ ኣብ ትሕዝቶ ትሕተ-ባይታዊ ማይ'ውን ርኡይ ለውጢ ከም ዝረኣዩ ይሕብር። ብቓላቱ፡ “ንኣብነት፥ ኣብዚ ከባቢ፡ ትሕቲ'ዚ ዝተፈወሰ ቦታ ጀርዲን ኣሎኒ። እንተ ኹነ እታ ዘላትኒ ዒላ ካብ ወርሓት መጋቢት-ሚያዝያ ንድሕሪት፡ ማይ ኣዝዩ ይውሕዳ ነይሩ። ነቲ ዘልምያ ዝነበርኩ ድማ ብኸቢድ ይጸልወኒ ነይሩ። ኣብዚ እዋን ግና ኵሉ ሽክፍታይ ተቓንጢጡ፣ ብዘይ ጸገም ክሳዕ ሰለስተ ግዜ ኣብ ዓመት የፍሪ ኣለኹ። እዚ ኹሉ ኸኣ ሳላ እዚ ኣብ ጎቦታት ተሰሪሑ ዘሎ ዛላታትን ግቡእ ፍወሳን እዩ።” ብምባል ይገልጽ።

ብተወሳኺ፡ ኣብ ትሕዝቶ ምህርቲ'ውን ለውጢ ከም ዝረኣዩ ይምስክር። “ቅድሚ ሕጂ ዝናብ ቀልጢፉ ምስ ዘቋርጽ፡ እኽልና ከይሰወተ ይሃጉግ ነይሩ፣ ካብ ቅድሚ ክልተ ዓመት ጀሚሩ ግን እዚ ክስተት ኣየጋጥመናን። ሕርሻና ብዘይ ስክፍታ ክሳዕ መወዳእታ ወርሒ ጥቅምቲ ይጸንሕ ኣሎ። እዚ ኸኣ ትሕተ-ባይታ ማይ ሃብቲሙ ስለዘሎ ‘መስለኒ።” ብምባል ምስክርነቱ ይድምድም።

ኣቶ ክፍሉ ገብረገርግሽ፡ ኣመሓዳሪ ምምሕዳር ከባቢ ዓዲ መፋልሶ፡ ሓንቲ ካብ ረባሕቲ ናይ'ዚ ፕሮጀክት ዝኾና ምምሕዳር ከባቢታት እዩ። ኣቶ ክፍሉ ብዛዕባ'ዚ ተዓሚሙ ዘሎ ምፍዋስ ማይ-ኰያ ክዛረብ ከሎ፣ “መሬት ሕርሻ እዚ ከባቢ፡ ካብዚ ጎቦታት ብዝወረደ ውሕጅ ኣዝዩ ይህሰ፣ ይብሕጐግን ድበት ይመልእን ነይሩ። ከም ውጽኢቱ ድማ ዝዘራእናዮ ዘራእቲ ቀጻሊ ይድምሰስን ንፍግረ መሬት ይቃላዕን ነይሩ። እንተ ኾነ እዚ ፕሮጀክት ፍወሳ ማይ-ኰያ ድሕሪ ምስልሳሉ ኵሉ ኣኽቲሙ ይርከብ። ማይናን ሓመድናን ተዓቂቡ፣ ትሕተ-ባይታዊ ማይ ስለ ዝሃብተመ፡ ካብ “ሰኣን ሓንቲ ማይ” ተገላጊልና፡ ዘራእትና ረጊኡ ካብ ምህጓግ ተናጊፍና ንርከብ።” ይብል።

“ኣብ ፈለማ'ኳ ህዝቢ፡ ናይ መገሃጫ ስክፍታ እንተ ነበሮ፡ ብኽኢላታት ሳላ ዝተዋህበ መብርህን ጕስጓስን፡ ረብሓታት እዚ መደብ ክርድኦ ኣይተጸገመን ጥራይ



ኣቶ ክፍሉ ገብረገርግሽ

ዘይኮነ ዋንነት ተሰሚዕዎ ንኽሰርሕ ቅሩብነቱ ኣርእዩ እዩ። ከም ውጽኢቱ ድማ ለይትን ቀትርን ከይሰልከየ፡ ውልቃዊ ስርሑ ኣወንዚፉ፡ ነዚ ንርእዮ ዘለና ዕዮ ዓሚምዎ ይርከብ” ክብል ኣቶ ክፍሉ ንተሳትፎን ወንን ህዝቢ ኣብ ምዕዋት እዚ ፕሮጀክት ይገልጽ።

ኣብ መወዳእታ ኣቶ ክፍሉ፡ እዚ ዓይነት ስራሕ፡ ኣብዚ ምምሕዳርናን ንኡስ ዞባናን ከይተሓጽረ ኣብ ምሉእ ዞባን ሃገርን ዝሰፍሓሉ ባይታ ክጣጦሕ ድሕሪ ምልባው፡ ብስም ምምሕዳር ከባቢ ዓዲ መፋልሶ፡ ተረባሕቲ ናይ'ዚ ፕሮጀክት ብምኳኖም፡ ንሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ዞባን ወደብቲ ኣካላት መንግስትን ኣመስጊኑ።

“መንግስቲ እዚ ኹሉ ሰሪሑን ብዙሕ ጸጋታት ኣውጺኡሉን፡ ህዝቢ ብሓላፍነት



እንተ ዘይተረኪብዎን ዘይሓልዩዎን ትርጉም የብሉን” ብምባል ርእይቶኣ ዝሃበት ሓረስታይ ወ/ሮ ኣመለሰት ወረደ፣ ‘ኣብ ምዕቃብ ተሰሪሑ ዘሎ ዛላታትን ምሕላው ተተኺሉ ዘሎ ኣግራብን ተበግሶ ህዝቢ ከመይ ክኸውን ትጽቢት ይግበር?’ ተባሂላ ምስ ተሓተት ዝሃበቶ መልሲ’ዩ።

ወ/ሮ ኣምለሰት ወሲኻ፣ “እዚ ቦታ ሕዙእ’ዩ፣ ምዱባት ሓለውቲ’ውን ኣለዉዎ። እንተኾነ ኩሉ ህዝቢ’ዚ ኸባቢ ሓላዊኡ እዩ ክኸውን ዘለዎ። ምኽንያቱ ሳላ እዚ ፕሮጀክት ኣብ ከባቢና ዝተሰርሓልና፣ ሓመድናን ማይናን ተዓቂቡ፣ ዘራእትና ካብ ሃጉ ተናጊፉ ይርከብ። ረብሓታቱ ተዓዚብናዮ ስለ ዘለና፣ ሓለዋኡ ንሓደ ወይ ክልተ ዝግደፍ ኣይኩነን” ብምባል ለበዋኣ ተመሓላልፍ።

***



ወ/ሮ ኣምለሰት ወረደ



ኣዲብ ዓብዱ

## ሃብሮም ኣፍራዪ መዓር

# ዓብደላ ዑስማን



ኣብ ጭው ዝበለ በረኻ ሓምቦኻት፡ ኣብ ምፍራይ ንህቢ ተዋፊሩ ትረኽቦ። ካብ ንህቢ ተፈልዩ ክውዕል ባህ ኣይብሎን። ኣናህብ ንዕኡ ምስ ሱር ደሙ ተኣሳሲሮም እዮም ዝኸዱ። ኣብ ልዕሊኦም ዘሎዎ ፍቕሪ፡ ደረት ኣልቦ እዩ። ኣብቲ ጸምጸም በረኻታት ሒቦ ንባህጉን ጥሙሑን ክረክብ ዝኽኣለ መንእሰይ እዩ፣ ዓብደላ ዑስማን። ሒቦ ኣብ ንኡስ ዞባ ሰገነይቲ እትርከብ ምምሕዳር ከባቢ፡ መዳሕንቱ ዝተቐብረላ ዓዲ'ያ። ኣብ ወርሒ ሰነ 1991 ዝተወልደ ዓብደላ፡ ዕድመ ንእስነቱ ኣብታ ዓዲ እዩ ኣሕሊፋዎ። ክሳዕ 8ይ ክፍሊ ኣብ ሒቦ ተማሂሩ። ወላዲኡ ውሑዳት ቆፎ ንህቢ ስለ ዝነበሮ፡ ምስ ንህቢ ኣብ ንኡስ ዕድሚኡ እዩ ተላልዩ። ሓንቲ መዓልቲ ግና፡ ንህይወቱ ዝቐየረት እያ ነይራ። ወዲ 14 ዓመት ምስ ኰነ፡ ጥሪት ሒዙ እናወፈረ ሓንቲ ንህቢ ዘይብላ ቆፎ ወሲዱ ኣብ በረኻ ኣብ ሓንቲ ገረብ ሰቐላ።

ድሕሪ ቀትሪ እናተመልሰ፡ "ሃመማ ዝመስል ብብዝሒ ኣብታ ገረብ ርእየ" ይብል ዓብደላ ነቲ ፋልማይ ተመኵሮ እናዘከረ። ቅርብ እንተበለ ድሮ ነታ ቆፎ ንህቢ ኣትዩዋ ጸንሖ። በቲ ሓጉስ፡ በቲ ኸኣ ወላዲኡ እንታይ ከም ዝብሎ እናተጨነቐ፡ ንወላዲኡ ንግሆ ዝወሰድኩዋ ቆፎ ንህቢ ሒዛ ጸኒሓትኒ በሎ። ወላዲኡ ክኣምን ስለ ዘይከኣለን ብዓይኑ ክርእይ ስለዝነበሮን ኣንጊሆም ናብቲ ቦታ ከዱ። ወላዲኡ ኣዝዩ ከም ዝተገረመን ነታ ቖፎ ኸኣ ምስ ንህባ ሒዞማ ናብ ገዛኦም ተመልሱ።

ዓብደላ ፍቕሪ ንህቢ ከጸልሎ ደለየ። ናብቲ ካብ ዓዱ ብእግሪ 50 ደቒቕ ዝወስድ በረኻ፡ እሞ ኸኣ ሰፈር ኣዛብእን ኣናብርን ቦታ ቀጻሊ ተመላለሰ። ድሌቱን ባህጉን ልዑል ስለ ዝነበረ እምበር ቀጻሊ ክትመላለሶ የጸግም እዩ። 'ንደላዪ ግን እንታይ ይዕንቅጾ?' ከም ዝበሃል፡ ዓብደላ ኣብቲ በረኻ'ዩ ክነብር ወሲኑ። ኣብ 2006 ንእሽተይ ህድሞ ሰርሐ። ክልተ ዕስለ ንህቢ ድማ ኣእተወላ።

"እቲ በረኻ ዋላ ጫካ ይኹን፡ ብጸጋታት ሃብታም እዩ" ዝብል ካብ ኣባሓጉኡ ዝሰምዖ ዛንታ ስለ ዝነበሮ፡ ንህይወቱ ከይሰግአ ክመላለሶ ደኣ ጀመረ። ኣብቲ እዋን፡ ኣኮኡ በቲ ዘይንቡር ምንቅስቓስ ናብ በረኻ ሰንቢዱ፡ ናብቲ ኣብ ኣስመራ ዝነበረ ኣቦኡ መልእኽቲ ሰደደ። ደሃይ ውላዱ ክገብር ሓበሮ። "ካብ ደሓር ብኣራዊት ተበሊዑ 'ወደይ' ምባል፡ ሕጂ ቀልጢፍካ ምጻእ" ዝብል መልእኽቲ እዩ ዝለኣኸሉ። ከይወዓለ ከይሓደረ ኣቦኡ ናብ ሒቦ ደበኽ በለ። ንዓብደላ ወዱ ረኺቡ፣ ተወከሶ። እወንታዊ ምላሽ ስለዝሃቦ ብሓባር ናብቲ በረኻ ከዱ። ወላዲኡ ናብቲ በረኻ ምስ በጽሐ፡ በቲ ወዱ ዝገበሮ ኣዝዩ ተደነቐ። እንተኾነ እቲ ቦታ በረኻ ብምዃኑ፡ ናብ ዓዲ ክምለስ ሓተቶ። ዓብደላ ግና ፍጹም በለ። "እናተመሃርኩ ክሰርሕ እየ" ስለ ዝበለ - ወላዲኡ ፈቒዱሉ፣ ኣሃዱ ኢሉ ጀመረ። ኣብ ፈለማ ብዙሕ ሰብ ይቃወሞ ምንባሩ፣ እንተኾነ እቲ ዓብደላ ዝሰርሖ ዝነበረ ክዕዘቡዎ ስለ ዝጀመሩን ፍርያቱ ድማ ክርእይዎ ስለ ዝኸኣሉን ሕጉሳት ኰይኖም 'ኣጆኻ' ከም ዝበሉዎ ይሕብር።

ኣብ መፍረ ንህቢ ምስ ኣተወ ዓብደላ፡ ክሳብ 8ይ ክፍሊ ኣብ ዓዱ ድሕሪ ምምሃሩ፡ ክሳብ 11 ክፍሊ ድማ ኣብ ሰገነይቲ ብምምልላስ ከም እተማህረን ኣብ ትምህርቲ'ውን ሰናፍ ዘይምንባሩን ይዛረብ። ኣብ በረኻ እናተቐመጠን ስራሕ መፍረ ንህቢ ስለ ዝተታሕዞን ትምህርቲ ክንዮ 11 ክፍሊ ክቕጽል ኣይከኣለን። ዓቲቡ ኣብቲ ዝወጠኖ ክሰርሕ ብምኽኣሉ ግና ልዕሊ 180 ቆፎታት ኣብ ምውናን በጽሐ።

ስራሕ መፍረ ንህቢ ከቢድ ሃልኺ ዝሓትት እዩ። ዓብደላ ኣብ ርእሲ'ቲ ንህቢ፡ ጥሪትን ሕርሻን ወሰኸ። "ንህቢ ልዕሊ'ቲ ዝህበኒ መዓር፡ ህላውነቱ'ዩ ዘገድሰኒ" ክብል ዝገልጽ ኣብነታዊ ሓረስታይ ዓብደላ፡ እቲ ሞያ መፍረ መዓር ፈጣሪ ዝሃበኒ ትዕድልቲ'ውን ከይሃለዎ ኣይተርፍን ይብል።

ዓብደላ፡ ሓንሳእ ስራሕ ምስ ጀመረ፡ ምስ ብዝሒ ቆፎታትን ዕስለታትን ነዛ ቁሩብ ዘዕርፈላ ግዜ ከም ዘይረክብ ይሕብር። ሓድሓደ ግዜ ክሳዕ ዝወድቕ ይሰርሕ። መንከስቲ ንህቢ ኣይንታዩን እዩ። ባህርያቶም ፈሊጡ ዝያዳ ክጠብቀምን ከፍቅሮምን ደኣ ከኣለ። ነቲ ብግብሪ ዘጥረዮ ሞያ፡ ከም ኣጻብዕቲ ኢዱ ስለ ዝመለኾ፡ ንባህሪ ንህቢ ከም ጠባይን ባህርያትን ደቂ ክገልጾ እንከሎ ዝያዳ ኹሉ ይምስጦ። ባህርያት ንህቢ እንክዝርዝር - "ከም ንእሽቶ ሕጻን ንህቢ ተነቓፊ'ዩ" ዝብል ዓብደላ፡ ብኸባቢኡ ሰባት ክንቀሳቐሱ፡ ሽታ፡ ጨና ሳምናታት ከም ዘይፈቱ፣ ብኣንጻሩ ከውሊ ከም ዝፈቱ የረድእ። ሞያ መፍረ ንህቢ ክብደት ከም ዘሎዎ ዝሕብር ዓብደላ፡ መዓስ እንታይ ይገብሩ ኣለዉ ትከታተሎም እንተኼንካ ግና እቲ ኸቢድ ሞያ ቀሊል ምዃኑ ይጠቅስ።

ንህቢ ሓያሎ ተጻባእቲ ኣለዉዎ። ከም ጨራሩ፡ ጻጸ፡ ግዝዋ፡ ቡቱ ወዘተ.። እዞም ተጻባእቲ ንህቢ ኣብ ዘደኽሙሉ ግዜ ምእንቲ ከየጥቅዕዎ ጥንቁቕ ሓለዋ እዩ ዘድሊ። ባህሪ ንህቢ ልክዕ ከም ናይ ደቂ ሰብ - ገለ ንፉዓት፡ ገለ ጥዑማት፡ ገለ ድኹማት ወዘተ.። እቶም ንፉዓት ኣናህብ ዝያዳ መዓር ክህቡ እንከለዉ፡ እቶም ድኹማት ከኣ ከምቲ ዝድለ ኣይህቡን እዮም። ኣብነታዊ ሓረስታይ ዓብደላ፡ ልዕሊ 100 ባህላዊ፡ ልዕሊ 70 ድማ ዘመናዊ ቀፎ ይውንን። ልዕሊ 6 ድማ ጋብላዊ ቀፎ ኣለዉዎ። ፍርያት መዓር ናይ ክልቲኡ ዓይነት ቀፎታት ክነጻጸር እንከሎ፡ ባህላዊ ቀፎ ኣብ ሓደ ወቕቲ ክሳዕ 30 ኪሎ፣ ኣብ ዘመናዊ ቀፎ ግና ካብ 60 ክሳብ 70 ኪሎ ክህብ ከም ዝኽእል ዓብደላ ካብ ተመኩሮኡ ኣካፊሉና።

ዓብደላ ብሳላ'ቲ ኣብ ቴለቪዥን ኤርትራ ንስርሑ ዝምልከት ዝቐረበ መደብ፡ ብዙሕ ህዝቢ ክፈልጦ ምኽኣሉ ይጠቅስ። ሰባት፡ ዝያዳ ንስርሑ ከተባብዑን ፍርያቱ ክገዝኡን ሓጊዝዎ እዩ። እቲ ዝዓበየ ብድሆ ኩይኑዎ ዘሎ ግና፡ ኣብ ዕዳጋ ዝቐርብ ናይ ሓሶት መዓር እዩ። ብፍላይ ሽኮር ዝተሓወሶ መዓር ናብ ህዝቢ ምሻጥ ነቲ ኣፍራዩ መዓር ዓቢ ስክፍታ ፈጢሩሎም ምህላዉ ድሕሪ ምጥቃስ፡ ኣብ ፍርያት መዓር ምጥርጣር ክህሉ፡ ሓደጋኡ ኣብ ጥዕና ቀሊል ስለ ዘይከውን፡ ኣብ ከምዚ ዝተረኽቡ ሰባት ናብ ሕጊ ክቐርቡ ከም ዝግባእ እዩ ገሊጹ።

ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ኣብ ንጥፈታቱ ቀጻሊ ሞያዊ ሓገዛትን ንዋታዊ ቀረብን ልዑል ኣበርክቶ ከም ዘለዎ መንእሰይ ዓብደላ ይምስክር። ብፍላይ ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ሕርሻ ንኡስ ዞባ ሰገነይቲ፡ ኣቶ ኢያሱ ኣሰፋው (ወዲ መነባብሮ) ብሰንኪል እግሩ ናብቲ ኣብ ኣጻድፍ ዝርከብ በረኻ ብምምጻእ ዝገብረሉ ሞያውን ሞራላውን ሓገዝ ክብሪ ከም ዝግብኦ፡ ሓረስታይ ዓብደላ ይሕብር።

ብሓፈሻ፡ ምሉእ ስድራ ቤት ኣብነታዊ ሓረስታይ ዓብደላ ኣብ መፍረ ንህቢ ተዋፊሩ ኢኻ እትረኽቦ። በዓልቲ ቤቱ ከምኡ'ውን ንኣሽቱ ደቁ ምስ ንህቢ ልዑል ፍቕሪ ኣሎዎም። መንእሰይ ዓብደላ ዛጊት ሓሙሽተ ቆልዑ እዩ ፈርዩ ዘሎ - ሰለስተ ኣወዳትን ክልተ ኣዋልድን። ሞያ ወላዲ ስለ ዝውረስ፡ ደቁ ኣብቲ ቀፎታት ተቐሚጥዎ ዘሎ ቦታታት ማስኬራ ብምውዳይ፡ ኣብ ምክትታል ይሕግዝዎ እዮም። ኣብ ቍጽሪ ክንድ'ዚ ዘሎ ንህቢ ወጺኡ፡ ኣብ ቍጽሪ ክንድ'ዚ ዘሎ ከምዚ ገይሩ ብምባል ከም ዝሕብርዎ ዓብደላ ይገልጽ።

ሓያል ጻዕሪ ናብ ዓወት የብጽሕ። ዓብደላ ኸኣ፡ ጽቡቕ ሰጕሙ ብምህላዉ፡ ኣብዚ እዋን ልዕሊ 180 ቀፎታት ንህቢ ብምግባር፡ ኣብ ሓደ ወቕቲ ኣስታት 18 ኵንታል መዓር ክሓፍስ በቒዑ ኣሎ። በቲ ዝገብሮ ዘሎ ንጥፈታት፡ 'ኣብነታዊ ሓረስታይ' ተባሂሉ



ኣብ ዓለምለኻዊ መዓልቲ መግቢ 2023 ናይ ኣፍልጦ ሸልማት ካብ ኢድ ክቡር ሚኒስተር ሕርሻ ኣቶ ኣረፋይነ በርሀ ተዋሂቡ እዩ። ኣብነታዊ ሓረስታይ ዓብደላ ኣብ መፍረ መዓር ጥራይ ኣይኮነን ተዋፊሩ ዘሎ፣ ክሳብ ኣርባዕተ ሄክታር ናይ ሕርሻ መሬት ብምልማዕ፡ ስገም፡ ስርናይን ዕፉንን ከምኡ'ውን ጥረታት ይዘርእ። ብዘይካ'ዚ፡ ክሳብ 30 ዝበጽሓ ዝሕለባ ኣሓ፣ ደራሁ ይውንን። ኣብ መጻኢ'ውን ፍርያቱ ብዓይነት ብምዕባይ ክንዮ ዕዳጋታት ሃገር ንስደድ ዝዓለመ ጥሙሕ ኣሎዎ።

ዓብደላ ብሳላ'ቲ ከይተሓላለ ዘካይዶ ዘሎ ጻዕሪ፡ ኣብ ናብራኡን ህይወቱን ርኡይ ለውጢ ኣምጺኡ እዩ። ብመነባብሮኡ ቅሱን፡ ኵሉ እቲ ጽቡቕ መነባብሮ ዘሎዎ ሰብ ክህልዎ ዝኽእል ኣብ ቤቱ ከም ዘሎ ይሕብር። ኣብ ማእከል ከተማ ሰገነይቲ፡ መኻዚኖ ናይ መዓር ብምግባር፡ መዓር ንህዝቢ ይሸይጥ። ከም መደቡ፡ ኣብ ኣስመራ ቦታ እንተ ረኺቡ፡ ጽሩይ መዓር ንምቕራብ ባህጊ ከም ዘለዎ ይውስኽ ዓብደላ። ካብን ናብን ሰገነይቲ ዘሎ ርሕቀት ኣስታት 12 ኪሎ ሜትር ስለ ዝበጽሕ፡ ብፍላይ ኣብ ክረምቲ እቲ መንገዲ እውን ጥጡሕ ስለዘይኮነ፡ ዕብይ ዝበለት መኪና ክገዝእ መደብ ከም ዘሎዎ ኣፍሊጡ።

ንህቢ ዘፍርዮም እተፈላለዩ ዓይነታት መዓር እዮም። ሓደ ካብቲ ሓደ ኣብ ጣዕሞምን ሕብርምን ይፈላለዩ። ብመሰረት ተመኩሮ ዓብደላ፡ እቲ ጽቡቕ መዓር ናይ ጉርብያ፡ ታህበብ መዓር ኲይኑ፡ ሓሾኽ ዘይብል ከምዚ ልካይ ዝመስል ብሉጽ መዓር እዩ። መዓር ከይተበላሸወ ንብዙሕ ዓመታት ክጸንሕ ይኽእል ንዝብል ኣብ ዝሃቦ ምላሽ ከኣ፡ መዓር ከይተበላሸወ ንነዊሕ ክጸንሕ እንተኹይኑ ከይበሰለ ክብርበር የብሉን። ምሉእ ብምሉእ ዝበሰለ መዓር ጠቕላላ ኣይበላሾን እዩ። ዝተበላሸወ መትሓዚ ወይ ረሳሕ ኢድ ጥራይ ክትንክፎ የብሉን ክብል የረድእ።

ጥቕሚ መዓር ዘርዚርካ ዘውዳእ ኣይኮነን። ኣፍራዪ መዓር ዓብደላ፡ ካብ መዓር ምብላዕ ተፈልዩ ስለ ዘይፈልጥ ከኒና ወሲዱ ከም ዘይፈልጥ፣ ዋላ ሰብነቱ ይዕበር ሓሚሙ ኣብ ዓራት ደቂሱ ኣይፈልጥን። ብዛዕባ ውሉዱ ኸኣ፡ ክሳብ ዝጸግቡ ስለ ዝበልዑ ናብ ሕክምና ንኽታብት እምበር ሓሚሞም ከይዶም ከም ዘይፈልጡ ይሕብር። መዓር ዝበልዕ ቆልዓ ምዝራብ ይድንጉይ እዩ ንዝብል ድማ ብእወንታ ብምምላስ፡ ኣብ ደቁ ከምኡ ኣጋጢሙ ምንባሩን ጸኒሖም እናዓበዩ ምስ ከዱ ግና፡ ከምቲ ንቡር ጽቡቕ ክዛረቡ ከም ዝጀመሩን ተመኩሮኡ ኣካፊሉ።



ፍናን ተኽለ

ኣብነታዊ መንእሰይ

# ተስፋልደት ገብሩ (ሃኒ)

## “ብሉጽ ፍርያት ሞርቶዴላ ከቕርብ’ዩ ናይ ወትሩ ጻዕረይ”

ዓወት፡ ኣብ ራእይ’ዩ ዝምርኮስ፣ ንዓወት ዝወልዶ’ውን ራእይ እዩ። ራእይ ኣብ ዕላማ ዘብጽሕ ብሶላ ስለ ዝኾነ፡ ራእይ ዘይምህላው፥ መዕለቢ ወይ መዐቀኒ ዘይብሉ ጉዕዞ ምጉዓዝ’ዩ። ራእይ እንተሎ ግን ናብ ዓወት ዘብጽሕ ውሽጣዊ ተውህቦ ስለ ዘሎ፡ ተውህቦኻ ምልላይ ክጉስ ዘይብሉ ኣገዳሲ ረቛሒ’ዩ። ኣብዚ መዳይ መንእሰይ ተስፋልደት ገብሩ (ሃኒ) ሓደ ኻብቶም ብኣብነት ዝጥቀሱ’ዩ። ንሱ፥ ተውህቦኡ ፈሊጡ ሳላ ዝተጓዕዘ፡ ዝጀመሮ ስራሕ፡ ብዝለዓለ ክዓሞን ናብ ዝሓሸ መድረኽ ክስጉም ከም ዘኽኣሎን’ዩ ዝኣምን። ንጹር ራእይ፡ ብተውህቦ ተሰንዩ ንጹር ዓወት ዘጨብጥ ሓይሊ ከም ዘሎዎ ድማ ይምስክር። ቀጺልና’ምበኣር፡ ምስ’ዚ ተውህቦኡ ኣለልዩ ንብዙሓት መንእሰያት ኣብነት ክኾውን በቒዑ ዝርከብ መንእሰይ ዘካየድናዮ ዕላል ይስዕብ፦



- **ብድሕረ ባይታኻ ክንጅምር**

ተስፋልደት ገብሩ እብሃል። ብሃኒ’የ ዝፍለጥ። ኣብ ኣስመራ ተወሊደ ዓብየ። ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርተይ ምስ ዛዘምኩ፥ ኣብ 2005 ምስ መበል 19 ዙርያ፡ ሳዋ ወሪደ፡ ናይ 12 ክፍሊ ኣካዳምያዊ ትምህርትን ግቡእ ወተሃደራዊ ታዕሊምን ዛዚመ። ናብ ኮለጅ ዘእቱ መሕለፊ ነጥቢ ስለ ዘየምጻእኩ፥ ኣብ ሓይሊ ኣየር ተመዲበ፡ ሃገራዊ ግቡኣይ ናብ ምፍጻም ቀጺለ። ኣብ 2011 ምስ ተፋነኹ፥ ምስ ስድራቤተይ እናተደጋገፍኩ ሂወተይ ኣብ ምምራሕ እርከብ ኣለኹ። ኣብ 2018 ምስ ሰላማዊት በረኸት ሓዳር መስሪተ፡ ኣቦ ሰለስተ ውሉድ ኰይነ ኣለኹ።

- **ብዛዕባ ትካልኩምን ኣጀማምራኡን ክትገልጸልና**

ዝነጥፈሉ ዘለኹ ትካል፡ ‘መመስርሒ ውጽኢት ስጋን ጸባን’ እዩ። ኣብ 2018 እዩ ብወግዒ ስርሑ ጀሚሩ። ካብቲ ስድራ ዘንጸፉልና ባይታ ኢና ተበጊስና። ናብዚ ዘለናዮ ደረጃ ክንበጽሕ ዝኸኣልና’ውን ሳላኡ’ዩ። ኣብ ከባቢ ማርካቶ፡ ንእሽቶ ናይ ስድራ ድኳን ኣላትና። ኣብ’ዛ ድኳን፡ ፓኒኖ ሞርቶዴላን ፋርማጆን ብመልክዕ ቶስት እናዳለና ንሸይጥ ነይርና። ካብ 2005 ክሳዕ 2012 ናይ ሞርቶዴላን ፎርማጆን ሕጽረታት የጋጥም ስለ ዝነበረ፡ ብፓኒኖ ሞርቶዴላን ፎርማጆን ተፈላጥነት እናረኸብና መጺእና። ነቲ ዝነበረ ሕጽረት ንምፍዋስ፡ ሞርቶዴላ እነፍርየሉ ትካል ክህልወና ተሃንጢና። ድሌትን ሓሳብን ኣብ ቦታኡ ኾይኑ፡ ሕጽረት ባጀትን ዓቕምን ስለ ዝነበረና፡ ንገለ እዋን ኣወንዚፍናዮ ጸኒሕና። ‘ንኹሉ ገግዚኡ ኣሎዎ’ ከም ዝበሃል፡ ግዚኡ ምስ ኣኸለ ኸኣ እቲ ሓሳብ ናብ ተግባር ተሰጋጊሩ።

- **ብኸመይ?**

ኣብ ሳዋ ዝተላለኹዎ ብትምህርቱን ስርሑን ብሉጽ መንእሰይ ዓርኪ ነይሩኒ። ኣወልኬር ዓብደልውሃብ’ዩ ዝብሃል። ኣብ ስርሐይ ሓልዮትን ተገዳስነት ብምግባር፡ ብ2007 ብዛዕባ መፍረ ሓሰማን ረብሓታቱን ተገዲሱ ኣዕሊሉኒ። ዓቕሚ ስለ ዘይነበረኒ፡ ብዙሕ ኣየቕለብክሉን ሸዑ። እቲ ንሱ ዝሃበኒ ሓሳብ ግን፡ ኣብ ኣእምሮይ ይመላለስ ነይሩ። ከም ሓደ ጽቡቕ መበገሲ ወይ ትንቢት ኰይኑኒ፡ ጉዕዞይ ክቕጽል ሓጊዙኒ። ዋና ኣካያዲ ስራሕ ኣዜብ ኣግሮ ኢንዱስትሪ ኣቶ ኣብርሃም ሚኪኤል’ውን ኣብ ከምዚ ዝበለ ስራሕ ክኣቱ ዓብዪ ምትብባዕን ሓገዝን ገይሩለይ ስለ ዝኾነ፡ ኣብ ህይወተይ ዘይርሰዕ ብጻየይ እዩ።

- **ንቕጽል**

ኣብ 2010 ድማ፡ ሓንቲ እትሸየጥ ፋብሪካ መመስርሒ ስጋን ውጽኢት ጸባን ከም ዘላ ሓበሬታ ይመጽኣኒ። ናይ ገንዘብ ዓቕሚ ስለ ዘይነበረኒ ግን፡ ነቲ ጠለብ ገዲፈዮ። እንተኾነ እታ ፋብሪካ ስለ ዘይተሸጠት፡ ዳግማይ ኣብ 2015 ክትሽየጥ ምዃና ሓበሬታ በጺሑኒ። ሸዑ፡ ነዚ ሓሳብ ተቐላጢፈ ንኣብርሃም ሚኪኤል ኣማኺረዮ። ኣብርሃም፡ ነታ ስራሕ ባዕለይ ንኽሰርሓ፡ ምሉእ ደገፍ ኣብ’ቲ ዓውዲ ዘለዉ ሰባት ፈጢሩ መገዲ ከፊቱለይ። ሳላ ክቡር ሓሳብን ምኽርን ኣብርሃም ከኣ፡ ነታ ፋብሪካ ዓዲገ፡ ነቲ ስራሕ ብትብዓት ጀሚረዮ።

- **ሓድሽ ስራሕ’ሞ ከመይ ረኺብካዮ?**

ምስ ኣብርሃም ሚኪኤል እናተረዳዳእኩ፥ ክፍሊ ኣገልግሎት ሕጋጋትን ቁጽጽርን ሚኒስትሪ ሕርሻ ብዝእዝዞ መሰረት፡ ሕጋዊ መስርሕ ፍቓድ ዋኒን ብምውጻእ፡ ሳላ ናይ ብዙሓት ወገናት ደገፍ፡

ዘኸበረ ፋይናንስያዊ ሕጽረት ኣማሊኡ ኑቲ ትካል ክድኮኖ ተበጊሱ። ካብ 2018 ጀሚረ ኸኣ ኑቲ ሸው ዝነበረ ሕጽረት ቀረብ ሞርቶዴላ ንምፍታሕ፣ ገዛ ተኻርዩ፣ ካብ ወጻኢት ሓሰማ ሞርቶዴላ ከፍሪ ክኢሉ። ኑቲ ስራሕ ብፍልጠትን ተሞክሮን ቀስ ብቐስ እናዕበኹዎ ምስ ከድኩ ድማ፣ ሚእቲ ካብ ሚእቲ ካብ ስጋ ምራኽ ዝዳሎ ሞርቶዴላ ውጽኢት ስጋ ኩቡቲ ናብ ምድላው ሰጊረ ኣለኹ።

- **ሓሰማ ኣብ ምፍራይ ዝነበርካዮ ጻዕሪ**

ሓሰማ ቀንዲ መሳርሒ ናይ'ቲ ፋብርካ ስለዝኾኑ፣ ብወገነይ ምስ ኣፍራዩ ሓሰማ ኣቶ ኤርምያስ ገብረመስቀል ተጸጊዐ ብናቱ ደገፍ፣ ብውሱን ቁጽሪ ሓሰማ ከፍሪ ጀሚረ ኣለኹ። ምራኹት እናገዝእኩ ብምስባሕ'ውን ኣብ መዓላ መስርሒ ሞርቶዴላ ከም ዝውዕል እገብር ኣለኹ። ሓሰማ ከተፍሪ ቀሊል ኣይኮነን፣ ብዙሕ'ዩ ዝጠልቦ።

- **እንታይ ይጠልቦ?**

ሓሰማ ከም'ቲ ዝበሃል ኩሉ ዓይነት መግቢ ዘይኩኑ ጥዕና ዘሎዎ መግቢ'ያ እትጠልብ። ጸቡቕ ውጽኢት ክትህበካ ከም ሓርጭ (ፍሩስካን ተረፍ-መረፍ መግብን ኩተዳልወላ ኣለካ። ጸቡቕ ኣተሓሕዛን እኹል ቀረብ መግብን እንተ ጌርካላ ጸማኻ ኣይትኸልኣካን'ያ።

- **ብዛዕባ ሞርቶዴላ'ሞ ገለ በለና?**

'ሞርቶዴላ' ዝብል ስም ካብቲ 'ሞርታርየም' (ሞርታር) ዝብል ናይ ላቲን ቃል ዝመጸ ክኸውን ከም ዝኽእል'ዩ ዝግመት። እዚ ድማ ኑቲ ኣብ ሓደ እዋን ስጋ ሓሰማ ንምጥሓን ወይ ንምድቓቕ ዝጥቀሙሉ ዝነበሩ መሳርሒ ዘመልክት እዩ። ሞርቶዴላ፣ 'ሞርታቱም' ተባሂሉ ኣብ ዝፍለጥ መድረኽ ጥንታዊት ሮማ ከም ዝጀመረ'ውን ዝግለጽ ኩይኑ፣ ነዚ ምስክር ዝኾኑና ኣብ 1376 ዓ.ም ናይ ፈለማ ሞርቶዴላ ክኸውን ዝኽእል ግዕዝም (sausage) ኣብ ከተማ ቦሎኛ ኢጣልያ ከም ዝተረኽበ ይሕበር።

- **ኣብ ሃገርናኸ?**

ምስ መግዛእቲ ጥልያን'ዩ መጺኡ። ፍቱውን ውሩይን ፍርያት ሞርቶዴላ ንዕዳጋ ይቐርብ ምንባሩ፣ ብዙሓት ንሰምዖ'ዩ። ብዓቢኡ ግን፣ ኣብ ኤርትራ ክሳብ ናብ ኣውሮጳ ዝልኣኽ ብሉጽ ውጽኢት ስጋን ጸባን ከም ዝነበረ መዛግብቲ ታሪኽ ይምስክሩ። ድሕሪ ምብቃዕ መግዛእቲ ኢጣልያ ግን፣ እቲ ዝነበረ ብሉጽ ፍርያት፣ እናተዳኸመን እናተረፈን መጺኡ። ድሕሪ ናጽነት፣ ውጽኢት ስጋን ጸባን ንምብርባር ብዝተተገበረ ሓያል ጻዕሪ ኸኣ፣ ክበራበርን ናብ ዝሓሸ ደረጃ ክዓብይን ክኢሉ። ኣብ መዳይ ፍርያት ሞርቶዴላ ግን ከምቲ ዝድለ ኣይቀጸለን። ፍርያትን ቀረብን ሞርቶዴላ ኣዝዩ ከንቁልቁልን ሰባት ኣብ ኣመጋግባኦም ዕሽሽ ክብልዎን'ዩ ተራእዩ። ነዚ ፋብሪካ ክንጅምሮ ተበግሶ መውሰዲና ቀንዲ ምኽንያት ድማ ኑቲ ዝነበረ ዝናን ብሉጽ ፍርያትን ሞርቶዴላ ሃገርና ናብቲ ዝነበሮ ንምምላስ'ዩ።

- **እሞ ተዓዊትኩምሉዶ?**

ሸሕ'ኳ ናብቲ ኣብ ዘበን ጥልያን ዝነበሮ መሊስናዮ ኢና ኢልና ኣፍ ልብና ነፊሕና ኣይንመካሕ፣ ብዓይነቱ ብሉጽ ሞርቶዴላ ነፍሪ ኣሎና።

- **ምስ እምነት ብዝተሓሓዝ ስጋ ሓሰማ ዘይበልዑ ኣለዉ።**



እወ። ሞርቶዴላ ግና ብዘይካ ብስጋ ሓሰማ፣ ብስጋ ደርሆ፣ ብስጋ በጊዕን ብስጋ ኩቡትን ክተዳልዎ ስለ ዝከኣል፣ ንዕኡ ኣብ ግምት ብምእታው፣ ሞርቶዴላ ስጋ ኩቡቲ (ምራኽ) ነዳሉ ኣሎና። ስለዚ ዋላ ነቶም ሓሰማ ዘይበልዑ፣ ንዕኦም ዝኸውን ሞርቶዴላ ኣዳሊና ንቕርብ ኢና። እዚ ኸኣ ኑቲ ሞርቶዴላ ናይ ምምጋብ ዝነበረ ልምዲ፣ ቀስ ብቐስ ናብ ቀደሙ ክምለስ ይሕግዝ ኣሎ። በዚ ኣጋጣሚ፣ ሞርቶዴላ ማለት ስጋ ሓሰማ ማለት ጥራይ ዘይኮነስ፣ ኣብ ዓለም ምስ ባህልን እምነትን ተኣሳሲሩ ዝዳሎ ዓይነት መግቢ ምዃኑ ክሕብር እፈቱ።

- **ሞርቶዴላ ኣብ ሂወትካ ዝነበሮ ጽልዋ**

ሞርቶዴላ ንዓይ ቀንዲ መሳርሕየይ እዩ። ኣብ ህይወተይ ዓቢ ናይ ዕብየትን ተሞክሮን ለውጢ ዘምጸእኩሉ ዓውዲ'ዩ። ሞርቶዴላ ከፍሪ ኢለ ምስ ጀመርኩ፣ ብዘይካ'ቲ ኣብ'ቲ ሞያ ዘሎኒ ፍልጠት ከዕቢ ምኽኣለይ፣ መገዲ ዓወት ክበርሃለይን ስራሕ ኣብ'ቲ ዝለዓለ ደረጃ ክበጽሕ ከም ዝኽእልን ርእሰይ ክእምንን ክኢለ'የ። ስለዚ፣ ሞርቶዴላ፣ ኑቲ ኣብ ውሽጠይ ዘሎ ዓቕምን ክእለትን፣ ናብ ጋህዲ ዓለም ንኸውጽእ፣ ኣፍ-ደገ ስለ ዝኾነኒ ናይ ወትሩ ዓርከይ'ዩ። ነዚ ፍርያት፣ ክሳዕ'ቲ ዝለዓለ ደረጃ ኣብጺሐ ንሰደድ ከም ዝወዳደር ንኽገብሮ ኸኣ ሕልመይን ተዓጢቐ ዝሰርሓሉ ዘለኹ ራእየይን እዩ። ኣብ ኤርትራ ዝነበረ ዝናን ፍትወትን ሞርቶዴላ ናብ'ቲ ዝነበሮ ክንመልሶ ምዃኑ'ውን ኣይጠራጠረን።

- **ካብቲ እተዳልውዎ እቲ ዝመቐረ ዓይነት ሞርቶዴላ ኣየናይ'ዩ?**

ክልቲኦም ምቁራት እዮም። እቲ ፍልልይ ኣብ ውሕልነት ኣሰራርሓ'ዩ። ስጋ ሓሰማ ወይ ስጋ ኩቡቲ ስለ ዝገበርካ ኣይኮነን ሞርቶዴላ ዝምቅር። እቲ ዘመቅር፣ እተን ኣብ ኣሰራርሓ እንጥቀመለን ናይ መሐወስታ ቀመማት'የን። ንሳተን ከኣ ካብ ኣትክልትን ጥረ ነገራትን ዝመጽኣ ኹይነን ኩለን ሓደ ዓይነት'የን። ስለዚ ዝሽን ናይ መመቀሪ ቀመማት ኢኻ ከመይ ጌርካ ክትጥቀመለን ከም ዘሎካ ክትሓስበን ክትነፍዕን ዘለካ። ንዓማዊልና ድማ ዝደለይዎ ዓይነት ሞርቶዴላ ኣብ ሰዓቱ ስለ እነዳልወሎም፣ ክልቲኡ ዓይነት ሞርቶዴላ ዳርጋ ማዕረ'ዩ ጠለቡ።

- **መስርሕ ኣተሓራርዳ ሓሰማ ከመይ'ዩ?**

ሓሰማ ቅድሚ ምሕራዳ፣ ፈለማ ጥዕናኣ ብግቡእ ይረጋገጽ፣ ጥዕናኣ ምስ ተረጋገጸ ከም ደርሆ ትሕረድ። ብግቡእ ተሓሪዳ ኸኣ፣ ደማ ይጸፍፍ።

- **ድሕሪኡኸ?**

ጸጉራ ካብ 75-80 ዲግሪ ሰንቲ-ግሬድ ኣብ ዝፈልሐ ማይ ውዑይ ይቕለጥ። እዚ መስርሕ ምቕላጥ ብማይ ውዑይ፡ ንኽልተ ነገር ይጠቕመና። ቀዳማይ - ብደገ ዘሎ ርስሓትን ጸጉርን ናይ'ታ ሓሰማ ንምእላይ፣ ካልኣይ - ነቲ ኣብ ሞንጎ ስጋን ቈርበትን ዘሎ ስብሒ ፈሊኻ ንምውጻእ። እቲ ስጋ ተሰጥዩ፡ ጽሩይ ስጋ፡ ጅማውቲ፡ ኣዕጽምትን ስብሕን ምስ ተፈላለየ ኸኣ፡ ከም ኣድላይነቱ ኣብ መዐቀቢ ፍርጅ ይኣቱ። ካብኡ፡ ነቲ ጽሩይ ስጋ ሓሰማ፡ ኣብ 93 ዲግሪ ሰንቲ ግሬድ ሙቐት ዘሎዎ ማይ ንዓሰርተ ሰዓታት ኣብሲልካ፡ ንመስርሒ ሞርቶዴላ ተውዕሎ፣ እቲ ስብሒ ኸኣ፡ ኣብ ሞንጎ'ቲ ስጋ ከም መንጸባረቒ (ማርብል) ትጥቀመሉ።

- **ኣደላልዋ ሞርቶዴላ ስጋ ኩቡቲኸ?**

ምስ ናይ ሓሰማ ሓደ ዓይነት'ዩ። እቲ ጅማትን ዓጽምን፡ ተረፍ ምህርቲ ኹይኑ፡ ዳግማይ ከም ቀለብ እንስሳ ዝዳሎ'ዩ። እንተኾነ፡ ብሰንኪ ዝሓለፉ ወጻኢታት፡ ዛጊት ኣይተግበርናዮን ዘለና። ኣብ መጻኢ ግን፡ ከም መግቢ እንስሳ ከነዳልዎ ናይ ቀረባ መደብና'ዩ።

- **ኣብይ ኢኹም ትሓርድወን?**

ቅድም ኣብ ኮርፖረሽን ዘርእትን ጥሪትን፡ ባርካ ካናሪ - ቍጽሪ 3 እዩ ነይሩ። ኣብ'ዚ እዋን ግን፡ ጥዕና እንስሳና ብተቖጻጻሪ ሓኪም ምስ ተረጋገጸ፡ ናይ ገዛእ ርእስና መሕረዲ ቦታ ጌርና ኣሎና።

- **ኣብ መዓልቲ ክንደይ ኪሎ ሞርቶዴላ ተፍርዩ? ብሓፈሻ ድማ ምስ ኣገባብ ኣሰራርሓ ትካልኩም ኣላልዩና**

ኣብ'ዚ እዋን፡ መዓልታዊ ክሳብ 200 ኪሎ ግራም ሞርቶዴላ ሓሰማን ኩብትን ነፍሪ ኣለና። ነዚ ስራሕ ንምዕማም፡ ክኢላታት ዝርከብዎም 25 ቀወምትን ግዝያውያንን ሰራሕተኛታት ኣለዉና። በዚ ኸኣ፡ ንኣስመራን ከባቢኣን ዘዕግብ ውጽኢት ንህብ ኣለና ኢልና ንኣምን። ነዚ ሞርቶዴላ ንምድላው፡ ካብ ደገ እነምጽኦ ከም 'ኣሮሞኣ ሞርቶዴላ' ዝተባህለ ውሑድ ዓይነት መቃምምቲ ኣለና። ፍርያትና፡ ኣብ ድኳንናን ኣብ ካልኦት ትካላት መሸጣ ሞርቶዴላን ፋርማጆን እዩ ዝዘርጋሕ ዘሎ። ኣብ መጻኢ ግን፡ ፍርያትና እንሸጠሉ ናትና መከፋፈሊ ቦታ ክንገብር ንሓስብ ኢና። ምስ ግዜ'ውን፡ ፍርያትና ናብ ዞባታት ዝዝርግሓሉ መደብ ኣለና። ብኡ ጌርካ ኸኣ፡ ዝተመርጸ ፍርያት ሞርቶዴላ ንሰደድ ምልኣኽ ዕላማናን ራእይናን እዩ።

- **ካብ ዓማዊል ዘመጽኣኩም ርእይቶ?**

ብሉጽን ጥዑምን ፍርያት ሞርቶዴላ ነፍሪ ከም ዘለና ዝገልጽ ናይ ምስግናን ሞራልን ርእይቶ ዓማዊል ይመጸና'ዩ። 'ነቲ ቅድሚ ሕጂ ተጠቃምነቱ ናብ ባዶ ወሪዱ ካብ ዕዳጋ ከይጠፍእ ዝሰግእ ዝነበረ ፍርያት ሞርቶዴላ፡ ኣብ'ዚ ግዜ፡ ኣበራቢርኩምዎን ናብ ዝሓሸ ደረጃ ክስጉም ኣኽኢልኩምዎን ስለ ዘለኹም፡ ኣጆኹም ቀጽልዎ' ይብሉና። ኣብ ጣዕሙ'ውን፡ ዕጉባት ምዃኖም ይገልጹልና። ንሕና ኸኣ፡ ብዝህቡና ሃናጺ ርእይቶ እናተተባባዕና፡ ኣብ ክንዲ ኣብ ብዝሒ፡ ኣብ ብሉጽነትን ጣዕምን ትሕዝቶ ፍርያትና እናተገደስና፡ ዕግበት ዓማዊልና ዝያዳ ንምርዋይ፡ ኣበርቲዕና ንሰርሕ ኣለና።

ሞርቶዴላ፡ ሃብታም ትሕዝቶ ፕሮቲን፡ ስብሒን ካርቦሃይድረይትን ስለ ዘለዎ፡ ዝሃልኽ ሰብ'ዩ ክምገቦ ዘለዎ። ስለዚ፡ ዓማዊልና፡ ብፍላይ እቶም ብቐንዱ ብመልክዕ ፓኒኖ ዘህልኹልና መንእሰያት'ዮም። ብዘይካ'ዚ፡ ምስ ሞርቶዴላ ጽቡቕ ሌላ ዘሎዎም ሰባት'ውን ቀወምቲ ዓማዊልና ኰይኖም ይዕድጉልና'ዮም። ንደቆም ቍርሲ ክኸውን ብምባል፡ ንእግረ-መገዶም ዝዕድጉልና ኸኣ ኣለዉ።

እቲ ዝዓበየ ብድሆና ግን፡ ዝጸንሓና ባህሊ ኣመጋግባ ናይ ሞርቶዴላ እዩ። ሞርቶዴላ ብሓደ ኣገባብ ማለት ብመልክዕ ፓኒኖ ወይ ሳንድዊች ጥራይ'ዩ ዝዳሎ። ዓማዊልና ኸኣ፡ ነዚ ባህሊ'ዚ ክንቅይሮ ናይ ወትሩ ርእይቶኦም'ዩ። ካብ'ዚ ተበጊስና፡ ንሞርቶዴላ ብመልክዕ ሰላጣ ከም ዝብላዕ ዝገበርናዮ ኣገባብ፡ ደሓን ጠለብ ይርከቦ ኣሎ። ብመልክዕ መኽፈቲ ሸውሃት ክብላዕ ስለ ዝኽእል'ውን፡ ንምትእትታዉ ንጽዕር ኣለና።

- **ኣብ ኣገባብ ምኽሻን ሞርቶዴላኸ ...**

ሞርቶዴላ ብትሕዝቶኡ ሃብታም፡ ድሉውን ምኽሻን ዘየድልዮን መግቢ ስለዝኾነ፡ ስድራቤታት ገዚኦን ብእተፈላለየ ዓይነት ኣመጋግባ ክጥቀማሉ ይኽእላ'የን። ዓውለማ ብዘምጽኦ ቴክኖሎጂ፡ መረዳእታ ይሰፍሕን ስርዓተ ኣመጋግባ ሸውሃት ዝኸፍትን ጥዕና ዘውሕስን እናኾነ ይመጽእ ስለዘሎ ኸኣ፡ ኣብ ሞርቶዴላ ዘሎና ኣመጋግባ ኩነ ኣከሻሽና ክንቅይሮ ጽቡቕ'ዩ። ስለዚ፡ እቲ ቀዳምነት ሂብና ንሰርሓሉ ዘለና፡ ብኸመይ ምሩጽ ፍርያት ሞርቶዴላ ኣፍሪኻ፡ ንዓሚል ትቕርበሉ'ዩ። ምስኡ ኸኣ፡ ብመልክዕ ፓኒኖ፡ ከምኡ'ውን ምስ ጅርጅርን ሞሳሬላን ሓዋዊስና ብመልክዕ ሳላጣ (cold dish) ንዓማዊልና ነዳልዎ ኣለና። ኣብያተ መግብን ሆቴላትን ድማ ንዝርዝር ዝህብኦ ዓይነት ቍርሲ ኣጸባቢቐን፡ ብኸመይ ኣብ ኣመጋግባ የእትዋኦ ክጽዕራሉ ዘሎወን'ዩ።

- **ሞርቶዴላ ማዕረ ክንደይ'ዩ ጥንቃቐ ዝሓትት?**

ሞርቶዴላ፡ ኣብ ምድላዉ ይኹን ኣብ ኣመጋግባኡ፡ ልዑል ውሕልነት፡ ጽሬትን ጥንቃቐን ይሓትት። ስለዚ፡ ካብ'ታ እንስሳ እትሕርደላ ህሞት ጀሚርካ፡ ክሳብ'ታ ተመጋቢ ኣብ ኣፉ ዘእትወላ ዘሎ መስርሕ፡ ልዑል ጽሬትን ጥንቃቐን ዝጠልብ ሞያ'ዩ። ጽሬት እንተ ዘየለ ብሉጽ ምህርቲ የለን፣ ብዘይ ብሉጽ ምህርቲ ኸኣ፡ ጠለብ ኩነ ተጠቃምነት ስለ ዘየለ፡ ንሕና ኣተኲርና ንሰርሓሉ ዘለናን ሚኒስትሪ ሕርሻ ብመገዲ ክፍሊ ኣገልግሎት ሕጋጋትን ቍጽጽርን ኣጥቢቑ ዝከታተሎን ጉዳይ ጽሬት'ዩ። ሞርቶዴላ ድማ ዓሚል ከየውዓየን ከየብሰለን ኣሚኑ ዝጥቀመሉ ፍርያት ክሳብ ዝኾነ፡ ነዚ ብሓላፍነትን ተሓታትነትን ንሰርሓሉ ኣለና። ነተን ፍርያትና ገዚኤን ዝሸጣ ዓማዊልና ትካላት ድማ፡ ነቲ ፍርያት ብጽሬት ክዕቅባኦን ሰኣን ምኽትታል ዝተበላሸወ ከይሸጣን ንሕብረን ኢና። በዚ ኣጋጣሚ፡ ክሳብ ሕጂ ንነፍሲ-ወከፍ ዓማዊልና ነመስግኖም። ከም መጠን ጀመርቲ፡ ብሰንኪ መሳርሕን እኹል ጽዓት ዘይምህላውን ንዘጋጥመና ንኣሽቱ ጸገማት ተረዲኦም፡ እናኣረሙናን ኣብ ክሳራታትና እናደገፉናን ንኽንዓቢ ሃናጺ ርእይቶኦም ስለ ዘይበቐቑልና፡ ደጊመ ኣመስግኖም።

- **ሞያኻ ንምዕባይ እንታይ ትገብር?**

ኣብ'ቲ ስራሕ ብኣካል ዝዋሳእ ስለ ዝኾንኩ፡ ካብ'ቶም ዘለዉና ክኢላታት ብዙሕ ፍልጠትን ክእለትን ቀሲመ ኣለኹ። ኣብ 2022 ናብ ወጻኢ ሃገር ከይደ ገለ ተሞኩሮን ፍልጠትን ክቐስም ክኢለ'የ። ምስኡ'ውን፡ ኣብ እተፈላለያ ኮለጃት ዝተማህሩ፡ ኣብ ስራሕይ ክሕግዙኒ ዝኽእሉ ንፉዓት ኣማኸርቲ ኣለዉኒ። ብሕጂ'ውን፡ ዝማዕበለ ኣገባብ ኣሰራርሓ ርኢና፡ ፍልጠትናን ፍርያትናን እነስፍሓሉን ተሞኩሮና እንለዋወጠሉን ባይታ ክፍጠረልና፡ ትጽቢትና እዩ።

- **ኣብ'ዚ ደረጃ ምብጻሕካ እንታይ ይስምዓካ?**

ወዲ-ሰብ ሕልምታቱ ክተግብር እንተ ኸኢሉ፡ ዕዉት'ዩ። ኣነ ኸኣ፡ ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ፡ ካብ ባዶ ዓቕሚ፡ ካብ ባዶ ፍልጠት ተበጊሰ፡ ንገለ ካብ ሕልምታተይ ክጭብጥ ክኢለ ምህላወይ ዕጉብ'የ። ብቐንዱ ግን፡ ትማሊ ጉዕዞይ ክጅርም ከለኹ፡ ካብ ኣብርሃም ሚኪኤልን ካልኦትን ኣጆኻ ኢሎም ብሓሳብ ይኹን ብግብሪ ስለ ዝተሓገዝኩ'የ ኣብ'ዚ ደረጃ በጺሐ ዘለኹ። ስለዚ፡ ነቲ ገና ብሕጂ ክበጽሖ ዝሓልሞ ባይታ ኣንጺፈ ምህላወይ፡ ዓቢ ሓጉስን ሓበንን'ዩ ዝስምዓኒ። ተጓናጺፈዮ ዘለኹ ዓወት ግን፡ ናይ ብዙሓት ሰባት ኣበርክቶ፡ ደገፍን ሞራልን ውጽኢትን ስለ ዝኾኑ፡ ኣብ ህይወተይ ንዘተዋስኡ ኩሎም፡ ልዑል ምስጋናይ ኣቕርበሎም። ካልእ፡ ነዚ ኣትየዮ ዘለኹ ዓውዲ፡ ናብ'ቲ ንምዕባለ ሃገርን ሕብረተሰብን ዝጠቅም ደረጃ ኩብጽሖ ክጽዕር'የ። ፍርያትና ብስነ-ፍልጠታዊ መገዲ ዝያዳ ኣኻዕቢትና፡ ናብ ዓሚል ዝተመሓየሸ ስርዓት ኣመጋግባ ንምፍጣር ምስ ክኢላታት ናይ'ቲ ዓውዲ እናተማኸርና ክንሰርሕ ኢና። በዚ ኣጋጣሚ፡ መንእሰይ ናይ ለውጥን ምዕባለን ሓይሊ ክሳብ ዝኾኑ፡ መንእሰያት ከምዚ ኸማይ ክሓልሙን ነቲ ዝሓለምዎ ራእዮኦም ንምፍጻም፡ ተቢዖም ክበገሱን ኣዘኻኽሮም።

- **ተጠቀምትን ኣፍረይትን ክንብርዎ ዘሎዎም?**

ሞርቶዴላ፡ ድሉውን ብእምነት እትጥቀመሉን ፍርያት'ዩ። እንተ ኾነ ቅድምን ድሕርን ምምስርሑ፡ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ትካል ይኹን ስድራ፡ ኣብ ጽሬትን ምዕቃብን ልዑል ትኹረት ምስ ዘይግበረሉ፡ ናብ መርዚ ክቕየር ይኽእል'ዩ። ስለዚ፡ ጥዕና ኣብ ብዝሒ ዘይኮነ ኣብ ዓይነት ጥዑይ መግቢ ምምጋብ ስለ ዝኾነ፡ ተጠቀምቲ ኣብ ኣጠቓቕማን ኣተዓቓቕባን ሞርቶዴላ፡ ጽሬት ዝተሓወሶ ጥንቃቐ ክገብሩ ኣተሓሳስቦም።

- **ዘጋጥመኩም ብድሆታት?**

ዘለና ብድሆታት፡ ሕጽረታት'ዩ። ነዚ ሕጽረታት ክንምልእ ድማ ኣብ ቀጻሊ ጻዕሪ ንርከብ። እቲ ዝነበረና ቀዳማይ ብድሆ፡ ካብ ትሑት ፋይናንሲያዊ ዓቕምን ባዶ ፍልጠትን ምብጋስና'ዩ ነይሩ። ሳላ ዝተበገስና ግን፡ ነቲ ቐዳማይ ብድሆ ሰጊርናዮ። ካልእ ዝነበረና ብድሆ፡ ማሽነሪታትና ናይ ግዜ ጥልያን ስለ ዝኾና ዕድሚኣን ኣብቂዐን ተጸጊዐን ስለ ዝነበራ፡ ንዓታተን ጸጊንና ምጅማር'ዩ ነይሩ። ኣብ ሞንጎ ኣብ ዝሰበራሉ እና'ዓረናን ወጻኢታት እናኸፈልናን ከእ ንቕጽል ኣለና። ኣብ ውሽጢ'ዚ ብድሆታትና ግን፡ ገለ ብልሚታት ክስለልን ናብ ረብሓና ክነውዕሎን ክኢልና ኢና። ከም'ዚ እናበልና ኸኣ ብጽቡቕ ንቕጽል ኣለና።

- **እዚ ትካል ኣብ ህይወትካ ዝገበሮ ጽልዋ**

ብሳላ'ዚ ትካል፡ ብዘይ ጸገም ስሩዕ ህይወትና ክንመርሕ ክኢልና ኣለና። ልዕሊ ፋይናንስያዊ እቶት ግን፡ እቲ ዘሐጉሰኒ ኣብ መጻኢ ተስፋ ረኺበሉን ዘለኹ፡ ብዛዕባ'ዚ ዓውዲ ንነዊሕ ከቕጽለኒ ዝኽእል ፍልጠት ረኺበ ምህላወይ'ዩ። ብኣገልግሎተይ ብዙሕ ዝተርፈኒ ከም ዘሎ እፈልጥ'የ። እንተኾኑ፡ ደረጃ ዕብየተይ ኣብ ዕግበት ዓማዊለይ ስለ ዝርእየ፡ ብዝሃቦ ዘለኹ ኣገልግሎት ዕጉብ'የ። ምስ ግዜ ኸኣ፡ ነቲ ናይ ውሽጢ ሃገር ቀረብ ኣውሒስና፡ ነቲ ኣብ ኤርትራ ዝነበረ ዓቕሚ ሰደድ ናይ ሞርቶዴላ፡ ኣብ ምምላስን ምዕባይን ክኸውን'የ።

- **ንተራ ሚኒስትሪ ሕርሻ ብኸመይ ምገልጽካዮ?**

ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ የማናይ ኢድ ናይ ስርሐይ'ዩ። ካብ ዝለዓለ ክሳብ'ቲ ዝተሓተ ኣካል፡ ብፍላይ ድማ ክፍሊ ኣገልግሎት ሕጋጋትን ቁጽጽርን፡ ነዚ ሞያ ብሳይንሳዊ መገዲ ንኽሰርሖ ዓቢ ምትብባዕን ዕድልን ፈጢሩለይ'ዩ። ሳላኦም'የ፡ ኣብ ስርሐይ ዓቢ ተመክሮን ፍልጠትን ክቐስም ክኢለ ዘለኹ። ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ወርሒ እናመጹ ኣድላዪ ምኽትታልን ምኽርን ስለዝህቡና ኸኣ፡ ጉድለታትና እናመላእና፡ ክንሰርሕን ክንዓብይን ገይሮሙና ኣለዉ።

- **መጻኢ መደባትኩም?**

ምስ ትስፋው ልምዓታዊ መደባት ሃገርና፡ ብሩህ መጻኢ ስለዘሎና፡ ብዙሕ መደባት ዕብየት'ዩ ዘሎና። ትካልና ኣብ ውሽጢ ሃገር ጥራይ ዘይኮነ፡ ክንዮ ሃገር ወጺኡ ተወዳዳሪን ብቕዓት ዝምስከረሉን ብሉጽ ፍርያት ከነቕርብ ኣበርቲዕና ክንሰርሕ ኢና።

- **እተመስግኖም ወይ ትላብዎም እንተ'ሎካ?**

ኣብ ትሕቲ ጽላል ፈጣሪ፡ ንስድራቤተይ ብዘይ ቀለ-ዓለም ከመስግኖም እፈቱ። ብምቕጻል፡ ኣብ ጉዕዞ ስራሐይ፡ ብሞያዊ ምኽርን ብንዋትን እናተደጋገፉ፡ ኣካል ዓወተይ ንዝኾኑት ኣቶ ኣብርሃም ሚኪኤል፡ ኣቶ ኤፍረም መለስ፡ ኣቶ ኤርምያስ ገብረመስቀል፡ ኢንጅነር ሮቤል ሰለሞን፡ ብርሃነ ተወልደን ኩሎም ዓማዊለይን፡ ከምኡ'ውን ኩሎም ኣባላት ሚኒስትሪ ሕርሻ - ካብ ኣቦ ሕርሻ ዝኾኑ ክቡር ሚኒስተር ኣቶ ኣረፋይነ በርሀ ምስ ኩሎም ኣባላቱ ከምኡ'ውን ንኣርፓ'ረሽን ዘራእትን ጥሪትን ልባዊ ምስጋናይ ኣቕርበሎም።







# “ብሕርሻ፡ መነባብሮይ ክልውጥ ክኢለ”

## ኣብነታዊት ሓረስታይ መርየም ኢብራሂም

ፍናን ተኽለ



ወደባዊት ከተማ ዓሰብ፡ ዓሳቡይ፡ ሸኻይቶን ቢለን ኮማን ዝብሃላ ምምሕዳር ከባቢታት ኣለዋ። መንካዕካዕ ሓንቲ ካብተን ንምምሕዳር ከባቢ ሸኻይቶ ዘቖማ ንኡሳን ምምሕዳራት'ያ።

ነበርቲ መንካዕካዕ፡ መብዛሕትኦም ኣብ ሕርሻ፡ መጓሰን ምግፋፍ ዓሳን ተዋፊሮም'ዮም ዕለታዊ ንጥፈታቶም ዘካይዱ። እዚ ኸባቢ፡ እኹል ዝናብ'ኳ እንተዘይብሉ፡ ብትሕተ-ባይታዊ ማይ ግን ሃብታም'ዩ።

ውሑስን መኣዛውን መግቢ ንኹሉን ኣብ ኲሉን ምእንቲ ክረጋገጽ፡ መንግስቲ ትሕተ ቐርጺ ማይ ብምህናጽን ጸሓያዊ ጸዓት ብምትካልን፡ ነበርቲ ናይ'ዚ ኸባቢ ተጠቀምቲ ክኾኑ ክኢሎም እዮም። ኣብነታዊት ሓረስታይ ወ/ሮ መርየም ኢብራሂም ድማ ሓንቲ ተጠቃሚት ናይ'ዚ ዕድል'ያ። ካብ ሚኒስትሪ ሕርሻ ብዝወሰደቶ ምሩጽ ዘርኢ ተምሪ ኸኣ፡ ካብ 2004 ኣትሒዛ ኣብ ሕርሻ ክትነጥፍ ጀሚራ። ምስ ሚኒስትሪ ሕርሻ ብምዃን፡ እተፈላለየ ስልጠናታት ብምውሳድ ከኣ ተመኩሮኣ ክተዕቢ ክኢላ። ብተወሳኺ፡ ብናይ ገዛእ ርእሳ ተበግሶ፡ እተፈላለየ መጽናዕቲ እተካይድ ሓረስታይ'ያ።

ወ/ሮ መርየም፡ ብኸመይ ናብ ሕርሻ ከም ዝኣተወት ክትገልጽ ከላ፡ “ሕርሻ ኣብ ከባቢና ዘውቱር ስለዘይነበረ፡ ናቱ ኣፍልጦ ኣይነበረንን። ሳላ፡ ጐስጓስን ስልጠናን ሚኒስትሪ ሕርሻ ከምኡ'ውን ንስራሕ ዘገልግል ናውቲ ሕርሻን ዘርእን እተዋሃብኩ እየ ጀሚረዮ። ክጅመር ከለኹ ግን፡ ለውጢ ከም ዘምጽእ ኣሚነ'የ ተበጊሰ፣ እዚ ድማ ዝያዳ ሓጊዙኒ'ዩ። ነዚ መሬት ብሕርሻ ክልምዖ ምስ ጀመርኩ፡ 'ክትዕወት ኣይትኽእልን'ያ' ዝብል ርእይቶ ዝነበሮም ሰባት ነይሮም'ዮም። ገለ'ውን፡ 'ዘይከኣል የለን ትፈትኖ' ዝብሉ ነይሮም። ኣነ ግን፡ ጽኑዕ እምነት ስለ ዝነበረኒ፡ ደኺመ ከይበልኩ፡ ስነይ ነኺሰ ምስ ኵሉ ባህርያውን ካልእን ብድሆታት ክገጥም ወሲነ። ኣብ መወዳእታ ኸኣ ተዓዊተ። ካብ'ዚ ናተይ ተመኩሮ ክወስድ ንዝደሊ ሰብ ድማ ከካፍል ድልውቲ ኣለኹ። ኣብ'ዚ ዝሓለፈ ናይ 20 ዓመታት ተመኩሮ ኸኣ፡ ሕርሻዊ ንጥፈታት፡ ትዕግስቲ ዝሓተካ ምዃኑ'የ ተማሂረ። ምኽንያቱ፡ መሬት ግቡእ ጻዕሪ እንተ ተገይሩላ፡ ጻማኻ ኣይትኸልኣካን'ያ። ኣብ ንጥፈታት ሕርሻ፡ ምህዋኽ ኣብ ዓወት ዘብጽሕ ኣይኮነን” ትብል።

ብምቕጻል፡ ኣብነታዊት ሓረስታይ መርየም ኢብራሂም፡ ካብ ንጥፈታት ሕርሻ ብዝረኸበቶ ኣታዊታት፡ ኣብ ህይወታ ኾነ መነባብሮኣ ብዙሕ ለውጢ ከም ዘምጽአት'ያ እትሕብር። “እዚ ዝዘርኦ ዘለኹ ፍርያት፡ ኣብ መዓልታዊ መነባብሮይ ኣዝዩ ሓጊዙኒ ኣሎ። ንመነባብሮይ ዘድልየኒ ዘበለ ካብ'ዚ ሕርሻ ስለ ዝረክብ፡ ጽቡቕ ለውጢ ኣመዝጊበ ኣለኹ። ምስ ድንሽ፡ ኮመደረ፡ ሽጉርትን ሓዊስና ኣልጫን ሰላጣን ጌርና ስለ እንምገብ፡ ምስ ደቅና እኹል መኣዛዊ ትሕዝቶ ዘሎዎ መግቢ ንምገብ ኣለና። ፍርያትና ኣብ ዕዳጋ ሸዩጥና ብዝረኸብናዮ ገንዘብ፡ ክዳውንትና ክንገዝእ፡ ፍርጅ፡ ቴለቪዥንን ካልእ ዘድልየና ንብረት ገዛን ክንውንን ክኢልና፣ ዘድልየና ኹሉ ካብ ሕርሻ ስለ እንረኽቦ፡ ብርእሰ-ምትእምማን ክጕዓዝ በቒዐ ኣለኹ። ስለዚ፡ ኣብ ሕርሻ ክሰርሕ ካብ ዝጅምር፡ ገጽ ሰብ ርእየ ኣይፈልጥን'የ።”

ኣብነታዊት ሓረስታይ መርየም ኢብራሂም፡ ኣብ ንጥፈታት ሕርሻ ምስርሓ ሕጉስቲ ምዃና'ያ እትገልጽ። ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ድማ፡ ሓደ ሄክታር መሬት ተልምዕ ከም ዘላ ተብርህ። ነዚ ሕርሻ ብፍቕሪ ሒዛቶ ስለዘላ ግን፡ ኣብ መጻኢ ካብ'ዚ ሒዛቶ ዘላ ንላዕሊ ከተልምዕ'ዩ መደባ። ስራሕ ጀርዲን ኣዝዩ ሰሓቢ ስለ ዝኾነ፡ ኲሉ ግዜ ኣብኡ ከም እትርከብ ከኣ ትሕብር።

“ነዚ ስራሕ፡ ፈለማ ምሩጽ ዘርኢ ተምሪ ብምትካል'የ ጀሚረዮ። ቀጺለ ድማ እኽልን ሳዕሪ እንስሳን ክዘርእ ክኢለ። ኣተባባዒ ውጽኢት ምስ ረኸብኩሉ ኸኣ፡ ባምያ፡ ሽጉርትን ኮመደረን ብምውሳኽ፡ ንጥፈታተይ ኣዕብየ። በዚ'ውን መሊሰ ስለ ዝተተባባዕኩ፡ ዘይቱን፡ ባናናን ሮማኖን ዘሪአ ጽቡቕ ፍርያት እረኽበሉ ኣለኹ። ስለዚ፡ መሬት ጨካን ኣይኮነትን - ዝሃብካያ ስለ እትቕበል፡ ሳላ ትዕግስቲ ዝገበርኩ ዝዓግበሉ ንጥፈታት ሕርሻ ክገብር በቒዐ ኣለኹ” ትብል መርየም።

ብፍልጠት ተመሪሕካ ዝካየድ ስራሕ፡ ወጽኢቱ ዓወት ምዃኑ ርዱእ'ዩ። ኣብነታዊት ሓረስታይ መርየም ኢብራሂም ድማ ብሚኒስትሪ ሕርሻ ዝረኸበቶ ስልጠና፡ ኣብ ስርሓ ብዙሕ ከም ዝሓገዛ'ያ ብኸምዚ ዝስዕብ እትገልጾ። "ኣብ በበይኑ እዋናት፡ ብዛዕባ ኣገባብ ኣሰራርሓ ሕርሻዊ ንጥፈታት፡ ስልጠና ተዋሂቡና'ዩ። ሳላ'ቲ ስልጠና ድማ መዓስ እንታይ ይግበር? ብኸመይከ ትገብሮ? ኣተሓሕዛን ኣጠቓቕማን መሬት? ኮምፖስት ብኸመይ ተዳሉ? ብኸመይከ ትጥቀመሉ? ስልጠና ተዋሂቡና። ከም ዝፍለጥ፡ ቦታና ረስኒ ኣሎዎ፣ ድኾዒ'ውን ናይ ገዛእ ርእሱ ረስኒ ስለ ዘሎዎ፡ ንተኽሊ ብቐጥታ የቃጽሎ'ዩ። ኣብ'ዚ ብዛዕባ ኮምፖስት ዝተመሃርናዮ ግን፡ ብዙሕ ጥቕሚ'የ ረኺበሉ። ኣብ ግራተይ'ውን ባህርያዊ ድኾዒ ዘዳልወሉ ቦታ ፈልየ ኣለኹ። እዚ ባህርያዊ ድኾዒ ክጥቀም ምስ ጀመርኩ፡ ጽቡቕ ምህርቲ ክሓፍስ ጀሚረ። ሕርሻ፡ ስነ-ፍልጠት ምዃኑ'ውን ተገንዚበ። ስለዚ፡ በብእዋኑ ስልጠና እናወሰድኩ፡ ምኽሪ ክኢላታት ሕርሻ ድማ እናተኸተልኩ'የ ኣብ'ዚ ደረጃ በጺሐ ዘለኹ።"

ኣብነታዊት ሓረስታይ ወ/ሮ መርየም ኢብራሂም፡ ካብ'ቲ ቀሲማቶ ዘላ ተመኩሮ ተበጊሳ፡ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ዓውዲ ሕርሻ ተዋፊረን፡ ቍጠባዊ ለውጢ ከምጽኣ ከም ዝኽእላ'ያ እትመክር። እቲ ናይ ፈለማ ስጉምቲ ናይ ዓወት፡ ተበግሶ ምውሳድ ምዃኑ ኸኣ ብኸምዚ ተብርህ -"ንደቂ-ኣንስትዮ ዝብለን፡ ነቲ ክገብራኦ ዝኽእላ ነገር፡ ከይደንጎያ ክጅምራኦ ኣሎወን። ብፍላይ ንጥፈታት ሕርሻ፡ ኵሉ ግዜ ሓድሽ ሰብ ኴንካ ስለ እትወፍር፡ ዘሐጕስ ሞያ'ዩ። ጻዕሪ ሓዊስካ እንተ ሰሪሕካ፡ መዓልታዊ ለውጢ እትርእየሉ ስለ ዝኾነ፡ ውጽኢታዊ ስራሕ'ዩ ክብለን እደሊ። ስለዚ ደቂ ኣንስትዮ ኣብዚ ንጥፈት እንተ ዝዋፈራ ዝያዳ መድምዓን ኣብ መነባብሮአን ለውጢ ምገበራን። ደቀን ኣብ ምዕባይ'ውን ኣይምተሸገራን። ምስኡ'ውን ደቀን ከም ምቁር ድንሽ ዝኣመሰለ ሃብታም ትሕዝቶ መኣዛዊ መግቢ ዘሎዎ ምተመገቡን ጥዕናኦም ዝተሓለወ ምኾነን በሃሊት'የ'ሞ፡ ተበገሳ እብለን።"

ሓላፊ ልምዓት ብቝሊ ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ ኣቶ መሓመድ ዓብዱራሕማን፡ ንሓረስታይ መርየም ኢብራሂም ብቐረባ ካብ ዝከታተሉ ክኢላታት ሕርሻ'ዩ። ንመንፍዓታ ኣመልኪቱ ድማ እዚ ዝስዕብ ሓሳባቱ የካፍል። "ዝጸዓረ ይዕወት ከም ዝብሃል፡ መርየም ህይወታ ብጽቡቕ ክትመርሕ ክኢላ ኣላ ጥራይ ዘይኮነ፡ ካብኡ ሓሊፉ፡ ፍርያት ብምቕራብ'ውን ኣብ ምርግጋእ ዕዳጋ ናይ ከባቢኣ ዓቕማ ዘፍቅዶ ኣበርክቶ ትገብር ዘላ ኣብነታዊት ሓረስታይ'ያ።" ይብል።

ሓረስታይ መርየም፡ ብዘይካ ኣብ ልምዓት ጀራዲን፡ ኣብ ምፍራይ ጠሌ-በጊዕ'ውን ትነጥፍ'ያ። ካብ'ዘን ዘለዋኣ ብርክት ዝበላ ጥሪት፡ ብዙሕ ቍጠባዊ ረብሓ ከም እትረክብ ድማ'ያ ትገልጽ። "ምፍራይ ጤለ-በጊዕ ምስ ልምዓት ጀርዲን ክኸይድ ዝኽእል'ዩ። ተረፍ መረፍ ናይ ጀርዲን፡ ንመግቢ እንስሳ'ዩ ዝኾነካ። ካልእ፡ ሚኒስትሪ ሕርሻ ዘርኢ መግቢ እንስሳ ስለ ዝሃበኒ፡ ኣብ'ዚ እዋን፡ ሓምላይ መግቢ ኣፍርየ ንጤለ-በጊዐይ ይምግብን ንዕዳጋ የቕርብን ኣለኹ። እንስሳ፡ ሓምላይ መግቢ እንተ በሊዐን ጥዕናአን ጽቡቕ'ዩ ዝሕሎ። ሓምላይ መግቢ ኣብ ምስሳን ምህርቲ ጸባ'ውን ኣዝዩ ሓጋዚ እዩ። ስለዚ፡ ሳላ'ዘን ጤለ-በጊዕ፡ ንገዛ ዝኸውን ውሕስነት ጸባን ስጋን ኣረጋጊጸ ኣለኹ" ክትብል ትሕብር። ብተወሳኺ፡ ሓረስታይ መርየም፡ ፈለማ ናይ እግሪ ሰፋዩት መኪና ገዚኣ ክትሰርሕ ከም ዝጀመረት፡ ጸኒሓ ድማ ናይ ኤለክትሪክ ገዚኣ ትሰርሕ ከም ዘላ ትገልጽ።

ሓረስታይ መርየም ኢብራሂም፡ ንመጻኢ ብዝሓየለ ክትሰርሕ መደብ ኣለዋ። ዘላቶ ቦታ'ውን ብተፈጥሮ ብማይ ሃብታም ስለ ዝኾነ፡ ዲናሞ ገይራ ካብ'ቲ ሒዛቶ ዘላ ዝዛየደ ንጥፈታት ሕርሻ ክተካይድ ትጽቢታ'ዩ። ነዚ ኸኣ፡ ብሓገዝ ናይ'ቲ መንግስቲ ኣዋዲዱዎ ዘሎ ትሕተ ቅርጽን ምትብባዕ ክኢላታት ሚኒስትሪ ሕርሻን ክትገብሮ ምዃና ትሕብር።



# ጸባ፡ ፈሊሑ ብግቡእ ክረግእ ይኽእልዶ?

ዓንዶም ግርማይ (ወዲ ደረስ)

**ሕቶ፡ ጸባ ንኽይረግእ ክፈልሕ ከም ዘለዎ ብልምዲ እንጥቀመሉ ኣገባብ እዩ። ብዛዕባ ዝፈልሐ ጸባ ይረግእ ምኳኑን ዘይምኳኑ ሓበሬታ የብለይን። ስለዚ ሕቶይ ናብኡ ዘቕንዐ'ዩ? ዝፈልሐ ጸባ ክነርግእ ይተባባዕ ድዩ? ውሕስነቱኸ? ጸባ ክፈልሕ ዘድልዮ ግዜን ጥቕሙንከ?**

**መልሲ፦** ጸባ፡ መጥበውቲ እንስሳታት ውሉዶም ኣዐንጊሎም ዘዕብዩሉ ብተፈጥሮ ዝምስራሕን ዝዕደሎምን ባህርያዊ ጥረ-ነገር እዩ። 86 ሚእታዊት ትሕዝቶ ጸባ ማይ ክኸውን ከሎ፡ እቲ ዝተረፈ፡ ስብሒ፡ ፕሮቲን፡ ማዕድናትን ቫይታሚናትን ዝቑመን ጻዕዳ ሕብሪ ዘሎዎ ጥረ-ነገር'ዩ። ብዛዕባ ጸባ ዝለዓሉ ሕቶታት ብዙሓት እዮም። ንሎሚ ኣብ መጽሔት ፍረ-ጻዕሪ - ዓምዲ 'ሕቶታት ፍረ-ጻዕሪ'፡ ዝፈልሐ ጸባ ይረግእዶ? ኣፍሊሕካ ምርጋእ ዝህቦ ውሕስነት? ከምኡ'ውን ጸባ ክፈልሕ ዘድልዮ ግዜን ጥቕሙን? ዝብሉ ሕቶታት፡ ክተብርህ'ያ። ነዚ መብርሂ ዝሃበና፡ ዋና ኣካያዲ ስራሕ ትካል ኣዜብ ኣግሮ-ኢንዱስትሪ ሓልሓለ ዝኾነ፡ ላዕለዋይ ክኢላ ጸባን ወጽኢት ጸባን ኣቶ ኣብርሃም ሚኪኤል እዩ ነመስግኖ።

*** ዝፈልሐ ጸባ ይረግእዶ?**

- እወ ይረግእ። እቲ ቅኑዕ መስርሕ ተጠቃምነት ኣብ ከም ርግኦን ካልእን ክውዕል ዝግብኦ ጸባ ኸኣ፡ እቲ ፈሊሑ ዝረግእ'ዩ። ዘይፈልሐ ጸባ ዝተፈላለዩ ንጥዕና ጕዳእቲ ሕማም ዘስዕቡ ሓደገኛታት ታህዋስያን (ባክተርያ) ካብ እንስሳታት ናብ ሰባት ዝመሓላለፈሉ መስርሕ ምኳኑ ክፍለጥ ዘለዎ'ዩ። ብኸምዚ ዝተጠቕሰ ዘይፈልሐ ጸባ ዝመሓላለፉ ሕማማት ከኣ፡ ኣብ ምሉእ ዓለም ዝነበረን ኣብ ሃገርና'ውን ከይተረፈ ዘጋጥምን እዩ። ስለዚ፡ እንምገቦ ጸባ ግቡእ መስርሕ ምፍላሕ ዝሓለፈ ክኸውን ከም ዝግባእ ምግንዛብ የድሊ።

ጸባ ብባህላዊ (ልምዳዊ) ወይ ብዘመናዊ (ስነ-ፍልጠታዊ) ብኽልተ ኣገባባት ወይ መልክዓት ይረግእ። ሓቂ'ዩ፡ ጸባ ኣፍሊሕካ ክተርግኦ፡ ግዜ ይደሊ'ዩ። ከምኡ ዝገበሮ ቀንዲ ምኽንያት፡ ህላወ ናይ'ቶም ኣብ ጸባ ዝርከቡ ንጥዕና ሃሰይቲ ታህዋስያን ስለ ዘውሕድ ወይ ስለ ዘጥፍእ እዩ። እቲ ብልምዳዊ መገዲ ዝረግእ ጸባ፡ ካብ'ቲ ቅድመኡ ዝረግአ ሒደት ወሲድካ ኣብ'ቲ ክረግእ ዝድለ ጸባ ብምሕዋስ ከም ዝረግእ ምግባር እዩ። ብስነ-ፍልጠታዊ ኣገባብ እንጥቀመሉ ኣገባብ ምርጋእ ጸባ ግን ፍልይ ዝበለ'ዩ። ጸባ ከይመጸጸ ካልእ ሜላ ተጠቒምካ ከም ዝረግእ ምግባር እዩ።

ኣገባብ ኣረጋግኣ ጸባ ኣብ ሕብረተ-ሰብና፡ ኣብ ከበሳን ክልቲኡ ገጻት ቆላን ዝተፈላለየ እዩ። እቲ ኣብ ከበሳ ዝነብር ምስ መግዛእቲ ጥልያን ተዛሚዱ ዝግለጽ፡ ዝርካቡ ዝፈሪ ዝነበረ ጸባ ንፋብሪካ ይውዕልን ዝተረፈ ድማ ሓረስቶት ነንውልቀም ይጥቀመሉ ምንባሮምን መወከሲታት የመልክቱ። ኣብ ርእሲ'ዚ ዋሕዲ ጥሪት'ውን ስለ ዝነበረ፡ በዞም ዝተጠቕሱን ካልኦት ምኽንያታትን ጸባ ኣፍሊሕካ ምርጋእ ኣይተራዕመን ኢልካ ክግለጽ ይከኣል።

ኣብ ምብራቓውን ምዕራባውን ቆላታትን ሃገርና ዝነብር ሕብረተ-ሰብና ብኣንጻሩ፡ ብሰንኪ ብዘይፈልሐ ጸባ ዝስዕብ ሕማም ቲቢን ካልእን ጽቡቕ መረዳእታን ኣፍልጦን ስለዘጸንሖ፡ ከም ባህሊ ርዒምዎ ዘሎ'ዩ። ካብዚ ዝብገስ፡ ጸባ ከየፍልሐ ኣየርግእን'ዩ። ነዚ ዘረጋግጹልና፡ ርግኦ ጋሕቴላይን ኣቑርደትን ከም ኣብነት ምርኣይ ይከኣል። ርግኦ እዞም ክልተ ከባቢታት ዝጠዓሞ ዝፈልጦን ዝምስክሮን እዩ። እቲ ምኽንያት ከኣ ከምዚ ዝተጠቕሰ ፈሊሑ ስለ ዝረግእ'ዩ።

ሕጽር ብዝበለ፡ ጸባ ከም ዝረግእ ምግባር፡ ላክቲክ ኣሲድ ዝፈጥር ሓያል ባክተርያ ፈጢርካ፡ ትሕዝቶ ላክቶስ ኣብ ጸባ



ኣቶ ኣብርሃም ሚኪኤል

ምስባር'ዩ። ትካላት ጸባን ውጽኢት ጸባን ሃገርና ዘዳልዋኦ ርግኦ እንተ ርኢና፡ ጸባ ላክቲክ ኣሲድ ባክተርያ እናተወሰኾ ይምስራሕ፣ ደረጃ ብቕዓቱ ብሚኒስትሪ ሕርሻ ቊጽጽርን ምክትታልን እናተገብረሉ ኸኣ ናብ ዕዳጋ ዝዝርጋሕ'ዩ።

*** ጸባ ክፈልሕ ዘድልዮ ግዜን ዘረጋግጾ ውሕስነትን?**

- ጸባ፡ ንባክተርያ ኣዝዩ ብሉጽ መግቢ እዩ። በዚ ምኽንያት፡ ባክተርያ ኣብ ጸባ ክዓስልን ቅልጡፍ ናይ ምርባሕ ባህሪ ከርእይን ባህርያዊ እዩ። ኣብ ገዛና እንገብሮ ኣገባብ ኣፈላልሓ ጸባ፡ ካብ ጻልጣ ክሓይሽ እንተዘይኰይኑ፡ ከም ምፍላሕ ኣይቊጸርን እዩ። ጸባ ብስነ-ፍልጠት ብኽልተ ዓይነት መገዲ ይፈልሕ። ፓስቸራይዘሽንን ኡልትራ (ልዑል መጠን ምቈት) ብምሃብን ይትግበር።

ኣብ ጸባ ብሓፈሻኡ ክልተ ዓይነት ባክተርያ ኣለዉ። ሜዞፊሊክን ቴርሞፍሊክን ከኣ ይብሃሉ። ሜዞፊሊክ ባክተርያ ትሕቲ 40 ዲግሪ ሰንቲ-ግሬት ዝነብሩ ክኾኑ እንከለዉ፡ ቴርሞፊሊክ ከኣ ካብ 40 ክሳዕ 100 ዲግሪ ሰንቲ-ግሬት ምቑት ተጻዊሮም ዝነብሩ እዮም። ክልቲኦም ዓይነት ባክተርያ ኣብ ጸባ ስለዝርከቡ፡ እሞ ድማ ጸባ ንባክተርያ ኣዝዩ ብሉጽ መግቢ

ስለ ዝኾኑ፡ ቀልጢፎም ክራብሑ ባህርያዊ ይኽውን፡፡

ጸባ ክፈልሕ ዘድልየ ግዜን ዘረጋግጸ ውሕስነትን ንእትብል ሕቶ ንምንጻር፡ ጸባ ክፈልሕ ምስ ተሰኽተተ፡ እናፈልሐ ኣብ ዝኸደሉ፡ ብእኡ መንጽር ምቒት እናዛየደ ይኸይድ፡፡ እቶም ምቒት ዝጻወሩ ባክተርያ ድማ፡ ኣብቶም ዛሕሊ ዝጻወሩ ባክተርያ ተሓቑፎም ይጸንሑ፡፡ መጠን እቲ ምቒት እናበርትዐ ኣብ ዝኸደሉ እቶም ምቒት ዝጻወሩ ነቶም ዛሕሊ ዝጻወሩ ይሓቑፍዎም፡፡ ክልቲኦም ዓይነት ባክተርያ ንምንባር በበቲ ክጻወርዎ ዝኽእሉ ሚላ ንሓድሕዶም ስለዝተሓቛቑፉ፡ ጉዳኢ ባክተርያ ናይ ምቕታል ተኽእሎ ይንኪ፡፡

ኣብ ሃገርና እንጠቀመሉ ሚላ ምፍላሕ ጸባ፡ ፓስቶራይዘሽን ዝብሃል ኣገባብ እዩ፡፡ ኣብ ውሽጢ'ዚ መስርሕ ንባዕሉ ክልተ ኣገባባት ኣለዉ፡፡

ኣብቲ ሓደ ኣገባብ፡ ንጸባ ዝለዓለ 72 ዲግሪ ሰንቲ ግሬድ ወይ ብዝተሓተ ኸኣ 68 ዲግሪ ሰንቲግሬድ ምቒት ሂብካ ተፍልሖ፡፡ ንኽፈልሕ ድማ ካብ 15 ክሳዕ 30 ደቓይቕ ይወስደሉ፡፡ ቀጺሉ እቲ ጸባ ካብ ዝፈልሓሉ ገንኢ ተቐዲሑ ብቐጥታ ኣብ መዝሓሊ ይኣቱ፡፡ መጠን ምቒት ጸባ ካብ 40 ዲግሪ ሰንቲግሬድ ናብ 4 ዲግሪ ሰንቲ ግሬድ ይወርድ፡፡ ኣብዚ መስርሕ እቶም ኣብ ጸባ ዝርከቡ ባክተርያ ንድሕነቶም ክብሉ ንሓድሕዶም ናይ ምትሕቝቛፍ ክእለቶም ይንኪ ወይ ይጉድል፡፡ በዚ ዝተጠቕሰ ኣገባብ ዝፈልሐ ጸባ፡ ባች ፓስቸራይዘሽን ንብሎ፡፡

እቲ ኻልኣይን ብቑዕ ኣገባብን ተባሂሉ ዝግለጽ ኣገባብ ኣፈላልሓ ጸባ፡ ኢን-ላይን ፓስቸራይዘሽን ዝብሃል እዩ፡፡ ኣብዚ ኣገባብ፡ ጸባ ብሓደ ክፋል ናይታ መፍልሒት ማሽን ይኣቱ፡፡ ፈሊሑ ኣብ ውሽጢ ካብ 4 ክሳዕ 10 ካልኢት ካብ 72 ዲግሪ ሰንቲግሬድ ናብ 4 ዲግሪ ሰንቲ ግሬድ ይወርድ፡፡ ኣብዚ ጸባ ኣብ ምማቕን ምግዕዓዝን ከቢድ ጸቕጢ ኣሎ፡፡ በዚ ኰነታት ዝፍጠር ጸቕጢ ኣብ ጸባ ዝርከቡ ታህዋስያን (ባክተርያ) ንሓድሕዶም ክተሓቛቑፉ ዕድል ኣይህቦምን፡፡ ከምኡ ዝግበረሉ ቀንዲ ምኽንያት ከኣ፡ ብልዑል ምቒት ዝፈልሐ ጸባ፡ ኣብ ውሱናት ካልኢታት ናብ ዛሕሊ



ዝሎዎ ኣቕሓ (መትሓዚ) ምስጋርን እዩ፡፡ ከም ውጽኢቱ ኸኣ፡ ሞት ኣብ ጸባ ዝርከቡ ምቒትን ዛሕሊን ዝጻወሩ ታህዋስያን (ባክተርያ) የጋጥምን ብቑዕ ምኽነት ጸባ ከኣ ይረጋገጽ፡፡

ስለዚ ጸባ ብብቕዓት መኺኑ፡ ብቕዓት ብዘሎዎ ናውቲ እንተ ደኣ ተዓሺጉ፡ ንጥዕና ዘገድሱ ባክተርያ ሓቑፉ ትሕዝቶኡ ከይጉደለን ከይተበላሸወን ን3 መዓልቲ ይጸንሕ፡፡ ካብዚ ወጻኢ ኣብ ምዕሻግ ኹነ ኣተሓሕዛኡ ጥንቃቐ ዝጉደሎ ጸባ ግና ቀልጢፉ ክበላሾ ዘድርኽ'ዩ፡፡

እቲ ኻልእ ኣገባብ ምምካን ጸባ፡ ልዑል መጠን ዋዒ (120 ዲግሪ ሰንቲግሬድ) ተጠቒምካ ን15 ካልኢት ተጸቢኻ ምፍላሕ ኩይኑ፡ ዝበዝሓ ሃገራት ቀዳማይ ዓለም ዝጥቀማሉ ሚላ እዩ፡፡ በዚ መስርሕ ዝሓለፈ ጸባ፡ ንጥዕና ዝጠቕሙን ዝጎድኡን ታህዋስያን ዘይብሉ ግን ከኣ ከም ጸባ ዝስተ እዩ፡፡ ብብቑዕ መትሓዚ ብዝግባእ እንተድኣ ተዓሺጉ ከይተበላሸወ ካብ 5 ክሳብ 7 ወርሒ ይጸንሕ፡፡

***



# ጥዑይን ሓደገኛን ቃንጥሻ ብኸመይ ንፈልዮ?

**ሕቶ፥ ኣብ ሕብረተሰብና ቃንጥሻ ምምጋብ ዝውቱር ኣይኮነን። ነንበይናም ዓሌታት ቃንጥሻ ከም ዘለዉ ኸኣ ይዝረብ'ዩ። ቃንጥሻ ይብላዕ ምዃኑ ይግለጽ'ዩ። ገለ ዘይብላዕ ቃንጥሻ ከም ዘሎ'ውን ሓበሬታ ኣሎኒ። ቃንጥሻ ከም መግቢ ምዝውታር ከመይ ይርአ? ዝብላዕን ዘይብላዕን ቃንጥሻ ኣሎ እንተኾይኑ፥ እቲ ዝብላዕን ዘይብላዕን ብኸመይ ንፈልዮ? መኣዛዊ ትሕዝቶኡኸ ከመይ እዩ ዝግምገም? ኣበይን ብኸመይንከ ክንረኽቦ ንኽእል?**

**መልሲ፦** ብቐዳምነት ነዚ ዝቐረበ ሕቶ መብርሂ ዝሃበና፡ ኣብ ሚኒስትሪ ሕርሻ ክኢላ መፍረ ቃንጥሻ፡ ኣቶ ተኽለማርያም ዮሃንስ ነመስግኖ።

ሓቂ'ዩ፡ ሕብረተ-ሰብና ቃንጥሻ ናይ ምምጋብ ብዙሕ ልምዲ የብሉን። ኣብ ዓለም ንመዓላ መግቢ ዘገልግሉን ዘየገልግሉን ብዙሓት ዓሌታት ቃንጥሻ ኣለዉ። እቶም ንመግቢ ዘገልግሉ ዓሌታት፡ ሃብታም መኣዛዊ ትሕዝቶ ዘሎዎም'ዮም። ኵሎም ቃንጥሻ ይብልዑ ድዮም ኣይብልዑን ንዝብል ሕቶ ቅድሚ ምምላስና፡ ብዛዕባ ቃንጥሻ እንታይ ምዃኑ ሓጺር ሓበሬታ ከነካፍል። ቃንጥሻ ካብ ስድራ ዕሲ (Fungi) እዩ። ዕሲ ብግደኡ፡ መግቦም ሳፕሮፋይትስ (Saprophytes) ኣብ ዝበሃሉ ዝሞቱ ህይወታውያን (ኣትክልቲ) ዝምርኰስ፣ ሲምባዮንትስ (Symbionts) ምስ ኣትክልቲ እናተሓጋገዙ ሓቢሮም ዝነብሩን ከምኡ ድማ፡ ጽግዕተኛ ካልኦት ህይወታውያን (Parasites) ተባሂሎም ኣብ ሰለስተ ክፍልታት ይምቀሉ።

ቃንጥሻ፡ ብዙሓት ካብ ዓሌታትን ዘርእን ፋንጋስ ሳፕሮፋይትስ ይሓቁፍ። መጽናዕቲ ከም ዘረጋግጾ፡ ዓሌታት ቃንጥሻ፡ ብጠባይ፡ ክሊማ፡ ባህሪ፡ መልክዕ፡ ግዝፊ፡ ቅርጺ፡ ትሕዝቶ ወዘተ. ይፈላለዩ። ኣብ ዓለም ኣስታት 1.5 ሚሊዮን ፋንጋስ ምህላዎም ይግመት። እቶም 140 ሽሕ ዓሌት ቃንጥሻ ምዃኖም ዝተኻየዱ መጽናዕትታት ወሲኾም ይሕብሩ። ካብዚኣቶም ኣስታት 15 ሽሕ ዓሌታት ዝተለለዩ ክኾኑ እንከለዉ፡ እቶም 60 ዓሌታት ከኣ ዝብልዑ ወይ ንመግቢ ዘገልግሉ እዮም። እቶም ንመግቢ ዘገልግሉ ዓሌታት ቃንጥሻ፡ ብመልክዕ ልምዓት ሕርሻ ተጠሚቶም ከም ዝፈርዩ ይግበር። ቃንጥሻ ብዘይካ ንመግቢ፡ ንብዙሕ ሕማማት ዝፍውሱ መድሃኒት ኣብ ምምስራሕ'ውን የገልግል። እቶም ንመዓላ መግቢ ዘየገልግሉ፡ ኣብ ሕክምናዊ መዳይ ልዑል ግደ ከም ዘሎዎም ይግለጽ።

ቃንጥሻ፡ ብዙሕ ጥቕሚ ዘሎዎን ኣብ ብዙሕ ከባቢታት ዓለም ፍቱውን መግቢ ምዃኑ ርኢና። ንኹሎም መኣዛታት መግቢ (ብፕሮቲን፡ ካርቦሃይድሬት፡ ጸዓት፡ ቪታሚናት፡ ማዕድናት፡ ጽሕጊ፡ ኣገደስቲ ኣሚኖ ኣሲድ ወዘተ.) ዘጠቓልል ሃብታም ትሕዝቶ ከም ዘለዎ'ዩ ዝሕበር።





ኣቶ ተኽለማርያም ዮሃንስ

ኵሎም ቃንጥሻ ይብልዑ ድዮም? እትብል ሕቶ ግን፡ 'ኣይፋሉን' ዝብል'ዩ እቲ መልሲ። 60 ዓሌታት ዝብልዑ ምህላዎም ክብ ኢልና ጠቒስና። ካብ'ዚ ሓሊፉ ገለ ዓሌታት፡ መርዛማት ቀታሊ ባእታ ዘሎዎም ሓደገኛታት'ዮም። ንኽምዚኦም ዝኣመሰሉ ዓሌታትን ዓይነታትን ቃንጥሻ ምምጋብ ንሞት ምቕላዕ ስለ ዝኾነ ዘይምትንካፎም።

ኣብ ሃገርና ብዛዕባ ቃንጥሻ ዛጊት ዝተገብረ ጽጹይ መጽናዕቲ'ኳ እንተ ዘየሎ፡ ሕብረተ-ሰብና ብልምዲ፡ ዓይኒ ላም፡ ኣጕለ ወዘተ. እናበለ ዝጠቐሶም ኣብ ወቕቲ ቀውዒ ከም ሓምሊ መሮር ንመግቢ ዝጥቀመሎም ዓሌታት ቃንጥሻ ግን ኣለዉ። ብኻልእ ገጽ ብዓይኒ ስነ-ፍልጠት፡ 'ኣማኒታ'፡ ብልምዳዊ ኣጸዋውዓ ሕብረተ-ሰብና ድማ፡ 'ቃንጥሻ-ዓሶ' ብዝብል ዝፍለጡ ከም ኣብነት ምስ እንምልከት፡ ኣብ ወቕቲ ክረምቲ ዝረኣዩ ገለ ካብ መርዛማት ዓሌታት እዮም። መርዛማት ቃንጥሻ ፈሊና ክነለልዮም ኣዝዮም ኣሸገርቲ ስለ ዝኾኑ ግን፡ 'ተረኺበ' ኢልና ዝረኸብናዮ ቃንጥሻ ክንበልዕ ወይ ክንምገብ ኣይግባእን። ኣብ ክንዳኡ፡ ብፍሉይ ንዘቤታዊ መዓላ ተባሂሎም ዝፈረዩ ውሕስነቶም ዝተረጋገጸ ቃንጥሻ ክንጥቀም ኢና ንመክር። ብውሑስ ኣገባብ ቃንጥሻ ዘፍርያ ኣባላት ማሕበር ሕርሻዊ ንግዲ ደቀንስትዮ ኤርትራ ስለ ዘለዋ ድማ ካብአን ምዕዳግ ወይ ንዕአን ምውካስ ይከኣል'ዩ።

ዓንደመስቀል በርሀ

# ሕማም ብሩሴላ (ምቍላዕ) ኣብ ሰብን እንስሳን

## ብሰንኪ ዘይፈልሐ ጸባን ዘይበሰለ ስጋን 'ብሩሴላ' ክንሓምም ከም እንኽእል ንፈልጥዶ?

**ሕቶ፦ ሕማም ምቍላዕ ንሰብን እንስሳን ዘጥቅዕ ሓደገኛ ሕማም ምዃኑ ይዝረብ'ዩ። ንምዃኑ ሕማም ምቍላዕ እንታይ እዩ? ብዛዕባ ኣብ ሰብን እንስሳን ዘኸትሎ ሳዕቤናት፣ ምልክታቱን ኣገባብ መከላኸሊኡን እንታይ ትፈልጡ?**

**መልሲ፦** ብቐዳምነት ነዚ ዝቐረበ ሕቶ መብርሂ ዝሃበትና፣ ኣብ ሚኒስትሪ ሕርሻ፣ ሓላፊት ኣሃዱ ጥዕና እንስሳ ወ/ሮ መርሃዊት ተስፋይ ነመስግን።

ሕማም ምቍላዕ ወይ "ብሩሴላ" ሓደ ኻብቶም ብባክተርያ ዝኽሰቱ፣ ካብ እንስሳ ናብ ሰብ ክመሓላለፉ ዝኽእሉ ሕማማት እዩ። ነዚ ሕማም ዘስዕቡ ታህዋስያን ባክተርያ "ብሩሴላ" ይብሃሉ። እዞም ታህዋስያን እዚኣቶም ብዘጥቅዕዎ እንስሳ ይሰየሙ። ንኣብነት ብሩሴላ ኣቦርተስ ኣብ ከብቲ፣ ብሩሴላ መለተንሲስ ኣብ ጤል-በጊዕ፣ ብሩሴላ ሱኢስ ኣብ ሓሰማታት ከምኡ'ውን ብሩሴላ ካኒስ ኣብ ከልቢ ክጥቀሱ ይኽእሉ። እዚ ሕማም፣ 'ሕማም ምብርዓን' ተባሂሉ'ውን ይፍለጥ፤ ምኽንያቱ ምብርዓን ምልኡ፣ ሓደ ኻብቶም ቀንዲ ምልክታት ናይዚ ሕማም ስለ ዝኾነ። ሕማም ምቍላዕ፣ መጀመርታ ኣብ ደቂ-ሰብ ኣብ ደሴት ማልታ ስለ ዝተራእየ፣ ኣብ ሰብ "ማልታ ፌቨር" ተባሂሉ'ውን ይፍለጥ'ዩ። ሕማም ምቍላዕ ኣብ ጥዕና ሰብ፣ እንስሳን ዓለምለኻዊ ንግድን ልዑል ዝኾነ ጽልዋ ኣሎዎ። ዓመታዊ ኣስታት 500,000 ሰባት ብሕማም ምቍላዕ ከም ዝልከፉ መዛግብቲ ውድብ ጥዕና እንስሳ ዓለም ይሕብር።



ወ/ሮ መርሃዊት ተስፋይ

### ጠንቅን ሳዕቤንን ሕማም ምቍላዕ ኣብ እንስሳን ሰብን

እቶም ቀንዲ ጠንቂ ሕማም ምቍላዕ ዝኾኑ ታህዋስያን ብሩሴላ፣ ኣብ ብልዕትን ጉለን ብብዝሒ ይርከቡ። በዚ ምኽንያት ከኣ ኣብ ጸባን ዝተነጸለ ድቅን ካልኦት ናይ ስርዓተ መፍረ ፈሰስትን ይርከቡ።

ኣብ ወዲ-ሰብ፣ ቀንዲ መበገሲ መልከፍቲ ሕማም ምቍላዕ፣ ዘይፈልሐን ወይ ዘይመኸነን ዝተበከለ ጸባን ውጽኢት ጸባን ምምጋብን ምስታይን እዩ። ሕማም ምቍላዕ ዘምጽኡ ብሩሴላ ዝተባህሉ ባክተርያ ኣብ ጸባ ብብዝሒ ይርከቡ። ስለዚ ካብ ሕማም ምቍላዕ ዝሓመመት እንስሳ (ላም፣ በጊዕ፣ ጤል፣ ገመል) እንረኽቦ ጸባ፣ በዚ ባክተርያ ዝተበከለ ይኸውን። ዝኾነ ሰብ፣ ነዚ ጸባ ይኹን ውጽኢት ጸባ ናይ ዝሓመመት እንስሳ ከይፈልሐ ወይ ከይመኸነ ምስ ዝሰትዮ ወይ ዝምገቦ፣ በዚ ሕማም ይልከፍ። ዘይበሰለ ስጋ ናይ ዝሓመመት እንስሳ ምብላዕ'ውን ንሕማም ምቍላዕ ከቃልዓና ይኽእል። ብተወሳኺ፣ ኣብ ግዜ ሕርድን ሕክምናን ምስ ዝሓመመት እንስሳ ዝገበር ዘይጥንቁቕ ምትንኻፍ ሕማም ብሩሴላ ክመሓላለፍ ይኽእል። ብተወሳኺ፣ ኣብ ግዜ ሕርሲ ሓገዝ ኣብ እንገብረሉ፣ ዘይጥንቁቕ ኣገባብ ምስ ዝኸውን፣ ንሕማም ምቍላዕ ክንቃላዕ ንኽእል። ክኢላታት ሕክምና እንስሳ፣ ሰራሕተኛታት ቤት ሕርዲ፣ ናይ ላቦራቶሪ ሰራሕተኛታት፣ ሓረስቶትን ጓሶትን፣ ተጠቀምቲ ውጽኢት እንስሳን ምስ እንስሳታት ቀርበት ዘሎዎም ሰባትን ንሕማም ምቍላዕ ዝተቓልዑ እዮም። ስለዚ ኩሉ ግዜ ብጥንቃቐ ክሰርሑ ይግባእ።



## ምልክታት ሕማም ኣብ እንስሳን ሰብን

ሕማም ምቍላዕ ኣብ ዝሓመመት እንስሳ፡ ብደጋዊ ኣቃውማኣ ክትፈልጣ ኣይከኣልን። እቲ ቐንዲ ምልክት ናይ'ዚ ሕማም፡ ምንጻል (ምብርዓን) ድቂ ኣብ ምልአ ዘሎዋ እንስሳ እዩ። ዝበዝሕ ግዜ ምንጻል (ምብርዓን) ኣብ መንጎ ሓሙሻይን ሻብዓይን ወርሓት ናይ ምልአ ግዜ የጋጥም። ካብ ሕማም ምቍላዕ ዘሎዋ እንስሳ ዝተወልደ ምራኽ፡ ድኹምን ዘይጥዑይን ኰይኑ ይውለድ። እዚ ኸኣ ድጉል ዝኾነ ሕማም ምቍላዕ ይህሉዎ ማለት'ዩ። ካልእ ምልክታት ድማ ፍርያት ጸባን ፍርያምነትን ይጎድል፣ ምድንጓይ መስከብን (ሸለት) ረኽሲ ማህጸንን፡ ነድሪ መላግቦን የጠቓልል። ኣብ ተባዕትዮ ድማ ነድሪ ፍረ-ነብሲ የስዕብ'ሞ ከም ውጽኢቱ ኸኣ መኻንነት የኸትል።

## ኣገባብ ምትሕልላፍ ሕማም

ሕማም ምቍላዕ ብቐጥታ ምትንኻፍ ምስ ዝሓመመት እንስሳ ከምኡ'ውን ብታህዋስ ብሩሴላ ዝተበከለ ኣከባቢ፡ ዝተላሕጸጸ ቍስሊ፡ ልፉጫዊ መምብረይን (ምዩክስ መምብሬን)፡ ነድሪ ዓይንን፡ ብወሲብ (ስጋዊ ርክብ) ሰብ-ሰርሖ መፍረን ይመሓላለፍ። ዝተነጸለ (ዝተብርዓነ) ድቂ፡ ናይ መስከብ ሽፋንን ፈሳስን፡ ዝተበከለ መግብን ማይን ቀንዲ መተሓላለፍቲ ናይ'ዚ ሕማም እዮም። ሓንቲ ዝሓመመት እንስሳ ድማ ንምሉእ መጓሰ ናይ ምብካል ልዑል ተኽእሎ ኣሎ።

## ኣገባብ ምክልኻል ወይ ፍወሳ ሕማም ኣብ እንስሳን ሰብን

ሕማም ምቍላዕ ዘስዕብ ታህዋስ፡ ኣብ ሰብነት ሓደ እንስሳ ካብ ዝኣተወሉ ጀሚሩ ተራቢሑ፡ ናይ መጀመርታ ምልክት ክሳዕ ዘርኢ ዘሎ ግዜ ናይ 'ሕቓፎ እዋን' ይብሃል። ናይ 'ሕቓፎ እዋን'፡ ሕማም ምቍላዕ ካብ ኣስታት ክልተ ሰሙን ክሳዕ ሓደ ዓመት ኣቢሉ ይኸውን። ሓድሓደ እዋን'ውን ካብኡ ንላዕሊ ይዝርጋሕ። ምቍላዕ ድቂ ምስ ኣጋጠመ፡ ናይ ሕቓፎ ግዜ ኣስታት 30 መዓልትታት ይወስድ። እዚ ማለት፡ እታ እንስሳ በቲ ሕማም ተጠቒዓ ክንሳ ኣሉታዊ ምላሽ መርመራ ተርእየና። ስለዚ፡ ድሕሪ 30 መዓልትታት እንደገና ክንምርምራ ይግባእ ማለት'ዩ። ብሓፈሻ በዚ ሕማም ዝተለኽፈት እንስሳ፡ እቲ ሕማም እና'መሓላለፈት ንነዊሕ ግዜ ከይተፈልጠት ክትጸንሕ ትኽእል'ያ። ሕማም ምቍላዕ ንምፍዋሱ እተፈላለየ ሕክምናዊ መገድታት'ኳ እንተ'ተፈተነ፡ ውጽኢታዊ ክኸውን ኣይከኣለን። እዚ ማለት ምልክታት ይጉድል ወይ ይጠፍእ እምበር፡ እቲ ሕማም ኵሉ ግዜ ምስ ግዳይ ኣሎ። በዚ ምኽንያት ከኣ ዝተሓከመት እንስሳ፡ ሕማም ምቍላዕ ከተመሓላልፍ ትኽእል። ስለዚ ሕማም ምቍላዕ ንምፍዋስ ዝግበር ሕክምና ብዓይኒ-ቁጠባ ውጽኢታዊ ኣይኰነን። ስለዚ ዝሓመመት እንስሳ ክትውገን እዩ ዘለዋ።

ጽሬት ኣብ ምክልኻል ሕማም ምቍላዕ ዓቢ ግደ ኣሎዎ። ግቡእ ዝኾነ ምሕደራ እንሳሳታት ምኽታል፡ ማለት ዕጹው መንበሪ ምግባር፡ መለለዩን መፍለዩን ቁጽሪ ምጥቃም፡ ሓደስቲ ዝተገዝኣ እንስሳታት ምፍላይን ምምርማርን፣ መደቀሲ እንስሳታት ብጽሬት ምሓዝን ምምካንን ኣገዳሲ እዩ። ዝሓመመት እንስሳ ድማ ብኣፍልጦ ክኢላ ሕክምና እንስሳ ጥራይ ምውጋን የድሊ።

## ኣገባብ ምክልኻል ሕማም ምቍላዕ ኣብ ሰብ

ደቂ-ሰብ ንሕማም ምቍላዕ (ብሩሴላ) ብቐሊሉ ክከላኸልዎ ይኽእሉ'ዮም። ብግቡእ ዝፈልሐን ዝመኸነን ጸባን ውጽኢቱን ምምጋብን ምስታይን፣ ብግቡእ ዝበሰለ ስጋ ምምጋብ፣ መደቀስን መሕረስን ከብቲ ብግቡእ ምጽራይን መንጽሂ ወይ ሳኒታይዘር-መሳሊ ምጥቃም፣ ሓኻይም እንስሳ ምሉእ መከላኸሊ ልብሲ ክኽደኑን ክጥቀሙን፣ ምስ እንስሳታት ድሕሪ ምትንኻፍ ድማ ብግቡእ ማይን ሳምናን ተጠቒምካ ኣጽሪኻ ምሕጻብ ኣገደስቲ መከላኸሊ ሜላታት'ዮም።

***



# ጥቕምን ሳዕቤናትን ኣንቆራ

**ሕቶ፥ ኣብ ምርባሕ ንህቢ፡ ኣንቁራ ከም ሓደ ኣገባብ መራብሒ ይግለጽ'ዩ። ኣንቁራ እንታይ እዩ? ጥቕሙን ሳዕቤናቱንከ?**

**መልሲ፦** ኣንቁራ ንህቢ ብእተፈላለየ ምኽንያታት ዝኽሰት፡ ባህርያዊ ዑደት ንምፍራይ ዝጥቀመሉ ሜላ'ዩ። እዚ ሜላ፡ ንህቢ ብቑጽሪ ንኽጉልብት ይሕግዞ። ኣንቁራ፡ ንህቢ ብቑጽሪ ናብ ዝለዓለ ደረጃ ኣብ ዝበጽሓሉ'ዩ ዝኽሰት። ነዚ ባህርያዊ ኣገባብ ተጠቒሙ ድማ ናብ ክልተ ጉጅለ ክምቀል ይርእ። ዛዕባ ሕቶና ጥቕምን ሳዕቤንን ኣንቁራ ዝብል'ዩ። ነዚ መብርሂ ዝሃበና ኣብ ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ሓላፊ ኣሃዱ ልምዓት ንህቢ ኣቶ ስምኦን ሳሙኤል ድማ ብስም ኣንበብቲ መጽሔት ፍረ-ጻዕሪ ነመስግኖ።

ኣንቁራ፡ ንህቢ ብእተፈላለዩ ምኽንያታትን ረቛሒታትን ተጸልዩን ወቕቱ ሓልዩን ዕስለታቱ ዘራብሓሉ ሜላ'ዩ። ንህቢ ድማ፡ ነዚ ባህርያዊ ዑደት ስርዓተ-ምርባሕ ተጠቒሙ፡ ዝጠፍኡ ኣባላቱ ይትክእን ዓቕሚ ሰራዊቱ የጕልብትን። ኣንቁራ ንኽፍጠር ዝጸልዉ ረቛሒታት፡ እዞም ዝስዕቡ ከም ኣብነት ንርአ፦

- ኣብ ውሽጢ ቀፎ እኹል ኣየር ዘይምህላው፤ ጽበት ስፍራ ዝፈጠሮ ምጭንናቕ፤ ኣፍደገ መዋፈሪ ቀፎ ጸቢብ ምስ ዝኸውን፤ ንህቢ ብቑጽሪ እናዛየደ ኣብ ዝኸደሉ፡ እኹል ስፍራ ንምጥጣሕ ኣብ እዋኑ ተደራቢ ቀፎ ምስ ዘይዳለወሉ፤ ቀፎ ንምቕት ጸሓይ ብርሃን ዝተቓልዐ ምስ ዝኸውን፡ ዝበሰለ መዓር ኣብ እዋኑ ምስ ዘይብርበር።

- እርጋን ንግስቲ ንህቢ፡ ልዕሊ ሸዱሽተ ወርሒ ዕድመ ብዘሎዋ ንግስቲ ዝእለ ዕስለ ንህቢ፡ ዝያዳ ኣንቁራ የርኢ።
- ክብን ለጠቕን ዕምባባ'ውን፡ ኣናህብ ብዘይ ስራሕ ኣብ ቀፎኦም ክውዕሉ ዝቕስብን ኣንቁራ ናይ ምፍጣር ተኽእሎ ዘልዕልን እዩ።

ኣንቁራ መዓስ ይርአ ንዝብል ከኣ ጽቡቕ ዕምባባ ኣብ ዝረኣየሉ ወቕቲ ቀውዒ (ካብ መስከረም ክሳዕ ጥቅምቲ)ን (ብፍላይ ዕሙር ኣግራብ ኣብ ዝርከብሉ ከባቢታት ድማ ካብ ለካቲት ክሳዕ ሰነ ኣብ ወቕቲ ኣዝመራ ይርአ። ብፍላይ ኣብ ሰሜናውን ደቡባውን ባሕሪ ሃገርና፡ ካብ መወዳእታ ለካቲት ክሳዕ መወዳእታ ሚያዝያ ዝያዳ ይርአ።

ኣብ እዋን ኣንቁራ፡ መብዛሕትኡ ግዜ ልዕሊ ሸዱሽተ ዝኾና ዕጹታት ንግስቲ ይዳለዋ። ኣብ ከምዚ ኣጋጣሚ፡ ንንግስቲ ኣብ ምምጋብ ዝዋፈሩ ቁጽሪ ሰራሕተኛ ንህቢ ይንኪ'ሞ፡ ብእኡ መንጽር ሚዛን





ኣቶ ስምኦን ሳሙኤል

ክብደት ሰብነታ ይቕንስ። ኣንቁራ ኣብ ዝንጸለሉ ግዜ ንኽትነፍር ጽቡቕ ቀመና ክህልዋ ይሕግዛ፣ እንቋቑሖ ምጽፋይ ድማ ተቋርጽ። ብዙሓት ሰራሕተኛታት ንህቢ ናበይቲ ዕጸ (እጓም) ሰራሕ ኣቋሪጾም፡ ኣብ መዋፈሪ ኣፍደገ ቀፎኦን ብብዝሒ ጠልጠል ኢሎም ክረኣዩ ይጅምሩ። እዚ ተርእዮ፡ ምፍላይ (ምንጻል ኣንቁራ) ንህቢ ከጋጥም ከም ዝኽእል የመልክተልና።

ሓደ ዕስለ ንህቢ፡ ኣንቁራ ክፈሊ ዝዳለወሉ ናይ መወዳእታ ሰዓት፡ ከባቢ 24 ሰዓታት ክተርፎ ኸሎ፡ ንግስቲ ኣብ ውሽጢ ቀፎኣ፡ ካብ ስፍራ ናብ ስፍራ እናተዘዋወረት፡ "ጢጥ-ጢጥ" ዝብል ድምጺ ተስምዕ። እዚ ድምጺ'ዚ፡ ንግስቲ ንኽትብገስ ዘደፍእ ብሰራሕተኛታት ንህቢ ዝፍጠር ድምጺ ኾይኑ፡ ብወገን ሰራሕተኛ ንህቢ ብብዝሒ መዓር ብምብላዕ፡ ከረጺት መዓር ይመልኡ። ምዉቕን ህዱእን ሰዓታት ቀትሪ ተበገስ ዘመልክት (ሩ...ር...ር) ዝብል ፍሉይ ድምጺ የስምዑ። ብሓደ-ክልተ ዝጀመረ ነውጺ፡ ድሕሪ ደቓይቕ ናብ ኣሽሓት ኣናህብ ተሰጋጊሩ፡ ብምልኡ'ቲ ኣብ ቀፎ ዝርከብ ዕስለ ንህቢ ዕግርግር ይኣትዎ። ልዕሊ ፍርቂ ካብ'ቲ ዕሰለ ድማ ካብ ቀፎኡ ንግዳም ይወጽእ። ኣብ ውሽጢ ሒደት ደቓይቕ፡ ምስታ ሹም ኣብ ጥቓኡ ኣብ ዝረኸቦ ገረብ ኰነ ቀጥቋጥ ወይ ጽልምት ዝበለ ስፍራ ተጠቕሊሉ ይዓስል። ድሕሪ ሓጺር ዕረፍቲ ድማ፡ ሓድሽ መዕቀቢ (ስፍራ) ንምርካብ ይብገስ።

ሰንጋል ሳሙኤል

# ቀመማዊ ድኹዒ፡ ንሕርሻ ኣፍሪቃ የበላሹ

ሓረስቶት ኣፍሪቃ፡ ሓመድ ናይ ዝሓረስዎ መሬቶም እናመኸነ ይመጽእ ምህላዉን ቀንዲ ጠንቂ ናይዚ ድማ ልዕሊ ዓቐን ምጥቃም ቀመማዊ ድኹዒ ምዃኑን ይሕብሩ ኣለዉ። ቅድሚ 25 ዓመታት፡ ኣብ ምዕራባዊ ገጠራት ኬንያ ዝርከቡ ሓረስቶት፡ ካብ 10 ቃጽያ መሬት ብማእከላይ ገምጋም 200 መሸማዕ ምህርቲ ዕፉን ዝሓፍሱ ዝነበሩ፡ ኣብዚ እዋን እቲ መጠን ምህርቲ ናብ ትሕቲ 30 መሸማዕ ኣንቈልቊሉ ይርከብ። እዚ ዝኾነሉ ቀንዲ ምኽንያት ድማ ቀደም ኣዝዩ ልሙዕ ዝነበረ ሓመድ ግራውቶም፡ ብሰንኪ ዘየቋርጽ ተጠቃምነት ዘመናዊ ድኹዒ ናብ ኣሲዳዊ ሓመድ ይለወጥ ስለዘሎ'ዩ።





መንግስቲ ኬንያ፡ ካብ 2008 ጀሚሩ ዘመናዊ ድኹዒ ብድጉማ እናቐረበ፡ ሓረስቶት ብቐሊሉን ብብዝሕን ከም ዝጥቀምሉ ገይሩ። ብሰንኩ ድማ ሓረስቶት ኬንያ፡ ከም ካልኦት ሓረስቶት ኣፍሪቃ ናብ ኣደዳ ምንቊልቋል ምህርቲ ተቓሊዖም ይርከቡ። ንሳቶም በቲ ረኺቦሞ ዘለዉ መዓት ነቲ ብዘይ መጽናዕትን ምርምርን ቀመማዊ ድኹዒ ዝዓደለ መንግስቶም'ዮም ዝወቕሱ። ኣብዚ እዋን፡ ኣስታት 63% ካብ ጠቕላላ መሬት ሕርሻ ኬንያ፡ ብሰንኪ ቀመማዊ ድኹዒ ትሕዝቶ ሓመዱ ናብ ኣሲድ ተለዊጡ ከምዘሎ ክኢላታት'ታ ሃገር የመልክቱ። (apnews.com) ኣብታ ብሕርሻዊ ፍርያት ፍልጥቲ ዝነበረት ዚምባብወ እውን እንተኾነ፡ ካብዚ ብዘይፍለ፡ መጠን ናይ'ቲ ብምሒር ተጠቃምነት ቀመማዊ ድኹዒ ናብ ኣሲድ ዝተለወጠ መሬት ሕርሻ ኣስታት 70% በጺሑ ከምዘሎን ሓረስቶት ግዳይ ናይቲ ቀመማዊ ድኹዒ ኰይኖም ከም ዘለዉን ጸብጻባት መንግስቲ ይሕብሩ።

ፈጻሚ ዳይረክተር ፈደረሽን ሓረስቶት ምብራቕ ኣፍሪቃ - ስቴፈን ሙቺሪ፡ "ጥዕና ሓመድ ዝሕረስ መሬት ኣፍሪቃ ክፍወስ ኣብ ዘይክእለሉ ሓደገኛ ደረጃ'ዩ በጺሑ ዘሎ" ድሕሪ ምባል፡ ሓረስቶት ንቐመማዊ ድኹዒ ቶባእ ኢሎም ናብቲ ቀደም ዝጥቀምሉ ዝነበሩ ባህርያዊ ድኹዒን ምቅይያር ዘራእትን ክምለሱ፡ ከምኡ ድማ ካብ ገፈጥ-መፈጥ ዝዳሎ ኮምፖስት ክጥቀሙ ይምሕጸን።

ብደረጃ ዓለም ተሪፉ ካብ ዘሎ ዘይለምዐ ዝሕረስ መሬት (ቃድራ) እቲ 65% ኣብ ኣፍሪቃ ዝርከብ ክንሱ፡ ኣፍሪቃ ግን ዓመታዊ ኣስታት 60 ቢልዮን ዶላር ወጻኢታት እናገበረት'ያ ካብ ወጻኢ መግቢ ተእቱ ዘላ - ብመሰረት ባንክ ልምዓት ኣፍሪቃ። እዚ ወጻኢታት'ዚ ኣብ ዝቕጽል ዓመት ናብ 110 ቢልዮን ዶላር ክዓርግ ግምት ከምዘሎ ድማ እቲ ባንክ ወሲኹ ይሕብር።

# ብግዝፉ ክብረ-ወሰን ዝሰበረ ዓርሞሸሽ ዱባ

ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ጥቅምቲ፡ ሓረስቶት ቤልጁም 1,152 ኪሎ-ግራም (ልዕሊ 11 ኲንታል) ዝምዝን ክንዲ ንእሽቶ መኪና ዝግዝፉ ዓርሞሸሽ ዱባ ከፍርዩ ብምኽኣሎም፡ ኣቓልቦ ሓረስቶት ዓለም ስሒቦም። እቲ ዝሓለፈ 13 ጥቅምቲ 2024 ኣብ ከተማ ላድውግዝበርግ - ጀርመን ኣብ ዝተኻየደ ምርኢት ሕርሻዊ ፍርያት ዝቐረበ ዱባ፡ ብግዝፉ መወዳድርቲ ክረክብ ብዘይምኽኣሉ፡ ኣፍራዪኡ ቤልጁማዊ ሓረስታይ ማሪዮ ኻንጊል፡ ዘውዲ ቻምፕዮን ኤውሮጳ ክደፍእ ክኢሉ ኣሎ። ማሪዮ፡ ኣብ 2019 እውን ኣብ ሃገሩ ዝገዘፈ ዱባ ከፍሪ ብምኽኣሉ፡ ቻምፕዮን ኣቢሉ ከም ዝነበረ፡ ጸብጻባት የመልክቱ።

ብተወሳኺ፡ ኣብ 2021 ብደረጃ ዓለም ካልኣይ ዝገዘፈ ዱባ ሒዙ ናብ ውድድር ብምቕራብ፡ መዛረቢ ማዕከናት ዜና ዓለም ኰይኑ ከም ዝነበረ ይሕበር። ኣብ ትሕቲ ሓደ ናይ ሕርሻ ኩባንያ ተቘጺሩ ትራክተር ዝዝውር ወዲ 50 ዓመት ማሪዮ፡ ኣብ ገደናኡ ልዕሊ 11 ኲንታል ዝኽብደቱ ዱባ ከፍሪ ዝኽኣሎ ምስጢር - ምሩጽ ዘርኢ ስለ ዘውንን፡ ከምኡ ድማ ዝበለጸ ድኹዒ ስለ ዝጥቀም ምዃኑ ይገልጽ። እቲ ዝዓበየ ምስጢር ግን እንታይ ምዃኑ ከካፍሎ ከም ዘይደለ፡ እቲ ሓረስታይ ወሲኹ ይሕብር።

ጸብጻባት ከም ዘመልክትዎ፡ ኣብ 2023 ትራቪስ ጀንገር ብዝተባህለ ኣመሪካዊ ሓረስታይ ዝፈረየ 1,296 ኪሎ-ግራም (13 ኲንታል) ዝኽብደቱ ዱባ፡ ብደረጃ ዓለም 'ዝገዘፈ' ዝብል ክብረ-ወሰን ሒዙ ይርከብ። (goodnewsnetwork.org)





ባህልቢ ጉይትኦም

# ብኻዶ...

# ውሑስን መኣዛውን መግቢ ንመን?

ኣብ ኣስመራ፡ ማእከል ከተማ ንምብጻሕ ኣንቂደ፡ ኣብ ናይ ከተማ ኣውቶቡስ ተሳፈርኩ። ሻቡ ሓደ ግሩም ኣቦ፡ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ዓምዲ ፍረ-ጻዕሪ ከንብቡ ተመልከትኩ። እቲ ጽሑፍ ኣገዳስነት "ጥሙር መኣዛዊ መግቢ ንጥሪት" ዘርእስቱ ብመብራህቶም ገብረሂወት ዝተጻሕፈ ዓንቀጽ ነበረ። እቶም ኣቦ ነቲ ጽሑፍ ብኣተኩሮ የንብብዎ፣ ኣነ ድማ ነቶም ኣቦ ብተመሳጥ ይጥምቶም። ኣብ ጐድኖም ጽግዕ ኢለ ስለ ዝነበርኩ፡ ትዕዝብተይ ክቐርም ማእሚኡኒ ነበረ። ወየ ኳዕናን ኣቦ፡ ኣንቢቦም ዛዘሙ። ኣብ እግሪ እቲ ጽሑፍ፡ "ውሑስን መኣዛውን መግቢ ንኹሉ፣ ኣብ ኩሉ!" ዝብል ሓረግ ጸቒጦም ኣድሃቡ። ግዲ እመስለኒ፡ እከታተሎም ምንባረይ ፈሊጦም ሃንደበት ግልጽ ኢሎም ጠመቱኒ። መነጸር ዓይኖም እናʼስተኻኸሉ፡ "እንታይ ማለትʼዩ?" ኢሎም ሓተቱኒ። ኣነ ድማ ኣባል ሚኒስትሪ ሕርሻ ምዃነይ መን ነጊርዎም፡ ኢለ ክምልሰሎም ኣይተሃወኽኩን። ሓደ ምሳና ኮፍ ኢሉ ዝነበረ መንእሰይ፡ "እዚ ደኣ፡ ንበልያ መግቢ ውሑስ ኩይኑ፡ መኣዛ ዘለዎ ክኸውን፡ ንኹሉ ሰብ ዝምልከት ምዃኑን እዩ፡ ዝሕብረና ዘሎ" ኢሉ መለሰሎም። እቶም ኣቦ ዓይኖም ተኺሎም፡ "ስለምንታይ ንሰብ ጥራይ፡ ነቲ ኻልእ ፍጡርከ ኣይምልከቶን?" ኢሎም ኣትሪሮም ሓተትዎ። እቲ መንእሰይ፡ "እወ! እዚኣቶም ናይ ሕርሻ ክኢላታት ስለ ዝኾኑ፡ መግቢ ናይ ሰብ ጥራይ እዩ ዝምልከቶም" ኢሉ ዕምቈት ዘይብላ መልሲ መለሰሎም። እቲ ምምልላሶም ደስ ስለ ዝበለኒ፡ ዝኾነ ከይመለስኹ፡ ዝርርቦም ከይወድኡ ኸለዉ፡ ዝወርደላ ፈርማታ ስለ ዝኣኸለት ገዲፈዮም ወረድኩ። ብእግረይ እናተጓዓዝኩ፡ እታ ዘረባ ኣብ ኣእምሮይ እናተመላለሰት ድቃስ ከልኣትኒ። ብፍላይ እታ "ንኹሉ፣ ኣብ ኩሉ!" እትብል ሓረግ ደጋጊመ ኣኰማሳዕክዋ። 'ንሰብ፡ እንስሳ ዘቤት፡ እንስሳ ዘገዳም፡ ዘራእቲ፡ ኣትክልቲ፡ ንሓመድ ኣብ ባሕሪ ዝርከቡ ህይወታውያን፡ ብሓፈሻ ንኹሉʼ እተገልግል እያ፣ ኢለ ምስ ነብሰይ ምጕት ጀመርኩ። "ንእንስሳ ዘገዳም ውሑስን መኣዛውን መግቢ ንምንታይ የድልዮም?" መን እዩ'ኸ ዝምግቦም?፡ ባዕሎም ውሑስን መኣዛውን መግቢ ማእሪሮም ዘይበልዑ! ብምባል፡ በይነይ ሰሓቕ መጺኡኒ ፍሽኽ በልኩ፣ ዘየስሕቕ ኣይኰነን! ንበዓል ኣንበሳ፡ ነብሪ፡ ዝብእን ውሑስን መኣዛውን መግቢ ኣብሊዕና፡ ባዕልና ንነብስና ከም ዘበልዑና ክንገብር። እዋው! "ንኸልቢ ብእግሪ ምህራምሲ፡ እንካ ስጋ" ይብሉ መሳሉ ዓድና።

ብዝኾነ ውሑስን መኣዛውን መግቢ ንሰብ ጥራይ ዘይምዃኑ ከም ኣብነት ክኾነኒ ዝኽእል፡ ሓደ ነገር ትዝ በለኒ። ቀደም ኣብ መሮር ዓድና ጥሪት እናጓሰና ከለና፡ ኣብ ሓደ ድጕብ (ናይ ተፈጥሮ ማይ ዝሕዝ ሓጽቢ)፡ ማይ ክሰትያ ጸኒሐን፡ ድምጽና ዝሰምዓ ዘጋሩ፣ ካብʼቲ ቦታ በሪረን ሃደማ። ንሕና ኣብቲ ድጕብ ሓንቢስና ደሃይ ጥሪትና ክንገብር ናብቲ ለሰ ከድና፡ ሓንቲ ወኻርያ ክትመውት ደልያ ክትሰሓግ ጸንሐትና። ብፍላይ ኣነ፡ ነታ ካብ ኩለን ኣጣለይ ዝፈትዋ ዝነበርኩ ኣርሑደይ ኣቐዲማ ወኻርያ በሊዓታ ስለ



ዝነበረት፡ ሕነይ ክፈዲ፡ ነታ ወኻርያ ብበትሪ ኣብ ርእሳ ብምህራም ካብ ስሕግ ምባል ኣገላጊለያ። ኣይጸናሕናን ካብቲ ቦታ ናብ ሓደ ብጹር ዝዓመረ ቦታ ምስ በጻሕና፡ ዘጋሩ ከምዛ ልዑል ኣልኮል ሰትዩ ብሰኽራን ዝተሰነፈ ሰብኣይ፡ ምኻድ ስኢነን ሓንኮል-ሓንኮል ክብላ ጸንሓና። ንሕና ድማ ንኽንሕዘን በብዘለናዮ ጉያ ጀመርና፡ ኣብ መጀመርታ ንኽሃድማ'ኳ እንተ ፈተና ግን ምኽኣል ስኢነን ብርእሰን ናብ ቅድሚኣን ዝጸንሐን ነገር እናተጋጨዋ ብቐሊሉ ክንሕዘን ከኣልና። ነፍሲ-ወከፍና ከክልተ ዘጋሩ ሒዝና ንገዛና ተበገስና። ገሊኣን ኣብ መገዲ ሞይተን ገሊኣን ድማ ትልኽ እናበላ ገዛ በጺሐን። እንታይ ግድኹም ሰሪ ዘይምፍላጥና እምበር ሃድን ነውሪ! ሕጂ ፋይል ከይትኽፍቱለይ ሓደራ፡ ልብኹም ይዓቢ። ኣብቲ እዋን ዘጋሩ ሒዝና ምምጻእና ስድራቤታትና ኣዝዮም ተሓጉሱ። ወዮ! ስጋ ሓሪምዎ ዝነበረ ጻሕልና ንሓምሊ ብጎቦ ዓይኑ ብምርኣይ ብስጋ ርቕሕ በለ። ስድራቤት ንመኣዲ ምስ'ተቐረብና "ድሕሪ ነገር ፈጽሚ፡ ድሕሪ መግቢ ዓጽሚ" ከም ዝበሃል፡ ከምቲ ባህሊ ናይ'ቲ ከባቢና ኣደይ ነቲ ዓጽሚ ነንዝምልከቶ ዓደለትና። ፈረሰኛን ጭንጭራን ነቦይ፡ ሰለፍ ነቶም ኣወዳት ዝኾንና፡ መልሓጭን ቀርበትን ድማ ነተን ደቀንስትዮ፡ ዓዲላትና። ንዓይ ድማ መንፈርፈር ናይ ጽቡቕ ትምኒት ብምባል ተወሳኺ ሃበትኒ። እታ ስጋ ዘይብላ ኣሻኸ "ግደ-ዛቑናይ"፡ ነቲ ናይ ቀሺ ትምህርቲ ጀሚሩ ዝነበረ ሕሳስ-ልደ ሓወይ ዓዲላቶ። ኣደይ ንኑብሳ ረሲዓ ካብታ ጎሎ ስጋ መንጨታ ንሾሉና ክተኹልሰና እንከላ ሕጂ ኹይኑ ይረኣየኒ። ጽቡቕ ተደሪርና ሓዲርና፡ ቅርጸት ከብድን ውጽኣትን ዘጋጠሞም ኣባላት ስድራ'ኳ እንተ ነበሩ፡ ምቅይያር መግቢ እዩ ተባሂሉ ዝኾነ ሕክምናዊ ሓገዝ ኣይተዋህቦምን። ጠንቂ ሕማም፡ እታ ወኻርያን እተን ዘጋሩን እንታይ ኰን ይኸውን? ዝብል ሕቶ ፈጺምና ኣይሓሰብናሉን። ሕጂ ድሕሪ 30 ዓመታት ክሓስቦ ከለኹ ግን ኣብታ ጥቓ ድጉብ ዝነበረት ግራት ኣቦይ ሃይለ ተፋሰሳ (ማይ-ኲያኣ) ናብቲ ድጉብ እዩ። ኣቶ ሃይለ ድማ ፍሉጥ ናይ ጸረ-ባልዕን ጸረ-ጻህያይን ዝጥቀም ሓረስታይ እዩ። ቅድሚ እታ መዓልቲ ኣብታ ድጉብ እናሓምበስና ከለና፡ ኣቶ ሃይለ "ኣቱም ቈልዑ ከይትጥሕሉ ኣይትሓንብሱ" ኢሉ ክሰጉና እንከሎ፡ መንጸጊ መድሃኒት ተሓንጊጡ ምንባሩ፡ ከምኡ'ውን ኣብቲ ልዕሊ ድጉብ ኲይኑ እግሩን ኢዱን ክሕጸብ ከሎ ብምዝካር፡ 'እቲ ጠንቂ ጸረርታ ናይ መድሃኒት ክኸውን ይኽእል'ዩ' ዝብል ሓሳብ እዩ ዝስወጠኒ ዘሎ። እንታይ'ሞ፡ "ድሕሪ ማይ ኣብ በዓቲ" እንዶ ኾይኑ።

እዋይ! ኣነስ ሕሉፍ እናዘከርኩ ነዛ ነብሰይ ድቃስ ከሊኣያ'ምበር፡ ኣብ ግዜ ጉስነት ድኣ ብዛዕባ ውሑስን መኣዛውን መግቢ፡ ዝጉስጉሰና ኣካል ስለዘይነበረ፡ ዘይውሑስ ነገር እንታይ ዘይገበርናን እንታይ ዘይበላዕናን። ኣየ'ዚ "ሃሰሰ ለባም"፡ ከምዚ ሎሚ ጸባ ብማይ ተጀሊሓ፡ ብቡን ሽኮርን ተሓጊዛ ብብኼሪ፡ ፈቘዶ ካፌተርያታት ወሪዳ ብገንዘብ ከይተሸጠት፡ ንሕና ብጓጉድ ብሓደ ከቢብና ተፋይትና (እናተቐባበልና ብሓደ መስተዩ) ሰቲናዮ። እወ፡ ብጻልጣ ካብ ከብቲ ብቐጥታ ናብ ኣፍና ልሒኹናዮ (ሓሊብናዮ)፣ ዓረ እምኒ ኣርሲንና ኣብ ጓጉድ ጭ…ጭ ኣቢልና ኣፍሊሕናዮ፣ ኣብ መዳጉል ብቈጽለ-መጽልን ፍረታትን ኣራጊእና (ኣልጊዕና) ሰቲናዮ። ናይ ቀደም ጸባ ዝያዳ መኣዛዊ ከም ዝነበረ ኣይጠራጠርን እየ፣ ምኽንያቱ ጥሪትና ማእሪረን ይምገባ ስለዝነበራን ዝኾነ ቀመማዊ መግብን መድሃኒትን ንህበን ስለ ዘይነበርናን። ውሕስነቱ ግን ሎሚ እዞም ምሁራት ጥዕና እንስሳ፡ ብዛዕባ ሕማማት ክጉስጉሱ ከለዉ ከተሓሳስበኒ ጀሚሩ። ኣብ 2002 ኣብ ሓደ ከባቢ ስድራቤት ክበጽሕ ምስ ከድኩ፡ መብዛሕትኦም መንእሰያት ዝርከብዎም ደቂ'ቲ ዓዲ፡ ሓሚሞም ጸንሑኒ። እቲ ዓይነት ሕማም ኣቐዲመ ከምኡ ዓይነት ርእየ ኣይፈልጥን እየ፡ መሓውሮም ለሚሱ፣ ክንቀሳቐሱ ኣይክእሉን፡ ቃንዛ ኣብ መላግቦታት ዘጠቓለለ ኾይኑ፡ ዳርጋ ገዛ ከፊተ'ዩ ነይሩ። እቲ ንዓይ ዝገረመኒ ግን እቶም ስድራቤታት ሕማም ጋኔን ከይከውን ኢሎም ይመስለኒ፡ ንሕክምና ከይወሰድዎም ጸበልን ባህላዊ ፍወሳን ገይሮም፡ ኣብ ገዛ ሒዞም



ኮፍ ምባሎም'ዩ። ዝሞተ ሰብ ኣይነበረን፡ ግን ነዊሕ ኣዋርሕ ዝተሳቐዩ ከም ዝነበሩ ሕጂ እዝክር። ኣብዚ እዋን፡ ሕማም ምቑላዕ (ብሩሶሎሲስ)፡ ብምትንኻፍን ብዘይፈልሐ ጸባን፡ ካብ እንስሳ ናብ ሰብ ዝመሓላለፍ ክኸውን ከም ዝኽእል፡ ብሚኒስትሪ ሕርሻ ብዝወሃብ ኣስተምህሮ ዳርጋ ኹሉ ሰብ ነቒሑ እዩ። ጸባ ብግቡእ ኣፍሊሑ ክጥቀም፡ ምትንኻኻ ምስ ኩብቲ ክጉድል፡ ከምኡ'ውን ኣብ መንጎ ዝሓመማ ከብቲ ምትንኻፍ ከይህሉ ክጥንቀቕ ጀሚሩ ኣሎ። ብሓፈሻኡ፡ ህዝቢ ናይዚ ሕማም ምልክታት ፈሊጡዎ፡ ዝጠርጠሮ ሕሙም ሰብን እንስሳን ናብ ሕክምና ወይ ናብ ሃገራዊ ላባራቶሪ ጥዕና እንስሳን ብቕልጡ ሒዙ ምምጻእ ልሙድ ኲይኑ ኣሎ። ከምዚታት ክሰምዕ ከለኹ፡ ብሰንኪ ከምዚ ምግባር ቅድሚ ሕጂ ክንደይ ህይወት ሓሊፉ ይኸውን ዝብል ሕቶ ዱብ! ይብለኒ።

ውጻእ መዓት ሓውኹም፡ ኣብ ጻልጣ ጸባ ምስ ውዑይ ቅጫ፡ ዝነበረኒ ኣረኣእያ ፍሉይ ብምንባሩ፡ እዚ ሕማም ምቑላዕ ከይሓዘኒ ክሳዕ ሕጂ ምህላወይ ኣዝዩ ዕድለኛ እየ። ዘረባ ደኣ ከየብዘሓልኩም እምበር፡ ባናናን ኣራንሸን ብሓፈሻኡ ድማ ፍረታት ክሳብ ክንድ-ሰብ ኣኺለ ከተማ ዝረግጽ፡ ብስእሊ እምበር ብኣካል ርእየዮም ኣይፈልጥን ነይረ እንተበልኩ ኣየጋንንኩን። እሞ ድማ 'ኣብ መዓልታዊ መግብና ፍረታት ክህልዉ ኣለዎም' እናተባህለ ባናናን ኣራንሸን ብኻራ እናተቘረጹ ድሕሪ መግቢ ኣብ ከተማታት ዝቕረቡ ዘለዉ፣ እቶም ኣብ ዓዲ ዘለዉን ኣብ ዓዲ ዝዓበናን እቲ ካብ ፍረታት ዝርከብ መኣዛታት መግቢ ካበይ ንረኽቦ? ኢልኩም እስከ ሕሰቡ። ዕድመ ንመሮር ዓድና ከምዚ ሎሚ ግዜ ሓሲምዎ ዕርቃኑ ከይወጸ፡ ብዝኸድካዮ ትሕዝቶኦም ብግቡእ ዘይተሰነዱ ፍረ መሮር ከም ዓየ፡ ጋባ፡ ሞሶቚ፡ ሓበነ፡ ኩመል፡ ኣውሒ፡ ሳግላ፡ ኦባ፡ ኣሸንጦ፡ ኣፍዕቺ፡ ማይ-ኣጽግቢ፡ ዓንቋ፡ ኣጕሉም (ምጥሖ)፡ ሕሞር፡ ዓካት፡ ኣሻምገ፡ ዝብጦ፡ በለስን ወዘተ. ብዝኸድካዮ መን ኢኻ ዝብል ዘይብልካ እናበላዕና ስለ ዝዓበና፡ ካብዚኣቶም ኢና ንረኽቦም በለለይ። ክገርመኩም ግን ንሕና 'ጓሶት' እዞም ፍረ መሮር ዝኾኑ ቀመማዊ ድኹዒ ስለ ዘይብሎም ኣዝዮም ውሑሳት ምኻኖም ሕጂ እዩ ዝስወጠና ዘሎ። ሓድሓደ ግዜ ግን ኣዕዋፍ በሊዖን ዝገደፋኦ'ሞ ዝነቐጸ ብፍላይ ፍረ-ዓየ ንበልዕ ምንባርና፡ ሕጂ ስኽፍ እብለኒ። ምኽንያቱ፡ ካብ ኣዕዋፍ ናብ ሰብ ዝመሓላለፉ ሕማማት ከም 'ኢንፍልወንዛ ኣዕዋፍ' ዝኣመሰሉ ሕማማት ከም ዘለዉ ስለዘንበብኩ። ብዝኾነ፡ ንሕና መኣዛ ስለ ዘሎዎም ኢልና ኣይኮንናን ንፍረ መሮር ንበልዖም ዝነበርና። እንታይ ደኣ ከም መምልኢ ጎፍ (ኩብዲ) ወይ መዘናግዒ ኢልና ደኣ'ምበር። ግን ተመሲሉልና ድማ 'መኣዛታት ኣሎዎም' ይብሃል ኣሎ። ክንደይ ንዝብል ግን ይስርሓሉ ከም ዘሎ ሰሚዐ። ኣብ ማዕከናት ዜና፡ ቦታ ተዋሂቡዎ ይቐርብ ኣሎ። ጽቡቕ! ነጋዶ ደኣ ከየኽብሩዎ እምበር፡ ዕዳጋታት ዓድና ፍረ መሮር ከዕለቕልቕ ተስፋ ኣሎዎ።

"ማንቲለ ዘሊላ-ዘሊላ ናብ ምድራ" ከም ዝብሃል፡ ውሑስን መኣዛውን መግቢ ንኹሉ፣ ኣብ ኩሉ! ስለዝኾነ መበገሲ ጽሑፈይ፡ ኣይትሓዙለይ ተሃነይ ከውጽእ እየ። እዚ ባህልና ብዙሕ ደስ ዘብል ነገራት ኣለዎ፣ ብኣንጻሩ'ውን ክዕረ ወይ ክመሓየሽ ዝግብኦ ኣሎ። ኣቦይ ተደጋጋሚ ዝምስላ ምስላ ኣላ፡ "ብማይ ጸሎት (ማ'ጨሎት) ዝዓበየ ቊልዓስ፡ ውሕጅ ወዲ ሓብተይ ኢላ ትወስዶ"፣ ደስ እያ ትብለኒ። ሓደ ሰብኣይ ብዛዕባ ሓመድ ብተደጋጋሚ ከዕልል ዝሰምዖ ትሕቲ ዕድመ ውላዱ፡ ባባ "ሓመድ ህይወት ኣሎዎ፣ ብመድሃኒት ክመውት ይኽእል እዩ፣ ዝተበከለ ሓመድ ንጥዕና ሰብን ከባብን ይሃሲ ክትብል ሰሚዐካ፣ ንሓመድ ግን መን'ዩ ዘበላሽዎ፡ ብኸመይ?" ኢሉ ሓተቶ። ኣቦኡ፡ "እዚ ወደይ፡ ኣምላኽ ክፈጥረና እንከሎ፡ እዛ መሬት ኣፉፍ (ጕደሎ) ኣይነበራን። ወዲ-ሰብ ግን ድሌታቱ ንምምላእ እዩ ዘባላሸዎ። ጸረ-ባልዕ፡ ቀመማዊ ድኹዒ ገይሩ ንሓመድ ይጽይቐ። እምበር፡ ንሕና ክንዓቢ ከለና፡ ሓመድ ቊሕምና ኢና ዓቢና! ከምዚ ሎሚ ከይኮነ፡ ሕማም ኣይነበረን" ብምባል ሓመድ ሓደገኛ ምኻኑ ገለጸሉ። ወዮ፡ ቈልዓ ሓደ መዓልቲ ቁሩብ ረሲኑ ኣዲኡ ካብታ ብፕላስቲክ ተቓጺራ ንነዊሕ እዋን ኣብ ኣፍደገ ገዝኦም ተንጠልጢላ ዝነበረት ጸበል ኣብ ፍንጃል በጽቢጻ ንኽሰትዮ ቀረበትሉ። ቈልዓ፡ 'ክሳደይ ንኻራ!' ኣይሰትይን፣ ኢሉ ብብኽያት ተነኽነኸ። ኣዲኡ "ክትሓዊ ኢኻ እዚ ወደይ ናይ ኣምላኽ ጸበል እዩ በሊዑ"። ኖኖ! ዋላ'ኳ ናይ ኣምላኽ ጸበል እንተኾነ፡ ሰብ ንሓመድ ስለ ዘበላሸዎ፣ ሓመድ ከይትበልዕ ኢሉኒ'ዩ ባባ" በላ። ድሮ እቶም ከምዚ ኸማይ ኣብ ዓዲ ተወሊድኩም ዝዓበኹም፡ ሓደ ኣብ እግሪ ምትካል ዝርከብ ሕጻን ሓመድ እናቐሓመ ከም ዝዓብይን፡ ገለ ወለዲ ጥዑም ሓመድ ካብ በረኻ ዘምጽእሉም ከም ዝነበሩ በብወገንኩም ዘክሩ። ሕጂ'ሞ፡ ሓመድ ምቑሓም ኣይኩነን፡ ኣብ ሓመድ ዝወደቐ እንጌራ ነጊፍካ ክትበልዓሉ ዘይትኽእል እዋን ተበጺሑ ኣሎ። "ክንዲ ዘኹለስኩ ኢደይ ተነኸስኩ" ድዩ ዝብሃል። ጸባን ሰጋን ንዝህቡና እንስሳ ዘቤት፡ ግርማ መሬት ዝኾኑ ንቱሪዝማዊ መዓላ ዘገልግሉ እንስሳ ዘገዳምን ዘይውሑስ መግቢ ኣብሊዕና ንነብስና ዘይውሑስ መግቢ ካብ ምምጋብ፡ እታ ሸሻያ ዘይትበቀልና መሬት ውሑስን መኣዛውን መግብን ማይን ብምሃብ፡ ውሑስን መኣዛውን መግቢ ብምምጋብ ጥዕና ህይወት ኵሉ ፍጡር ንሓሉ። እንተ ዘየለ ጽባሕ ብኻዶ…

> "ንመግቢ እንተደኣ ከም መድሃኒት ዘይወሰድናዮ፣
> ንመድሃኒት ከም መግቢ ክንወስዶ ክንግደድ ኢና!"
>
> እዋናዊ ኣበሃህላ
>
> ስለዚ፡
>
> ውሑስን መኣዛውን መግቢ ንኹሉ፣ ኣብ ኵሉ!

# መኣዛ ፍረ-ጻዕሪ

ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ከም ኣካል ናይቲ ካብ 2024-2028 ዝዝርጋሕ 'ውሑስን መኣዛውን መግቢ ንኹሉ፣ ኣብ ኩሉ!" ካብ ወርሒ ጥቅምቲ ጀሚሩ፡ ብመገዲ ክኢላ ምድላው መግቢ ወ/ሮ ኣስመረት ዳምር፡ ኣብ ቴሌቪዥንን ጋዜጣን ክልተ-ሰሙናዊት መደብ/ ዓምዲ 'መኣዛ ፍረ-ጻዕሪ' ጀሚሩ ኣሎ። መጽሔት ፍረ-ጻዕሪ ድማ ካብዛ ሕታም ኣትሒዛ፡ ኣብ ምድላው ውሑስን መኣዛውን መግቢ ዘተኰረት ዓምዲ መኣዛ ፍረ-ጻዕሪ 'ኣሃዱ' ኢላ ጀሚራ ኣላ።

## ዓተር ምስ ኣሕምልቲ

### ዘድልዩ ጥረ ነገራት ዓቐንን

- ካውሎ-ፍዮሪ - ፍርቂ-ኪሎ
- ድንሽ - ፍርቂ-ኪሎ
- ዓተር፡ ርብዒ-ኪሎ
- ጥሑን-ፋል - (ፒናት ባተር) 2 ማንካ-ጣውላ
- ጻዕዳ-ሽጉርቲ - 1 ማንካ ጣውላ
- ቀይሕ-በርበረ - 1 ማንካ ጣውላ
- ጸሊም-በርበረ - 1 ጉደሎ ማንካ ጣውላ
- ህሩድ - 1 ጉደሎ ማንካ ጣውላ
- ጽማቕ ለሚን - 1 ማንካ ጣውላ
- ካሙን - 1 ጉደሎ ማንካ ጣውላ
- ቃርፋ - 1 ጉደሎ ማንካ ጣውላ
- ዘይቲ - 2 ማንካ-ጣውላ (እንተተረኺቡ ዘይቲ ኣውሊዕ ወይ ስምስም ይምረጽ)
- እተቐልወ ጥረ ስምስም - 2 ጉደሎ ማንካ ጣውላ
- ጨው፡ ከም ኣድላዩነቱ ክንጥቀም ንኽእል
- እተቐጥቀጠ ፐርሰሜሎ ድማ ንመመላኽዒ



ኣስመረት ዳምር

## ኣገባብ ኣሰራርሓ መግቢ

መጀመርታ፡ ዓተር ኣጽሪና ሓጺብና፡ ብማይ ነብስሎ። ዓተር ምስ በሰለ፡ ጥሑን-ፋል፡ ጻዕዳ-ሽጉርቲ፡ ለሚን፡ ዘይቲ ኣእቲና ሓዋዊስና ንጥሕኖ። ነቲ ካውሎ-ፍዮርን ድንሽ ምስ ቅራፉን ድማ ብማይ ወይ ብሃፋ ንበይኖም ነብስሎም። ካውሎ-ፍዮርን ድንሽን ምስ በሰሉ ኣውጺእና ንመትሮም እሞ፡ ነዞም ኣብ ላዕሊ ዝጠቐስናዮም ቀመማት ነስኒስና ንሓዋውሶ'ሞ፣ ናብ ባዴላ ገልቢጥና፡ ካብ 3 ደቓይቕ ንዘይበዝሕ እዋን ብሃፋ ክተሓዋወስ ኣብ ሓዊ ንስኽትቶ። ብኸምዚ ምስ ተወሃሃደልና ነውርዶ። ክንቅርቦ ከለና፡ መጀመርታ፡ ኣብቲ ዝተጣሕነ ዓተር ኣብ ብያትና፡ ብታሕቲ ንገብር። ቀጺልና፡ ካብ'ቲ ብሱል ካውሎ-ፍዮርን ድንሽን ኣብ ልዕሊኡ ወሲኽና፡ ፐርሰሜሎን ስምስምን ድሕሪ ምንስናስ ንቐርቦ። ካብ ክልቲኡ ትሕዝቶታት እናሓዋወስና ብፋርኬታ ክንምገብ ንኽእል።

በዚ እተጠቕሰ ዓቐን እተሰርሐ መግቢ ክሳብ 6 ሰባት ክምግበልና ይኽእል።



### መኣዛዊ ትሕዝቶ፦

እዚ መኣዲ፡ ዝበዝሐ ትሕዝቶኡ ሓይልን ጸዓትን ብዝህብና ካርቦሃይድሬት፣ ንኣካላትና ዝሃንጽ ፕሮቲን ከምኡ'ውን ከም ሽፋንን ሓይልን ዘገልግለና ስብሒ ሒዙ ይርከብ። እዚ መኣዲ፡ ኣብ ቁርሲ ክንምገቦ ዝያዳ ተመራጺ እዩ። ብተወሳኺ፡ እዚ መግቢ ብቪታሚናዊ ትሕዝቶን ማዕድንን ሃብታም ኰይኑ፡ ከም ቪታሚናት A፡ K፡ B complex፡ Cን ሒዙ ይርከብ። እዞም ቪታሚናት ድማ ኣብ ምቅልጣፍን ምምስራሕን እተፈላለዩ ክፋል ኣካላት ይጠቕሙና፣ ከም ዋህዮታት ደም፡ ሆርሞናት፡ ንተቐበልቲ ብርሃን ዝኾኑ መትንታት ድማ ግቡእ ንጥፈታት ንኽካይዱ ወዘተ. ይሕግዙ። ብተወሳኺ፡ ማዕድናት ኣብ ምምስራሕ ኣዕጽምቲ፡ ምቍጽጻር ጸቕጢ ደም፡ ዙረት ኦክስጅን ኣብ ደም፡ ጽባቐ ጸጉርን ጽፍርን ከምኡ'ውን ኤለክትሪካዊ ምትሕልላፍ ናይ መትንታት ይጠቕሙና።

# ብርስን ምስ ዱባ



### ዘድልዩ ጥረ ነገራትን ዓቐንን

- ርብዒ-ኺሎ - ብርስን ወይ ዓደስ፣
- ርብዒ-ኺሎ ዱባ
- 1 ሊትሮ ንመብሰሊ ዝኸውን ማይ
- 1 ማእከላይ ግዝፊ ዘሎዎ ቀይሕ ሽጉርቲ
- 3 ማእከላይ ግዝፊ ዘሎዎ ኮሞደረ
- 1 ማንካ ቀይሕ በርበረ፣
- 1 ማንካ ጸሊም በርበረ፣
- 1 ማንካ እተጣሕነ ጻዕዳ-ሽጉርቲ
- 1 ማንካ ጥሑን ካሙን
- 3 ማንካ ዘይቲ (እንተተረኺቡ ዘይቲ ኣውሊዕ ወይ ስምስም ይምረጽ)
- 2 ማንካ ጥሑን-ፉል
- ጨው ከም ኣድላዪነቱ

**ኣገባብ ኣሰራርሓ መግቢ**

*መጀመርታ፡ ነቲ ብርስን ክሳዕ ዝጸሪ ደጋጊምና ብማይ ሓጺብና ምስ ዱባ ብሓንሳብ ብማይ ነብስሎ። ከም ዝበሰለ ምስ ኣረጋገጽና፡ ብማሽን ወይ ብኢድና ንጥሕኖ። መሊስና፡ ነቲ መቲርና ኣዳሊናዮ ዝጸናሕና ሽጉርቲ፡ ኮመደረ፡ ቀይሕ-በርበረ፡ ጻዕዳ-ሽጉርቲን ምስ ጸሊም-በርበረ፡ ካሙን፡ ጥሑን-ፉል፡ ዘይትን ብሓንሳብ፡ ናብ'ቲ ዝበሰለ ዱባን ብርስንን ኣእቲና፡ ሓዋዊስና ነብስሎ። ተወሃሂዱ ምስ በሰለ፡ ኣውሪድና ክንቅርቦ ንኽእል። እዚ ዓይነት መግቢ፡ ከም ቀዳማይ መግቢ (ፕሪሞ)፡ ብእንጀራ ወይ ቅጫ ክብላዕ ይኽእል።*

በዚ እተጠቕሰ ዓቐን እተሰርሐ መግቢ ክሳብ 6 ሰባት ክምግበልና ይኽእል።



*መኣዛዊ ትሕዝቶ፦*

*እዚ መኣዲ፡ ዕቑር ሓይልን ሙቐትን ዝህብ ካርቦሃይድሬት፡ ንምህናጽን ዕብየት ሰብነትን ዝጠቅም ፕሮቲን፡ ከምኡ'ውን ዕጽፊ ናይዞም ክልተ መኣዛታት መግቢ ክህቡና ዝኽእሉ ጸዓት ቀብኢ ይውንን። እዚ መኣዲ፡ ኣብ ንውሕ ዝበለ ናይ ዕረፍቲ ግዜ ክንምገቦ ተመራጺ ይኸውን። ተወሳኺ፡ እዚ መኣዲ ብሓይሊ ዝህቡን ዝሃንጹን ከም ሽፋን ናይ ጎርጺ ዝከላኸሉን ትሕዝቶታት ሃብታም እዩ። ቪታሚን'ውን ሓደ ሃብታም ትሕዝቶ ናይዚ መኣዲ ምዃኑ ይፍለጥ። እተፈላለዩ ዓይነት ቪታሚናት ኤ፡ ቢ-ኮምፕሌክስ፡ ሲ፡ ከይ፣ ካብ መድመይቲ ግርጻን፡ ጋህምን ዑረትን ክከላኸሉ ዝኽእሉ መኣዛዊ ትሕዝቶ ይውንን። ብተወሳኺ፡ ኣብ ግዜ መድመይቲ፡ ዋህዮታት ደም ብቕልጡፍ ኣብ ምርጋእ ደም ዝሕግዙ ቪታሚናት ኣሎዎ። ተወሰኽቲ ማዕድናት ከም ካልሸዩም፡ ማግነዝዩምን ሓጺን (ኣብ ምህናጽ ኣዕጽምቲ፡ ዑደት ኦክስጅን ደም ዘሰላስሉ)፡ ኣብ ምትሕልላፍ መግቢ ካብ ማያዊ ክፋል ደምን መኣዛታትን ዝነጥፍ ሶድዮም ኣብዚ መኣዲ ንረኽቦም።*

# ኣሕምልቲ መሮር ምስ እንጣጢዕ



### ዘድልዩ ጥረ ነገራትን ዓቐንን

- ሓደ ኪሎ ዝኸውን እተፈላለየ ኣሕምልቲ መሮር
- ሓደ ብኬሪ ተቐልዩ ዝተጣሕነ  ወይ ዝተወቕጠ እንጣጢዕ
- ብሓደ ኪሎ ሓርጭ ስገም ዝተሰንከተ ሓደ ምሉእ ቅጫ መቕሎ
- ክልተ ሓባ ጉዕ
- ጨው ከም ኣድላይነቱ



### ኣገባብ ኣሰራርሓ መግቢ

መጀመርታ፡ ነቲ ዝሓመልናዮ ሓምሊ ሓጺብና ንመትሮ። ቀጺልና፡ ኣብ ጻሕሊ ወይ ድስቲ ኣእቲና ብውሑድ ማይ ኣብ ሓዊ ንስኽትቶ። ብድሕር'ዚ ኣጸቢቑ ከይበሰለ፡ ጉዕን ጨውን ከም ኣድላይነቱ ኣእቲና ነውርዶ። ኣብ መወዳእታ፡ ኣዳሊናዮ ዝጸናሕና ቅጫ ፈትፊትና ኣብቲ ዝተሰርሐ ሓምሊ ድሕሪ ምእታው፡ እንጣጢዕ ነስኒስና ሓዋዊስና ንምገቦ።

---

# ገዓት ብልቱግ





### ዘድልዩ ጥረ ነገራትን ዓቐንን

- 1ኪሎ ግራም ብልቱግ
- 1 ፍንጃል ጠስሚ
- 250 ግራም/ ርብዒ ኪሎ ርግኦ
- 1 ማንካ ጣውላ ቀይሕ በርበረ
- 1 ማንካ ጣውላ ጨው

### ኣገባብ ኣሰራርሓ መግቢ

መጀመርታ ብልቱግ ተጣሒኑ ሓሩጭ ምስ ኰነ፡ ኣብ ዝፈልሐ ማይ ጨው ኣእቲና ንገዕቶ። ደጋጊምና ግዒትና ምስ ሸሎቑ ነዉርዶ። ድሕርዚ ዕሙቕ ዝበለ ሸሓኒ ቁሩብ ጠስሚ ለኺና ነዳሉ፡ ቀጺልና ዝሸሎቐ ገዓት ብልቱግ ኣብኡ ብምግምጣል፡ ከቢብ ቀርጺ ንትሕዞ። ኣብ ማእከሉ ጠስሚ መትሓዚ ኣንኩልና፡ ጠስምን በርበረን ንገብር። ብድሕርዚ ወሰንወሰኑ ብራሕ ወይ ርግኦ ነፍስሰሉ፡ ንምምጋብ ድሉው ይኸዉን።

**መኣዛዊ ትሕዝቶ፦**

ገዓት ብልቱግ፡ ዝበዝሐ ትሕዝቶኡ ካርቦሃይድረይት እዩ። ብተወሳኺ'ውን ብፕሮቲንን ቀብኢን ሃብታም እዩ። ብሓፈሻ፡ ኣዝዩ ብዙሕ መጠን ሓይልን ጸዓትን ዝህበና ስለ ዝኾነ፡ ንጡፍ ኣካላዊ ዕዮ ኣብ እንሰርሓሉ ግዜ እንተመገብናዮ ተመራጺ ይገብሮ። እዚ ማለት ብዙሕ ኣብ ዘይንሃልኸሉ እዋን ክንምገቦ ተመራጺ ኣይኮነን።
ብሓፈሻ፡ ምስዚ መግቢ ወይ ድሕሪኡ፡ ናይ ኣሕምልትን ፍረታትን (ማለት ኣብ ከባቢና እንረኽቦም ኣሕምልቲ ከም በዓል ሞሎኽያ፡ ጅርጅር፡ ባምያ፡ ቆስጣ ወዘተ. ካብ ፍሩታታት ድማ ባናና፡ ኣራንሺ፡ ማንጉስ፡ ዘይቱን ወዘተ ዝኣመሰሉ ክኾኑ ይኽእሉ) ትሕዝቶ መግቢ ክንምገብ ኣለና። ምኽንያቱ፡ ነቶም ናይ ሓይሊ መኣዛታት ኣካላትና ክሳዕ ዝደቕቑ ዋህዮ ኣዳቒቑ ክጥቀመሎም እንተኾይኑ፡ ካብ ኣሕምልትን ፍረታትን ዝርከብ ትሕዝቶ ናይ ኮ'ኢንዛይም (co-enzyme) (ኣቀላጠፍቲ መስርሕ ምሕቃቕ መግቢ) የድልዩና እዮም። እዞም ኮ'ኢንዛይም ንምድቓቕ ካርቦሃይድሬት፡ ፕሮቲንን ቀብእን (ጸዓት ዝህቡ መኣዛታት) ኣብ ጻላም ከብድን ዋህዮታትን የገልግሉ። ምስ ተዳቐቑ ድማ ናብ ሙቐት ጥራይ ዘይኮኑ፡ ሆርሞናት፡ ጭዋዳታት፡ ዋህዮታት ደም ኣብ ምምስራሕ ይጠቕሙና።
ብተወሳኺ ገዓት ብልቱግ ኣብ ሓደ እዋን ወይ እብረ ናይ መኣድና ኣብ መዓልቲ እንተተመጊብናዮ፡ እቲ ዝተረፈ ኣካል መግብና ብኣሕምልትን ፍረታትን እተዳለወ ክኸውን ይምከር።




## ዘድልዩ ጥረ ነገራትን ዓቐንን

- 1 ኺሎ ቀይሕ ስጋ ጤል
- ጸላም ኩብዲ 1 ኺሎ
- መዓንጣ
- ኵሊት
- መዓር 100 ግራም
- ጨው ከም ኣድላይነቱ
- ማይ (ንሙብሰልን መበጽበጽን መዓር)

### ኣገባብ ኣሰራርሓ መግቢ

መጀመርታ፡ ጤል ተሓሪዳ በብኽፋሉ ትፈላለ ወይ ናይ ውሽጢ ኣካላት ከም ጸሊም ኩብዲ፡ ኵሊትን መዓንጣን ምስ ቀይሕ ስጋ ነዳሉ። ካብቲ ቀይሕ ስጋ ብደቂቕ መቲርና፡ ቁሩብ ስብሒ ወሲኽና፡ ናብቲ ጨጎራ ከም ጁባ ሰሪሕና ነእትዎ። ቀጺልና፡ ብጽሩይ ዕንጸይቲ ንሰፍዮ ወይ ንዓጽዎ (ኣውሊዕ ወይ ታህሰስ) ምጥቃም ይከኣል። ብድሕር'ዚ ኣብ ዝፈልሐ ማይ ጨው ጥራይ ኣእቲና ነብስሎ። ምስ በሰለ ኣብ ሽሓኒ ብምግምጣል ንምገቦ።

**መስተ፦** ማይ መዓር (በጥዒ)፡ መዓር ብማይ በጽቢጽና ብምድላው፡ ምስቲ ተዳልዩ ዘሎ መግቢ ብምቕራብ ንሰትዮ



### መኣዛዊ ትሕዝቶ፦

ግዕዝም ፍልይ ዘብሎ ነገር እንተልዩ፡ እቲ ኾሉ ካብ ኣሕምልትን ፍረታትን እንረኽቦ መኣዛታት ሒዙልና ዝርከብ ብምኳኑ እዩ። እዚ መኣዲ ብቐንዱ ብፕሮቲናዊ ትሕዝቶ ሃብታም ኩይኑ፡ ዘሎዎ ሓፈሻዊ መጠን ጸዓት ድማ ንሓይሊ፡ ሙቐት፡ ምምስራሕ ጭዋዳ፡ ምጽጋን ቁርበት፡ ምምስራሕ ዋህዮታት ሆርሞን ወዘተ. ይጠቕመና። እዚ መኣዲ፡ ብመዓር እተሰርሐ ፈሳሲ እውን ስለ ዝሓቍፍ፡ ነቲ ክጐድለና ዝኽእል ናይ ካርቦሃይድሬት (ሓይሊ ዝህብ መኣዛ) ትሕዝቶ ይትክኣልና እዩ። ብዘይካ'ዚ፡ ኣብዚ መኣዲ ዘሎ ትሕዝቶ ጸላም ኩብዲ፡ እተፈላለዩ ቪታሚናት ከም A፡ B1፡ ፎሌትን ይህበና። እዚኣቶም ድማ ምስ ፕሮቲን ተወሃሂዶም፡ ዋህዮታት ደም ኣብ ምምስራሕ (ከም ፎሌት)፣ ከም ኢንዛይማት ኰይኖም ደማ ንምሕቃቕ ማይክሮ-መኣዛታት ይጠቕሙና። ብተወሳኺ፡ እዚ መኣዲ ከም ካልሺዩም፡ ሓጺን (ኣይሮን)፡ ዚንክ፡ ፎስፎረስ፡ ፖታሽዮምን ሶድዩምን ማግነዥዩምን ብዝኣመሰሉ ማዕድናት ሃብታም እዩ። እዚ ባህላዊ መግቢ ግዕዝም፡ ዝጐድሎ ነገር እንተሎ፣ ኣብ ማይ ዝሓቁ ቫይታሚናት ኣብ ኣሕምልቲን ፍረታትን ዝርከቡ ከም ቫይታሚን ሲን ቢ-ኮምፕሌክስን (B complex) እዮም። እዞም ዝጐደሉ መኣዛታት ድማ ካብ ኩሎም ቀጠልያ ኣሕምልትቲ ከምኡ'ውን ካብ ፍረታት (ከም ኣራንሺ) ክርከቡ ስለ ዝከኣል፡ ቅድሚ'ዚ መግቢ ወይ ድማ ድሕሪ'ዚ መኣድና፡ ክንምገቦም ይግባእ።

# ፍሪታታ ዓተር

### ዘድልዩ ጥረ ነገራትን ዓቐንን

- 250 ግራም ወይ 2 ኩባያ ከይተቐልወ እተጣሕነ ሓርጭ ዓተር
- ንመቘምጥዒ ዘገልግለና፡ 200 ሚሊ ሊትሮ ዝኸውን ማይ
- ክልተ ሓባ ምጡን ዝግዝፉ ቀይሕ ሽጉርቲ
- ኣርባዕተ ሓባ ኮመደረ
- ኣርባዕተ ሓባ ጉዕ በርበረ
- መመቓቐሪ ዝኸውን ሒደት ፐርሰሜሎ
- 4 ማንካ ጣውላ ዘይቲ (እንተ ተረኺቡ ኦሊቭ ወይ ሰምሰም ጽቡቕ'ዩ)

### ኣገባብ ኣሰራርሓ መግቢ

መጀመርታ፡ ንዘዳለናዮ ሓርጭ ዓተር ብማይ ጌርና ነቘምጥዮ'ሞ፡ ማእከላይ ረስኒ ኣብ ዘሎዎ ባዴላ ንስንክቶ። ጽቡቕ ገይሩ ከይደረቐ ኣውጺእና፡ ገና ብውዑዩ እንከሎ ኣድቂቕና ንፍትፍቶ ወይ ብኻራ ንመትሮ። ማሽን ክንጥቀም'ውን ንኽእል ኢና። ቀጺልና፡ ነቲ ሽጉርቲ፡ ኮመደረ፡ ጉዕን ፐርሰሜሎን መቲርና ምስ ዘይቲ ብምሕዋስ፡ ምስቲ ፍትፉት ወይ ምቱር ቅሚ ዓተር ንሓዋውሶ። ብድሕር'ዚ፡ ካብ 2 ክሳዕ 3 ደቓይቕ ዝኣክል ኣብ ባዴላ ሓዊ ምስ ኣውቃዕናዮ መስርሕ ምኽሻኑ ተወዲኡ ክንብል ንኽእል። ከም ኣድላይነቱ፡ ናብ ብያቲ ገልቢጥና ሰሓቢ ኣቀራርባ ከም ዝህልዎ ብምግባር፡ ንቐርቦ።



በዚ እተጠቕሰ ዓቐን እተሰርሐ መግቢ ክሳብ 6 ሰባት ከም ቍርሲ ወይ ጠዓሞት ክምግበልና ይኽእል።



**መኣዛዊ ትሕዝቶ፦**

እዚ መኣዲ እኹል ጸዓት ይውንን። ካብዞም ናይ ጸዓት መኣዛታት ድማ ዝበዝሐ ሓይሊ ዝህብ ካርቦሃይድሬት ኲይኑ፡ ተወሳኺ ድማ ንምህናጽ፡ ጽገናን ዕቤትን ክፍሊ ኣካላትን፡ ምምስራሕ ዋህዮታት ደምን ዘተግብር መኣዛ ሒዙ ይርከብ። ብተወሳኺ፡ ቪታሚናት፡ ከም ቪታሚን Aን ፎሌትን፡ Cን B6ን ድማ ሒዙ ይርከብ። ቪታሚናት ብውሑድ ዓቐን ማለት ብሚሊ ግራም ወይ ማይክሮ ግራም ዓቐን እዮም ዘድልዩና። ቪታሚናት ብዘይካ'ቲ ኣብ ምሕቃቕ ዓበይቲ መኣዛታት ዘገብሮ ኣስተዋጽኦ፣ ኣብ ምምስራሕ ዋህዮታት ደም፡ ጸረ-ምራተ፡ ጸረ ረኽሲ ዘሎዎም ጥቕምታት፣ ንኽመጽእ ዝኽእል ምዕባለ ካንሰር ክከላኸል ዝኽእል ባእታታት ሒዞም ይርከቡ። ማዕድናት ካብ መዓናጡ ናብ ሰራወር ደምን ካብ ማያዊ ክፋል ናይ ደም ናብ ዋህዮታት ደም ከጉዓዕዙ ዝኽእሉ ማዕድናት፡ ከም ፖታሺየምን ሶድዩምን ከምኡ'ውን ጸጉሪ ኣብ ቁርበት ሒዙ ነዊሕ ግዜ ክጸንሕ ዝሕግዝ ዚንክ (zinc) ኣሎዎ።

# ‘Safe and Nutritious Food for Everyone; Everywhere!’

## ‘ውሑስን መኣዛውን መግቢ ንኹሉ፣ ኣብ ኩሉ!’

## ‘ طعام آمن ومغذي للجميع في كل مكان!’

Ministry of Agriculture
of
The State of Eritrea




ውሑስን መአዛውን መግቢ ንኹሉ፣ ኣብ ኩሉ!

طعام آمن ومغذي للجميع في كل مكان

Safe and Nutritious Food for Everyone; Everywhere!